# ትምህርቲ ስነ-ዜጋን ስነ-ምግባርን
# መፅሓፍ ተምሃራይ
# 6ይ ክፍሊ


ስንድእ፡- ሚኒስተር ትምህርቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሰያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ

ትርጉም፡- ዮሃንስ ገ/ፃዲቕ
ገብረኪሮስ ኣስገዶም

ፅፈት፡- ኣስፋው ሓዱሽ
መኮነን መመድ

ፅፈት ምርግጋፅ፡- ሓዱሽ ወ/ማሪያም
ሰለሞን በየነ
ሮማን ግደይ


ክኢላታት ቁልፊ ከይዲ ስራሕ ምድላዉን ትግበራን ስርዓተ ትምህርቲ ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ


ሚኒስተር ትምህርቲ ፌ.ዴ.ሪ.ኢ.

PITAMBRA BOOKS PVT.LTD

© ሚኒስተር ትምህርቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ

ቀዳማይ ሕታም 2003 ዓ.ም

መሰል ሕትመት ብሕጊ ሕልው እዩ

ሓታሚ PITAMBRA BOOKS PVT.LTD
B-95 Industraial Area, Aijoli-Jhansi(U.P.) INDIA
Ph.: +91 510 2720106,2720107, Fax: +91 510 2720851
E-Mail: pitambra2001@gmail.com

ኣይ. ኤስ. ቢ. ኤን 978-99944-2-068-2

# ምስግና

እዚ መፅሓፍ ተምሃራይ ፅሬቱ ሓልዩ ንክወፅእ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ካብ IDA፣FTICF፣ፊንላንድ፣ልምዓት ተራድኦ ጣልያን፣ ዘ ኔዘርላንድ፣ DFID ገንዘባዊ ሓገዝ ብሞርካብ እዩ፡፡

ስለዚ እዚ መፅሓፍ መምርሒ ንመምህር ሓዊሱ ተሓቲሙ ንክወፅእ ብቐጥታን ብተዘዋዋሮን ዝተፈላለየ ሓገዝ ዘወፈዩ ብዙሓት ውልቀሰባት፣ ጉጅለታትን ትካላትን ካልኦት ኣካላትን ክምስገኑ ይግባእ፡፡

ሚኒስተር ትምህርቲ

# ኣይትሕለፉኒ!

## እዚ መፅሓፍ ብጥንቃቐ ንሓዞ



እዚ መፅሓፍ ንብረት ቤት ትምህርትኹም እዩ፡፡ ከይቐደድ፣ ከይበላሽ ከይጠፍእ ብጥንቃቐ ሓዝዎ፡፡ እዞም ዝስዕቡ ሓሳባት መፅሓፍኩም ብጥንቃቐ ንምሓዝ ስለ ዝሕግዙኹም ኣንብብዎም፡፡

1. መፅሓፍኩም ብፕላስቲክ፣ ጋዜጣ ወይ ብኻሊእ ገይርኩም ሸፍንዎ፣
2. መፅሓፍኩም ራህዲ ወይ ራሕሲ ኣብ ዘለዎን ዘይፅሩይን ኣይተቐምጡ፣
3. መፅሓፍኩም ክትጥቀሙሉ እንተትደልዩ ኣእዳውኩም ፅሩይ ምዃኑ ኣረጋግፁ፣
4. ኣብ ውሽጢ ኮነ ደጋዊ ሽፋን መፅሓፍኩም ብእርሳስ፣ እስክርቢቶ ኮነ ካሊእ ኣይትፅሓፉ፡፡ ኣብቲ መፅሓፍ ናይ ዘለው ሕቶታት መልሲ ኣብ ደፋትርኩም ፅሓፉ፣
5. ኣብ መፅሓፍኩም ከም ምልክት እትጥቀሙሉ ንእሽቶይ ወረቐት ወይ ፈትሊ መሳሊ ተጠቐሙ፡፡ እርሳስ፣ እስክርቢቶ፣ ደፋትር፣ መፅሓፍ ዝመሳሰሉ ከም ምልክት ኣይትጠቐሙ፡፡ መሕቖፊ ደፋትርውን ኣይትግበሩዎ፣
6. ዝኾነ ስእሊ ካብ ውሽጢ መፅሓፍኩም ቀዲድኩም ኣይተውፅኡ፣ ነውሪ እዩ፣
7. ካብ መፅሓፍኩም ዝኾነ ገፅ እንተተቐዲዱ ብፕላስተር ወይ ብኻሊእ መጣበቒ ፀግንዎ፣
8. መፅሓፍኩም ናብ ቦርሳኹም እንተትኣእትው ብጥንቃቐ ይኹን፣
9. መፅሓፍኩም ክትወሓሓሱ እንተለኹም ብጥንቃቐ ተቐባበሉ፣
10. ሓዱሽ መፅሓፍ ንፈለማ ግዘ እንትትጥቀሙ በቲ ድሕሪት ገፁ ኣቐምጡዎ፡፡ ውሑዳት ገፃት ኣፍኩስ እናበልኩም ግለፅዎ እቲ ጠርዙ ፍንፅሕ ከይብል፡፡ ደጋዊ ሽፋን ግልፅ ኣቢልኩም ንድሕሪት ዕኹልል ኣቢልኩም ኣይትሓዝዎ ከይፈንጨል፣
11. እዚ መፅሓፍ ብድሕሬኹም ዝመፁ ኣሕዋትኩም ክጥቀምሉ እዮም ልቢ በሉ፡፡

# ትሕዝቶ ሰደቓ


ሪጋ ትሕዝቶ ምዕራፍ ገፅ

1. ምዕራፍ 1. ስርዓት ዴሞክራሲ ---------------------------------------- 1
    - 1.1. ትርጉም ስርዓት ዴሞክራሲ ------------------------ 1
    - 1.2. ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ------------- 8
    - 1.3. ኣብ ሞንጎ ብሔር፣ ብሔረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ዝረኣዩ ፍልልያት ---------------------- 13
    - 1.4. ርክብ ወፃኢ ኢትዮጵያ ------------------------------ 15
    - መጠቓለሊ ምዕራፍ ------------------------------------------------ 19
2. ምዕራፍ 2. ልዕልነት ሕጊ ------------------------------------------ 24
    - 2.1. ሕገ መንግስቲ እንታይ 'ዩ? ---------------------- 24
    - 2.2. ስነ ምግባር ------------------------------------------- 29
    - 2.3. ደረት ስልጣን ---------------------------------------- 34
    - 2.4. ምስጢር ---------------------------------------------- 37
    - 2.5 ግዕዝይና ---------------------------------------------- 39
    - መጠቓለሊ ምዕራፍ ------------------------------- 44
3. ምዕራፍ 3. ማዕርነት ------------------------------------------------ 48
    - 3.1. መሰል ማዕርነት ------------------------------------ 48
    - 3.2. መግለፅታት ማዕርነት ----------------------------- 54
    - 3.3. ጉዱኣት ኣካል ክህልውዎም ዝግበኡ መሰላት. 61
    - 3.4. ኣድላይነት ምኽባር ማዕርነት ሃይማኖት-------- 64
    - መጠቓለሊ ምዕራፍ ------------------------------- 66
4. ምዕራፍ 4. ፍትሓውነት 71
    - 4.1. ኣድላዊ ኣሰራርሓታት ------------------------------ 71
    - 4.2. ማሕበራዊ ትካላት ----------------------------------- 76
    - 4.3. መበገስታት ምግሃሰ መሰልን ምጉዳል ፍትሕን. 78
    - 4.4. ፍትሒ ንክህሉ ዘድልዩ ጉዳያት ----------------- 81
    - 4.5. ግብሪ ---------------------------------------------------- 84
    - መጠቓለሊ ምዕራፍ ------------------------------------------------ 91

5. ምዕራፍ 5. ፍቕሪ ሃገር ---------------------------------------------------- 95
5.1. ፍቕሪ ሃገር ----------------------------------------------- 95
5.2. ኅዳእትን መፅነውትን ተግባራት ------------------ 98
5.3. ሰናይ ባህሪያት ------------------------------------------ 104
5.4. ምውጋድ ድኽነት ------------------------------------ 108
5.5. ዜግነት ------------------------------------------------------ 113
5.6. ሃገራዊ ሰንደቕ ዕላማ ------------------------------- 114
መጠቓለሊ ምዕራፍ ---------------------------------------------------- 116

6. ምዕራፍ 6. ስምዒት ሓላፍነት ---------------------------------------- 121
6.1. ቃል ኪዳን --------------------------------------------------- 121
6.2. ቅንዕና፣ ተኣማንነትን ሓቀኛነትን --------------- 124
6.3. ሃፍትታት ተፈጥሮን ታሪኻዊ ሓድግን ---------- 126
6.4. ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ------------------------------------ 130
መጠቓለሊ ምዕራፍ ---------------------------------------------------- 134

7. ምዕራፍ 7. ህርኩት ባህሊ ስራሕ ------------------------------------- 139
7.1. እንታይነት ህርኩት ባህሊ ሰራሕ ---------------- 139
7.2. እንተይሰራሕኻ ምብላዕ -------------------------- 147
7.3. ሙያዊ ክእለትን ሙያዊ ስነ ምግባርን -------- 149
7.4. ህርኩት ባህሊ ስራሕን ልምዓትን ------------- 151
መጠቓለሊ ምዕራፍ ---------------------------------------------------- 154

8. ምዕራፍ 8. ዓርስኻ ምኽኣል ------------------------------------------ 158
8.1. ረብሓ ዓርስኻ ምኽኣል -------------------------- 158
8.2. ፅግዕተኛነት ------------------------------------------ 160
8.3. ዓርሰ እምነት ---------------------------------------------- 166
መጠቓለሊ ምዕራፍ ---------------------------------------------------- 169

9. ምዕራፍ 9. ባህሊ ምዕቋር ---------------------------------------------- 173
9.1. ረብሓ ምዕቛር ------------------------------------- 173
9.2. ኣብ ከባቢና ንባህሊ ምዕቛር ዝፃረሩ ተግባራት ------------------------------------------ 179
9.3. ድኽነት -------------------------------------------- 182
መጠቓለሊ ምዕራፍ --------------------------------------------- 186

10. ምዕራፍ 10. ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ----------------------------------- 190
10.1. ኣድላይነት ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ----------- 190
10.2. ኣብ ማሕበራት ስቪክ ተወዲብካ ምስታፍ ዘለዎ ረብሓ -------------------------- 196
መጠቓለሊ ምዕራፍ --------------------------------------------- 202

11. ምዕራፍ 11. ኣለሻ ፍልጠት ------------------------------------------ 206
11.1. ፍልጠት ------------------------------------------ 206
11.2. ድሑር ኣተሓሳስባን አረኣእያን -------------- 210
11.3. መረዳእታ ---------------------------------------- 214
11.4. ልምዲ ንባብ ------------------------------------ 216
11.5. ሜላ ኣፀናንዓ ትምህርቲ ---------------------- 220
መጠቓለሊ ምዕራፍ --------------------------------------------- 223

# ምዕራፍ ሓደ

## ስርዓት ዴሞክራሲ

### ዕላማታት'ዚ ምዕራፍ፦

### እዚ ምዕራፍ ተምሂርኩም ምስ ወዳእኹም፦

- ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላትን ነፃነታትን ዜጋታትን ትግንዘቡ፡፡
- ሓድነትን ፍልልይን ዴሞክራሲያውን ሰብኣውን መሰላት ትርድኡ፡፡
- እንታይነትን ኣድላይነትን ስርዓት ዴሞክራሲ ትፈልጡ፡፡
- ኣብ መንጎ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ዘለዉ ፍልልያት ትርድኡ፡፡
- መሰረታት ዝምድና ወፃኢ ኢትዮጵያ ትፈልጡ፡፡

## 1.1 ትርጉም ስርዓት ዴሞክራሲ

- ዴሞክራሲ ዝብል ቃል ካብ ቋንቋ ግሪክ ዝተወሰደ ምኳኑ ኣብ 5ይ ክፍሊ ተምሂርኩም ኢኹም፡፡ ንምኳኑ ዴሞክራሲ እንታይ ማለት ከምዝኾነ ትዝክሩዶ? ስርዓት ዴሞክራሲ'ከ?

## ዘረባ ኣይተ ሕሸ

ኣይተ ሕሸ ርእሰ መምህር ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርት ሓድነት እዮም፡፡ ሓድነት ካብ ከተማ ሽረ ተበጊስካ ሑመራ ንምብፃሕ ከባቢ 20 ኪ.ሜ እንትቐርየና እትርከብ ቁሸት እያ፡፡ ትምህርቲ ቀዳማይ ዓመት ምስተጀመረ ኣብ ሰሙኑ ኣይተ ሕሸ ተምሃሮ እታ ቤት ትምህርቲ ብሙሉኦም ኣብ ሜዳ ኩዕሶ እቲ ቤት ትምህርቲ ኣኪቦም እዚ ዝስዕብ ዘረባ ኣስሚዖም፡፡

"ዝኸበርኩም ተምሃሮ! ኣቐዲመ እንኳዕ ኩላትና ናብዚ ሓድሽ ዓመት ኣብፀሓና ይብል፡፡ ትምህርቲ እዚ ሓድሽ ዘመን ንምጅማር ብምብቃዕና እንኳዕ ደስ በለና፡፡ እዚ ዓመት ፍሉይን ዘዕግብ ውፅኢት እነመዝግበሉን ከምዝኸውን ፅኑዕ እምነት

ኣለኒ፡፡ ኣብዚ ዘበን ትምህርቲ ንምፍፃም ካብ ዝሓንፀፅናዮም ትልምታት ድማ ሓደ ክልተ ክነግረኩም፡፡ ፅላማ እዚ ኣኼባ'ውን እዚ እዩ፡፡

1. ኣብ ወርሒ ሓንቲ መዓልቲ ናይዚ ቤት ትምህርቲ መዓልቲ ፅሬት ንክኸውን፡፡ ተምሃሮ 6ይ ክፍሊ ሽቓቕ፣ ተምሃሮ 5ይ ክፍሊ ቢሮታትን መምሃሪ ክፍልታትን ፣ ካብ 1ይ-4ይ ክፍሊ ዘለዉ ተምሃሮ ድማ ቀፅሪ እቲ ቤት ትምህርቲ ብሓፈሻ ንኸፅርዩ፣ እቲ መዓልቲ ድማ ፕሮግራም ትምህርቲ ንኸይትዓናቐፍ ቀዳም ክኸውን፣

2. እዚ ስራሕ ተምሃሮ ንክመርሑዎን ከተሓባብሩን ድማ እዞም ዝስዕቡ ተምሃሮ መዲበ ኣለኹ፡፡ ንተምሃሮ 6ይ ክፍሊ ተምሃራይ ሳልሕ፣ ንተምሃሮ 5ይ ክፍሊ ተምሃሪት በሪሃ ካብ 1ይ-4ይ ክፍሊ ንዘለዉ ተምሃሮ ድማ ተምሃራይ ሰዓረ መዲበ ኣለኹ፡፡"

እቶም ተምሃሮ ፅን ኢሎም ከዳምፅዎን ብኣግራሞት ክረኢዎን ምስፀንሑ ኣብ መወዳእታ ምዕጉምጓም ጀሚሮም፡፡ ኣይተ ሕሸ "እንታይ ኮይንኩም? ፀገም ኣሎ ድዩ?" ብምባል ሓተቱ፡፡ ኣብረሀት ድማ "መምህር! ተምሃሮ ባዕልና ከይተ መያየጥናሉ በይኖም ከመይ ገይሮም ተወከልቲ መዲቦምልና? ሎሚ ብፍቓድን ድሌትን ሓደ ሰብ እንምራሕን እንመሓደርን ክንኮን ኣይግባእን፡፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ብናይ ትምህርቲ ስነዜጋን ስነምግባርን መምህርና ከምዚ ዓይነት ኣሰራርሓ ዴሞክራሲያዊ ከምዘይኮነ ተገሊፁልና ነይሩ፡፡ ኣብ ስርዓት ዴሞክራሲ ዝኾነ ነገር ቅድሚ ምውሳኑን ቅድሚ ምፍፃሙን እቲ ጉዳይ ዝምልከቶም ሰባት ብሓባር ኮይኖም ክመያየጥሉ፣ ክመኻኸርሉን ሓሳብ ክለዋወጡሉን ከምዝግባእ ተማሂርና ኢና፡፡ ስለዚ ንሕና' ተምሃሮ እዚ ቤት ትምህርቲውን ኣብዝምልከትና ጉዳይ ክንመያየጠሉን ክንማኸረሉን እንትግባእ ብባዕሎም ጥራሕ ምውሳኑ ኣግባብ ኣይኮነን፡፡ ቀዳምን ሰንበትን ተምሃሮ ካልኦት ስራሕትን ሓላፍነታትን እንተሃለውዎም ከ?" ኢላ እናተዛረበት እንተላ ተምሃሮ ብድሙቕን ዘየቋርፅን ጣቕዒት ኣድናቖቶም ገለፁላ፡፡

ኣይተ ሕሽ ስምዒት ሓጎስን ፍሽኽታን ኣብገፆም እናተነበበ ተምሃሮ ሓደ ግዝ ፅን ኢሎም ንኽዳምፅዎም ሓተቱ፡፡ እቶም ተምሃሮ'ውን ዘረባ በሪሃ ንኣይተ ሕሽ ከናድዶም ከምዝኽእል ገሚቶም'ኳ እንተነበሩ ብኣንፃሩ ምሕጓሶም ምስረኣዩ ገረሞም፡፡ ኣይተ ሕሽ ነቶም ተምሃሮ ብሓፈሻ፣ ብፍላይ ድማ ንበሪሃ ዘለዎም ናእዳ ገሊፆም፡፡ "በቃ! እቲ ዝድለ እዙይ እዩ፡፡ ኣነ'ውን ትምህርቲ ስነዜጋን ስነምግባርን ክሳብ ክንደይ ይትግበር ኣሎ? እቲ ተምሃራይ ክሳብ ክንደይ ተረዲኡዎ ኣሎ? ንዝብሉ ሕቶታት ንምርዳእ እዩ ነይሩ'ሞ ኣሕጕስኩምኒ ኢኹም፡፡ ብሓሳብኩም ዓጊበ ኣለኹ፡፡ ብዛዕባ ዴሞክራስን ስርዓት ዴሞክራስን ብዝግባእ ከምዝተረዳእኹም ተረዲአ ኣለኹ፡፡ በዙይ ቀፅሉ! በርትዑ፡፡" ብምባል ኣኼበኦም ዛዚሞም፡፡



## መልመዲ - 1

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡሎም፡፡*

1. *ካብቲ ምንባብ ዴሞክራሲን ስርዓት ዴሞክራሲን እንታይ ከምዝኾኑ ተረዲእኹም ዶ?*
2. *ኣብ ሓፈሻዊ ከይዲ እቲ ምይይጥ ስርዓት ዴሞክራሲ ብኸመይ ከምዝተንፀባረቐ ተመያየጥሉ፡፡*
3. *ኣይተ ሕሽ ዝገበርዎ ናይ መወዳእታ መዕፀዊ ዘረባ ግቡእን ልክዕን ዶ ነይሩ? ንምንታይ?*
4. *ውሳነታት ኣይተ ሕሽ ብመንፅር ስርዓት ዴሞክራሲ ግቡኣት ድዮም ወይስ ኣይኮኑን? ንምንታይ? ተመያየጥሉ፡፡*

ዴሞክራሲ ዝብል ቃል ስልጣን ወይ ምምሕዳር ናይ ህዝቢ ዝኾነሉን ብፍቓድን ድሌትን ህዝቢ ዝተመስረተ መንግስቲ ዘለዎ ስርዓት ማለት እዩ፡፡ ኣብ ስርዓት ዴሞክራሲ እቲ ህዝቢ ዝመርሕዎን ዘመሓድርዎን ብድሌቱ ይመርፅ፣ ብዝ መረፆ መራሒ ይመሓደር፣ ብዴሞክራሲያዊ ኣገባብ ዝመረፆ መራሒ እንተዘይ ተሰማሚዕዎ ድማ ነቲ መራሒኡ ካብ ስልጣን ከውርድ ይኽእል፡፡

ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ሰላምን ምዕባለን ዝረጋገፀሉ፣ ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ዝምስረትን ንረብሓ ህዝቢ ቀዳምነት ዝህብን ስርዓት እዩ፡፡ ኣብ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ሰባት መነባብሮኦም ዝመርሑ፣ ፀገሞም ዝፈትሑን ውሳነታት ዝውስኑን ብምይይጥ፣ ብምምኽኻርን ሓሳብ ንሓሳብ ብምልውዋጥን እዩ፡፡

ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ኣብቲ ዝለዓለ ስልጣን መንግስቲ ህዝቢ ባዕሉ ወከልቱ መሪፁ ዝቕምጠሉ ስርዓት እዩ፡፡ ሰበ ስልጣን'ውን ካብ ሕጊ ወፃኢ ዝኾኑ ተግባራት ዝፍፅሙ እንተኾይኖም ካብ ስልጣኖም ብምውራድ ከክንድኦም ካልኦት መሪፁ ሓላፍነት ኣብዘለዎ ቦታ ምቕማጥ ዝከኣለሉ ስርዓት እዩ፡፡



## መልመዲ - 2

*ኣብዚ ዝስዕብ ሕቶ ተመያየጡ፡፡*

1. ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ብንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ዝምስረት ንረብሓ ህዝቢ ቀዳምነት ዝህብን ስርዓት እዩ እንትብሃል እንታይ ማለት እዩ?

### 1.1.1 ኣድላይነት ስርዓት ዴሞክራሲ

- ስርዓት ዴሞክራሲ ኣድላይን ጠቓምን እዩ ንብል ንምንታይ እዩ?

ሃገርና ኢትዮጵያ ካብ ካልኦት ሃገራት ብዝተፈለየ ኩነት ብዙሓት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ዝርከቡላ ሃገር እያ፡፡ ስለዚ ስርዓት ዴሞክራሲ ብፍላይ ንኢትዮጵያ ኣዝዩ ኣድላይ እዩ፡፡ ናይዚ ምኽንያታት ድማ፦

1. ማዕርነትን ረብሓን ኩሎም ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ክኽበር ይገብር፡፡ ካብ ኣድልዎ ነፃ ዝኾነ ፍትሓዊ ኣሰራርሓ ብምዕሳል ድማ ንኹሎም ማዕረ ገይሩ ብምርኣይ መሰሎምን ረብሓኦምን ንኽሕሎ ይገብር፡፡ ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ኣብዚ እዋን ስርዓት ዴሞክራሲ እናተሃነፀ ብምኻኑ ቋንቋ፣ ታሪኽን ባህልን ብሄራት፣ ብሄረሰባትን

ህዝብታትን ተኸቢሩ ኣሎ፡፡ ህዝብታት ብቋንቋኦም ናይ ምጥቃም መሰሎም ምኽባሩ ሓደ መሰረታዊ መሰል ማዕርነቶምን ማዕረ ተረባሕነቶምን ተግባራዊ ምዃኑ የርኢ፡፡

2. ስርዓት ዴሞክራሲ ብፍላይ ንኢትዮጵያ ኣዝዩ ኣድላዪ ዝኾነሉ ካሊእ ምኽንያት እዞም ዝተፈላለዩ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ከምኡ'ውን፡፡ ሃይማኖታት ኣብ ዙርያ ሓባራዊ ዕላማ ፍልልዮም ኣከኣኢሎም ተሰማሚዮም ምንባር ንክኽእሉ ስለዝሕግዝ እዩ፡፡



## መልመዲ - 3

*ኣብዚ ዝስዕብ ሕቶ ብጉጅለ ተመቓቒልኩም ተመያየጡሉ፡፡*

1. ስርዓት ዴሞክራሲ ብፍላይ ንሃገርና ኢትዮጵያ ኣዝዩ ኣድዩ እዩ ዝተብሃለሉ ምኽንያት እንታይ እዩ?

### 1.1.2 መግለፅታት ስርዓት ዴሞክራሲ

- ኣብ ክፍልኹም ዴሞክራሲያዊ ኣሰራርሓ ኣሎዶ? እንተሃ ልዩ መግለፂኡ እንታይ እዩ?
- ፍልልያት ሓሳብ ምቕባል እንታይ ማለት እዩ?
- ፍልልያት ሓሳብ ኣከኣኢልካ ሓቢርካ ምንባር እንታይ ማለት እዩ?

ፍልልያት ሓሳብ ምስዘለኩምን ምስ ዘይትረዳድእሉን ሓደ መማህርትኹም ዝህልወኩም ርክብ ብዝምልከት እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት እንተዝቐርበልኩም መልስኹም እንታይ ምኾነ? ሕጉሳት እንተኾይንኩም ኣብ ትሕቲ "ሕጉስ እየ" ዝብል፣ ሕጉሳት እንተዘይኮይንኩም ድማ ኣብ ትሕቲ "ሕጉስ ኣይኮንኩን" ዝብል ናይ " √ " ምልክት ግበሩ፡፡

| | | ሕጉስ እየ | ሕጉስ ኣይኮንኩን |
|---|---|---|---|
| ሀ | ሓለቓ ክፍሊ ክትኾን/ክትኾኒ እንተዝግበር | | |
| ለ | ዕዮ ክፍሊ ፅምዲ ኮይንኩም ክትሰርሑ እንተዝግበር | | |
| ሐ | ኣብ ፅሬት ክፍሊ ምስካሊእ ሰብ ብሓባር ክትሰርሕ/ሒ እንተተመዲብካ/ኪ | | |
| መ | ኣብ ሓደ ወንበር ጎኒ ንጎኒ ንኽትቅመጥ/ጢ እንተዝግበር | | |
| ረ | ኣባል ሓደ ክለብ እንተትኾኑሞ ንስኻ/ኺ ናይቲ ክለብ መራሒ/ት እንተትኾን/ኒ | | |
| ሰ | ጉጅለ ዕዮ እንተዝወሃበካ/ኪ እሞ ንሱ/ንሳ ናይቲ ጉጅለ መራሒ/ት ክኸውን/ክትከውን እንተዝግበር | | |

ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ዝግለፀሎም ብዙሓት ባህርያት ኣለዉ፡፡ ካብዚኣቶም ውሽጢ እቶም ቀንዲ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡፡

ሀ. ምህላው ተሳትፎ ህዝቢ፣

ኣብ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ህዝብታት ኣብ ዝተፈላለዩ ጉዳያት ይሳተፉ እዮም፡፡ ተሳትፎ እንትበሃል ህዝብታት ንዓርሶም ሕፁያት ተመረፅቲ ገይሮም ብምቕራብ፣ ወይ ድማ ኣብ እዋን መረፃ ኣብ ፍልጠን ኣብ ግንዛበን ተደሪኾም ይሰርሓለይ እዩ ኢሎም ዝኣምንሉ ውልቀሰብ ብምምራፅ ክኾን ይኽእል፡፡ ኣብ ጉዳይ ከባቢ ኣብ ዝዝትዩ ኣኼባታትን ኣብ ዝተፈላለዩ ህዝባዊ ማሕበራትን ኣባል ብምዃን ምስታፍ ይከኣል፡፡ መንግስቲ ዘውፅኦም መምርሕታት ብምግምጋም ኣብ ግብሪ ምውዓልን ዝመሓየሽሉ መንገዲ ንኽህሉ ፃዕሪ ብምግባርን ምስታፍ ክኾን ይኽእል፡፡

ለ. ምኽባር ማዕርነት ህዝብታት፣

ኣብ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ማዕርነት ህዝብታት ይኽበር'ዩ፡፡ ዝኾነ ሰብ ብዘርኢ፣ ብሃይማኖት፣ ብፆታን ብዝመሳሰሉን ምኽንያታት ፍልልይ ከይተገበረሉ ማዕረ መሰልን ዕድልን ኣለዎ፡፡ ኣብ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ህዝብታት ማዕረ'ዮም ጥራሕ እንተይኮነስ እዚ ማዕርነቶም ዝግለፁሎም ጭቡጣት መንገድታት ኣለዉ'ዮም፡፡ ህዝብታት ኣብ ሃገሮም ኣብ ምምራፅ ይኹን ክምረፁ ኣብ ምኽኣል ናይ ምስታፍ መሰል ማዕርነት ኣለዎም፡፡ ኣብ ቅድሚ ሕግ'ውን ብማዕረ ዓይኒ ናይ ምርኣይ መሰል ኣለዎም፡፡

ሐ. ምህላው ባህሊ ምክእኣል

ኣብ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ዝነበሩ ህዝብታት ኣብ መንጎኦም ናይ ሳልቛንቋ፣ ሃይማኖት፣ ብሄርን ብሄረሰብን ከምኡ'ውን ናይ ካልኦት ባህላዊ መለለዪታት ፍልልያት ምህላዎም ዕቡቕ ምዃኑ ይኣምኑ፡፡ ፍልልያት ሓሳብ ምህላዎም ዘይተርፍን ጠቓምን ምዃኑ ኣሚኖም ብፀጋ ይቕበሉ፡፡ ስለዚ ኣብ ውሽጢ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ዝነብሩ ህዝብታት ፍልልዮም ከምዘሎ ኮይኑ ነንባዕሎም ተኸኣኢሎም ምንባር ባህሎም ይገብርዎ፡፡ ፍልልያት ሓሳብ ምቕባል ይኹን ፍልልያት ሓሳብ ኣከኣኢልካ ሓቢርካ ምንባር መሰረታዊ ባህርይ መስርሕ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት እዩም፡፡

ፍልልያት ሓሳብ ምቕባል:- ማለት ሰባት ብዘርኢ፣ ብቛንቋ፣ ብሃይማኖት፣ ብመልክዕን ብዝመሳሰሉን ፍልልያት ከምዘለውዎም ኩሉ ብሓሳብ'ውን ፍልልያት ክህልዎም ከምዝኽእል ምእማን እዩ:: ምቕባል ፍልልያት ሓሳብ ፍልልያትምህላዎም ኣሚንካ ካብ ምቕባል ሓሊፉ እቲ ሓደ ንናይቲ ካልእ ሓሳብ ምኽባር'ውን ይሓውስ እዩ::

ፍልልያት ሓሳብ ኣከኣኢልካ ሓቢርካ ምንባር:- ማለት ዘይንኣምነሉ ይኹን ዘይንስማምዐሉ'ውን እንተኾነ ካልኦት ዕቡቕ ዝመሰሎም ሓሳብ ምቕራብ መሰሎም ምዃኑ ምርዳእን ብትዕግስትን ብኽብርን ምድማፅ ምኽኣል እዩ፡ ካብዚ'ውን ሓሊፉ እንተተኻኢሉ ሓሳብ ምስ ሓሳብ ተኻቲዕካ ፍልልያት ንምእላይ ብሰላማዊ መንገዲ ምምይያጥን ምክታዕን፣ ፍልልይ ምእላይ እንተዘይተኻኢሉ ድማ እቲ ፍልልይ ከምዘሎ ተቐቢልካ ብሰላም ሓቢርካ ምንባር ምኽኣል ማለት እዩ::



## መልመዲ - 4

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ::*

1. መግለፅታት ዴሞክራሲያዊ ስርዓት እዮም ካብ ዝብሃሉ ክልተ ጥቐሱ?
2. ፍልልያት ብምክእኣል ሓቢርካ ምንባር እንታይ ረብሓ ኣለዎ?
3. ፍልልያት ሓሳብ ምቕባል ይኹን እቶም ፍልልያት ሓሳብ ኣከኣኢልካ ሓቢርካ ምንባር መስርሕ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት እዩ እንትብሃል እንታይ ማለት እዩ?

## 1.2 ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት

### 1.2.1 ሓድነትን ፍልልይን ሰብኣዊን ዴሞክራሲያውን መሰላት

- ሰብኣዊ መሰላት ተባሂሎም ካብ ዝፍለጡ ሰለስተ ሓብሩ::
- ዴሞክራሲያዊ መሰላት ተባሂሎም ካብ ዝፍለጡ ሰለስተ ሓብሩ።

ሰብኣዊ መሰላት ደቂ ሰብ ብምሉኦም ሰብ ኮይኖም ብምፍጣሮም ወይ ሰባት ብምዃኖምን ጥራሕ ዝረኽብዎም ተፈጥሮኣዊ መሰላት እዮም። ሰብኣዊ መሰላት ተባሂሎም ካብ ዝፍለጡ መሰል ብሂወት ምንባር፣ መሰል ድሕንነት ኣካል፣ ከምኡ'ውን መሰል ነፃነት እቶም ቀንዲ እዮም።

ዴሞክራሲያዊ መሰላት ኣብ ስርዓት ዴሞክራሲ ዝመሓደሩ ህዝብታት ኣባላት እቲ ስርዓት ብምዃኖም ዝረኽብዎም መሰላት እዮም። ዴሞክራሲያዊ መሰላት ሰባት ኣብዝነብሩሉ ሃገርን ሕብረተሰብን ውሽጢ ኣብ ዝኾነ ጉዳይ ንምስታፍ ዘኽእልዎም መሰላት እዮም። ዴሞክራሲያዊ መሰላት ተባሂሎም ካብ ዝፍለጡ'ውን መሰል ሓሳብካ ብነፃ ምግላፅ፣ መሰል ምውዳብን ሰላማዊ ሰልፊ ምክያድን፣ ከምኡ'ውን መሰል ምምራፅን ክትምረፅ ምኽኣልን እቶም ቀንዲ እዮም።

ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ተመሳሳልነትን ፍልልይን ኣለዎም:: ክልቲኦም ንደቂ ሰባት ኣድለይትን መሰረታውን መሰላት ምዃኖም ተመሳሰልቲ እዮም የብሎም:: ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ዘፈላልዮም ድማ ፍልፍሎም'ዩ:: እዚ'ውን ሰብኣዊ መሰላት ሰብ፣ ሰብ ስለዝኾነ ተኸቢሩ ንኽነብር ክኸበርሉን ክሕለውሉን ዝግብኦ ብተፈጥሮ ዝረኽቦም መሰላት እዮም:: ዴሞክራሲያዊ መሰላት ድማ ዝኾነ ሰብ ንዝኣምነሉ ኣረኣእያ ብሰላማዊ መንገዲ ንኽሰጉም ክኸበርሉን ክሕለውሉን ዝግብኦ ካብቲ ስርዓት ዝረኽቦም መሰላት'ዮም፡፡

**ዝኾነ ሰብ ተረብሓይ መሰሉ ዝኸውን መሰል ካልኦት ክሳብ ዘይተዳፍአ ጥራሕ እዩ፡፡**



## መልመዲ - 5

እዞም ዝስዕቡ ዓይነት መሰላት ሰብኣዊ እንተኾይኖም "ሰብኣዊ መሰል" ዴሞክራሲያዊ እንተኾይኖም ድማ "ዴሞክራሲያዊ መሰል" ኣብ ዝብል ሰዓቓ "√" ምልክት ግበሩ፡፡

| | ዓይነታት መሰል | ሰብኣዊ መሰል | ዴሞክራሲያዊ መሰል |
|---|---|---|---|
| 1 | መሰል ድሕነት ኣካል | | |
| 2 | መሰል ምውዳብ | | |
| 3 | መሰል ምእካብ | | |
| 4 | ናይ ውልቐኻ ሃይማኖት ነፃ ኮይንካ ናይ ምስዓም መሰል | | |
| 5 | መሰል ምምራፅን ክትምረፅ ምኽኣልን | | |
| 6 | መሰል ብህይወት ምንባር | | |

### ተምሃራይ በየነን መምህር ገ/ሚካኤልን

በየነ ዝተብሃለ ተምሃራይ 6ይ ክፍሊ ንግሆ ተምሃሮ ናብ ክፍሊ ቅድሚ ምእታዎም ኣብ ዝተኻየደ ስነ ስርዓት ሰልፊ ሰንደቕ ዕላማ ኣመራርሓ ቤት ትምህርቶም እናተበላሸወ ምኻዱ፣ ብፍላይ ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ተምሃሮ እናተረገፁ ከምዝኾኑን ካልኦት ብርክት ዝበሉ ፀገማት ምምሕዳር ከምዘለውን እናገለፀ እንከሎ ሓላፊ ዩኒት ፈረቓ ዝኾኑ መምህር ገ/ሚካኤል ናብቲ ሰልፊ መፂኦም፡፡ እንታይ ትገብር ኣለኻ? ብምባል ድማ ንበየነ ሓቲቶምዎ፡፡ በየነ "ዘረባ እናገበርኩ እየ" ብምባል መሊሱሎም፡፡ "ናይ ምንታይ ዘረባ?" ኢሎም ሓተትዎ መምህር ገ/ሚካኤል፡፡ "ናይ ዝኾነ እንተኾነ እንታይ ኣእትዩኩም? ዝደለኹዎ ንኽዛረብ ዴሞክራሲያዊ መሰለይ እዩ?" በሎም፡፡ መምህር ገ/ሚካኤል ብመልሲ በየነ ስለዝተናደዱ ብፅፍዒትን ርግሒትን እናዘበጡ ናብ ቢሮ ሒዞምዎ ከዱ፡፡ ናብ ቢሮ ኣእትዮም ነቲ ማዕፆ ብምቑላፍ ድማ ብሓለንጊ ገረፍዎ፡፡




## መልመዲ - 6

ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ

1. በየነ ዝገበሮ ዘረባ ግቡእ ድዩ ኣይኮነን? ንምንታይ?
2. መምህር ገብረሚካኤል ንበየነ ምውቅያም ግቡእ ድዩ ኣይኮነን? ንምንታይ?
3. በየነን መምህር ገብረሚካኤልን ምዋሃስ መሰል ፈፂሞም'ዮም፡፡ ዝተግሃሱ መሰላት ኣየኖት መሰላት እዮም?
4. በየነ ኮነ መምህር ገብረሚካኤል መሰል ንዘይምግሃስ እንታይ ክገብሩ ነይርዎም?

### 1.2.2 ኣድላይነት ምኽባር ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት











*ስእሊ 1.1 ረብሓታት ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት*

- ሕድ ሕድ ስእሊ እንታይ መልእኽቲ የሕልፍ?
- ነዞም ስእልታት መሰረት ብምግባር ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ንደቂ ሰብ ዝህብዎ ረብሓ ዘርዝሩ፡፡

ናይ ኩሉ ሰብ ዝዓበየ ትምኒት ግፍዕን ወፅዓን ዘይብሉ፣ ካብ ፀገምን ፍርሕን ነፃ ኣብ ዝኾነ ዓለም ምንባር እዩ፡፡ እቲ ዝለዓለ ትምኒቱ ሰላም፣ ፍትሕን ማዕርነትን ዓሲሎም ምርኣይ እዩ፡፡

ስለዚ ሰባት ግፍዕን ወፅዓን ንምጥፋእ ዓመፅ፣ ሓይልን ህውከትን ናይ መወዳእታ መማረፂ ገይሮም ከይወስዱ ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ብኣግባቡ ክኽበሩ ምግባር ኣድላዪ እዩ፡፡ ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ተኸቢሮም ማለት ወድሰብ እቲ ዝምነዮ ሰላም፣ ፍትሕን ማዕርነትን ረኺቡ ማለት እዩ፡፡

ፍትሒ ዘዛብዕን ኣድልዎ ዝፍፅምን ሕማቕ ኣመራርሓ ኣብ ዘጋጥመሉ ግዘ ብነፃነትን ብግልፅን ተቓውሞኻ ምስማዕን ዘይሰማምዐካ ኣመራርሓን ስርዓትን ንኽእለ ወይ ንኽዕረ ምግባርን ይከኣል፡፡ ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ኣዝዮም ኣድለይቲ መሰላት እዮም፡፡ ምኽንያቱ’ውን፦

- ብሰላም ንምንባር
- ዝኾነ ስራሕ ብሰላም ንምፍፃም
- ካብ ኣድልዎን ወፅዓን ነፃ ኮይኑ ኣብ ትሕቲ ማዕርነትን ፍትሓዊ ምምሕዳርን፣ ንኽነብር ይሕግዝዎ፡፡




## መልመዲ - 7

*ኣብዚ ዝስዕብ ሕቶ ተመያየጡ፡፡*

ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ንደቂ ሰብ ኣዝዮም ኣድለይቲ ዝኾኑ መሰረታዊ መሰላት’ዮም ዝበሃል ንምንታይ እዩ? (ኣብ ውሽጢ ክፍልን ኣብ ውሽጢ ቤት ትምህርትን ምስ መሓዙትኩም ኮነ ምስ መምህራንኩም፣ ከምኡ’ውን ምስ ካልኦት ሰራሕተኛታት ቤት ትምህርትኹም ዝህልወኩም ርክብ መሰረት ብምግባር መልሱ፡፡)

## 1.3 ኣብ መንነት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ዝረኣዩ ፍልልያት




*ስእሊ 1.2 ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ*

- ካብቲ ስእሊ እንታይ ተረዲእኹም?
- ኢትዮጵያ ናይ ብዙሓት ቋንቋታት፣ ብሄራትን ብሄረሰባትን ሙዝየም እያ እንትብሃል እንታይ ማለት እዩ?
- ብሄራት፣ ብሄረሰባትን፣ህዝብታትን ኢትዮጵያ ዘለዎም ፍልልይ ዘርዝሩ፡፡
- ኣብ ውሽጢ ክፍልኹም መሰል ኣባላት ዝተፈላለዩ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ከምኡ'ውን ተኸተልቲ ዝተፈላለዩ ሃይማኖታት ምኽባር እንታይ ረብሓ ኣለዎ?

ኢትዮጵያ ልዕሊ 80 ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ዝነብሩላ ሃገር እያ፡፡ እዞም ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ነናይ ባዕሎም መለለይታት ኣለዎም፡፡ ሕድ ሕድ ብሄረሰብ ናይ ዓርሰይ ኢሉ ዝኾርዐሉ ቋንቋ፣ ሃይማኖትን ካልኦት መግለፅታትን ባህልን ኣለዎ፡፡ እቶም ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ተሓዋዊሶም ብሓድነት ዝነበሩላ ሃገር ብምዃና ሙዝየም ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ዝብል ስም ክትረክብ ኣኽኢሉዋ'ዩ፡፡ እዚ'ውን ንዜጋታታ ኩርዓት'ዩ፡፡ ስለዚ እዚ ተፈጥሮ ዝዓደለና ፍሉይ ፀጋ ሓብሒብና ክነፅንሖ ይግባእ፡፡ እዚ ፍሉይ ፀጋ ሓብሒብካ

ንምዕናሕ ኩላትና ኣብ መንጎና ሓድነትን ፍቕርን ንኽዓስል ክንፅዕር ኣለና፡፡ ባእስን ግርጭትን ንኽይፍጠር ምትሕልላይን ምክእኣልን ዕለታዊ ልማድናን ተግባርናን ክንገብሮ ይግባእ፡፡

ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ኣብ ውሽጢ ፍልልይ ሓድነት ምህላዉ ብዝግባእ ተረዲኦም'ዮም፡፡ ስለዝኾነ ድማ ኣብ ምፍቕቓድን ኣብ ዓርሰ ድሌትን ተደሪኾም ሓደ ፌዴራላዊ ስርዓት መስሪቶም ኣለዉ፡፡ ካብዚ ሓሊፎም ቀፃልነት ዘለዎ ሰላምን ምርግጋእን ዝዓሰላ፣ ብምጣነ ሃፍታ ዝማዕበለትን ስርዓት ዴሞክራሲ ዝማዕበለላን ኢትዮጵያ ንምህናፅ ኢድ ንኢድ ተተሓሒዞም ኣብ ጎደና ልምዓት ንቕድሚት እናሰጎሙ ይርከቡ፡፡ ፌዴራላውን ዴሞክራሲያውን ስርዓት ኢትዮጵያ መሰል ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ምሉእ ብምሉእ ዝቕበል ስርዓት'ዩ፡፡

ኣብ ውሽጢ እቶም ፍልልያት ሓድነት ምህላዉ ሓቂ እንተኾነ'ውን ዘይምርድዳእን ግርጭትን እንተተፈጠሩ'ኳ እቲ ስርዓት ብምክእኣልን ብሰላማዊ መንገድን ፍታሕ ንክረኽቡ የኽእሎም'ዩ፡፡ ብምይይጥ ክፍትሑ ዘይኽእሉ እንተኾይኖም ድማ ናብ ኣካላት ፍትሒ ክቐርቡ ብምግባር ውሳነ ኣብዝሓ ብፀጋ ተቐቢልካ ተግባራዊ ንክኾኑ ይሕግዝ፡




## መልመዲ - 8

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ኣብ መንጎ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ዝርኣዩ ፍልልያት እንታይ እንታይ እዮም?
2. ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ብምኽንያት ኣብ ውሽጦም ዘለዉ ፍልልያት ግርጭት ከይፍጠር እንታይ ክገብሩ ይግባእ? ግርጭት እንተተፈጠረኸ እንታይ ክገብሩ ኣለዎም?

# 1.4 ርክብ ወፃኢ ኢትዮጵያ

## 1.4.1 ኢትዮጵያ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ዘለዋ ርክብ




*ካርታ 1.3 ኢትዮጵያን ጎረባብታን*

- እዚ ካርታ ኣብ ደፍተርኩም ብምስኣል ስም ጎረባብቲ ሃገራት ኢትዮጵያ ፅሓፉ፡፡
- ኢትዮጵያ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ዘለዋ ርክብ ኣብ ምንታይ መትከል ዝተመስረተ እዩ?

ካብ መትከላት ፖሊሲ ዝምድና ወፃኢ ኢትዮጵያ ሓደ "ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ኮነ ምስ ካልኦት ሃገራት ኣፍሪካ በብእዋኑ እናዓበየ ዝኸይድ ምጣነ ሃፍታዊ ሕብረትን ህዝብታትን ምምዕባል" እዩ፡፡ ኢትዮጵያ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ዘለዋ መትከል ርክብ ኣብ ምጥንኻር ዕቡቕ ጉርብትና፣ ምሕዝነትን ብሰላም ሓቢርካ ምንባርን ዝተመስረተ እዩ፡፡

ኢትዮጵያ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት (ምስ ጅቡቲ፣ ሱዳንን ኬንያን) ዘለዋ ዝምድና ኣዝዩ ዘተባብዕን ብዝለዓለ ደረጃ እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎን እዩ፡፡ ንኣብነት ርክብ መሰረት ልምዓት እንተወሲድና፣ ምስ ሱዳን ቀጥታዊ ርክብ ስልኪ ብመሬት ተዘርጊሑ ኣሎ፡፡ ክልቲኦም ሃገራት ዘራኽብ መንገዲ ተሰሪሑ ኣሎ፡፡ ንብዙሓት ዘበናት ጎረባብቲ ኮይንና ዝነበርና እንተኾነ'ውን ንክልቲኦም ሃገራት ብዘተኣማምን

ኩነት ሓጋይን ክረምትን ዘራኽብ ዋላ ሓደ መንገዲ ኣይነበረን፡፡ ንፈለማ ግዘ ከተማ ጎንደር ምስ መተማ፣ ጋላባትን ገዳሪፍን ዘራኽብ መንገዲ ምስርሑ ንኣብነት ምጥቃስ ይከኣል፡፡ እዚ መንገዲ ድሕሪ ምኽፋቱ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ሃገራት ዝካየድ ርክብ ንግዲ እናተጠናኸረ ይርከብ፡፡ ርክብ ንግዲ ህዝብታት ዶብ ምትሕብባር ሓባራዊ ፀጥታን ዝመሳሰሉን ኩሎም ብዕውት ኩነታት እናተኻየዱ እዮም፡፡

ስለዚ እቲ ምስ ሱዳን ዘሎ ርክብ ኣብ ፅቡቕ ኩነታት ይርከብ፡፡ እዚ ድማ ንልምዓት፣ ንሰላምናን ንህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲን ንእንገብሮ ፃዕሪን ዝለዓለ ኣብርክቶ ኣለዎ፡፡

ብተመሳሳሊ ኩነት ምስ ጅቡቲ'ውን ከምኡ ጥንኩር ዝምድና ተመስሪቱ ክልቲእን ሃገራት ተረባሕቲ እናኾና ይርከባ፡፡ ኣብዚ ሐዚ እዋን ከምዝፍለጥ ወደብ ጅቡቲ ንናይ ሃገርና ንግዲ ወፃኢ ቀንዲ መውፅእን መእተውን እዩ፡፡ ምስዚ ብዝተሓሓዘ ርክባት ንግዲ፣ ህዝቢን ምስ ህዝቢን ከምኡ'ውን ፖለቲካን ፀጥታን እናሰፍሑን እናተጠናከሩን ኣብምኻድ ይርከቡ፡፡




## መልመዲ - 9

*ኣብዚ ዝስዕብ ሕቶ ተመያየጡ፡፡*

1. ኢትዮጵያ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ዘለዋ ርክብ ዝተመስረተ ኣብ መትከል ምጥንኻር ሰናይ ጉርብትና እዩ እንትንብል እንታይ ማለት እዩ? ኣብነታት እናጠቐስኩም ኣረድኡ፡፡

# መሰረታት ፖሊሲ ርክብ ወፃኢ ኢትዮጵያ




*ስእሊ 1.4 መሰረታት ፖሊሲ ርክብ ወፃኢ ኢትዮጵያ*

- ስእሊ 1.4 እንታይ የመልክት?
- ካብዞም ስእልታት መሰረታት ፖሊሲ ርክብ ወፃኢ ኢትዮጵያ ምርዳእ ይከኣል ዶ? እንተኸኢልኩም መሰረታት ፖሊሲ ርክብ ወፃኢ ኢትዮጵያ እንታይ እንታይ እዮም?

መሰረታት ፖሊሲ ርክብ ወፃኢ ኢትዮጵያ ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲን ልምዓትን እዮም፡፡ ኣብ ሃገርና እቲ ህዝቢ ተረባሓይ ዝኾነሉ ስሉጥ ልምዓት ምምፃእን ካብ ድሕረትን ድኽነትን ተናጊፉ ምችው ናብራ ክነብር ምግባርን ወሳኒ እዩ፡፡ ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ መሰረታዊ ረብሓ ህዝቢ ሃገርና ድኽነት፣ ሕማምን ድሕረትን ምጥፋእ እዩ፡፡

ፖሊሲ ርክብ ወፃኢ ሃገራዊ ረብሓ ናይ ምሕላው ልእኽቶ ዘለዎ እዩ፡፡ ስለዚ ፖሊሲ ርክብ ወፃኢ ሃገርና'ውን ካብዚ ዝተፈለየ ልእኽቶ የብሉን፡፡ ብሂራዊ ረብሓ ሃገርና ማለት ብሓፈሻ ረብሓ ህዝቢ ማለት እዩ፡፡ ኣዝዩ መሰረታዊ ዝኾነን ወሳኒ ዝብሃልን ረብሓ ህዝቢ ድማ ስሉጥ ልምዓት ምምፃእን ካብዚ ተረበሓይ ምኳንን ማለት እዩ፡፡ ብሓፈሻ ረብሓ እቲ ህዝቢ ኣብ ሃገርና ዴሞክራሲን ሰናይ ምምሕዳርን ክዓስል ምግባር እዩ፡፡ ስለዝኾነ ድማ ሃገራዊ ረብሓና ዝሕሉ ፖሊሲ ርክብ ወፃኢ ማለት ኣብ ሃገርና ስሉጥን ንህዝቢ ዝጠቅምን ልምዓት ንምርግጋፅን

ዴሞክራሲ ኣብ ሃገርና ሱር ንኸሰድድን ዝሕግዝ ፖሊሲ ማለት እዩ፡፡መበገሰን መዕለብን ሃገራዊ ረብሓና ልምዓትን ዴሞክራሲን እዮም፡፡ መበገስን መዕለብን ፖሊሲ ርክብ ወፃኢ'ና እውን ልምዓትን ዴሞክራሲን እዮም፡፡



## መልመዲ - 10

*ኣብዚ ዝስዕብ ሕቶ ተመያየጡ፡፡*

1. መሰረታት ፖሊሲ ርክብ ወፃኢ ኢትዮጵያ ልምዓትን ህንፀት ስርዓት ዴሞክራስን እዮም ዝተብሃለሉ ምኽንያት እንታይ እዩ?

## መጠቓለሊ

ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ብመረፃ ህዝቢ ዝቖም መንግስቲ ዝመሓደረሉ፣ ህዝብታት ዓርሶም ብዝመረፅዎም መራሕቶም ዝመሓደርሉ ስርዓት እዩ፡፡ ዝተፈላለዩ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ከምኡ'ውን ሃይማኖታት ኣብ ዝርከቡላ ሃገርና ኩላትና ተኸባቢርና፣ ተኸኣኢልናን ተፋቒርናን ንኽንነብር ዝሕግዘና ስርዓት ዴሞክራሲ እዩ፡፡

መግለፅታት ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ብዙሓት እዮም፡፡ ካብዚኣቶም እቶም ቀንዲ ተሳትፎ ህዝብታት ምህላው፣ ማዕርነት ህዝብታት ምኽባርን ምህላው ባህሊ ምክእኣልን እዮም፡፡

ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ሓድነትን ፍልልይን ኣለዎም፡፡ ክልቲኦም መሰረታዊ መሰላት ብምዃኖም ተመሳሰልቲ እዮም፡፡ ፍልልዮም ድማ ሰብኣዊ መሰላት ወድሰብ ሰብ ብምዃኑ ጥራሕ ዝረኽቦም ተፈጥሮኣዊ መሰላት ምዃኖም፣ ዴሞክራሲያዊ መሰላት ግና ሰብ ኣብ ውሽጢ ስርዓት ዴሞክራሲ ብምንባሩ ካብቲ ስርዓት ዝረኽቦም መሰላት ምዃኖም እዩ፡፡

ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ንኹሎም ደቂ ሰባት ኣዝዮም ኣድለይቲ መሰላት እዮም፡፡ ምኽንያቱ'ውን ሰብ ብሰላም ንኽነብር፣ ብሰላም ዝኾነ ስራሕ ንኽፍፅም፣ ካብ ኣድልዎን ወፅዓን ነፃ ኮይኑ ኣብ ማዕርነትን ኣብ ትሕቲ ፍትሓዊ ምምሕዳርን ምንባር ክኽእል ዝሕግዝዎ መሰላት እዮም፡፡

ኢትዮጵያ ካብ 80 ዝበዝሑ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ዝነብሩላ

ሃገር እያ፡፡ ሕድሕድ ብሄር፣ ብሄረሰብን ህዝብን ናይ ባዕሉ ቋንቋን ካልኦት ባህላዊ መግለፅታትን ኣለዎ፡፡ ስለዚ እዞም ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ዝተፈላላዩ ባህልታቶም ሒዞም ብሓድነት ዝነብሩላ ሃገር ብምዃና ኢትዮጵያ ሙዝየም ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ዝብል ስም ረኺባ ኣላ፡፡ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ኣብ ውሽጢ ኣፈላላይ ሓድነት ምህላዉ ብዝግባእ ስለዝተረድኡ ኣብ ምፍቕቓድን ኣብ ዓርሰ ድሌትን ተመስሪቶም ሓንቲ

ፌዴራላዊ ሃገር መስሪቶም ኣለዉ፡፡ ካብዚ'ን ሓሊፎምውን ቀፃልነት ዘለዎ ሰላምን ምርግጋጽን ዝዓሰላ፣ ከምጣነ-ሃፍቲ ዝማዕበለትን ስርዓት ዴሞክራሲን ዝማዕበለላን ኢትዮጵያ ንምህናፅ ኢድ ንኢድ ተተሓሒዞም ኣብ ጎደና ልምዓት ንቕድሚት እናሰጎሙ ይርከቡ፡፡

ካብ መትከላት ፖሊሲ ዝምድና ወፃኢ ኢትዮጵያ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ኮነ ምስ ካልኦት ሃገራት ኣፍሪካ በብእዋኑ እናዓበየ ዝኸይድ ምጣነ-ሃፍታዊ ሕብረትን ሕውነት ህዝብታትን ምምዕባል እዩ፡፡ ስለዝኾነ ድማ ኢትዮጵያ እዚ መትከል ብኣግባቡ ኣብ ምትግባር ትርከብ፡፡

መሰረታት ፖሊሲ ዝምድና ወፃኢ ኢትዮጵያ ልምዓትን ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲን እዮም፡፡ ኣብ ሃገርና እቲ ህዝቢ ተረበሓይ ዝኾነሉ ስሉጥ ልምዓት ምምፃእን ካብ ድኽነትን ድሕረትን ተላቒቑ ድልዱል ናብራ ንኽነብር ምግባርን ወሳናይ እዩ፡፡ ኣዝዩ መሰረታዊ ዝኾነ ረብሓ ህዝቢ ሃገርና ካብ ድኽነት፣ ሕማምን ድሕረትን ምንጋፍ እዩ፡፡

## ኣገደስቲ ቃላት

**ፌዴራላዊ** - ሓደ ማእኸላይ መንግስቲ ማለት'ውን ፌዴራላዊ መንግስትን ካልኦት ዓርሶም ብዓርሶም ዝመሓደሩ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስታት ብምትሕ ብባር ዝምስርትዎ መንግሰቲ እዩ፡፡

**ዴሞክራሲያዊ** - ዝለዓለ ስልጣን መንግስቲ ናይ ህዝቢ ዝኾነሉን ስልጣኑ'ውን ተግባራዊ ዝኸውን በቲ ህዝቢ ወይ እቲ ህዝቢ ነፃ ኮይኑ ብዝመረፆም ተወከልቱ ኣቢሉ ምዃኑ ዘመልክት ቃል እዩ፡፡

**ብሄር፣ ብሄረሰብ፣ ህዝቢ፡-** ስፍሕ ዝበለ ሓባራዊ ፀባይ ዘንፀባርቕ ባህሊ ወይ ተመሳሳልቲ ልምድታት ሓበራዊ ታሪኽ ዘለዎም፣ ስነልቦናዊ ሓድነት ዘለዎምን ኣብ ዝተተሓሓዘ ገፀ ምድሪን ዝነበሩን ህዝብታት መፀወዒ ስያመ እዩ፡፡

# መጠቓለሊ ሕቶታት

## I. ነዞም ዝስዕቡ ምሉእ ሓሳባት ብምንባብ ትኽክል ንዝኾኑ "ሓቂ" ትኽክል ንዘይኮኑ ድማ "ጌጋ" ብምባል መልሱ፡፡

1. ፖሊሲ ርክብ ወፃኢ ናይ ሃገራዊ ረብሓ ናይ ምሕላው ልኡኽቶ ኣለዎ፡፡
2. ስርዓት ዴሞክራሲ ኣብ መንጎ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ካብ ኣድልዎ ነፃ ዝኾነ ፍትሓዊ ኣሰራርሓ የዕስል፡፡
3. ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ሓድነቶም ዝግለፀሉ ባህርይ ክልቲኦም ወድሰብ ብተፈጥሮ ዝረኽቦም መሰላት ምዃኖም እዩ፡፡
4. ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ህዝብታት ባዕሎም ብድሌቶም ብዝመረፅዎም መራሕቶም ዝመሓደርሉ ስርዓት እዩ፡፡
5. ፍልልያት ሓሳብ ምቕባል ፍልልያት ምህላዎም ኣሚንካ ምቕባል ጥራሕ እንተይኮነ እቲ ሓደ ናይቲ ካሊእ ሓሳብ ዘይሰማምዐሉ'ውን እንተኾነ ምኽባር ይሓውስ እዩ፡፡

## II. ኣብትሕቲ "ሀ" ንዝተዘርዘሩ ሙሉእ ሓሳባት ኣብ ትሕቲ "ለ" ካብ ዝተዘርዘሩ ሓሳባት ዝሰማምዕዎም መሪፅኩም ኣዛምዱ፡፡

| "ሀ" | "ለ" |
| --- | --- |
| 1. ሓሳብካ ብነፃ ምግላፅ፣ ሰላማዊ ሰልፊ ምክያድ | ሀ. ሰብኣዊ መሰላት |
| 2. ህይወት ምንባር፣ ድሕንነት ኣካል | ለ. መትከላት ፖሊሲ ዝምድና ወፃኢ |
| 3. ሰናይ ጉርብትናን ምሕዝነትን | ሐ. ዴሞክራሲያዊ መሰላት |
| 4. ልምዓትን ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲን | መ. መሰረት ፖሊሲ ዝምድና ወፃኢ |
| | ረ. ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን |

## III. ነዞም ዝስዕቡ ሙሉእ ሓሳባት ብምንባብ ነቶም ባዶ ቦታታት ትኽክለኛ ቃል ወይ ሓረግ ብምምላእ መልሱ፡፡

1. ፍልልያት ቋንቋ፣ ሃይማኖትን ካልኦት ባህላዊ መግለፅታትን ኣብዘለዋ ሃገርና ኩላትና ተኸባቢርና፣ ተኸኣኢልናን ተፋቒርናን ንኽንነብር ዝሕግዘና ________________ እዩ፡፡
2. መሰረታት ፖሊሲ ርክብ ወፃኢ ኢትዮጵያ ________________ን ________________ን እዮም፡፡

## IV. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብምንባብ እቲ ትኽክለኛ መልሲ ምረፁ፡፡

1. መሰረታዊ ባህርይ ስርዓት ዴሞክራሲ ዝኾነ ኣየናይ እዩ?

   ሀ. ምክእኣል　　　　ሐ. ተሳትፎ ህዝቢ

   ለ. ማዕርነት　　　　መ. ኩሎም መልሲ እዮም

2. ኣብ ስርዓት ዴሞክራሲ ህዝብታት ክሳተፉ ዝኽእሉ ብኸመይ እዩ?

   ሀ. ብመራዕነትን ተመራፅነትን ምስታፍ

   ለ. ኣብ ኣኼባታት ከባቢ ብምርካብ

   ሐ. ኣብ ዝተፈላለዩ ህዝባዊ ማሕበራት ኣባል ብምዃን

   መ. ኩሎም መልሲ እዮም

3. ሃገራዊ ረብሓና ዝሕሉ ፖሊሲ ርክብ ወፃኢ ማለት እንታይ ማለት እዩ?

   ሀ. ኣብ ሃገርና ስሉጥ ልምዓት ንምምፃእ ዝሕግዝ ፖሊሲ ማለት እዩ፡፡

   ለ. ዴሞክራሲ ኣብ ሃገርና እግሪ ንኽተክል ዝሕግዝ ፖሊሲ ማለት እዩ፡፡

   ሐ. ንህዝብና ቀጥታ ተረባሓይ ንምግባር ዝሕግዝ ፖሊሲ ማለት'ዩ፡፡

   መ. ኩሎም ልክዕ እዮም፡፡

## V. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓጺር መልሲ ሃቡ፡፡

1. ፍልልያት ሓሳብ ምኽባልን ፍልልያት ሓሳብ ኣከኣኢልካ ሓቢርካ ምንባርን እንታይ ማለት እዩ? ረብሕኡኸ እንታይ እዩ? ብኣብነት ኣረድኡ፡፡
2. ስርዓት ዴሞክራሲ ብፍላይ ከም ኢትዮጵያ ንዝበላ ሃገራት ኣዝዩ ኣድላዪ እዩ ዝብሃል ንምንታይ እዩ? ብኣብነት ኣብርሁ፡፡

# ምዕራፍ ክልተ

## ልዕልነት ሕጊ

**ዕላማታት እዚ ምዕራፍ**

**እዚ ምዕራፍ ተምሂርኩም ምስ ፈፀምኩም፦**

- ኣድላይነት ሕገ መንግስቲ ትፈልጡ፡፡
- ሕጊ ምኽባርን ክኽበር ምግባርን ንዜጋታት ዝህልዎ ረብሓ ትርድኡ፡፡
- ኣድላይነት ምቕማጥ ደረት ስልጣን ኣብ ተመረፅቲ ህዝብን ሰበ ስልጣን መንግስትን ትርድኡ፡፡

## 2.1. ሕገ መንግስቲ እንታይ እዩ?

- ኣብ ናይ 5ይ ክፍሊ ትምህርትኹም ብዛዕባ ሕገ መንግስታት ፌዴራልን ክልልን እንታይ ተማሂርኹም ምንባርኹም ትዝክሩዶ፡፡ እንታይ ርክብ ኣለዎም?

ሕገ መንግስቲ ናይ ሓንቲ ሃገር ላዕለዋይ ሕጊ እንትኾን፣ ናይ ሓደ ህዝቢ ቀንዲ ፖለቲካዊ፣ ምጣነ-ሃፍታዊ ማሕበራውን ዕላማታት ተደንጊጎም ዝግለፅሉ ሰነድ እዩ፡፡ ሕገ መንግስቲ ዜጋታት ብመሰሎም ንኽጥቀሙን ሓላፍነቶም ንኽዋፅኡን ይሕግዝ፡፡

ሕገ መንገስቲ ፌዴራል ብወሳንነት ብደረጃ ሃገር ቀንዲ ፖለቲካውን ፣ ምጣነ ሃፍታውን ማሕበራውን ዋኒናት ዝምልከት ሰነድ እዩ፡፡ ሕገ መንግስታት ክልላት ድማ ዓርስኻ ብዓርስኻ ምምሕዳር ዕላምኦም ዝገበሩ ናይቲ ክልል ምጣነ ሃፍታዊ፣ ማሕበራውን ፖሊሲ ልምዓት ስትራቴጂታት ዘካተቱ መሰረታዊ ሰነዳት እዮም፡፡



## መልመዲ - 1

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡

1. ሕገ መንግስቲ እንታይ እዩ?
2. ሕገ መንግስቲ ፌዴራል ኣብ ውሽጡ ዘካተቶም ትሕዝቶታት ኣብ ምንታይ ዘተኮሩ እዮም?

### 2.1.1 ኣድላይነት ሕገ መንግስታት ክልላት

- ክልላት ናይ ዓርሶም ሕገ መንግስታት ምድላው ንምንታይ የድልዮም?

ሕገ መንግስታት ክልላት ከከም ወድዓዊ ኩነታት ክልላት ዓርሶም ዝምርሕሉን ህዝቦም ዘመሓድርሉን ሕገ መንግስቲ እዩ፡፡ ስለዝኾነ ሕገ መንግስታት ክልላት ካብ ዘድልይሉ ኩነታት ውሽጢ እዞም ዝስዕቡ እቶም ቀንዲ እዮም፡፡

- ወናንነት ስልጣን ብሄራት፣ብሄረሰባትን ህዝብታትን የረጋግፁ፡፡፡
- ዓርስኻ ብዓርስኻ ናይ ምምሕዳር ኩነታት የመቻችው፡፡
- ህልው ኩነታት እቲ ክልል ኣብ ግምት ዘእተወ ሕጊ ንምውፃእ የኽእል፡፡
- ማዕርነት ያታ፣ ቋንቋን ባህልን የረጋግፅ፡፡



## መልመዲ - 2

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡

1. ሕገ መንግስቲ ክልል እንታይ እዩ?
2. ኣድላይነት ሕገ መንግስቲ ክልል ካብ ዘነፅሩ ምክንያታት እቶም ሰለሰተ ብምጥቃስ ኣብርሁ፡፡



## ዕዮ ጉጅለ

ሕገ መንግስቲ ፌዴራልን ሕገ መንግስቲ እትነብርሉ ክልልን ብጉጅለ ብምንባብ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መሊስኩም ሓፂር ፀብፃብ ኣቕርቡ፡፡

1. ሕገ መንግስቲ ፌዴራል ጠመተ ዝሃበሎም ቀንዲ ጉዳያት ዘርዝሩ፡
2. ሕገ መንግስታት ክልላት ጠመተ ዝገበረሎም ቀንዲ ጉዳያት ግለፁ፡፡
3. ሓድነትን ፍልልይን ሕገ መንግስታት ፌዴራልን ክልልን እንታይ እዮም?
4. ሕገ መንግስቲ ክልል ንምንታይ ኣድለየ?

### 2.1.2. ግደ ከባቢያዊ ባህላዊ ደንብታት ኣብ ምኽባር ስርዓት

- ምህላው ከባቢያዊ ባህላዊ ደንብታት ንምንታይ የድሊ?

ሰባት ዕለታዊ ስርሖም ኣብ ዝፍፅምሉ እዋን ዝኾነ ዓይነት ፀገም ስዒሮም ንምውፃእ ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ትካላት መስሪቶም እናተንቀሳቐሱ ፀኒሖም'ዮም፣ ሐዚ'ውን እዚ እናገበሩ ይርከቡ፡፡ ንኣብነት ማሕበራውን ምጣነ-ሃፍታውን ፀገማቶም ንምፍታሕ ከም እድር፣ ዕቁብ፣ ማሕበር ዕቋርን ልቓሕን፣ መንፈሳዊ ፀገሞም ንምፍታሕ መንፈሳዊ ማሕበራት ይምስርቱ፡፡ ጎንፅታት እንትፍጠሩ ድማ ነዞም ፀገማት ከዝሕሉ ዝክእሉ ዳነይቲ (ሽምግልቲ) ኣካላት የጣይሹ፡፡ እዞም ኩሎም ዋኒናት ዝምርሑሎም ደንብታትን መምርሕታትን ዘለዉ እንትኾኑ ብደረጃ ማእኸልን ክልልን ንዝወፁ ሕግታት ኣብ ምጥንኻርን ስርዓት ኣብ ምኽባርን ዝህልዎም ግደ ዕዙዝ እዩ፡፡



## መልመዲ - 3

ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡

1. ከባቢያዊ ባህላዊ ደንብታት እንታይ ረብሓ ኣለዎም?
2. ከባቢያዊ ባህላዊ ደንብታት ኣብ ምኽባር ስርዓት እንታይ ዓይነት ግደ ይፃወቱ?

### 2.1.3. ምጥሓስ ሕጊ ኣብ ዜጋታት ዘስዕቦ ጉድኣት

- ምጥሓስ ሕጊ እንታይ ዓይነት ጉድኣት የስዕብ?

## ሕጊ ንይምሰል

ተምሃሮ 6ይ ክፍሊ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ታሪኽ ኣብ መፈለምታ እቲ ዓመት ምስ ሓላፊ ክፍሊ መምህሮም ኮይኖም ዝመሓደርሉ ሕጊ ክፍሎም ኣውፂኦም፡፡ ነቲ ዘውፅእዎ ሕጊ'ውን ኩሎም ተገዛእቲ ንክኾኑ ተሰማሚዖም፡፡ ካብ ዘዉፅእዎም ሕግታት ብሰዓትካ ኣብ ክፍሊ ምርካብን ስርዓት ቤት ትምህርቲ ኣኽቢርካ ምክትታልን ዝብሉ ይርከብዎም፡፡ ስርዓት እቲ ክፍሊ ከኽብር ዝተመረፀ ሓለቓ ድማ ተምሃራይ ሚናስ እዩ፡፡ ሚናስ ነቶም ዝወፁ ሕግታት ብሙሉኦም ዘኽብር እንተኾነ'ውን፣ ካልኦት ተምሃሮ ብተመሳሳሊ መንገዲ ከኽብሩ ንምግባር ዝገብሮ ፃዕሪ ግን ትሑት እዩ፡፡ ስለዝኾነ ድማ ዋላ'ኳ ሚናስ ነቲ ሕጊ ዘኽብር እንተኾነ ካልኦት ናይ ክፍሊ መሓዙቱ ብተመሳሳሊ ኩነታት ነቲ ሕጊ ከኽብሩ ብዘይምግባሩ ሰላማዊ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ክህሉ ኣይከኣለን፡፡ ናይ መብዛሕትኡ ተምሃራይ ድሌት ትምህርቲ'ውን እናነከየ ኣብ ምኻድ ይርከብ፡፡



## መልመዲ - 4

**ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. እቲ ሕጊ ተግባራዊ ንዘይምኳኑ ተሓታቲ መን እዩ?
2. እቲ ሕጊ ቀፃልነት ንክህልዎ እቶም ሓላፊ ክፍሊ መምህር እንታይ ክገብሩ ነይርዎም?
3. ናይቲ ክፍሊ ሓለቓ ብዴሞክራሲያዊ ኣገባብ ተመሪፁ እንተዝኸውን ነይሩ ተግባራውነት እቲ ሕጊ እንታይ ክኸውን ምኽኣለ?

ምኽባር ሕጊ ዜጋታት ኩሎም ነቲ ሕጊ ተገዛኣይ ምዃንን በቲ ሕጊ ምምራሕን የመልክት፡፡ ሕጊ ክኽበር ምግባር ድማ ሕግታት ብኻልኦት እንትጠሓሱ ሕጋዊ ብዝኾነ ኣገባብ ምክልኻል ዝገልፅ ሓሳብ እዩ፡፡ ሕጊ እንተዘየሊዩ ወይ ዝጠሓስ እንተኾይኑ ትምህርቲ ብስርዓት ምምሃር ኣይከኣልን፡፡ ሰላም ስለዝጠፍእ ከም ልብኻ ምዉፃእ ምእታው ኣይከኣልን ሰላማዊ ዜጋታት ብጉልበተኛታት ይጥቅዑ፡፡



## መልመዲ - 5

**እዞም ዝስዕቡ ኩነታት ምስ ኣንበብኩም እንታይ ክግበር ከምዝነበሮ ተመያየጡ፡፡**

1. ኣርፊዱ ዝመፅእ ሰራሕተኛ ቤት ትምህርቲ ንተምሃሮ ኣይተርፍዱ እንተዝብል
2. ንፅባቐ ቤት ትምህርቲ ዘይግደስ ሰራሕተኛ ፅሬት ቤት ትምህርቲ ይተሓሎ እንተዝብል፣

**ሕጊ ክኽበር ፈለማ ነቲ ሕጊ ምኽባር የድሊ፡፡**



## መልመዲ - 6

*ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡*

1. ሕጊ ዘይኽበር እንተኾይኑ እንታይ ዓይነት ፀገማት ክፍጠሩ ይኽእሉ?
2. ሕጊ ምኽባር ናይ መን ሓላፍነት እዩ? ክኽበር ምግባርከ?

## 2.2 ስነ ምግባር

### 2.2.1 እንታይነት ስነ ምግባር



*ስእሊ 2..1 ሰብ ፀጋ ዕድመ ምሕጋዝ ሓዳ መምርሒ መግለፂ ስነምግባርዩ*



*ስእሊ 2..2 ሰናይ ስነምግባር መሰረት ህይወትና ንግበር*

- ኣብቲ ስእሊ እንታይ እንታይ ተግባራት ሪኢ.ኹም?
- ዝረኣኹምውም ተግባራት ፅቡቓት ድዮም ኣይኮኑን?
- ንስኻትኩምከ ኣብ ኣየንኦም ተግባራት እንተትሳተፉ ደስ ይብለኩም?

# ዋጋ ሰናይ ስነ ምግባር

ምስግና ተምሃራይ 6ይ ክፍሊ እዩ፡፡ ሰናይ ባህሪኡ ስድራቤቱ፣ ጎረቤቱን ቤት ትምህርቱን ዝምስክርሉ እዩ፡፡ ምስግና ባህሪኡ ጥራሕ እንተይኮነ ብትምህርቱ'ውን ንፉዕ ብምዃኑ ብመሓዙቱን ብመምህራኑን ተፈታዋይ እዩ፡፡

ምስግና ሕግን ስነ ስርዓትን ቤት ትምህርቲ ኣብ ምኽባር'ውን ዝተፈለጠ እዩ፡፡ በዚ ምኽንያት ድማ ብዙሓት "ለባም ቆልዓ" ኢሎም ይፅውዕዎ፡፡ ካብ ሰዓት ትምህርቲ ወፃኢ ኣብ ዝተፈላለዩ ክለባት ይሳተፍ፡፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ክለብ ስነ ዜጋን ስነ ምግባርን ዝገብሮ ተሳትፎ ዝለዓለ እዩ፡፡ በዚ ተሳትፎኡ ድማ ክልተ ግዘ ተሸሊሙ እዩ፡፡ ብትምህርቱ ይኹን ብፅቡቕ ስነ ምግባሩ ዝተመስከረሉ ስለዝኾነ ካብ ጠቕላላ ተምሃሮ እቲ ቤት ትምህርቲ ተመሪፁ ካብ ርእሰ መምህር መበረታትዒ ሽልማት ተቐቢሉ እዩ፡፡

ምስግና ብስድራ ቤቱን ብጎረባብቱን ብፅቡቕ ምግባሩን ብትምህርቱን ውፅኢታዊ ስለዝኾነን ኣብቲ ከባቢ "ቆልዓ ምውላድ ዘይተርፍስ ከም ምስግና እዩ" ተባሂሉ ብኣብነት ዝለዓል ኮይኑ ኣሎ፡፡



## መልመዲ - 7

*ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ንፅቡቕ ስነ ምግባር ምስግናን ብትምህርቱ'ውን ውፅኢታዊ ንምዃንን ኣስተዋፅኦ ዝገበሩ መንን መንን ይመስለኩም?
2. ፅቡቕ ስነ ምግባር ዘለዎ ሰብ እንታይን እንታይን ረብሓታት ዝረክብ ይመስለኩም?

ተግባራት ፅቡቕ ወይ ሕማቕ ምዃኖም እንምርምረሉ መዐቀኒ ስነ ምግባር እዩ፡፡ ጠመተ ስነ ምግባር ሓደ ሰብ ፅቡቕ ምግባር ንክህልዎ እዩ፡፡ ፅቡቕ ስነ ምግባር ዝበሃል እቲ ሕብረተሰብ ዝቕበሎን ረብሓ ዘለዎን ባህርይ ወይ ተግባር

እዩ፡፡ ሕማቕ ስነ ምግባር ዝብሃል ድማ እቲ ሕብረተሰብ ዘይቕበሎ ዝኾነ ዓይነት ተግባር ወይ ባህርይ እዩ፡፡



## መልመዲ - 8

*ስዒቦም ንዝተዘርዘሩ መግለፅታት ስነ ምግባር ብጉጅለ ኮይንኩም ብምርኣይ ኣብ ውሽጢ እቲ ሰደቓ ኣብ ትሕቲ "ፅቡቕ ስለምግባር" ወይ "ፅቡቕ ዘይኮነ ስነምግባር" ዝብሉ ቦታታት "√" ምልክት ብምግባር ፍለዩ፡፡*

| ቁ.ተ | መግለፅታት ስነ ምግባር | ኣብነት ፅቡቕ ስነ ምግባር | ኣብነት ፅቡቕ ዘይኮነ ስነ ምግባር |
|---|---|---|---|
| 1 | ምኽባር ደንብታት ቤት ትምህርቲ | | |
| 2 | ዓቕሞም ንዝደኸሙ ሰባት ምሕጋዝ | | |
| 3 | በቲ ሕብረተሰብ ቅቡል ዘይኮነ ተግባር ምፍፃም | | |
| 4 | ምስ ሰባት ምብኣስ | | |
| 5 | ንወለድን ብዕድመ ንዝዓብዩናን ዘይምኽባር | | |
| 6 | ዓቕሞም ንዝደኸሙ ሰባት ምንዓቕ | | |
| 7 | ምስጢር ምሕላው | | |
| 8 | ግልፅን እሙንን ዘይምኻን | | |
| 9 | ሓቀኛ ምኻን | | |
| 10 | ምሕሳው | | |
| 11 | ምትላል | | |

## 2.2.2 ብደረጃ ቤት ትምህርቲ ትፅቢት ዝግበረሉ ስነ ምግባር ተምሃራይ

- ኣብ ውሽጢ ቤት ትምህርቲ ካብ ተምሃሮ ዝሕሎ ስነ ምግባር እንታይ እዩ?
- ኣብ ውሽጢ ቤት ትምህርቲ ተምሃሮ ፅቡቕ ስነ ምግባር ንክህልዎም ዝድለየሉ ምኽንያት እንታይ እዩ?

ስነ ምግባር ተምሃራይ ምህናፅ ዝጅምር ኣብ ውሽጢ ስድራቤት እዩ፡፡ ንቆልዑት ብፅቡቕ ስነ ምግባር ሃኒፅካ ንምብፃሕ እጃም ወለዲ ልዑል እዩ፡፡
ቆልዑት ካብዝኾነ ሕማቕ ተግባር ርሒቖምን ፅቡቕ ስነ ምግባር ሒዞምን ንኽዓብዩ ናይ ምግባር ዓብይ ሓላፍነት ኣለዎም፡፡ ኣብያተ ትምህርቲ'ውን ካብ ወለዲ ብዘይንኣሰ ብስነ ምግባር ዝተሃነፁ ዜጋታት ናይ ምፍራይ ዓብዪ ሓላፍነት ተዋሂብዎም ኣሎ፡፡ ኣብያተ ትምህርቲ ጎና ጎኒ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ፅቡቕ ስነ ምግባር ዘለዎ ዜጋ ኣብ ምፍራይ ርኡይ ግደ ይፃወቱ እዮም፡፡ ተምሃሮ ብፅቡቕ ስነ ምግባር ተሃኒፆም ንኽዓብዩ ኣብያተ ትምህርቲ ንጉዳይ ስነ ምግባር ጠመተ ሂቦም ክንቀሳቐሱ ይግባእ፡፡ ኣብ ውሽጢ ኣብያተ ትምህርቲ ካብ ተምሃሮ ዝሕለዉ መግለፅታት ፅቡቕ ስነ ምግባር ብዙሓት እዮም፡፡ ካብዚኦም እዞም ዝስዕቡ ምጥቃስ ይከኣል፡፡

### ሀ. ምኽባር ሕግታትን ደንብታትን ቤት ትምህርትን ክፍልን

ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ውፅኢታዊ ንምግባር ዘኽእል ኣሰራርሓ ምዝርጋሕ ኣድላይ እዩ፡፡ እዚ ስርዓት ንምዝርጋሕ ድማ ሕግታትን ደንብታትን ቤት ትምህርቲ ቀንዲ መሳርሒ እዮም፡፡ ተምሃሮ ቤት ትምህርቶም ዘውፅኣሎም ሕግታትን ደንብታትን ከኽብሩ ትፅቢት ይግበረሎም፡፡ ካብ ሕግን ደንብን ቤት ትምህርቲ ብተወሳኺ ተምሃሮ ምስ መምህራኖም ብምስምማዕ ዘውፅእዎም ሕግታት ኣለዉ፡፡ እዞም ሕግታት'ውን ምኽባር የድሊ፡፡ ስለዚ ሕግታትን ደንብታትን ቤት ትምህርትን ክፍልን ምኽባር ካብ ተምሃሮ ትፅቢት ካብ ዝግበረሎም መግለፅታት ፅቡቕ ስነ ምግባር ተምሃሮ እቶም ቀንዲ እዮም፡፡

ለ. ንብረት ቤት ትምህርትን መምሃሪ ክፍልታትን ካብ ጉድኣት ምክልኻል፣

ኣብ ውሽጢ ቤት ትምህርትን መምሃሪ ክፍልታትን ዝርከብ ንብረት ካብ ህዝቢ ብዝተኣከበ ገንዘብ ዝተዓደጉ እዮም፡፡ እዞም ንብረታት ብዙሕ ሃብቲ ዝፈሰሰሎም ስለዝኾኑ ብቐሊሉ ዝትክኡ ኣይኮኑን፡፡ ስለዝኾነ ድማ ንውሕ ንዝበለ ግዘ ንኸገልግሉ ትፅቢት ይግበር፡፡ ነዊሕ ግዘ ከገልግሉ ዝኽእሉ ድማ ተምሃሮ ብጥንቃቐ እንተተጠቒሞምሎም፣ ሕድሕድ ተምሃራይ'ውን እቶም ንብረት ከይጉድኡ ካብ ጥፋት ክከላኸል እንተኽኢሉ እዩ፡፡ ሕድሕድ ተምሃራይ ብስምዒት ሓላፍነት እዙይ ምግባር እንተኽኢሉ እቶም ንብረት ተሓልዮም ቀፃላይ ወለዶ ክጥቀመሎም ይኽእል፡፡

ሐ. ፅሬትን ፅባቐን ቤት ትምህርትን መምሃሪ ክፍልታትን ምሕላው፣

ካብ ተምሃሮ ትፅቢት ካብ ዝግበረሎም ኣብነት ፅቡቕ ስነምግባር ውሽጢ ፅሬትን ፅባቐን ቤት ትምህርትን መምሃሪ ክፍልታትን ምሕላው ሓደ እዩ፡፡ እዚ ዕላማ ንኽዕወት ድማ ኩሉ ተምሃራይ መምሃሪ ክፍሉ ምፅራይ፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ተተኺሎም ዝርከቡ ተኽልታት ምክንኻን፣ ጉድኣት ንከይበፅሖም ምክልኻልን እንትበፅሖም ድማ ንምምሕዳር ቤት ትምህርቲ ከፍልጡ ትፅቢት ይግበረሎም። ፅሬትን ፅባቐን ቤት ትምህርቲ ዝተስተኻኸለ እንተኾይኑ ተምሃሮ ትምህርቶም ንኽመሃሩ ምቹዋት ቦታታት ይኾኑሎም፡፡ ከምዚ እንትኸውን ኣብያተ ትምህርቲ ከም መምሃሪ ቦታ ጥራሕ እንተይኮኑ ከም መዘናግዒ ቦታ'ውን ኮይኖም የገልግሉ እዮም፡፡

መ. ማሕበረሰብ ቤት ትምህርቲ ምኽባር፣

ኣብ ውሽጢ ቤት ትምህርቲ ዝካየድ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ውፅኢታዊ ንክኸውን ፃዕሪ ኩሉ ማሕበረሰብ ቤት ትምህርቲ የድሊ፡፡ ንውፅኢታውነት ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ኣስተዋፅኦ ዝገብሩ ኣካላት ኩሎም ምኽባር ትፅቢት ካብዝግበረሉ መግለፂ ሰናይ ስነ ምግባር እዩ፡፡



## መልመዲ - 9

ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡

1. ወናብር መምሃሪ ክፍሊ ብምኽንያት ጉድለት ጥንቃቐ እንተተሰይሮም ኣብ ዝቕፅል ዓመት ናብዚ ክፍሊ ዝመፁ ተምሃሮ ብኸመይ ክመሃሩ ይኽእሉ? ተመያየጡሉ'ሞ ፍታሕ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም እትብልዎም ሓሳባት ሓብሩ፡፡
2. ኣብ ቤት ትምህርቲ ካብ ተምሃሮ ትፅቢት ዝግበረሎም ስነምግባራት እንታይን እንታይን እዮም?
3. ተምሃሮ ፅቡቕ ስነ ምግባር ክህልዎም ንምንታይ ይድለ?
4. ብፅቡቕ ስነ ምግባር ዝተሃነፀ ትውልዲ ኣብ ምፍራይ ግደ ስድራቤት እንታይ ክኸውን ይኽእል?

## 2.3 ደረት ስልጣን

### 2.3.1 ደረት ስልጣን እንታይ እዩ?

- ኣብ ጣብያኹም ወይ ኣብ ወረዳኹም ተመራፂ ኮይኑ ብሕጊ ካብ ዝተፈቐደሉ ስልጣን ወፃኢ ሰሪሑ ተባሂሉ ዝተኸሰሰ ሰብ ምህላዉ ሰሚዕኹም'ዶ ትፈልጡ?
- ኣብ ከምዚ ዓይነት ተግባር ዝተሳተፈ ሰብ እንታይ ዓይነት ስጉምቲ ክዉሰዶ ይግባእ ትብሉ?

ደረት ስልጣን ሓደ ስራሕ ንምፍፃም ብሕጊ ዝተውሃበ ስልጣን እዩ፡፡ ብሕጊ ካብ ዝተውሃበካ ስልጣን ሓሊፍካ ንህዝቢ ዝብድል ተግባር ምፍፃም ተሓታትነት የስዕብ፡፡ እቲ ዝተፈፀመ ተግባር'ውን መብዛሕትኡ ግዜ ተቐባልነት ኣይህልዎን፡፡ ኣብ ዝኾነ ብርኪ ዝርከብ ብህዝቢ ዝተመረፀ ወይ በዓል ስልጣን መንግስቲ ንኹሉ ዝሰርሖ ስራሕን ዝተውሃቦ ሓላፍነትን ብዝተፈላለዩ ሕግታትን ደንብታትን ዝተወሰነ ስራሕ ዝፍፅመሉን ክፍፀም ዝገብረሉን ስልጣን ተዋሂብዎ እዩ፡፡ እዚ ዝተውሃቦ ሕጋዊ ስልጣን ኣብ ግቡእ ግዘን ቦታን ብኣግባቡ ተጠቒሙ ንክሰርሕ

ትፅቢት ይግበረሉ፡፡ እዚ ደረት ስልጣኑ እዩ፡፡ ካብ ዝተውሃቦ ደረት ስልጣን ወፃኢ ብዝኾነ መልክዕ ክሰርሕን ከስርሕን ኣይፍቀደሉን፡፡ ሰባት ካብዝተውሃቦም ስልጣን ወፃኢ ዝሰርሑ እንተኾይኖም ትኽክለኛ ኣሰራርሓ ዝብሃል ነገር ይጠፍእ፡፡ ኩሉ ሰብ ዝመሰሎ ነገር ብዝመሰሎ መንገዲ ይፍፅም፡፡ ንኣብነት ሓለቓ ክፍሊ ካብ ምኽባር ስነስርዓት ክፍሊ ዝሓላፈን ዘይተፈቐደን ተግባር እንተፈፂሙ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ሰላም ይጠፍእ፡፡ ተምሃሮ'ውን ተረጋጊኦም ክመሃሩ ኣይኽእሉን፡፡



## መልመዲ - 10

*ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡*

1. ደረት ስልጣን ምግባር ንምንታይ የድሊ?
2. ደረት ስልጣን እንተዘይህሉ እንታይን እንታይን ፀገማት ክፍጠሩ ይኽእሉ?

### 2.3.2 ኣድላዩነት ምግባር ደረት ስልጣን ብህዝቢ ኣብ ዝተመረፁ ኣካላት

- ብህዝቢ ዝምረፁ እንመን እዮም?

## ትዕቢት ኣይተ ሙሉ

ኣይተ ሙሉ ብዝህቢ ዝተመረፁ ኣቦ መንበር ሓደ ጣብያ እዮም፡፡ እዚ ሓላፍነት ካብ ዝተውሃቦም ግዘ ጀሚሩ እቲ ቀደም ተፈታዋይ ዝነበረ ፀባዮም እናተለወጠ መፂኡ ኣሎ፡፡ ብሕጊ ካብዝተውሃቦም ስልጣን ወፃኢ'ውን ምስራሕ ጀሚሮም እዮም፡፡ ብኣድልዎን ብዝምድናን ከምዝሰርሑ'ውን ይሕመዩ እዮም፡፡ ንኣብነት ዝተፈላለዩ ሰባት ብዘይ ብቑዕ ምኽንያትን ብማሕበራዊ ቤት ፍርዲ እቲ ጣብያ እንተየወሰኑን ብሕጋዊ መንገዲ ካብቲ ጣብያ ካብ ዝተኻረይዎ ገዛ ብስልጣኖም እናውፅኡ ንቸረባ ኣዝማዶም ምሃቦም ፀሓይ ዝዉቕዩ ሓቂ እዩ፡፡ ብዘይካ'ዚ

ካብ ደረት ስልጣኖም ብምሕላፍ ንመንበሪ ገዛ መስርሒ ብሊዝ ጨረታ ንምሻጥ ዝተዳለወ መሬት መንግስቲ ዝተፈላለዩ ጥቕምታት ብምቕባል ሸይጦም እዮም፡፡ ዝተፈላለዩ ህንፀት ንኸካየዱ'ውን ፈቒዶም እዮም፡፡ ካብዚ ዝነቐለ ዝመረፆም ህዝቢ ቅሬታ ኣሕዲሩ ኣሎ፡፡

እቲ ጉዳይ ዕላዊ ገይሮም ክወቕሱዎምን ስጉምቲ ክወስዱሎምን ኣይከኣሉን ኣይደፈሩን፡፡ ሓደ መዓልቲ እቲ ጣብያ ንኻሊእ ዋኒን ኣብ ዝፀውዖ ኣኼባ ህዝቢ ምስጢር ኣይተ ሙሉ ዝፈልጥ ሰብ፣ እቲ እናፈፀምዎ ዝርከብ በደል ብዝርዝር ብምቕራብ ካብ ስልጣኖም ንኽወርዱን ንዘብፅሕዎ ጥፍኣት'ውን በሕጊ ንክኽሰሱን ሕቶ የቕርብ፡፡ እቲ ነገር ኣብ ውሽጢ ልቦና ኩሉ ሰብ ዝነበረ ስለዝኾነ እቲ ኣኼበተኛ ህዝቢ ነቲ ዝቐረበ ሕቶ ትኽክለኛ ምዃኑ ብጣቕዒት ኣረጋጊፁ፡፡ ኣይተ ሙሉ ግና ኣቲ ዝቐረበሎም ክሲ ጥፍኣቶም ከምዘይኩነን ስልጣኖም'ውን ከምዘይለቁን ገለፁ፡፡



## መልመዲ - 11

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብመሰረት እቲ ምንባብ መልሱ፡፡*

1. ኣይተ ሙሉ ካብ ሕጊ ወፃኢ ዝፈፀምዎ ተግባር እንታይ እዩ?
2. እቲ ሰብኣይ ሕቶ እንተቕርብ እቲ ተኣካባይ ህዝቢ ዘጣቕዐ ንምንታይ ይመስለኩም?
3. ኣይተ ሙሉ ስልጣነይ ኣይለቕቕን ብምባሎም ኣብ ስልጣን ክፀንሑ'ዶ ይኽእሉ? ንምንታይ?
4. ኣብ ከባቢ'ኹም ምስዚ ተመሳሳሊ ዝኾነ ኩነት ምፍጣሩ ሰሚዕ'ኹም'ዶ ትፈልጡ? ውፅኢቱ'ኸ እንታይ ኮይኑ?

ብህዝቢ ተመሪፆም ዝብሃሉ ኣብ ሓደ ከባቢ ዝነበር ሕብረተሰብ ወይ ህዝቢ ሕጋዊ መሰላቱ ንክኽብርሉን ንዑ ወኪሎም ሕጋዊ ተግባራት ንኽፍፅምሉን ካብ መንጎኡ ዝመርፆም ተወከልቲ እዮም። ኣብ ብህዝቢ ንዝተመረፁ ደረት ስልጣን ምግባር ዘድሊ፦

- ሕግን ደንብን ንከይሸርሽርን መሰል ንኽይገሃስን፣
- እቲ ሓደ ተረቢሑ እቲ ካሊእ ከይጉዳእ፣
- ሓደራ ህዝቢ ክሕሎ ንምግባር፣
- ኣድላዊ ኣሰራርሓ ንምክልኻል፣
- ዘይሕጋዊ ኣሰራርሓ ንምቁፅፃር፣
- ጥፍኣት ተፈፂሙ እንትርከብ ግቡእ መቕፃዕቲ ንምሃብ፣ ወዘተ እዩ።



መልመዲ - 12

*ኣብዚ ዝስዕብ ሕቶ ተመያየጡ፡፡*

1. ኣብ ብህዝቢ ዝተመረፁ ደረት ስልጣን ምህላው ዘድልየሉም ምኽንያታት ብምዝርዛር ተመያየጡሉም፡፡

## 2.4. ምስጢር

### 2.4.1 ምስጢር መሓዛ

- ምስጢር እንታይ ማለት'ዩ?
- ምስ መሓዛኹም ምስጢር ኢልኩም ተዘራሪብኹም ትፈልጡ?
- ኣብ ሞንጎ መሓዙት እንታይ እንታይ ዛዕባታት እዮም ምስጢር ኢልካ ክትሕዞም እትክእል?

## ጠሊምካ ሓደራ

ኢለ እንተፃወትኩ ምስጢረይ ዋኒንካ፣
ከምዒፍ ዘሪእኻዮ ናብ ኩሉ እናዞርካ፣
ቃልካ ቃለይ ኢልካ ኣቲኻ ማሕላ፣
ሐዚ ግን ክሒድካ ጠሊምካ ሓደራ፣
ዓይኒ ሰብ ፈሪሐ ኅቢጡ ዝባነይ፣
ኪዳን ብምፍራስካ ተናዊፁ ውሽጠይ፣
ቁስለይ ክድሕን እዩ ዋላ ይፅናሕ ንዓመታት፣
ሕድሪ ምምካንካ ግና እዩ ዘይርሳዕ ሓጢያት፡፡

(ዳግላስ ጴጥሮስ - 1977ዓ.ም)



## መልመዲ - 13

***ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ግጥሚ መሰረት ገይርኩም እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡***

1. እቲ ግጥሚ ኣተሓሕዛ ምስጢር ብዝምልከት እንታይ የምህረና?
2. ኣብቲ ግጥሚ ብምኽንያት ምብኻን ምስጢር ጉድኣት ዝበፅሖ ሰብ ከመይ ተገሊፁ?
3. ምስጢሩ ዘይሕልው ሰብ እንታይ ጉድኣት የጋጥሞ?

ምስጢር መሓዛ ማለት ኣብ መንጎ ክልተ ወይ ካብ ክልተ ንላዕሊ ዝኾኑ መሓዙቶ ብቃል ኪዳን ተሓልዩ ዝተሓዝ ጉዳይ እዩ፡፡ እቲ ምስጢር ንኻልእ ሰብ ወይ ኣካል እንተተነጊሩ ግቡእ ስነ ምግባር ኣይኮነን፡፡ ምናልባት'ውን ፀገም ወይ ሓደጋ ከስዕብ ይኽእል እዩ፡፡ ምስጢር ሞዓዛ፣ ኣብ መንጎ ሰብ ሓዳር፣ ናይ ክፍሊ ወይ ቤት ትምህርቲ ኣዕርኽቲ፣ ናይ ስራሕ ኣዕርኽቲ፣ ናይ ከባቢ ኣዕርኽቲ፣ ወዘተ ክፍፀም ይኽእል፡፡ ሓድ ሓደ ሰባት ብባህሪኦም ምስጢር ተባሂሉ ዝተነገሮም

ናይ ምሕላው ክእለት ኣለዎም፡፡ ሓድ ሓደ ሰባት ድማ እቲ ምስጢር ኣሕሊፎም ንኻሊእ ሰብ ናይ ምዝራብ ባህርይ ኣለዎም፡፡ ምስጢር ክሕልዉ ዘይኽእሉ ሰባት ፍቕሪ ማሓዛ፣ ስድራ ቤትን ሕብረተሰብን ኣይረኽቡን፡፡ ዝተንዓቑን ዝተፀልኡን ይኾኑ፡፡ ምስጢር ንምሕላው ኣብ መንጎ ቃል ዝኣተዉ መሓዙት ብዝተፈላለየ ምኽንያት ርክቦም እንተቋርፅ'ውን እቲ ምስጢር ሕልው ኮይኑ ክፀንሕ ይግባእ። ምኽንያቱ'ውን እቲ ምስጢር እንተባኺኑ ካብ መመሳጥርቲ ኣብ ሓዲኦም፣ ኣብ ክልቲኦም ወይ ኣብ ካልኦት ሰባት ፀገም ወይ ሓደጋ ከስዕብ ይኽእል እዩ፡፡



## መልመዲ - 14

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ምስጢር መሓዛ እንታይ እዩ?
2. ኣብ መንጎ መሓዙት ክህሉ ናይ ዝኽእል ምስጢር ኣብነት ጥቐሱ?
3. ኣብ መንጎ መሓዙት ክዕቀብ ዝግባእ ምስጢር እንተባኺኑ እንታይ ዓይነት ፀገም ክስዕብ ይኽእል?

## 2.5 ግዕዝይና

### 2.5.1 እንታይነት ግዕዝይና




*ስእሊ 2.3 ሙስና ልዕልነት ሕጊ ከይኽበር ይገብር*

- ኣብቲ ስእሊ እትሪኡዎም ዘለኹም ሰባት እንታይ ይገብሩ ኣለዉ?
- እቲ ተግባሮም ሕቡእ ዝገብርሉ ምኽንያት እንታይ ይመስለኩም?
- ዝተወሰኑ ሰባት ሕብረተሰብ ዝጎድእ ተግባር እንትዝፍፀሙ እንታይ ምገበርኩም?

## ከምዚ ዝበለ ውፅኢት የለን፤

ተምሃሪት 7ይ ክፍሊ ዝኾነት ሉባባ ጓል ሃፍታም እያ፡፡ ብትምህርታ ግና ኣዝዮም ድኹማት ካብ ዝበሃሉ ተምሃሮ ሓንቲ እያ፡፡ መምህር ሓጋዚ ናይ ሉባባ ናይ ሒሳብ መምህርን ሓላፊ ክፍልን እዮም፡፡ መምህር ሓጋዚ ኩነታት ስድራ ቤት ሉባባ ብዝግባእ ይፈልጡ'ዮም፡፡ ስለዚ ንወለዲ ሉባባ ናብ ቤት ትምህርቲ ብምፅዋዕ ጓሎም ብትምህርታ ድኽምቲ ምዃናን ፍሉይ ሓገዝ ከምዘድልያን ይነግሩዎም፡፡ ስድርኣ ድማ መምህር ሓጋዚ ንሉባባ ኣብ ትርፊ ግዘኦም ንኽሕግዝዋ፣ ዋጋ ድኻሞም'ውን ዕቡቕ ክፍሊት ከምዝኽፍሉ ብምዝርራብ ሓገዝ ምሃቦም ቀፀሉ፡፡ ካብዚ ተወሳኺ ስራሕ ዝረኽብዎ ገንዘብ ካብ ስሩዕ መሃያኦም ይበዝሕ ስለዝነበረ መነባብሮኦም ሽፊኑሎም እዩ፡፡

መምህር ሓጋዚ ንሉባባ ግቡእ ሓገዝ ብምግባር ዕቡቕ ውፅኢት ንኽተምፅእ ብዙሕ ፃዕሪ እንተገብሩ'ውን ዘተባብዕ ውፅኢት ክተምፅእ ኣይክኣለትን፡፡ ከምዚ'ሉ እናሃለወ ድማ እዋን ፈተና ይቐርብ፡፡ ሉባባ ዕቡቕ ውፅኢት ክተምፅእ ከምዘይትኽእል፣ ዕቡቕ ውፅኢት እንተዘይኣምፂኣ ድማ እቲ እናረኽብዎ ዝፀንሑ ጥቕሚ ክቋረፅ ከምዝኽእል ዝተረድኡ መምህር ሓጋዚ ሕቶታት ፈተና ብምስጢር ብምውፃእ ሉባባ ብመልክዕ መልመዲ ንክትሰርሖ ይገብሩ፡፡ ሉባባ'ውን ምድላዋ ወዲኣ ንፈተና ቀሪባ፡፡ ኣብ መወዳእታ'ውን ውፅኢታ ካብ ኩሎም ተምሃሮ እቲ ክፍሊ ዝለዓለ ኮይኑ፡፡ ነቲ ጉዳይ ዝተጠራጠሩ ገሊኦም ተምሃሮን መምህራንን ድማ ንምምሕዳር እቲ ቤት ትምህርቲ ኣመልኪቶም፡፡ ምምሕዳር ቤት ትምህርቲ'ውን ብመሰረት እቲ ዝበፅሖ ሓበሬታ ምስ ኣፃረየ መምህር ሓጋዚ ኣብቲ ጉዳይ ኢዶም ከምዘለዎ ይፍለጥ፡፡ ሐዚ ጉዳይ መምህር ሓጋዚ ንኮሚቴ ዲሲፕሊን ቤት ትምህርቲ ቀሪቡ እናተረኣየ ይርከብ፡፡



## መልመዲ - 15

*ብመሰረት ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. *መምህር ሓጋዚ ግዕዝይና ፈፂሞም’ ዶ ኣይፈፀሙን?*
2. *እንታይን እንታይን ገበናት ግዕዝይና እዮም መምህር ሓጋዚ ዝፈፀሙ?*
3. *መምህር ሓጋዚ ንዝፈፀምዎ ጥፍኣት እንታይ ዓይነት ውሳነ ክውሃቦም ይግባእ?*

ግዕዝይና ናይ ሓንቲ ሃገርን መንግስትን ሰናይ ምምሕዳር ዘዛብዕ፣ ንምዕባለ ዴሞክራስን ምጣነ-ሃፍቲን ዝግበር ጉዕዞ ዘተዓናቕፍ፣ ኣብ መንጎ ሰባት ከም ሓቢርካ ናይ ምንባርን ምምሃርን፣ ከባቢ ልምዓት ሓቢርካ ናይ ምስራሕን ዝመሳሳሉ ክቡራት ፀጋታት ዝሽርሽር ሕማቕ ተግባር እዩ፡፡ ግዕዝይና ተኣማናይ ዘይምኳን፣ ኣብ ዝተዉሃበካ ሕድሪ እምነት ምጉዳል፣ ብገንዘብ ምድላል ብሞራል ውድቀትን፣ ብምምላድን ብኣድልዎን ሓቅን እምነትን ምጉዳል እዩ፡፡



## መልመዲ - 16

*ኣብ ዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡*

1. *ግዕዝይና እንታይ እዩ? መግለፂታቱ’ኸ እንታይ እዮም?*
2. *ግዕዝይና እንታይ ጉድኣት የስዕብ?*

## 2.5.2 ሓላፍነቶም ብዝረስዑ ተመረፅቲ ህዝቢ ኮነ ብሰበ- ስልጣን መንግስቲ ክፍፀሙ ዝኽእሉ ተግባራት ግዕዝይና

- ሓላፍነቶም ብዝረስዑ ሰበ ስልጣን ክፍፀሙ ዝኽእሉ ተግባራት ግዕዝይና እንታይ እንታይ እዮም?
- ብህዝቢ ዝተውሃበና ስልጣን ብኸመይ ኣገባብ ኢና ክንጥቀመሉ ዘለና?

ስልጣን ብመረፃ ህዝቢ፣ ብፖለቲካዊ ሹመት ወይ ብደረጃ ትምህርትን ልምዲ ስራሕን ክርከብ ይኽእል፡፡ እቲ ህዝቢ መሪፁ ኣብ ስልጣን ዘቐምጦም ሰባት ተመረፅቲ ህዝቢ ይብሃሉ፡፡ ብፖለቲካዊ ሹመት፣ ብደረጃ ትምህርትን ብልምዲ ስራሕን ስልጣን ዝረኸቡ ድማ ሰበ ስልጣን መንግስቲ ይብሃሉ፡፡

ዝኾነ በዓል ስልጣን ካብኡ ዝሕሎ ሓላፍነትን ግቡእን ካብ ምፍፃም ብተወሳኺ ብዝተደንገገ ሕግን መምርሕን መሰረት ስርሑ ንኽፍፅም ትፅቢት ይግበረሉ፡፡ ካብ ጣቢያ ክሳብ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ብህዝቢ ተመሪፆም ዝተወከሉ ውልቀሰባት ሓላፍነቶም እንተዘይተዋፂኦምን ሕጊ ብዝፈቕዶ መሰረት እንተ ዘይሰሪሖምን ተግባሮም ከም ጥፍኣት ተገይሩ ይውሰድ፡፡

ብህዝቢ ብዝተመረፁ ወይ ብሰበ ስልጣን መንግስቲ ካብ ዝፍፀሙ ተግባራት ግዕዝይና እዞም ዝስዕቡ ከም ኣብነት ክጥቀሱ ይኽእሉ፡፡

- ጉቦ፣ መደለሊ፣ ዘይግቡእ ህያብ ምሃብን ኣድላዩ ብዘይኮነ መንገዲ ንሰብ ምጥቃምን ወይ ምጉዳእን፣
- ንብረት መንግስቲ ወይ ህዝቢ ንውልቀ ረብሓ ምውዓል፣
- ስልጣን መንግስቲ ጉልባብ ብምግባር ብዝምድናን ብዝመሳሰሉን ተግባራት ምፍፃም፣
- ኣገዲድካ ምጥቃምን  ውልቀ ረብሓ  ምምችቻውን፣
- ምብኻን ምስጢር፣

- ስርቂ፣ ምትላልን ምዝመዛን ምስጓም፣
- ብዝምድናን ብዕርክነትን ምስራሕ፣



## መልመዲ - 17

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ብህዝቢ ዝተመረፁን ሰብ ስልጣን መንግስትን ኣፈላለዮም እንታይ እዩ?
2. ብህዝቢ ዝተመረፁን ብሰብ ስልጣን መንግስትን ክፍፀሙ ካብ ዝኽእሉ መግለፅታት ግዕዝይና ኣርባዕተ ብምጥቃስ ኣብርሁ፡፡

## መጠቓለሊ

ሕገ መንግስቲ ላዕለዋይ ሕጊ ሓንቲ ሃገር እንትኾን፣ ብወሳንነት ናይታ ሃገር ቀንዲ ጉዳያት ፖለቲካ፣ ምጣነ-ሃፍቲን ማሕበራዊ ኩነታትን ዝሓዘ ሰነድ እዩ፡፡ ሕገ መንግስታት ክልል ድማ ክልላት ዓርሶም ብዓርሶም ንኽመሓድሩ ዘኽእልዎም ላዕለዎት ሕግታት እቶም ክልላት እዮም፡፡

ምኽባር ሕጊ ማለት ኩሎም ዜጋታት ንሕግታት ተገዛእቲ ምዃንን ምምራሕን ዘመልክት እንትኾን፣ ሕጊ ክኽበር ምግባር ድማ ሕግታት ብካልኦት ሰባት እንትጠሓሱ ሕጋዊ ብዝኾነ መንገዲ ምክልኻል የርኢ፡፡

ንዝኾነ ነገር ደረት እንተዘይተገይርሉ ደረቱ እንተይተፈለጠ ይቐሪ'ሞ ስርዓት ይጠፍእ፡፡ ብተመሳሳሊ መንገዲ ኣብ ዝኾነ ብርኪ ዝርከብ ተመራፂ ህዝቢ'ውን ንዝሰርሖ ስራሕን ንዝተውሃቦ ሓላፍነትን ኩሉ ብዝተፈላለዩ ሕግታትን ደንብታትን ዝተወሰነ ናይ ትኽክለኛ ስራሕ መፈፀምን ኽፍፀም ምግበርን ስልጣን ኣለዎ፡፡ ደረት ስልጣን ዘድለየ ብህዝቢ ዝተመረፁ ሹመኛታት መንግስትን ኣብ ክሊ ደረት ስልጣን ንኽሰርሑ ንምግባር እዩ፡፡

ስነምግባር ፍፃመታት ሕማቓት ወይ ፅቡቓት ምዃኖም እንምርምረሉ መመዘኒ እዩ፡፡ ፅቡቕ ካብ ሕማቕ፣ ሓቂ ካብ ሓሶት፣ ግቡእ ዝኾነ ግቡእ ካብዘይኮነ ፈሊና ንምፍፃም ብድሌትና ግዴታ እንኣትወሉ እዩ፡፡ ብደረጃ ቤት ትምህርቲ'ውን ተምሃሮ ክሕልዉዎም ዝግብኦም ብዙሓት ስነ ምግባራት ኣለዉ፡፡

ምስጢር መሓዛ ማለት ኣብ መንነ ክልተ ወይ ካብ ክልተ ንላዕሊ ዝኾኑ ኣዕርኽቲ ብቃል ኪዳን ተሓልዩ ዝተሓዝ ጉዳይ እዩ፡፡ እቲ ምስጢር እንተባኺኑ ኣብ ሓዲኦም ወይ ኣብ ክልቲኦም ኣዕርኽቲ ከብፅሖ ዝኽእል ፀገም ወይ ሓደጋ ክህሉ ስለዝኽእል እቲ ምስጢር ተሓልዩ ክፀንሕ ኣለዎ፡፡

ግዕዝይና ሰናይ ምምሕዳር መንግስቲ ሓንቲ ሃገር ዘዛብዕ፣ ንህንፀት ዴሞክራሲን ምዕባለ ምጣነ ሃፍትን ዝግበር ጉዕዞ ዘተዓናቕፍ፣ ተሓባቢሩካ ምስራሕን ሓቢርካ ምንባርን ዝኣመሰሉ ክቡራት ፀጋታት ዝሸርሽር ተግባር እዩ፡፡ ሓላፍነቶም

ዝረስዑ ብህዝቢ ዝተመረፁ ኮኑ ሰበ ስልጣን መንግስቲ ክፍፅምዎም ዝኽእሉ ተግባራት ግዕዝይና ኣለዉ፡፡ እዞም መፅነውቲ ተግባራት ንኸይፍፀሙ ኩሉ ዜጋ ናይ ምክትታልን ምክልኻልን ሓላፍነት ኣለዎ፡፡

## ኣገደስቲ ቃላት

**ተመረፅቲ ህዝቢ፦** ኣብ ሓደ ከባቢ ዝርከብ ሕብረተሰብ ወይ ህዝቢ ሕጋዊ መሰላቱ ንክኽበርሉን ሕጋዊ ተግባራት ንኽፍፀመሉን ዝመርፆም ተወከልቲ፡፡

**ደረት ስልጣን፦** ሕገ መንግሰቲ፣ ካልኦት ሕግታት፣ ደንብታትን መምርሕታትን መሰረት ብምግባር ዝወሃብ ወሰን ስልጣን፡፡

**ግዕዝይና፦** ካብ መንግስቲ ወይ ካብ ህዝቢ ዝተውሃበካ ስልጣን ሓቅን እምነትን ብዘጎደሎ ኣገባብ ካብ ስነ ምግባር ወፃኢ ብምስራሕ ሃፍቲ ህዝቢ ንውልቀ ረብሓ ወይ ንረብሓ ካሊእ ሰብ ብምውዓል ዝፍፀም ጥፍኣት፡፡

## መጠቓለሊ ሕቶታት

I. *ነዞም ዝስዕቡ ሙሉእ ሓሳባት ዝሓዝዎ ሓሳብ ትኽክል እንተኾይኑ "ሓቂ" ትኽክል እንተዘይኮይኑ ድማ "ጌጋ" እናበልኩም መልሱ፡፡*

1. ሕገ መንግስታት ክልላት ኩነታት ዓርሰ ምምሕዳር የመቻችዉ እዮም፡፡
2. ሓደ ዜጋ ሕጊ ንከኽብር እምበር ሕጊ ክኽበር ናይ ምግባር ግቡእ የብሉን፡፡
3. ኣብ ብህዝቢ ዝተመረፁ ደረት ስልጣን ክግበር የብሉን፡፡
4. ኣብ መንጎ ክልተ ኣዕርኽቲ ዝተትሓዘ ምስጢር እንተባኺኑ ፀገም ከስዕብ ይኽእል እዩ፡፡

## II. ኣብዞም ዝስዕቡ ክፍቲ ቦታታት ትኽክለኛ ቃል ወይ ሓረግ ብምምላእ መልሱ፡፡

1. ሓደ ሕብረተሰብ ቅቡል ዝገብሮ ዝኾነ ዓይነት ሰናይ ምግባር ________ ስነ ምግባር ይበሃል፡፡
2. ፅቡቕ ስነምግባር ዝጅምር ካብ ______________ እዩ፡፡
3. ሕጊ ክኽበር ንምግባር መጀመርታ____________ምኽባር የድሊ፡፡

## III. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ካብ ዝተውሃቡ መማረፅታት ትኽክለኛ መልሲ ብምምራፅ መልሱ፡፡

1. ካብዞም ዝስዕቡ ኣብነት ፅቡቕ ስነምግባር <u>ዘይኮነ</u> ኣይናይ እዩ?

   ሀ. ደንቢ ቤት ትምህርትን መምሃሪ ክፍልን ምኽባር

   ለ. ፅርየት መምሃሪ ክፍሊ ምሕላው

   ሐ. ንብረት ካልኦት ተምሃሮ ዘይምውሳድ

   መ. መልሲ ኣይተውሃበን

2. ካብዞም ዝስዕቡ ኣብ ተመረፅቲ ህዝቢ ዝግበር ደረት ስልጣን ብዝምልከት <u>ሓቂ</u> ዝኾነ ኣየናይ እዩ?

   ሀ. ካብ ዝተውሃበካ ደረት ስልጣን ወፃኢ ምስራሕ

   ለ. ብህዝቢ ካብ ዝተውሃበካ ደረት ስልጣን ንታሕቲ ምፍፃም

   ሐ. ሕጋዊ ስልጣንካ ብግቡእ መንገዲ ምጥቃም

   መ. ኩሎም መልሲ እዮም፡፡

3. ብህዝቢ ዝተመረፁ ወይ ብሰበስልጣን መንግስቲ ካብዝፍፀሙ ተግባራት ግዕዝይና ሓደ <u>ዘይኮነ</u> ኣየናይ እዩ?

   ሀ. ጉቦ ምቕባል

   ለ. ስራሕ መንግስቲ ንውልቀ ግልጋሎት ምውዓል

ሐ. ምስጢር ምሕላው

መ. ብዝምድና ምስራሕ

4. ኣብ መንጎ ክልተ ወይ ካብ ክልተ ንላዕሊ ዝኾኑ መሓዙት ብቃል ኪዳን ተሓልዩ ዝተሓዘ ጉዳይ እንታይ ተባሂሉ ይፍለጥ?

ሀ. ምስጢር ቤተሰብ | ሐ. ምስጢር መሓዛ

ለ. ምስጢር ሃገር | መ. ውልቀ ምስጢር

## IV. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃቡ፡፡*

1. ሕገ መንግስታት ክልላት ካብ ዘድልይሉ ምኽንያታት ክልተ ግለፁ፡፡
2. ካብ ተምሃሮ ትፅቢት ካብ ዝግበረሎም ስነ ምግባራት ሰለስተ ዝኾኑ ዘርዝሩ፡፡

# ምዕራፍ ሰለስተ

## ማዕርነት

**ዕላማታት እዚ ምዕራፍ፣**

**እዚ ምዕራፍ ተማሂርኩም እንትትውድኡ፦**

- መሰላት ማዕርነትን ማዕረ ተረባሕነትን ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ትግንዘቡ፡፡
- ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ልምዓትን ህንፀት ሃገርን ክህልወን ዝግባእ ተሳትፎ ትፈልጡ፡፡
- ጉዱኣት ኣካል ብደረጃ ቤት ትምህርቲ ክህልውዎም ዝግብኡ መሰላት ትርድኡ፡፡

## 3.1 መሰል ማዕርነት

- ኣብ ከባቢ'ኹም እናተተግበሩ ዝርከቡ መሰላት ማዕርነት ኣብነት ብምቕራብ ኣረድኡ፡፡

ካብ ሞንጎ መሰረታዊ መትከላት ስርዓት ዴሞክራሲ ሓደ ማዕርነት እዩ፡፡ ትኽክለኛን ምሉእን ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ዝምዘን መሰላት ብማዕርነት እንትኽበሩ እዩ፡፡ ማዕርነት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ከምኡ'ውን ዜጋታት ሓዲኦም ካብ ሓዲኦም እንተይበለፁ መሰላቶም ብማዕርነት ዝኽበርሉ እዩ፡፡ ኣብ 1987 ዓ/ም ዝፀደቐ ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ መሰላት ማዕርነት ብዝርዝር ኣቐሚጡ እዩ፡፡



## መልመዲ - 1

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡

1. ኣብ ከባቢኹም ኣብዚ ሐዚ እዋን መሰላት ማዕርነት ክሳብ ክንደይ ብተግባር እናተኸበሩ ይርከቡ?
2. ካብ ትፈልጥዎም መሰላት ማዕርነት ሰለስተ ጥቐሱ፡፡
3. ዓንቀፃት 25፣ 40ን 41ን ብምንባብ ኣብ ውሽጦም ዝርከቡ መሰላት ማዕርነት ብምፍላይ ተመያየጡሎም፡፡

### 3.1.1. መሰላት ማዕርነትን ማዕረ ተረባሕነትን ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን

- ኣብ ከባቢኹም ማዕረ ተረባሕነት ዜጋታት ዘርእዩ ተግባራት ፅርሑ፡፡

ማዕርነት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን እንትብሃል፣ ሓዲኦም ካብ ሓዲኦም ብዘይምብልላፅ መሰሎም ብማዕረ ደረጃ ምኽባር ማለት እዩ፡፡ መሰል ማዕረ ተረባሕነት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ዘመልክት ይ ህዝብታት ሓዲኦም ናይቶም ካልኦት ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ብምኽባር፣ ኣብ ሃፍቲ ሃገሮም ማዕረ ናይ ምጥቃምን ዕድል ልምዓት ናይ ምርካብን መሰል እዩ፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ዝኾነ ፖለቲካዊ፣ ምጣነ-ሃፍታውን ማሕበራውን ምንቅስቓስ ንጡፍ ተሳታፍን ተጠቃምን ምኳን የመልክት፡፡

ሐዚ ኣብ ሃገርና እናተሃነፀ ኣብ ዝርከብ ስርዓት ዴሞክራሲ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ማዕረ ብምኳኖም ካብ ዝርከቡ ውፅኢታት ልምዓት ተጠቀምቲ ናይ ምኳን መሰሎም ብሕጊ ዝተረጋገፀ እዩ፡፡ ስለዚ ሃፍቲ ሃገሮም ብኣግባቡ ንምጥቃምን ንምክንኻንን ብሓባር ክሰርሑ ይግባእ፡፡



## መልመዲ - 2

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. መሰላት ማዕርነትን ማዕረ ተረባሕነትን ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ዘረጋግፁ ተግባራት ጥቐሱ፡፡
2. ካብ እዞም ዝስዕቡ ትልምታት ልምዓት ኣብ ከባቢኹም ዝተዘረግሑን ዘይተዘርግሑን ብምፍላይ ኣብ ትሕቲ "ዝተሰርሐ"ን "ዘይተሰርሐ"ን ዝብሉ ሳጻኞ "√" ምልክት ብምቕማጥ ኣመላኽቱ፡፡

| ዘፈር ልምዓት/መሰረት ልምዓት | ዝተሰርሐ | ዘይተሰርሐ |
|---|---|---|
| • መንገዲ | | |
| • ኬላ ጥዕና | | |
| • ግልጋሎት መብራህቲ | | |
| • ግልጋሎት ማይ | | |
| • ቤት ትምህርቲ | | |

### 3.1.2 ኣብ ሓደ ከባቢ ዝነብሩ ህዝብታት ብማዕረ ዝጥቀሙሎም ትካላት



*ስእሊ 3.1 ህዝብታት ዝጥቀሙሎም ዝተፈላለዩ ትካላት ልምዓት*

- ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ህዝብታት ዝጥቀሙሎም ትካላት ልምዓት ዘርዝሩ፡፡
- እዞም ትካላት እንተዘይህልዉ ክፍጠሩ ምኽኣሉ እትብልዎም ፀገማት ጥቐሱ፡፡

ኣብ ዝሓለፉ ስርዓታት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ካብ ሃፍትታትን ትካላትን ሃገሮም ብማዕርነት ናይ ምጥቃም መሰል ኣይነበሮምን፡፡ ሎሚ ሃገርና እናሃነፀቶ ኣብ ትርከብ ስርዓት ዴሞክራሲ ግን ብዙሓት ለውጥታት እናተረኣዩ ይርከቡ፡፡ ነዚ መርኣዩ ንክኸውን ስዒቡ ዝርከብ ምንባብ ብዝግባእ ምስ ኣንበብኩም ኣብ ትሕቲኡ ዝርከቡ ሕቶታት መልሱ፡፡

## ህዝብታት ክልል ቤንሻንጉል ጉሙዝ

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ህዝብታት ቤንሻንጉል ጉሙዝ ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኣብ 1987 ዓ/ም ካብ ዝተመስረቱ ክልላት ሓደ እዩ፡፡ ኣብቲ ክልል ብዙሓት ፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ይርከቡ፡፡ ካብዚኦም ውሽጢ ጉሙዝ፣ በርታ፣ ሺናሻ፣ ማኦን ኮሞን ነባር ብሄረሰባት እዮም፡፡ እዞም ህዝብታት ብምፍቕቓድ ብዝመስረትዎ ሓድነትን ምትሕልላይን ሓቢሮም እናነበሩ ይርከቡ፡፡



*ሰእሊ 3.2 ካብ ሞንጎ ህዝብታት ቤንሻንጉል ጉሙዝ*

ኣብ ዝሓለፉ ዘበናት ቤንሻንጉል ጉሙዝ ኣበየናይ ከባቢ ኢትዮጵያ ከምዝርከብ'ኳ ብዙሓት ኣይፈልጡን ነይሮም፡፡ ህዝብታት እቲ ክልል ታሪኾም፣ ባህሎምን ቋንቋኦምን ተረሲዑ ፀኒሑ'ዩ፡፡ ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ሃፍትታትን እቶትን ንረብሓ እቲ ህዝቢ እንተይኮነ ንውሑዳት ገዛእቲ ደርብታት ረብሓ ጥራሕ ንኽውዕሉ እናተገበረ ፀኒሑ'ዩ፡፡ በዚ ምኽንያት ናይዞም ህዝብታት መሰላት ማዕርነትን ተጠቃምነት ተኸልኪሎም ፀኒሖም'ዮም፡፡

ሎሚ ግና ብሄረሰባት ህዝብታትን እቲ ክልል ዓርሶም ብዓርሶም እናመሓደሩ ይርከቡ፡፡ ኣብ ሃፍቲ እዚ ሃገር'ውን ምስ ካልኦት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ብማዕረ ተጠቀምቲ ንክኾኑ ምቹው ኩነታት ተፈጢሩሎም ይርከብ፡፡ መሰል ተጠቃምነት ልምዓትን ሓባራዊ ሃፍትን'ውን ብማዕርነት እናተኸበረሎም ይርከብ፡፡ ዓቕሚ እታ ሃገር ብዝፈቐዶ መጠን'ውን መብዛሕትኦም ከተማታትን ቁሸታትን እቲ ክልል ተጠቀምቲ ልምዓት ብምኧኖም ተስፋ ዝህቡ ለውጥታት እናተረኣዩ ይርከቡ፡፡ መሰል ማዕርነት ኣብቲ ክልል ኣብ ግብሪ ብምውዓሉ ህዝብታት ንልምዓትን ንዕብየትን ብዝበለፀ ተላዒሎም ይርከቡ፡፡ ኣብዚ ሕዚ እዋን ድኽነት ንምስዓር ብትግሃት እናተረባረቡ ይርከቡ፡፡

ኣብቲ ክልል ካብ ዝተዘርግሑ መሰረተ ልምዓት ውሽጢ ግልጋሎታት መብራህቲ፣ ስልኪ፣ ፅሩይ ዝሰተ ማይ፣ መንገዲ፣ ኬላ ጥዕና፣ ፖስታን ትራንስፖርትን ምጥቃስ ይከኣል፡፡ ኣብዞም ትካላት'ዚኦም እቶም ህዝብታት በብ ኸባቢኦም ብማዕርነት እናተጠቐሙሎም ይርከቡ፡፡ እቲ ግልጋሎት ቀፃልነት ክህልዎ ንምግባር ድማ እቲ ህዝብን ምምሕዳርን ብሓባር ዝለዓለ ፃዕሪ ክገብሩ ይግባእ፡፡ ኣብዚ ሐዚ እዋን ድማ ድኽነት ንምስዓር ብንጥፈት እናተንቀሳቐሱ ይርከቡ፡፡



## መልመዲ - 3

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ካብቲ ምንባብ ህዝብታት ቤንሻንጉል ጉሙዝ ብሓባር ዝጥቀሙሎም ትካላት ዘርዝሩ፡፡
2. እቲ ማሕበረሰብ ነዞም ትካላት ብኸመይ ኣገባብ ብማዕርነት ክጥቀመሎም ይኽእል?
3. ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ትካላት ልምዓት ብምዝርዛር ማዕረ ተጠቃምነት እቲ ሕብረተሰብ ብኸመይ ከምዝረጋገፁ ኣብርሁ፡፡
4. ምምሕዳር ከባቢ ልምዓት ኣብ ምቅልጣፍ ዝህልዎ ግደ ግለፁ፡፡

### 3.1.3 ምኽባር መሰላት ማዕርነትን ማዕረ ተረባሕነትን ዝርከቦ ረብሓ

- ኣብ እትነብርሉ ከባቢ ኣብ ትካላት ልምዓት ህዝብን መንግስትን መሰል ብማዕረ ኣብ ምጥቃም መዳይ ክሳብ ክንደይ እናተተግበረ ይርከብ?

መሰል ማዕረ ተረባሕነት እንትንብል ኣብ ሓንቲ ሃገር ካብ ዝፍፀሙ ዝኾኑ ዓይነት ውፅኢታት ልምዓትን ምዕባለን ብማዕርነት ምጥቃም ዘመልክት እዩ፡፡ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኣብ ልምዓት ሃገር ማዕረ ሓላፍነት ስለዘለዎም ካብ ዝኾነ ረብሓ'ውን ማዕረ ተመቀልቲ ክኾኑ ኣለዎም፡፡ ኮይኑ ግና መሰል ማዕረ ተጠቃምነት ዜጋታት ኣብ ዘይብሉ ስርዓት ማዕርነት ክዓስል ኣይኽእልን፡፡ ማዕርነት እንተዘይዓሲሉ ድማ ህዝብታት መሰሎም ንከኽብሩ ናብ ግርጭት ክኣትዉ ይኽእሉ፡፡ እዚ'ውን ሕጊ ዘይምኽባርን ሰላም ምጥፋእን ክስዕብ ይገብር፡፡ እዚ እንተኾይኑ ድማ ምዕባለን ልምዓትን ኣምፂእኻ ካብ ድኽነትን ድሕረትን

ንምውፃእ ኣፀጋሚ ይኸውን፡፡ ስለዚ ንህዝብታት ኩሎም ካብ ዝኾነ ዓይነት ልምዓት ብማዕርነት ክጥቀሙ ምግባር ንምዕባለ ሃገር ዝለዓለ ረብሓ ኣለዎ፡፡ እዚ ንክኸውን ድማ ሕብረተሰብን መንግስትን ብሓባር ክሰርሑ ይግባእ፡፡



## መልመዲ - 4

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡

1. መሰል ማዕረ ተጠቃምነት እንትንብል እንታይ ማለትና እዩ?
2. መሰል ማዕረ ተጠቃምነት ዜጋታት ኣብ ዘይብሉ ስርዓት እንታይ እንታይ ፀገማት ክፍጠሩ ይኽእሉ?

## 3.2 መግለፅታት ማዕርነት

- ኣብ ከባቢኹም መግለፅታት ማዕርነት ካብ ዝኾኑ ነገራት ሰለሰተ ዘርዝሩ፡፡
- ምኽባር ማዕርነት ህዝብታት ዝህልዎ ረብሓ ዘርዝሩ፡፡

ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን መሰሎም ኣብ ምጥቃምን ሓላፍነቶም ኣብ ምፍፃምን መዳይ ማዕረ እዮም፡፡ ኣብ ሃገርና ዝርከቡ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ብዖታ፣ ብሃይማኖት፣ ብቋንቋን ብዝመሳሳሉን ዝተፈላለዩ ምኽንያታት ፍሉጥ እዩ፡፡ ኮይኑ ግና እዚ ኣፈላላይ ኣብ ምኽባር ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ፅዕንቶ ኣይህልዎን፡፡ ዝኾነ ኢትዮጵያዊ ዜጋ ኣብዝኾነ ከባቢ እታ ሃገር ይወለድ ብመዳይ ምኽባር መሰል ካብ ዝኾነ ሰብ ኣይትሕትን፣ ኣይልዕልን፡፡

ካብ መንነ መግለፅታት ማዕርነት ዝኾኑ ቋንቋታት፣ ሃይማኖታትን ካልኦት ባህላዊ መግለፅታትን ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ብማዕርነት ምኽባሮም ተጠቀምቲ እዮም፡፡

## 3.2.1 መግለፅታት ማዕርነት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን

- ስዒቡ ዝተቐመጠ ድንጋገ ሕገ መንግስቲ ብግቡእ ኣንቢብኩም ዝተረደኣኩም ሓሳብ ግለፁ፡፡

"ዝኾነ ብሄር፣ ብሄረሰብን ህዝብን ኢ.ትዮጵያ ብቋንቋኡ ናይ ምዝራብ፣ ምፅሓፍ፣ ቋንቁኡ ምዕባይን ብባህሉ ናይ ምግላፅ፣ ምምዕባልን ምስፋሕን፣ ከምኡ'ውን ታሪኹ ናይ ምክንኻን መሰል ኣለዎ፡፡" ሕገ መንግስቲ ፌዴሪኢ. ዓንቀፅ 39/2

### ሀ. ማዕርነት ቋንቋ

- ማዕርነት ቋንቋ እንታይ ማለት እዩ?

ኩሎም ህዝብታት ኢ.ትዮጵያ ማዕረ እዮም፡፡ ቋንቋኦም ብማዕርነት ክኽበረሎም ይደልዩ፡፡ እዚ መሰልውን ኣብ ሕገ መንግስቲ ዓንቀፅ 39 ተኻቲቱ ይርከብ፡፡ ብሄራት፣ ብሄረሳባትን ህዝብታትን ብቋንቋኦም ናይ ምጥቃም መሰል ኣለዎም፡፡ እዚ እንትብሃል ቋንቆኦም ንትምህርትን ንስነ ፅሑፍን ናይ ምጥቃም፣ ብቋንቆኦም ናይ ምዝራብን ናይ ምድናይን፣ ከምኡ'ውን ቋንቆኦም ናይ ምምዕባልን መሰላት ይሓውስ፡፡ ብዘይካ'ዚ ህዝብታት ካብ ቋንቋኦም ብተወሳኺ ካልኦት ቋንቀታት ናይ ምምሃርን ምፍላጥን መሰሎም ተኸቢሩሎም እዩ፡፡ ስለዚ ኩሎም ቋንቋታት ብማዕርነት ምኽባርን ክኽበሩ ምግባርን፣ ንሰላም፣ ንምዕባለን ንሓባራዊ ምርድዳእን ኣዝዩ ጠቓሚ እዩ፡፡

### ለ. ማዕርነት ፆታ

- ማዕርነት ፆታ ክኽበር ከምዘለዎ ትኣምኑዶ?

ሰባት ብተፈጥርኦም ኣንስታይ ወይ ተባዕታይ ብምኳኖም ፍልልይ ፆታ እንተሃለዎም'ውን መሰሎም ግን ብማዕረ ደረጃ ክኽበሩሎም ይግባእ፡፡ ኣንስተይቲ

ብተፈጥሮኣዊ ያታኣ ምኽንያት እትስእኖ መሰል ክህሉ የብሉን፡፡ ተባዕታይ ክምኡ ወዲ ኮይኑ ስለዝተፈጠረ ካብ ጓል ዝተሓተ ወይ ዝለዓለ መሰል ክህልዎ ኣይግባእን፡፡

ማዕርነት ያታ ማለት ማዕርነት ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ማለት እዩ፡፡ ብመሰረት'ዚ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ብምኽንያት ያትኦም እንተይተበላለፁ ማዕረ እዮም፡፡ ደቂ ኣንስትዮ ፍርቂ ኣካል እቲ ሕብረተሰብ ብምዃነን፣ ንሳተን ዘይተሳተፋሉ ዝኾነ ዓይነት ምንቅስቓስ ልምዓት ውፅኢታዊ ክኸውን ኣይኽእልን፡፡ ስለዝኾነ ድማ ምኽባር ማዕርነት ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ንምዕባለ መሰረታዊ ጉዳይ እዩ፡፡ ካብ ታሪኽ ዝወረስናዮ ንደቂ ኣንስትዮ ኣትሒትካ ናይ ምርኣይ ኣመለኻኽታ ክቕየር ኣለዎ፡፡ ደቂ ኣንስትዮ ብኣታሓሳስበአን፣ ብብሰለት ኣእምሮአንን፣ ብክእለት ምህዞአንን ብኣወሃህባ ኣመራርሐአን ካብ ደቂ ተባዕትዮ ኣይንእሳን፡፡



## መልመዲ - 5

*ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡*

1. ብቋንቋኻ ናይ ምጥቃም መሰል እንትብሃል እንታይን እንታይን ጉዳያት ይሓቁፍ?
2. ብዘይ ንጡፍ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ዝተማልአ ልምዓት ምምፃእ ዘይከኣለሉ ምኽንያት እንታይ ይመስለኩም?

### 3.2.2 ማዕርነታዊ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ንልምዓትን ዕብየትን ሃገር፣

- ደቂ ኣንስትዮ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ ክሳተፉ ምግባር ንልምዓትን ንዕብየት ሃገርን ዝህልዎ ረብሓ ግለፁ፡፡

## "ደቂ ኣንስትዮን ቱሪዝምን"

ንውሕ ንዝበሉ ዘበናት ምግብን መስተን ኣፀቢቕካ ንስድራቤት ናይ ምድላው ስራሕ ንደቂ ኣንስትዮ ተገዲፉ ፀኒሑ እዩ፡፡ ብተወሳኺ ንዝተፈላለዩ ዋኒናት ካብ ቀረባ ይኹን ካብ ርሑቕ ጋሻ ኮይኖም ንዝመፁ ኣባላት ሕብረተሰብ ተመሳሳሊ ግልጋሎት ናይ ምሃብ ልምዲ ኣማዕቢለን እየን፡፡ ቀስ እናበለ'ውን ካብ ሃገራት ወፃኢ ኣጋይሽ እንትመፁ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ብዘይ ክፍሊት ኣብሊዕኻ፣ ኣስቲኻን መዕረፊ ሂብካን ምስ ናይ ብፅሒት ስራሕ ደቂ ኣንስትዮ ኮይኑ ፀኒሑ'ዩ፡፡ ደሓር'ውን ካብ ወፃኢ ይኹንውሽጢሃገር ንዝመፁ ዑደተኞታት (ቱሪስትታት) ገንዘብ ከፊሎም ዝግልገሉሎም ሆቴላት ስራሕ ምስጀመሩ ሐዚ'ውን እቲ ናይ ምትእንጋድ ሓላፍነት ካብ ደቂ ኣንስትዮ ኣይወፀን፡፡ እዚ ኹሉ ብሓደ ተጠቓሊሉ እንትረአ ቱሪዝም ኣብ ሃገርና ክጥነሰ፣ ክውለድ ክዓብን ክምዕብልን ግደ ደቂ ኣንስትዮ ዝለዓለ እዩ ነይሩ ምባል ይከኣል፡፡

ካብ ቀረባ ዓመታት ጀሚሩ ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ተግባር ምድላው ምግብን መስተን ምስታፍ ዝጀመሩ እንተኾነ'ውን ሐዚ'ውን ደቂ ኣንስትዮ እቲ ዝለዓለ ሓላፍነት ተሸኪመን ይርከባ፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ ደቂ ኣንስትዮ ውፅኢታት ኢደ ጥበብ ዝኾኑ ከም ምፍታል፣ ስፌ፣ ስራሕቲ ሽኽላን ዝመሳሰሉን ስራሕትን ቤት መሸጢ ህያባት እናኸፈታን እናስፋሕፍሓን ይርከባ፡፡ እዚ'ውን ሃገርና ካብ ዘፈር ቱሪዝም ብዝለዓለ ተረባሒት ክትኮን እናገበረ እዩ፡፡ ስለዝኾነ ደቂ ኣንስትዮ ንዕብየት ቱሪዝም ዝለዓለ ኣስተዋፅኦ ምግባርን፣ እቲ ዘፈር'ውን ንደቂ ኣንስትዮ ሰፊሕ ዕድል ስራሕ ከምዝፈጥረለንን፣ ኣብ ሃገርና ጥራሕ ዘይተወሰነ ዓለምለኻዊ ሓቂ እዩ፡፡

ኢቴጌ ጣይቱ ዓንዲ ሕቖ ቱሪዝም ዝኾነ ስራሕ ሆቴል ኣብ ሃገርና ኣብ ምጅማር ቅድሚት ዝስርዓ እየን፡፡ ካብኡ ንደሓር ኢንዱስትሪ ቱሪዝም ካብ ዘፈራት ምጣነ-ሃፍቲ ሃገርና እቲ ሓደ ኾይኑ ኣሎ፡፡ ነዚ'ውን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ስራሕቲ ቱሪዝም ተቖፂረን ኮነ ኣብ ኢንቨስትመንት ብምውፋር ነቲ ኢንዱስትሪን ንሃገርና ዕብየትን ዝለዓለ ግደ እናተፃወታ ይርከባ፡፡

(ፍልፍል ቱሪዝም ኣዲስ 5ኛ ዓመት ቁጥር 6 ብኽፉል ዝተወሰደ)



## መልመዲ - 6

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ብመሰረት እቲ ምንባብ ደቂ ኣንስትዮ ንዕብየት ቱሪዝም ሃገርና ዝገበርኦ ኣስተዋፅኦ ዘርዝሩ፡፡
2. ኣብ ከባቢኹም ደቂ ኣንስትዮ ዝተዋፈራሎም ስራሕቲ ልምዓት ንመሓዙትኩም ተዛረብዎም፡፡
3. ምኽባር ማዕርነት ደቂ ኣንስትዮ ንህንፀት ሃገር ዘለዎ ረብሓ ኣብ ደፍተርኩም ፅሓፉ፡፡ ብድሕሪኡ ምስ መቓምጥኹም ተምሃሮ ተመያየጥሉ፡፡

ካብ ቀረባ ዓመታት ናብዙይ ጀሚሩ ኣብ ሃገርና እናተመዝገበ ኣብ ዝርከብ ልምዓትን ዕብየትን ደቂ ኣንስትዮ ዝለዓለ ኣስተዋፅኦ እናበርከታ ይርከባ፡፡ ኮይኑ ግና ኣብ ሃገርና ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ምህናፅ ካብ ዝጀመረሉ ግዘ ጀሚሩ እኹል እንተዘይተብሃለ'ውን ብዙሓት ለውጥታት ተራእዮም እዮም፡ ንኣብነት ብመዳይ ትምህርቲ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ተምሃሮ እናዓበየ መፂኡ እዩ፡፡ ካብ 1998-1999 ዓ/ም ዝነበረ ጥቕሉል ሓፈሻዊ ተሳትፎ ተምሃሮ እዚ ዝስዕብ ይመስል፡፡

| ክልል/ምምሕዳር | ብዝሒ ተምሃሮ ካብ 1ይ-8ይ ክፍሊ | | ቁፅሪ ተምሃሮ |
|---|---|---|---|
| | ተባዕትዮ | ደቂ ኣንስትዮ | ቁፅሪ ተምሃሮ ብሚእታዊ |
| ትግራይ | 456,336 | 446,343 | 100.00 |
| ዓፋር | 49,669 | 27,973 | 23.7 |
| ኣምሓራ | 1,863,387 | 1,767,140 | 90.5 |
| ኦሮሚያ | 2,939,750 | 2,336,970 | 84.3 |
| ሶማሌ | 157,429 | 94,902 | 23.8 |
| ቤንሻንጉል ጉሙዝ | 91,477 | 66,508 | 105.5 |
| ብ.ብ.ህ. ደቡብ | 1,676,866 | 1,326,424 | 85.0 |
| ጋምቤላ | 37,117 | 21,773 | 100.6 |
| ሃረሪ | 19,502 | 15,329 | 100.3 |
| ኣዲስ ኣበባ | 230,764 | 280,751 | 159.8 |
| ድሬዳዋ | 26,112 | 20,060 | 62.8 |
| | 7,548,409 | 6,404,233 | 84.8 |

(ፍልፍል -ዓመታዊ መፅሄት ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ንሚኒሰተር ትምህርቲ ጠቒሱ ካብ ዘቕረቦ)



## መልመዲ - 7

***ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ሰደቓ መሰረት ብምግባር ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡***

1. ቁፅሪ ደቂ ኣንስትዮ ተምሃሮ ብሚእታዊ ካብ ኩሉ ዝለዓለ ክልል ኣየናይ እዩ? እቲ ዝተሓተ ኸ? ክንደይ ዝኣክል ፍልልይ ኣለዎ?
2. እዚ ፍልልይ ንምፅባብ እንታይ ክግበር ኣለዎ ትብሉ?
3. ኣብ ትነብርሉ ክልል ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ተምሃሮ እንታይ ይመስል? ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ዝበለፀ ንምዕባይ ካባኻትኩም እንታይ ትፅቢት ይግበር?

ኣብላዕሊ ብዝቐረበ መረዳእታ መሰረት ቁፅሪ ደቂ ኣንስትዮ ተምሃሮ ኣብ ቀዳማይ ብርኪ ትምህርቲ እናዐበየ ምምፅኡ የርኢ፡፡ ኮይኑ ግና እዚ እኹል'ዩ ማለት ኣይኮነን፡፡ ስለዝኾነ ድማ ንቐፃላይ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ትምህርቲ ይኹን ኣብ ካልኦት ምንቅስቓሳት ንምዕባይ ደቂ ኣንስትዮ ባዕለን፣ ሕብረተሰብን መንግስትን ሓላፍነት ኣለዎም፡፡

ደቂ ኣንስትዮ መሰል ማዕርነተን እንተተኸቢሩለንን እቲ ዕድል እንተረኺበንን ካብ ደቂ ተባዕትዮ ዘይትሕት ብቕዓት ከምዘለወን ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውደ ስራሕ ብምውፋር ኣመስኪረን እየን፡፡ ካብ ቀረባ ዓመታት ንነዝ ኣብ ሃገርና ይኹን ኣብ ካልኦት ሃገራት ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኩሎም ዓዉደ ስራሕቲ እናዓበየ ምምፅኡ ነዚ ርኡይ መረዳእታ እዩ፡፡ ንኣብነት ኣብ ሃገርና ደቂ ኣንስትዮ ሃገርና ብደረጃ ኣመራርሓ ብሚኒስቴርነት፣ ብኣፈ ጉባኤነት፣ ብኣምባሳደርነት፣ ወዘተ እናሰርሓ ይርከባ፡፡ ኣብ ካልኦት ዘፈራት'ውን ኣብ ኢንቨስትመንት፣ ኣብ ስፖርት፣ ኣብ ትምህርትን ዝመሳሰሉን ምንቅስቓሳት ዝለዓለ ግደ እናተፃወታ ይርከባ፡፡

ስለዚ ኣብ ሃገርና ንምኽባር መሰል ደቂ ኣንስትዮን ምጥንኻር ተሳትፎአንን ኩሉ ዜጋ ሓላፍነት ኣለዎ፡፡ ወዲ ተባዕታይን ጓል ኣንስተይትን ብሓባር ብምትሕልላይን ብምትሕግጋዝን ሓቢሮም ክሰርሑ እንተኽኢሎም ውፅኢቱ ዘተኣማምን ልምዓትን ምዕባለን ምኺኑ ኣየጠራጥርን፡፡

## 3.3. ጉዱኣት ኣካል ክህልውዎም ዝግብኡ መሰላት



*ስእሊ 3.3 ጉዱኣት ኣካል ሓገዝ እንተረኺቦም ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ምስራሕ ይኽእሉ እዮም፡፡*

- ካብዚ ስእሊ ዝተዓዘብኩምዎ ንመሓዙትኩም ግለፁ፡፡

### "ሓሊማን ሓድጉን"

ሓሊማን ሓድጉን ብምኽንያት ሕማም ፖሊዮ ካብ ቁልዕነቶም ጀሚሩ ጉዱኣት ኣካል እዮም፡፡ ካብዚ ዝተልዓለ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ዝንቀሳቐሱ ብተሽከርካሪ ወንበር (ዊልቼር) እዮ፡፡ ኣብዚ ዓመት ሓሊማ ተምሃሪት 7ይ ክፍሊ እንትትኮን ሓድጉ ድማ ተምሃራይ 8ይ ክፍሊ እዩ፡፡ ኮይኑ ግና ዝመሃርሉ ቤት ትምህርቲ እቶም ናይ ቀደም መምሃሪ ክፍልታት በዓል ኣርባዕተ ደብሪ ህንፃ ብምስራሕ ቀይሮምዎም ኣለው፡፡

ኣብቲ ሓድሽ ህንፃ ኣብ ምድሪ ኣብ ዝርከቡ መምሃሪ ክፍልታት ካብ 1ይ-4ይ ክፍሊ ዝኾኑ ተምሃሮ ንኽመሃሩ ተመዲቦም፡፡ ተምሃሮ 5ይን 6ይን ክፍሊ ድማ ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ደብርታት ኣብ ዝርከቡ መምሃሪ ክፍልታት ንኽመሃሩ ተመዲቦም፡፡ ተምሃሮ 7ይን 8ይን ክፍሊ ድማ ኣብ ሳልሳይን ራብዓይን ደብርታት ኣብዝርከቡ ክፍልታት ንክመሃሩ ተወሲኑ፡፡ ሓሊማን ሓድጉን ግና ኣብ እዋን ትምህርቲ ናብ ሳልሳይን ራብዓይን ደብርታት ብተሽከርካሪ ወንበር ንኽወፁን

ንኸወርዱን ኣዕርዩ ኣፀጊሙሎም፡፡ በብግዚኡ ዝሕግዞም ሰብ እናሰኣኑ ተሸጊሮም፡፡ በዚ ምኽንያት ምችው ናብ ዝኾነ መምሃሪ ክፍሊ ንክቐየረሎም ነቲ ቤት ትምህርቲ ሕቶ ኣቕሪቦም፡፡ እቲ ቤት ትምህርቲ ግና ልዕሊ ዓቕመይ እዩ ዝብል ምኽንያት ብምቕራብ ምንም ክገብረሎም ከምዘይኽእል ገሊፁሎም፡፡ ሓሊማን ሓድጉን ንሕቶኦም ግቡእ መልሲ ስለዘይረኸቡን ኣብ ከባቢኦም ካሊእ መማረዒ ቤት ትምህርቲ ስለዘይነበረን ትምህርቶም ከቋርፁ ተገዲዶም፡፡



## መልመዲ - 8

*ነዚ ምንባብ መሰረት ብምግባር ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡*

1. እቲ ቤት ትምህርቲ ንሓሊማን ሓድጉን ዝሃቦ መልሲ ግቡእ እዩ'ዶ ትብሉ? ንምንታይ?
2. እቲ ቤት ትምህርቲ እንታይ ክገብር ነይርዎ?
3. ኣብ ከባቢኹም ተመሳሳሊ ፀገም ዘበፅሖም ጉዱኣት ኣካል ተምሃሮ ትፈልጡዶ? ፀገሞም ተቓሊሎምዶ? ንቐፃላይ ካባኻትኩምን ካብቲ ሕብረተሰብን እንታይ ትፅቢት ይግበር?

ጉድኣት ኣካል፣ ዝኾነ ሰብ ክገጥሞ ዝኽእል ሓደጋ እንትኾን ብምኽንያት ተፈጥሮኣዊ ወይ ሰብ ስራሕ ፀገም ክፍጠር ይኽእል፡፡ ጉድኣት ኣካል ንሓደ ተግባር ወይ ምንቅስቓስ ሙሉእ ጥዕና ከምዘለዎ ሰብ ኮይንካ ምፍፃም ዘይምኽኣል እዩ፡፡ ጉድኣት ኣካል ካብ ዘስዕቡ ተፈጥሮኣዊ ፀገማት ውሽጢ ሕማም ፖሊዮ፣ ሕማም ድውየት፣ ሕፅረት ምግብን ምጥቃስ ይከኣል፡፡ ሰብ ስራሕ ካብ ዝበሃሉ ምኽንያታት ጉዱኣት ኣካል ውሽጢ ግልጋሎት ጥዕና ትሑት ምኻን፣ ጉድለት ፅሬት፣ ሓደጋ፣ ጎንፅታትን ኲናትን ተጠቀስቲ እዮም፡፡

ኣብ ሃገርና ብብዙሓት ኣሽሓት ዝቑፀሩ ጉዱኣት ኣካል ኣለዉ፡፡ እዚኦም ወገናት'ዚኦም ኣብ ዝተፈላለዩ ትካላት መንግስትን ውልቀን እንትግለሉን ኣድልዎ እንትበፅሖምን ይርአ፡፡ ካብ ቀረባ ዓመታት ንነዚ ኩነታት እናተመሓየሹ ዝመፁ እንትኾኑ'ውን ብዙሕ ምስራሕን ፃዕሪ ኩሉ ወገንን ዝሓትት እዩ፡፡

ንጉዳት ኣካል ምክንኻን ግቡእ ኩሉ ዜጋ እዩ፡፡

ጉዱኣት ኣካል ኣብ ዝኾነ ቦታን ግዘን ግቡእ ዝኾነ ክንከን ክረኽቡ ኣለዎም፡፡ ንኣብነት ኣብ ቤት ትምህርቲ ምችው መምሃሪ ክፍሊ፣ ናውቲ ትምህርቲ፣ ፍቕሪ፣ ክንክንን ጠመተን ክረኽቡ ኣለዎም፡፡ ነዚ'ውን ተምሃሮ፣ መምህራንን ካልኦት ሰራሕተኛታት ቤት ትምህርትን ዓቕሞም ብዝፈቐዶ ክከናኸንዎም ይግባእ፡፡ መሰላት ጉዱኣት ኣካል ብሕገ መንግስቲ ኣፍልጦ ዝተወሃቦም እንትኾን ከም ዝኾነ ሰብ ምስራሕ ይኽእሉ'ዮም፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ ድኽነት ንምስዓር ኣብ ዝግበር ምንቅስቃስ ልዑል ተሳትፎ ንምግባርን ኣብ ስራሕቲ ልምዓት ውፅኢት ንምምዝጋብን ኣይኣብዮምን፡፡



## መልመዲ - 9

ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡

1. ንሕገ መንግስቲ ፌዴሪኢ ዓንቀፅ 41/5 ብምንባብ መንግስቲ ንጉዱኣት ኣካል ንምሕጋዝ እንታይ እንታይ ተግባራት ክፍፅም ከምዘለዎ ተመያየጡ፡፡
2. ብደረጃ ቤት ትምህርቲ ንጉዱኣት ኣካል ክግበሩ ዝግብኦም ሓገዛት እንታይ እንታይ እዮም?

## 3.4 ኣድላዪነት ምኽባር ማዕርነት ሃይማኖት

- ማዕርነት ሃይማኖት ንምንታይ ምኽባር ከምዘድሊ ግለፁ፡፡

ኣብ ሃገርና ዝርከቡ ኩሎም ሃይማኖታት ብመሰረት ሕገ መንግስትና ማዕረ እዮም፡፡ ማዕርነቶም ካብ ዝግለፁሎም ኣገባባት ሓደ ዝኾነ ሰብ ብውልቀ ይኹን ብሓባር ሃይማኖቱ ምኽታል፣ ምስትምሃርን ምስፍሕፋሕን ምኽኣሉ እዩ፡፡ እዚ እንትኾን ግን ሓደ ሰብ ናይቲ ካሊእ ሃማኖት ከናሽውን ከነዓዕቕን ኣይግባእን፡፡ የግዳስ ካብ ኩሎም ተኸተልቲ ዝተፈላለዩ ሃይማኖታት ትዕቢት ዝግበር ኣብ ፍቕሪ፣ ምድግጋፍን ፣ ምክብባርን ዝተመስረተ ምንቅስቓስ ምክያድ እዩ፡፡

ኣብ ዝሓለፈ ነዊሕ ታሪኽ ሃገርና ሃይማኖታት ተኸኣኢሎም ሓቢሮም ፀኒሐም እዮም! እናነበሩ'ውን ይርከቡ፡፡ ስለዝኾነ ድማ እዚ ሓቢርካ ናይ ምንባርን ናይ ምክእኣልን ባህልና ተጠናኺሩ ክቕፅል ይግባእ፡፡ ኣብ ሃገርና ብምትሕብባርን ብድሌትን ኩሎም ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ሓድነት ፈጢሮም እናነበሩ ይርከቡ፡፡ እዚ ሓድነቶም ቀፃልነት ንኽህልዎ ፀጋታት ህዝብታት ማዕረ ኮይኖም ክኽበሩ ኣለዎም፡፡ ብዘይሓንቲ ኣድልዎ ቋንቋኦም፣ ሃይማኖቶምን ካልኦት ባህላዊ መግለፂኦምን ማዕረ እንተተኸቢሮምሎም ኣብ መንጎ ህዝብታት ሰላምን ምትሕስሳብን ይምዕብል፡፡

ዜጋታት ዝመስሎም ሃይማኖት ናይ ምሓዝ ነፃነቶም እንተዘይተሓልዩሎም መሰሎም ዝገሃሰ ኣይኮነን፡፡ እቲ ስርዓት'ውን ኣድላዊ እዩ ማለት'ዩ፡፡ መሰል ዜጋታት ዝተግሃሰ፣ ኣድልዎ ዝፍፀመሉ ኩነታት እንተልዩ በዚ ይኹን በቲ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ መሰሉ ምርጋፁ ኣይቐርን፡፡ ነቲ ሓደ ሃይማኖት ኣዕቢኻ ነቲ ካሊእ ሃይማኖት ድማ ኣናኢስካ ምርኣይን ተግባራዊ ምግባርን መግለፂ ስርዓት ዴሞክራሲ ኣይኮነን፡፡

ስርዓት ዴሞክራሲ ዝበለፀ ንኽጉልብት ካብ መሰላት ዜጋታት ሓደ ዝኾነ ማዕርነት ሃይማኖት ክኽበርን ኩሉ ዜጋ ነፃ ኮይኑ እምነቱ ከሰጉምን ክኽእል ኣለዎ፡፡

ስለዝኾነ መሰል ማዕርነት ሃይማኖታት ምኽባር ስርዓት ዴሞክራሲ ከይፈርስ፣ ሰላም ህዝብታት ከይዝረግን ተስፋ ምዕባለ ከይፅልምትን ኣብምግባር ዝለዓለ ረብሓ ኣለዎ፡፡

መሰል ማዕርነት ሃይማኖት ምሉእ ብዝኾነ መንገዲ ክረጋገፅ ዝኽእል ሃይማኖት ብዝምልከት ዜጋታት ናይ ሓባር ኣረኣእያ እንትህልዎም እዩ፡፡ ናይ ሓባር ኣረኣእያኦም ንኽምዕብል ነዞም ዝስዕቡ ጉዳያት ፍሉይ ጠመተ ምሃብ ግቡእ ይኾውን፡፡

ሀ. ንኻልኦት ሃይማኖታት ኣፍልጦ ምሃብን ዘይምርድዳእ ፣ እንተ ተፈጢሩ'ውን ብምይይጥን ብሰላማዊ መንገድን ጥራሕ ምፍታሕ፣

ለ. ዘይምርድዳእ ብምይይጥን ብሰላማዊ መንገድን ምፍታሕ፣ እንተ ዘይተኻኢሉ ብመሰረት ሕጊ ጥራሕ ምፍታሕ፣

ሐ. ሃይማኖት ናይ ውልቀ እምነት ምዃኑ ብምርድእ ናይ ባዕልኻ እምነት ኣብ ልዕሊ ናይ ካልኦት እምነት ፅዕንቶ ብምፍጣር ንምስራፅ ብምሕሳብ ንጎንፂ ዘይምልዕዓል፣

መ. ግልፅነትን ተሓታትነትን ምዕሳል፣

ረ. ብሓባር ንምንባር ፍልልይ ሃይማኖት ዕንቅፋት ከይኾነ ኩሉግዜ ምክእኣል፣ ምክብባርን ምትሕብባርን፣

ሰ. ኩሉ ግዜ ዓርስኻ ንልዕልነት ሕጊ ተገዛኢይ ምዃን እቶም ቀንዲ እዮም፡፡



## መልመዲ - 10

*ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡*

1. ምኽባር ማዕርነት ሃይማኖት ንሓንቲ ሃገር እንታይ እንታይ ረብሓታት ኣለዎ?
2. ማዕርነት ሃይማኖት ንክኽበር ካብ ሕድሕድ ዜጋ እንታይ ትፅቢት ይግበር?

## መጠቓለሊ

መሰል ማዕርነት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ምኽባሩ ንልምዓትን ዕብየትን ሃገርና ወሳኒ እዩ፡፡ ሐዚ ኣብ ሃገርና እናተሃነፀ ኣብ ዝርከብ ስርዓት ዴሞክራሲ ህዝብታት ማዕረ ምኳኖም ካብ ልምዓት ሃገሮም ተጠቀምቲ እናገበሮም ይርከብ፡፡

ኣብ ሃገርና መግለፂ ማዕርነት ካብ ዝኾኑ ውሽጢ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ብቋንቋኦም ግልጋሎት ምርካቦም፣ ካልኦት ባህላዊ መግለፅታቶም ምምዕባል ምኽኣሎምን ሃይማኖቶም ብማዕርነት ክኽበር ምኽኣሉ ምጥቃስ ይከኣል፡፡ እዚ ብምኳኑ ኣብዙ ሐዚ ግዘ ብሓደ ኮይኖም ልምዓት ሃገሮም ንምስላጥ ንክረባረቡ ኣኽኢሉዎም'ዩ፡፡

ኣብ ውሽጢ ስርዓት ዴሞክራሲ ሰባት ደቂ ተባዕትዮ ወይ ደቂ ኣንስትዮ ብምኳኖም ፍልልይ ፆታ እንተሃለዎም'ውን መሰሎም ግን ብማዕረ ደረጃ ይኽበሩሎም እዮም፡፡ ጓል ኣንስተይቲ ብተፈጥሮኣዊ ፆታኣ ጥራሕ እትስእኖ መሰል ኣይህሉን፡፡ ወዲ'ውን ከምኡ ወዲ ኮይኑ ብምፍጣሩ ካብ ጓል ኣንስተይቲ ዝበለፀ ወይ ዝነኣሰ መሰል ክረክብ ኣይግባእን፡፡

ጉደኣት ኣካል ብሰንኪ ተፈጥሮኣዊ ወይ ሰብ ሰራሕ ፀገም ዝፍጠር እዩ፡፡ ኣብ ሃገርና ንጉዱኣት ኣካል ዝግበር ሓገዝ ኣዝዩ ትሑት ኮይኑ ፀኒሑ እዩ፡፡ ንቐፃሊ ግና ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ይኹን ኣብ ካልኦት ከባብታት ንጉዱኣት ኣካል ምሕጋዝ ንልምዓት ሃገር ኣዝዩ ጠቓሚ ስለዝኾነ ተጠናኺሩ ክቕፀል ኣለዎ፡፡

## ኣገደስቲ ቃላት

ማዕርነት- ብዝኾነ ምኽንያት መድልዎ እንተይሃለወ ዕድላትን ጥቕምታትን ብማዕረ ምርካብን ሓላፍነት'ውን ብማዕረ ምፍፃምን እዩ፡፡

ብሄር- ብሄረሰብ፣ ህዝቢ - "ስፍሕ ዝበለ ናይ ሓባር ፀባይ ዘንፀባረቐ ባህሊ ወይ ተመሳሰልቲ ልምድታት ዘለዎም፣ ክረዳድእሉ ዝኽእሉ ሓባራዊ ቋንቋ ዘለዎም ፣ ናይ ሓባር ወይ ዝተዛመደ ህልውና ኣለና ኢሎም ዝኣምኑ፣ ስነ ልቦናዊ ሓድነት ዘለዎምን ብወሳንነት ምትእስሳር ኣብ ዘለዎ ገፀ ምድሪ ዝነበሩን እዮም፡፡" ሕገ መንግስቲ ፌዴሪኢ ዓንቀፅ 39/5

ቱሪዝም - ኣብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ንምርኣይን ንምዝንጋዕን ዝመፁ ሰባት ዝተፈላለዩ ግልጋሎታትን ምትእንጋድን ዝግበረሉ ዘፈር ምጣነ-ሃፍቲ

ቱሪስት - ንምዝንጋዕ ወይ ንካሊእ ስራሕ ዝጓዓዝ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ዝዘዋወር ሰብ

ኢንቬስተር - ዘለዎ ሃፍቲ ወይ ገንዘብ ኣብ ሓደ ስራሕ ልምዓት ዘውዓለ ውልቀሰብ ወይ ትካል እዩ፡፡

## መጠቓለሊ ሕቶታት

I. እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብምንባብ ትኽክል ንዝኾነ "ሓቂ" ትኽክል ንዘይኮነ "ጌጋ" እናበልኩም መልሱ፡፡

1. ኣብ 1987 ዓ/ም ዝፀደቐ ሕገ መንግስቲ ፌዴሪኢ ንመሰል ማዕርነት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ግቡእ ቦታ ኣይሃበን፡፡
2. ኣብ ከባቢና እናተሰርሑ ዝርከቡ ፕሮግራማት ልምዓት ከፈፅምን ከሕልውን ዘለዎ መንግስቲ ጥራሕ እዩ፡፡
3. ማዕርነት ህዝብታት ብሕገ መንግስቲ ምኽባሩ ኣብ ሃገርና ልምዓትን ዕቤትን ንምምፃእ ጠቓሚ እዩ፡፡
4. ንደቂ ኣንስትዮን ንጉዱኣት ኣካልን ጠመተን ክንክንን ምግባር ዕቤት ሃገር ይጎትት እዩ፡፡

II. *ኣብ ትሕቲ "ሀ" ንዝተዘርዘሩ ሓሳባት ኣብ ትሕቲ "ለ" ካብዝርከቡ ዝስማመዕዎም ብምምራፅ ኣዛምዱ፡፡*

| "ሀ" | "ለ" |
|---|---|
| 1. ማዕረ ተጠቃምነት ዘይምህላው | ሀ. ማዕርነት ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን |
| 2. ማዕርነት ፆታ | ለ. ሓደ ሰብ ክበፅሖ ዝሓስቦ ሸቶ |
| 3. ጉዱኣት ኣካል | ሐ. ተፈጥሮኣዊ ወይ ሰብ ስራሕ ብዝኾነ ፀገም ዝፍጠር |
| 4. ራእይ | መ. ዕብየት ከይመፅእ ዝገብር |

III. *ነዞም ዝስዕቡ ባዶ ቦታታት ትኽክለኛ ቃል ወይ ሓረግ እናተጠቐምኩም ምልኡ፡፡*

1. ቋንቋ፣ ባህልን ሃይማኖትን ዘይብሉ ____________________ የለን፡፡
2. ኣብ ኢትዮጵያ ብድሑራት ልምድታት ዝጥቅዑ መብዛሕትኦም ____________________ እዮም፡፡
3. ዝኾነ ብሄር፣ ብሄረሰብን ህዝብን ኢትዮጵያ ብቋንቋኡ ናይ ምዝራብ፣ ምፅሓፍን ቋንቋኡ ናይ ምዕባይን ____________________ ኣለዎ፡፡

IV. *ነዞም ዝስዕቡ ሙሉእ ሓሳባት ብምንባብ ትኽክለኛ ዝኾነ መልሲ ምረፁሎም፡፡*

1. ኣብ ሃገርና ተግባራዊ እናኾኑ ካብ ሞንጎ ዝርከቡ መሰላት ማዕርነት ሓደ፦

   ሀ. ማዕርነት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን፣

   ለ. ማዕርነት ፆታ

   ሐ. ማዕርነት ቋንቋ፣ ባህሊ፣ ሃይማኖትን ካልኦት ባህላዊ መግለፅታትን

   መ. ኩሎም መልሲ እዮም፡፡

2. ካብ እዞም ዝስዕቡ ደቂ ኣንስትዮ ብዝምልከት ትኽክል ዝኾነ ኣየናይ እዩ?

   ሀ. ደቂ ኣንስትዮ ማዕረ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ክሳተፉ ምግባር ሓንቲ ረብሓ የብሉን

   ለ. ብዘይ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ልምዓትን ዕቤትን ክመፅእ ኣይኽእልን

   ሐ. ኣብ ምዕባይ ኣብ ዝርከባ ክልላት ሃገርና ቁፅሪ ደቂ ኣንስትዮ ተምሃሮ ካብ ደቂ ተባዕትዮ ይልዕል

   መ. ኣብ ዝሓለፉ ስርዓታት ንደቂ ኣንስትዮ ዝወሃብ ግምት ዝለዓለ ነይሩ

3. ጉዱእነት ኣካል ከስዕቦ ዝኽእል፦

   ሀ. ሕማም
   ለ. ሕፅረት ምግቢ
   ሐ. ጎንፅን ውግእን
   መ. ኩሎም መልሲ እዮም

4. ካብ መንነት ስዒቦም ዝተዘርዘሩ ቋንቋ ብዝምልከት ትኽክል ዝኾነ ኣይናይ እዩ?

   ሀ. ሓዲኡ ቋንቋ ካብቲ ካሊእ ይበልፅ እዩ

   ለ. ቋንቋታት ብመረዳድእነቶም ማዕረ እዮም

   ሐ. ካልኦት ቋንቋታት ምምሃርን ምፍላጥን ዋላ ሓንቲ ረብሓ የብሉን

   መ. ማዕርነት ቋንቋ ብዘይ ምህላው ዝፍጠር ፀገም የለን

5. ኣብ ሃገርና ማዕርነት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ምኽባሩ እንታይ ረብሓ ኣለዎ?

   ሀ. ቋንቋኦም፣ ባህሎምን ሃይማኖቶምን ንኽጥቀሙን ንኽማዕብሉን የኽእሎም፣

   ለ. ካብ ድኽነትን ድሕረትን ንምንጋፍ ሓቢሮም ንኽሰርሑ ምችው ባይታ ይፈጥር

ሐ. ፍትሓዊ ክፍፍል ሃፍቲ ሃገር ንኽህሉ ብምግባር ሰላም የማዕብል

መ. ኩሎም መልሲ እዮም

V - ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃቡ፡፡

1. መሰላት ማዕርነትን ማዕረ ተረባሕነትን ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ምኽባር፣ ዘምፅኦ ረብሓ ግለፁ፡፡
2. ኣብ ውሽጢ ቤት ትምህርቲ ንደቂ ኣንስትዮን ጉዱኣት ኣካልን ክግበሩሎም ዝግብኡ ክንክናት ግለፁ፡፡

# ምዕራፍ ኣርባዕተ

## ፍትሓውነት

**ዕላማታት'ዚ ምዕራፍ**

**እዚ ምዕራፍ ተምሂርኩም እንትትውድኡ፦**

- ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዝፍፀሙ ኣድላዊ ኣሰራርሓታት ትርድኡ፡፡
- ኣድላይነት ኣብ ከባቢ'ኹም ዝርከቡ ማሕበራዊ ትካላት ትግንዘቡ፡፡
- ኣሰራርሓ ማሕበራዊ ትካላት ካብ ኣድልዎ ዝፀረዩን ፍትሓውን ክኾኑ ከምዝግባእ ትርድኡ፡፡

## 4.1. ኣድላዊ ኣሰራርሓታት

### 4.1.1 ኣብ ከባቢ'ኹም ዝረኣዩ ዝተፈላለዩ ተግባራት ኣድላዊ ኣሰራርሓ

- ኣድላዊ ኣሰራርሓ ማለት እንታይ ማለት እዩ? ናብ ኣእምሮ'ኹም ዝመፁልኩም ሓሳባት ዘርዝሩ፡፡

ስዒቦም ዝተዘርዘሩ ተግባራት ኣድላዊ ም'ኳኖም ወይ ዘይም'ኳኖም ፈሊ'ኹም ም'ኽንያትኩም ግለፁ፡፡

1. መምህር ንፍኣት እዮም ንዝብሉዎም ተምሃሮ ውፅኢት ፈተና መሰተ'ኻኽሊ ገይሮም፡፡
2. እቶም ሓኪም ኣብ ዝሰርሕሉ ሆስፒታል ውላዶም ንቐደም ሕክምና ክረክብ ገይሮም፡፡

3. ካብ ጣብያ ካርድ መለለዪ መንነት ንምውሳድ ተራ ካብ ዝሓዙ ሰባት ውሽጢ ንኣረጋውያን (ንሰብ ፀጋ ዕድመ) ቀዳምነት ተዋሂቡ፡፡
4. ብተመሳሳሊ ጥፍኣት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ሕጊ ካብ ሞንጎ ዝወዓሉ እቶም ዳኛ ንጎረቤቶም ብነፃ ኣሰናቢቶም፡፡
5. ዓብዱ ምስ መሓዙቱ ንኽፃወት እንትፍቀደሉ መሪማ ገዛ ንኽተፅሪ ተኣዚዛ፡፡

## ኔልሰን ማንዴላ (ቀዳማይ ክፍል)

ኣብ ዓለምና ዝለዓለ ክብርን ስምን ካብ ሞንጎ ዝረኸቡ ውሑዳት ሰባት ኔልሰን ማንዴላ ብቐዳምነት ይፅውዑ፡፡ ማንዴላ ኣብ ውሽጢ ሓንቲ ፀባብ ክፍሊ ን27 ዓመታት ዝኣክል ኣብ ማእሰርቲ ፀኒሖም እዮም፡፡ ማንዴላ ንብዙሕ ዓመታት ክእሰሩ ዝተገበረ ገበን ስለዝፈፀሙ ኣይነበረን፡፡ ንምእሳሮም ምኽንያት ዝነበረ ኣብ ሃገሮም ዓሲሉ ንዝነበረ ኣድላዊ ኣሰራርሓ ብግልፂ ስለዝተቓወሙ እዩ፡፡ ኣብቲ እዋን ፀለምቲ ህዝብታት ደቡብ ኣፍሪካ ብውሑዳት ፀዓዱ መግዛእቲ ዝለዓለ በደል ይበፅሖም ነይሩ፡፡ ስዒቦም ዘለው ካብ ሞንጎ ይበፅሑዎም ዝነበሩ ኣድልዎታት ከም ኣብነት ተጠቀሰቲ እዮም፡፡



ስእሊ 4.1 ኒልሰን ማንዴላ

- ተወለድቲ እታ ሃገር ዝኾኑ እዞም ፀለምቲ ኣፍሪካውያን ልሙዕ መሬቶም ተመንጢሎም፡፡
- ቦታታት ሕርሻ፣ መንበሪን ንግድን ንኽህልዎም ፈፂሙ ኣይፍቀድን ነይሩ፡፡
- ኣብ ውሽጢ ምምሕዳር መንግስቲ ንምስታፍ ንፀለምቲ ብሕጊ ዝተኸልከለ እዩ ነይሩ፡፡
- ፀሊምቲ ህዝቢታት ንፀዓዱ ንኸገልግሉ ዝተፈጠሩ እዮም ተባሂሉ'ውን ይእመን ነይሩ፡፡ ስለዚ ነባር ተወለድቲ ደቡብ ኣፍሪካ ይድለዩ ዝነበሩ ኣብ መንበሪ ገዛ ፀዓዱ ንምግልጋልን ንጉልበት ስራሕን ጥራሕ እዩ ነይሩ፡፡ ፀዓዱ ኣብ ፅቡቓት ከተማታት እንትነበሩ ደቂ ኣባት ደቡብ ኣፍሪካ ግና ኣብ ኣናእሽተይ ቁሸታት ንኽነበሩ ይግበር ነይሩ፡፡

እዚኦምን ካልኦት ከምዚኦም ዝመሰሉን ዘስካሕኽሑ በደላት ዝተቓወሙ ደቡብ ኣፍሪካውያን ዝለዓለ ማእሰርትን ምንግልታፅን በፂሕዎም፡፡ ነቲ ኣድላዊ ስርዓት ኣብ ኣደባባይ ንዝተቓወሙ ህፃናት ኮላይ ዝተጨፍጨፍሉ እዋን'ውን ነይሩ፡፡ ብካሊእ ገፅ ድማ ነዚ ኣድላዊ ኣሰራርሓ ንዝቃወሙ ሰባት ዘንገላትዑ፣ ዝኣስሩ፣ ዝቕጥቕጡ፣ ዝቐትሉ ወዘተ ይሽየሙን ይሽለሙን ነይሮም፡፡

ማንዴላ ንነዊሕ ዓመታት ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዝተዳጎኑ ነዚ ከምዚ ዝበለ ስርዓት ንሕብረተሰብ ዓለም ብምቅልፆምን ተቓውሞ ህዝቢ ብምትሕብባሮምን እዩ፡፡ ድሕሪ 27 ዓመታት ማንዴላ ካብ ቤት ማእሰርቲ ተፈቲሖም ፈላሚ ፀሊም ደቡብ ኣፍሪካዊ መራሒ ኮይኖም ተመሪፆም፡፡ ኣብ ዘበነ ስልጣኖም እንታይ ዓይነት ስጉምትታት ይወስዱ ይኾኑ?



# መልመዲ - 1

*ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ካብ እቲ ፅሑፍ ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ ዝተፈፀሙ ኣድላዊ ኣሰራርሓታት ዘርዝሩ፡፡
2. ተግባር ኔልሰን ማንዴላ ትኽክል ዶ ነይሩ? ንምንታይ?
3. ካብ ተግባር ማንዴላ እንታይ ትምሃሩ?
4. ማንዴላ መራሒ ሃገር ምስኮኑ ኣድላዊ ኣሰራርሓ ንምጥፋእ እንታይ ዓይነት ስጉምቲ ክወስዱ ኣለዎም ትብሉ?

ኣድላዊ ኣሰራርሓ፣ ተፃራሪ ፍትሒ ካብ ዝኾኑ ኣሰራርሓታት ሓደ እዩ፡፡ ኣድላዊ ኣሰራርሓታት ኣብ ዝኾነ ይኹን ምንቅስቓስ ህይወት ክረአዩ ይኽእሉ፡፡ ኣድላዊ ኣሰራርሓታት ኣብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ማለት'ውን ኣብ ቤት ትምህርቲ፣ ኣብ መዘናግዒ ቦታታት፣ ኣብ ምምሕዳር ጣብያ፣ ኣብ ፍትሕን ማሕበራውን ትካላት ወዘተ ይፍፀሙ፡፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ዝፍፅሙ ኣድላዊ ኣሰራርሓታት ምኽንያቶም'ውን ከምኡ ዝተፈላላየ ክኸውን ይኽእል፡፡

ኣድላዊ ኣሰራርሓ ንሰባት ማዕረ ብዘይምርኣይን ኣብ ሞንጎ ሰባት ፍልልይ ዝፈጥሩ ተግባራት ብምፍፃምን ይግለፅ፡፡ እዚ'ውን ዝኸውን ሰባት ሓላፍነቶም እንትዋፅኡ ዘመድ፣ መውስቦ፣ ዕርክነት ወዘተ መሰረት ብምግባር ግቡኣት ዘይኮኑ ተግባራት እንትፍፅሙ እዩ፡፡ ሰባት ሓድሓደ ግዘ'ውን ኣብ ዘርኢ፣ ኣብ ቋንቋ፣ ኣብ ሃይማኖት፣ ኣብ ዓሌት፣ ኣብ ፆታን፣ ኣብ ፖለቲካዊ ኣረኣእያን ተደሪኾም ኣድልዎ ይፍፅሙ እዮም፡፡ ንስልጣን ጉልባብ ብምግባር ዝፍፀሙ ግቡኣት ዘይኮኑ ተግባራት ኣድላዊ ኣሰራርሓታት እዮም፡፡

ኣድላዊ ኣሰራርሓታት ልማዳዊ ካብ ዝኾኑ ድሑራት ኣረኣእያታት ተበጊሶም እንትፍፀሙ ይረኣዩ፡፡ ነዚ ፅቡ'ቕ ኣብነት ዝኾኑ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ህፃናት ዝፍፀሙ ተግባራት እዮም፡፡ ኣብ ሃገርና እቲ ሕብረተሰብ ንደቂ ኣንስትዮ ህፃናት ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ ዕድል ትምህርቲ ኣይህበንን፡፡ ኣብ ኣመጋግባን ክንክንን 'ውን ኣድልዎ ይበፅሐን እዩ፡፡ መብዛሕትኡ ስራሕቲ ውሽጢ ገዛ'ውን ካብ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ማእገር እዩ ዝፀዓን፡፡ ስለዚ ደቂ ኣንስትዮ ማዕረ ከም ደቂ ተባዕትዮ ተፈጥሮኣዊ ዓ'ቕመን ዘማዕብላሉን ዓርሰን ዘማሓይሻሉን መንገዲ ዝተ'ኸልከላ እየን፡፡



## መልመዲ - 2

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ኣድላዊ ኣሰራርሓታት ንምክል'ኻል እንታይ ዓይነት ስጉምቲ ክውሰድ ኣለዎ ኢ.ል'ኹም ትሓስቡ?
2. ኣብ ከባቢ'ኹም ኣድላዊ'ዮም እትብልዎም ተግባራት ዘርዝሩ፡፡
3. ኣድላዊ ኣሰራርሓታት ብመን ይፍፀሙ? ንሕድሕድ እዞም ዝስዕቡ ሰለስተ ሰለስተ ኣብነታት ሃቡ፡፡

   ሀ. ብውልቀሰብ  ለ. ብትካላት መንግስቲ

   ሐ.ብካልኦት ኣካላት

# 4.2 ማሕበራዊ ትካላት

## 4.2.1 ኣብ ከባቢ'ኹም ዝርከቡ ማሕበራዊ ግልጋሎት ውሃብቲ ትካላት ዝርእይዎ ብቕዓት ኣሰራርሓን ፍትሓውነትን፣

- ኣብ ከባቢ'ኹም ኣዝዩ ፅቡ'ቕ ቤት ትምህርቲ ዝበሃል ኣየናይ እዩ? ፅቡ'ቕ ዘብልዎ ምኽንያታት ዘርዝሩ፡፡
- ኣብ ከባቢ'ኹም ካብ ሞንጎ ዝርከቡ ካልኦት ማሕበራዊ ትካላት እቲ ፅቡ'ቕ ግልጋሎት ይህብ'ዩ ዝብሃል ትካል ብምፍላይ ፅቡ'ቕ ዘበልዎ ነጥብታት ዘርዝሩ፡፡

ማሕበራዊ ግልጋሎት ወሃበቲ ትካላት ብዘይ ኣፈላላይ ንኩሎም ዜጋታት ማዕረ ግልጋሎት ናይ ምሃብ ሓላፍነት ኣለዎም፡፡ እቶም ትካላት ግቡእ ግልጋሎት ንምሃብ ክልተ ነገራት ከማልኡ ይግባእ፡፡ እቲ ሓደ ፍትሓውነት እንትኾን እቲ ካልኣይ ድማ ብቕዓት ዝመልአ ኣሰራርሓ ምህላው እዩ፡፡

ግልጋሎት ማሕበራዊ ትካላት፣ ፍትሓውነት ዝዓሰሎ ክኸውን ኣለዎ እንትብሃል ካብ ቦታ ናብ ቦታ ፍልልይ ከይተገበረ ዝተመጣጠነ ዝርግሐ ምህላው እዩ፡፡ ብኻልእ መዳይ ፍትሓውነት ማሕበራዊ ትካላት ዝግለፅ ዜጋታት ብዘይ ሓንቲ ኣፈላላይ ክረኽብዎም ዝግብኦም ግልጋሎታት ካብቶም ትካላት ክረኽቡ እንተኽኢሎም እዩ፡፡

ብቕዓት ማሕበራዊ ትካላት ዝግለፅ እቶም ትካላት ኣድለይቲ ብዝኾኑ ሓይሊ ሰብን ኣሰራርሓታትን ዝተጠናኸሩ እንትኾኑ፣ ሰራሕተኛታት እቶም ትካላት ሞያዊ ብቕዓት እንትህልዎም፣ ሰዓት ስራሕን ንብረትን ሃፍትን እተን ትካላት ነቲ ስራሕ ምውዓል ንውፅኢታውነት እቶም ትካላት ቀንዲ መዐቀንታት እዮም፡፡



## ዕዮ ጉጅለ - 1

ምስ ስድራቤትኩም ኮይንኩም ኩነታት ኣወሃህባ ግልጋሎት ኣብ ከባቢኹም ዝርከባ ማሕበራዊ ትካላት ስዒቡ ብዘሎ መዐቀኒ ብምፍታሽ ቀፂሎም ዝተዘርዘሩ ሕቶታት ስርሑ።

| ዝርዝር ትካላት | ምኽባር ሰዓት ስራሕ | | እኹል በዓል ሙያ ምህላው | | ኣፈላላይ/ መድልዎ ዘይምርኣይ | | ኣድለይቲ መሳርሒታት ምህላው | | ስዓት ሰራሕ ብግቡእ ምጥቃም | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | ዕቡች | ድኹም | ዕቡች | ድኹም | ዕቡች | ድኹም | ዕቡች | ድኹም | ዕቡች | ድኹም |
| 1. ጣብያ | | | | | | | | | | |
| 2. ቤት ትምህርቲ | | | | | | | | | | |
| 3. ጣብያ ጥዕና | | | | | | | | | | |
| 4.ጣብያ ግብርና | | | | | | | | | | |

1. ኣየናይ ትካል ይሓይሽ?
   - ሀ. ብኣንፃር ኣከባብራ ሰዓት ስራሕ
   - ለ. ብኣንፃር ምህላው እኹላት ሰብሙያ
   - ሐ. ብኣንፃር ሰዓት ስራሕ ኣብ ስራሕ ኣብ ምውዓል
   - መ. ብኣንፃር ምህላው እኹል መሳርሒታት
2. ብሓፈሻዊ ውፅኢት ኣየናይ ትካል ብፍትሓውነት ይኹን ብብቕዓት ካብቶም ካልኦት ኣብ ዝሓሸ ብርኪ ይርከብ?
3. እትነበርሉ ከባቢ ምስ ካልኦት ተነፃፂሩ ከባብታት እንትነፃፀር ፍትሓውነትን ብቕዓትን ማሕበራዊ ትካላት ኣብ ምንታይ ብርኪ ከምዝርከብ ግለፁ።



## ዕዮ ጉጅለ - 2

ሃገርና ኢትዮጵያ ድኻ ካብ ዘብልዋ ጉዳያት ሓደ ማሕበራዊ ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት እኹል ብዝኾነ መጠን ኣብ ኩሎም ቦታታት ዘይምምለኦም እዩ፡፡ ስለዚ ኣብ ከይዲ ምስትኽኻል ዝርግሐ ማሕበራዊ ትካላት እንታይ ዓይነት ኣስተዋፅኦ ንምብርካት ትሓስቡ?

## 4.3 መበገስታት ምግሃስ መሰልን ምጉዳል ፍትሕን

- ሰባት ንምንታይ ናይ ካልኦት መሰላት ናይ ምግሃስ ተግባር ይፍፅሙ? ምግሃስ መሰል ናይ ኣሰራርሓ ምጥሓስ ንኽፍፀሙ ምኽንያት እዮም እትብልዎም ነጥብታት ዘርዝሩ፡፡

### ኣይተ ንጉሰ - ሹም ከተማ

ኣይተ ንጉሰ ናይ ሓንቲ ንእሽተይ ከተማ ሹም ቤት ማዘጋጃ (ከንቲባ) እዮም፡፡

ኣብ ስራሕቲ ልምዓት እታ ከተማ ክሳተፉ ንዝደልዩ እቲ ቤት ማዘጋጃ ዝተፈላለዩ ሓገዛት ይገብር እዩ፡፡ ንኣብነት እቲ ቤት ማዘጋጃ ከከምዘለዎም መጠን ገንዘብ ንሰብ ሃፍቲ እኹል ናይ ህንፀት ቦታታት የመዓራሪ፡፡ ሰብ ሃፍቲ ዝደልዩዎም ቦታታት ዝውሃቡ ብኣይተ ንጉሰ ብዝምራሕ ኮሚቴ እዩ፡፡ እዚ ኮሚቴ እኹል መፅናዕቲ ድሕሪ ምክያድ ሕጊ መሰረት ገይሩ ንዝኾነ ሰብ ብዘይጎድእ መልክዕ ኣብ ዝቐረቡ ሕቶታት ቦታ ውሳነታት የሕልፍ፡፡

ኮይኑ ግና ኣብ ሓደ እዋን ኣይተ ንጉሰ ብኮሚቴ እንተይተወሰነ ሰለስተ ኣብቲ

ጣብያ ዝርከቡ ኣባይቲ ኢንቨስተር እየ ንዝብሉ ዘመኦም ኽወሃብ ወሲኖም፡፡ ኣብዞም ኣባይቲ ንነዊሕ እዋን ተኻርዮም ይነብሩ ዝነበሩ ውልቀ ሰባት ገዛውቶም ንካሊእ ሰብ ዝተውሃበ ምኽኑ ዝፈለጡ ኣብቲ ከባቢ ናውቲ ህንፀት እንትራገፍ

ምስረኣዩ እዩ፡፡ እቲ ጉዳይ ነቲ ኮሚቴ ኮነ ነቶም ሹም ቤት ማዘጋጃ ንምዝራብ ዝገበርዎ ፈተነ ኣይተሳኽዐን፡፡ እቶም ሓለፍትን “ኣብ ስራሕ’ዮም” ብዝብል ዘተኣናግዶም ኣይረኸቡን፡፡ ኮይኑ ግና ኣብዝመፅሎም መዓልትታት ኩሎም እቶም ሓለፍቲ ናብ ቢሮታት እንትኣትዉን እንትወፁን የስተውዕሉ ነይሮም፡፡

ድሕሪ ንሰሙናት ዝተገበረ ምምልላስ ንኣይተ ንጉሰ ኮነ ነቲ ኮሚቴ እቲ ጉዳይ እንትረድኡ’ውን ዋላ ሓንቲ መልሲ ኣይረኸቡን፡፡ ካብዚ ሓሊፉ ኣይተ ንጉሰ እቶም ሰባት ዝነበርሉ ከባቢ ንህንፀት ትካላት ስለዝድለ ኣብውሽጢ ዓሰርተ መዓልትታት ገዛውቶም ንኽለቁ ብተልኣኣኺኦም ኣቢሎም መልእኽቲ ኣሕሊፎም፡፡ እቶም ሰብ ጉዳይ ድማ ክንገበሮ እንኽእል ነገር የለን ብምባል ቀፃሉ ንዝመፅእ ምፅባይ ጀሚሮም፡፡



## መልመዲ - 3

*ብመሰረት እቲ ምንባብ ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ካብቲ ምንባብ ፍትሒ ተጓዲሉ’ዶ ትብሉ? እቶም ዝጎደሉ ተግባራት ፍትሒ ሓብሩ፡፡
2. እቶም ንበዓል ሃፍቲ ዝተውሃቡ ኣባይቲ ናታትኩም እንተዝኾኑ ስድራቤትኩም እንታይ ክገብሩ ኣለዎም?
3. ስቕታ እቲ ኮሚቴ ግቡእ’ዩ’ ዶ ትብሉ?
4. ኣብዚ ስልጣኑ ብዘይኣግባብ ዝተጠቐመ መን እዩ? ዘይተጠቐመኽ መን እዩ?

ንምጉዳል ፍትሕን ምግሃስ መሰልን እዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ብቐጻምነት ይጥቀሱ፡፡

ሀ. መሰላት ዜጋታት ዘይምኽባር፦

ዜጋታት ዝተፈላለዩ መሰላት ኣለዉዎም፡፡ ንኣብነት ብነፃነት ናይምንባር፣ ናይምምሃር፣ ዓቕሞም ኣብ ዝፈቕደሎም ዘፈራት ስራሕ ናይ ምውፋር፣ ኣብ ዝመረፅዎ ፖለቲካዊ ፓርቲ ኣባል ናይ ምኻን፣ ወዘተ ምሕባር ይከኣል፡፡ መሰላት ዜጋታት ንኽገሃሱ ካብ ዝገብሩ ጉዳያት ፍትሒ ዘይምኽባር ሓደ እዩ፡፡ እዚ ማለት ድማ ሕጊ ወይ ስርዓት እቲ ሕብረተሰብ ዘይምኽባር ማለት እዩ፡፡ ፍትሒ ቀንዲ መሳርሒ መኽበሪ መሰላት ዜጋታት እዩ፡፡ ኣብ ሃገር ፀገም ፍትሓዊ ኣሰራርሓ እንተጋጢሙ መሰላት ዜጋታት ይገሃሱ፡፡ ስለዚ ከምዚኦም ዝበሉ ነገራት ከይፍጠሩ ስርዓት ፍትሒ ሓንቲ ሃገር ብውልቀሰባት ኮነ ብኣካላት መንግስቲ ክኽበር ይግባእ፡፡

ለ. ዝተውሃበካ ስልጣን ህዝብን መንግስትን ብዘይኣግባብ ምጥቃም፦

ኣብ ዝተፈላለዩ ብርክታት ዝርከቡ ሰበ ስልጣንን ሰራሕተኛታትን ስርሖም ንምፍፃም ዘኽእል ስልጣን ይውሃቦም'ዩ፡፡ እዚ ሓላፍነት ንግልጋሎት ስራሕ ምውዓል ግቡእ እንትኾን ስልጣን ልዕሊ ደረት ምጥቃም ግና ኣግባብ ኣይኮነን፡፡ ስለዚ ስልጣን መንግስትን ህዝብን ብዘይኣግባብ ምጥቃም ምጉዳል ፍትሕን ምግሃስ መሰልን የስዕብ፡፡

ሐ. ንዜጋታት ብማዕርነት ዘይምትእንጋድ፦

ኣብ መንጎ ሰባት ርኡይ ዝኾነ ምኽንያታዊ ኣፈላላይ እንተዘይሃልዩ ማዕረ ግልጋሎት ክረኽቡ ዝግብኦም ሰባት ብማዕርነት ናይ ምትእንጋድ መሰል ኣለዎም፡፡ ንኣብነት ሓደ ዓይነት ጥፍኣት ዘጥፍኡ ሰባት ተመሳሳሊ መቕፃዕቲ ምሃብ ግቡእ ይኸውን፡፡ ኮይኑ ግና ኣብ መንጎ ሰባት ኣብ ዝግበሩ ኣወሃህባ ግልጋሎት ግቡኣት ዘይኮነ ኣፈላላያት ብምፍጣር ዝስርሑ ተግባራት ንምጉዳል ፍትሕን ምግሃስ መሰልን መበገሲ ይኾኑ፡፡



# መልመዲ - 4

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ተግባራት ምግሃስ መሰልን ምጉዳል ፍትሕን ብመን ይፍፀሙ?
2. ክሳብ ሐዚ ካብዝገጠመኩም ወይ ካብ ዝረኣዅምዎ/ካብ ቴሌቪዥን፣ ካብ ሬድዮ ወይ ካብ ከባቢ፣ ወዘተ /ተግባራት መሰል ምግሃሰ እዮም እትብልዎም ፍፃመታት ኣብርሁ፡፡
3. "መሰልካ ንኽሕሎ መሰል ካልኦት ኣኽብር" ኣብ ዝብል ኣበሃህላ ትሰማዕምዑ 'ዶ? ንምንታይ? መሰል ዜጋታት ከኽብሩን ክኽበሩን ኣብ ምግባርን ሓላፍነት ኣለዎም እትብልዎም ኣካላት ዘርዝሩ፡፡

## 4.4 ፍትሒ ንክህሉ ዘድልዩ ኩነታት

- ኣብ ቤት ትምህርትን ኣብ መምሃሪ ክፍልኹምን ፍትሒ ንምዕሳል ዘድልዩ ኩነታት እንታይ እዮም?
- ፍትሒ ዝስኣነን መሰሉ ዝተግሃሰን ሰብ እንታይ ክገብር ኣለዎ?

### ኔልሰን ማንዴላ - ካልኣይ ክፋል

ማንዴላ ድሕሪ 27 ዓመታት ካብ ቤት ማእሰርቲ ምስተፈትሐ ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ ፈላሚ መራሒ ኮይኖም ተመሪፆም፡፡ ናብ ስልጣን ምስወፁ'ውን እቲ ብኦም ዝምራሕ መንግስቲ ፍትሒ ንምዕሳል ዝዓለሙ ተኸታታልቲ ስጉምትታት ወሲዱ፡፡ ካብ ሞንጎ እቶም ዝተወሰዱ ስጉምትታት እዞም ዝስዕቡ ይርከብዎም፡፡

- ኣድላዊ ዝኾኑ ሕግታት ንኽስረዙ ተገይሩ፡፡
- ኩሉ ደቡብ ኣፍሪካዊ ማዕረ መሰል ዜግነት ከምዘለዎ ተደንጊጉ፡፡
- ፀለምትን ፀዓዱን ኣብ ሓደ ቤት ትምህርቲ ምምሃር፣ ኣብ ተመሳሰልቲ ማእኸላት ጥዕና ክግልገሉ ወዘተ ጀሚሮም፡፡
- ስፖርታውን መዘናግዕን ቦታታት፣ ወዘተ ንኹሉ ብማዕረ ምግልጋል ጀሚሮም፡፡

- ብዙሕ ዘበናት ፍትሒ ስኢኖም ዝነበሩ ፀለምቲ ህዝብታት ኣብ ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ተቖፂሮም ተመዲቦምን ምስራሕ ጀሚሮም፡፡
- ኣብ ጉዳያት ሃገሮም ብነፃነት ናይ ምስታፍ መሰሎም ተረጋጊፁ፡፡

ኣብ ገፀርን ከተማን ዝርከቡ ትካላት ምምሕዳር፣ ፀጥታን ፍትሕን ንኹሉ ሕብረተሰብ ብዘይኣድልዎ ብማዕርነት ከምዘተኣናግዱ ኮይኖም ተመሓዊሮም፡፡ ብሓፈሻ ኣብ መንጎ ፀዓዱን ፀለምትን ህዝብታት ንዘበናት ዝፀንሐ ፅልኣትን ስምዒት ሕነ ምፍዳይን ምንካይ ጀሚሮም፡፡ ኣብታ ሃገር'ውን ሰላምን ፀጥታን ምዕሳል ጀሚሩ፡፡ ሰላምን ፀጥታን'ውን መሰረት ዕብየትን ምዕባለን ምኳኑ ተረጋጊፁ፡፡ ማንዴላ ንነዊሕ እዋን ዝፀንሐ ስርዓት ኣድልዎ ብትረት ብምቅላሶምን ኣብ ዘበነ ኣመራርሓኦም ብዝወሰድዎም ፍትሓዊ ስጉምትታትን ውሩይ ሰብ ዓለምና ክኾኑ ኽኢሎም፡፡



## መልመዲ - 5

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ብመሰረት እቲ ምንባብ ፍትሒ ንምዕሳል ዝተወሰዱ ስጉምትታት ዘርዝሩ፡፡
2. ኣብ ሓንቲ ሃገር ፍትሒ ንምዕሳል እንታይ ዓይነት ስጉምትታት ክውሰዱ ይግባእ?
3. ኣብቲ ፅሑፍ ተደሪኽኩም ረብሓ ፍትሒ ዘርዝሩ፡፡
4. እዞም ዝስዕቡ ነጥብታት፣ ፍትሒ ንክዓስል ዘለዎም ረብሓ ግለፁ፡፡
    - ስነምግባር
    - ዴሞክራሲ
    - ልዕልነት ሕጊ
    - ማዕርነት

- ፍትሓውነት ንኽዓስል ካብ መንነ ዘድልዩ ተግባራት እዮም ዝስዕቡ ብቐንድነት ይጥቀሱ፡፡

ሀ. ፍትሓዊ ኣሰራርሓታት ተግባራዊ ምግባር፡- ኣብዝተፈላለዩ ብርኪታት ዝርከቡ ትካላት መንግስቲ ኣውሃህባ ግልጋሎቶም ፍትሓውነት ዝተኸተለ ክኸውን ኣለዎ፡፡ ኣብ ጣብያ፣ ኣብወረዳ ወዘተ ዝርከቡ ትካላት መንግስቲ ንኹሉ ዜጋ ብማዕርነት ዘተኣናግዱ ክኾኑ ኣለዎም፡፡

ለ. ኣካላት ፍትሒ ብዝተውሃቦም ስልጣንን ክሊ ሕግን ጥራሕ ምስራሕ፡- ኣብ ዝተፈላለዩ ብርኪታት ዝርከቡ ኣካላት ፍትሒ ዝጣየሹ ሰላምን ደሕንነትን እቲ ሕብረተሰብ ንምሕላው እዩ፡፡ ስለዚ እዞም ኣካላት ሓላፍነቶም እንትዋፅኡ ንሕጊ መሰረት ገይሮም ክኸውን ኣለዎ፡፡ ዝወፁ ሕግታትን ደንብታትን ረብሓን ድሌትን እቲ ህዝቢ ንምኽባር ዘኽእሉ ኾይኖም ዝተዳለው ክኾኑ ኣለዎም፡፡

ሐ. ዜጋታት ፍትሒ ናይ ምርካብ መሰሎም ምጥቃም፡- ዜጋታት ብውልቀ ዝበፅሖም በደል ንዝምልከቶም ኣካላት ፍትሒ ብምቕራብ ግቡእ ፍታሕ ንኽወሃቦም ክሓቱ ይግባእ፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ውሽጢ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ሓደ ዜጋ ኣብ ባዕሉ ብዛዕባ ዝበፅሐ በደል ጥራሕ እንተይኮነ ኣብ ካልኦት ዝበፅሑ ኣድላዊ ተግባራት'ውን ክቃወም ኣለዎ፡፡

መ. መሰል ንምኽባርን ፍትሒ ንምርካብን ስምዒት ተበግሶ ምህላው፡- ምግሃስ መሰልን ምጉዳል ፍትሕን ካብዘስዕቡ ጉዳያት ውሽጢ ዜጋታት መሰሎም ንምኽባርን ፍትሒ ንምርካብን ዘለዎም ተበግሶ ትሑት ምዃኑ እዩ፡፡ ዜጋታት ዝበፅሖም ምግሃስ መሰል ይኹን ምጉዳል ፍትሒ ንምእላይ ዓርሶም ፃዕሪ ክገብሩ ይግባእ፡፡ በዚ'ውን ኣድላዊ ኣሰራርሓታት ንከይፍጠሩ ካብ ምቅላስ ሓሊፍካ እቲ ጉዳይ ናብ ዝምልከቶ ትካል ፍትሒ ናይ ምቕራብ ወይ ናይ ምፍላጥ ልምዲ'ውን ከማዕብሉ ይግባእ፡፡



## መልመዲ - 6

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ንስኻትኩም ይኹን መሓዙትኩም ዝበፅሐ ኣድላዊ ተግባር ንዝምልከቶ ኣካል ብምዝራብ ግቡእ ፍትሒ ንምርካብ ዝተገበረ ፃዕሪ እንተልዩ ብኣብነት ኣቕርቡ፡፡
2. ስድራ ቤትኩም መሰል ክኸበር ንምግባር ዝገበርዎም ፃዕርታት ብምሕታት ዝተረዳኣኹምዎ ኩሉ ዘርዝሩ፡፡
3. ኣብ ቤት ትምህርትኹም ፍትሒ ክኸበር ኣብ ምግባር ዘለኩም ሓላፍነት ዘርዝሩ፡፡

## 4.5 ግብሪ

### 4.5.1 ግብሪ መዓዝን ብኸመይን ተጀሚሩ




*ስእሊ 1.2 ግብሪ ምኽፋል ዜግነታዊ ግቡእ'ዩ፡፡*

- *መንግስቲ ንዜጋታት ሓባራዊ ረብሓ ዘውዕሉ ጉዳያት ከማልእ ዝኽእል ካበይ ብዝርከብ ገንዘብ እዩ?*

# ፀብፃብ እኒ ከድኝ- (ቀዳማይ ክፋል)

ከድኛን መሓዙታን ሎሚ'ቕነ ብዛዕባ "ታሪኻዊ ኣመፃፅኣን ዓይነታትን ግብሪ" ብዝምልከት ፀብፃብ ንከቕርባ ዕዮ ጉጅለ ተዋሂቡወን ኣሎ፡፡ ንስድራኣንን ንሰብ ሙያን ብምሕታት ዘዳለዎኦ ፀብፃብ እዚ ዝስዕብ ይመስል፡፡

## "ታሪኻዊ ኣመፃፅኣ ግብሪ"

ታሪኻዊ ኣመፃፅኣ ግብሪ ምስ ምፍጣር መንግስቲ ዝተኣሳሰረ እዩ፡፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ዓለም ዝተመስረቱ ጥንታዊ መንግስታት ካብ ሕብረተሰብ ዝእክብዎ ግብሪ ቀንዲ ፍልፍል እቶቶም ነይሩ፡፡ ንኣብነት ቅድሚ ሰለስተ ሽሕ ዓመታት ዝነበሩ ጥንታዊ መንግስታት ግብፅን ግሪክን ካብቲ ዘመሓድርዎ ህዝቢ ግብሪ ይእክቡ ነይሮም፡፡

ኣብ ሃገርና'ውን ኣብ ጥንቲ እዋን ዝነበሩ መንግስታት ቀንዲ ፍልፍል እቶቶም ካብቲ ህዝቢ ብገንዘብን ብዓይነትን ዝእክብዎ ግብሪ ነይሩ፡፡ ኮይኑ ግና ብሕጊ ተደንጊጉ ግብሪ ምኽፋል ዝተጀመረ ካብ መበል 15 ክፍለ ዘበን ሃፀይ ዘርኣ ያእቆብ ዝበሃሉ ንጉስ ካብ ዝነበርሉ ግዘ ናብዚ እዩ፡፡



## መልመዲ - 7

*ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡*

1. ኣመፃፅኣ ግብሪ ንምንታይ ምስ ምምስራት መንግስቲ ተኣሳሲሩ?
2. ኣብ ሃገርና ግብሪ ምእካብ መዓዝ ተጀሚሩ?
3. ሰባት ግብሪ ምኽፋል መዓዝ ጀሚሮም?

# ፀብፃብ እኒ ከድኝ - (ካልኣይ ክፋል)

- ግብሪ ምኽፋል ንምንታይ ተጀሚሩ?

ሰባት ኣብ ሓደ ከባቢ እንትነበሩ ሰላምን ፀጥታን ከባቢኦም ክሕለወሎም ይግባእ፡፡ ካብ ደገ ዝመፅእ መጥቃዕቲ ንምክልኻል ብሓባር ዝተወደበ ሓይሊ ኣድላይ እዩ፡፡ ነዚ'ውን ሓባራዊ ምትእስሳር እቲ ሕብረተሰብ ጥንኩር ክኾውን ኣለዎ፡፡ ክመፁ ዝኽእሉ መጥቃዕትታት ንምክልኻልን ነቲ ሕብረተሰብ ንምምሕዳርን መንግስቲ ዝብሃል ኣካል ተፈጢሩ፡፡ እዞም ሓላፍነታት ብዝግባእ ንምፍፃምን ካልኦት ሓበራዊ ጉዳያት ዜጋታት ንምምላእን መንግስቲ ካብ ዜጋታቱ ሓገዝ ገንዘብ፣ ጉልበትን ንብረትን ምርካብ ኣድላይ ኾይኑ፡፡ መብዛሕትኡ ግዘ ዜጋታት ንመንግስቶም ዝኸፍልዎ ክፍሊት ግብሪ ተባሂሉ ክፅዋዕ ጀሚሩ፡፡

ካብ ፀብፃብ እኒ ከድኝ ከምዝተረዳእኹምዎ ግብሪ ሰባት ኣብሓደ ተወዲቦም ኣብ ትሕቲ ሓደ መንግስቲ ምምሕዳር ካብ ዝጀመርሉ ግዘ ጀሚሩ ዝተጀመረ ጉዳይ እዩ፡፡ ካብዚ ግዜ እዙይ ጀሚሩ መንግስቲ ካብቲ ዘመሓድሮ ሕብረተሰብ ግብሪ ይእከብ ከምዝነበረ ተገሊፁ ኣሎ፡፡ ስለዚ ካብቲ ግዘ'ቲ ጀሚሩ ግብሪ ቀንዲ ፍልፍል እቶት መንግስታት ኮይኑ ምግልጋል ጀሚሩ፡፡ ካብ ግብሪ ዝረኸቦ እቶት ናይቲ ሕብረተሰብ ሓባራዊ ረብሓታት ንምሕላው ብመሳርሕነት ከገልግል ጀሚሩ፡፡ ንኣብነት ጥቕዓት ምክልኻልን ውሽጣዊ ሰላምን ፀጥታን ምኽባር ዝተኸኣለ ካብ ግብሪ ብዝእከብ ገንዘብን ሃፍትን እዩ ነይሩ፡፡



## መልመዲ - 8

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡

1. ኣብ ዓለምና ዝነበሩ ጥንታዊ መንግስታት ካብ ግብሪ ዝእክብዎ ንብረትን ገንዘብን ንምንታይ ስራሕቲ የውዕልዎ ነይሮም?
2. ሰባት ግብሪ ምኽፋል ዝጀመሩ ከክንድኡ እንታይ ንምርካብ ሓሲቦም እዮም?

### 4.5.2 ግብሪ ዝእከቡሎም ዓይነታት እቶት

- ኣብ ጥንቲ እዋን ሰባት ንመንግስቶም ዝኸፍልዎም ዓይነታት ግብሪ ዘርዝሩ፡፡

## ፀብፃብ እኒ ከድኛ - (ሳልሳይ ክፋል)

ሳልሳይ ክፋል ፀብፃብ እኒ ከድኛ ኣብ ዓይነታት ግብሪ ዘድሃበ ነይሩ፡፡ እዚ'ውን ስዒቡ ኣብ ክልተ ክፋላት ቀሪቡ ኣሎ፡፡

## "ዓይነታት ግብሪ ቀደምን ሎምን"

ሀ. ኣብ ጥንታዊ ዘበን፦ "ኣብ ጥንታዊ ዘበን ዝነበሩ መንግስታት ግብሪ ካብ ዝተፈላለዩ ዓይነታት እቶት ይእክቡ ነይሮም፡፡ መብዛሕትኡ ግዘ ግብሪ ብገንዘብን ካብ ውፅኢታት ምህርትን ዝርከብ እንተኾነ'ውን ሓድ ሓደ ግዘ ሰባት ግልጋሎት ጉልበት ብምሃብ ናይ ግብሪ ግቡኦም ይዋፅኡ ነይሮም፡፡ ድሕሪ ግዘ'ውን ግብሪ ብሓይልን ብፅዕንቶን ዝኽፈለሉ ኣሰራርሓ እናተሰፋሕፈሐ መፂኡ፡፡ በዚ መሰረት ኣከፋፍላ ግብሪ ፍትሓውነት ዝጎደሎ ምኳን ጀሚሩ፡፡ ንኣብነት ልዕሊ ዓቕሞም ግብሪ ዝኸፍሉን ከም ዘለው ኩሉ ካብ ግብሪ ምኽፋል ነፃ ዝግበሩ'ውን ነይሮም፡፡ ብሕልፊ ሃፍትን ስልጣንን ዘለዎም ክፍሊት ግብሪ ኣይምልከቶምን ነይሩ፡፡ ካብ ግብሪ

ዝርከብ እቶት ንሓበራዊ ረብሓ ህዝብታት ምኳኑ ተሪፉ ኣብ ስልጣን ንዝተቐመጡ ዉሑዳት መመቻቸዊ ናብራ ምውዓል ተጀሚሩ፡፡"

ለ. ኣብዚ ሎሚ ግዘ ግብሪ ዝእከቡሎም ዓይነታት እቶት፦ ኩነታት ኣተኣኻኽባ ግብሪ ካብ ግዘ ናብ ግዘ እናተለዋወጠ ዝኸይድ እዩ፡፡ እቲ ዝእከብ ግብሪ'ውን ከምኡ ፍልፍሉ ካብ ዘበን ናብ ዘበን ካብ መንግስቲ ናብ መንግስትን ካብ ሃገር ናብ ሃገርን ይፈላለዩ እዮም፡፡ ኣብ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ኣተኣኻኽባ ግብሪ ኣብ ዝተማሓየሸ ብርኪ ይርከብ፡፡ ግብሪ ንመን፣ ንምንታይ ተግባርን ካብ እንታይ ዓይነት እቶትን ከምዝእክቡ ብሕግን ብደንብን ተፈልዮም ይዝርዘሩ እዮም፡፡

ካብዚ ፀብፃብ ከምትርድእዎ ግብሪ ዝእከበሎም ዓይነታት እቶት ካብ ግዘ ናብ ግዘ እናተቐያየረ ዝኸይድ ጉዳይ ምኳኑ እዩ፡፡ ንኣብነት ኣብ ጥንቲ እዋን ግብሪ ብገንዘብ ጥራሕ ዝኽፈል ኣይነበረን፡፡ ካብ ዝተፈላለዩ ውፅኢት ምህርትን ግልጋሎት ጉልበት ብምሃብን ዜጋታት ካብኣቶም ዝሕሎ ናይ ግብሪ ግቡእ ይዋፅኡ ነይሮም፡፡ ኣብዚ ሐዚ እዋን ግብሪ ዝእከብ ብገንዘብ እንትኾን ስርዓትን ከይድን ኣተኣኻኽባ ዝተመሓየሸሉ ኩነታት ይረአ ኣሎ፡፡

ግብሪ ካብ ዝተፈላለዩ ዓይነታት እቶት ይእከብ፡፡ ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣብ ሃገርና ግብሪ ቅድም ክብል ካብ ዝነበሩ ግዚያት ብዝሐሸ መልክዕ ካብ ዝተፈላለዩ ፍልፍላት ወይ ከባብታት ይእከብ፡፡ ቀንዲ መሰረታት ወይ ዓይነታት ግብሪ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡፡ ግብርና፣ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ንግዲ፣ መሃያ፣ ፋብሪካታትን ሃፍትታት መዓድንን፣ ኣርባሕቲ እንስሳት፣ ዝተፈላለዩ ዘፈራት ግልጋሎት (ኣብነት ቱሪዝምን ሆቴልን ወዘተ) ቀንዲ መሰረታት ግብሪ እዮም፡፡



## መልመዲ - 9

እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡

1. በብሃገሩ ዘለዉ ክፍሊታት ግብሪ ተመሳሰልቲ'ዮም ኢልኩም'ዶ ትግምቱ? ንምንታይ?
2. ካብዞም ዝስዕቡ ስድራ'ኹም ግብሪ ዝኸፍሉሎም ዓይነታት ግልጋሎት ፈሊ'ኹም ዘርዝሩ፡፡

- ካብ ተሓራሲ መሬት
- ካብ ንግዲ
- ካብ መሃያ
- ካብ መንበሪ ገዛ
- ካብ ትሕዝቶ ቦታ
- ካብ ናይ ዕዳጋ ቦታ
- ካብ ቴሌቪዥን
- ካብ ክራይ ስልኪ
- ካብ ቆፃሪ መብራህቲ
- ካብ ልምዓት እንስሳት

### 4.5.3 ግብሪ ብሓቀኛነት ምኽፋል ዜግነታዊ ግቡእ እዩ

- ግብሪ ምኽፋል ንምንታይ ግቡእ ዜጋታት ይኸውን?
- ዜጋታት ኣብ ኣከፋፍላ ግብሪ እንታይ ዓይነት ስነ ምግባር ክህልዎም ይግባእ?

ግብሪ ብፍቓድን ብድሌትን ክኸፈል ዘለዎ ግቡእ ዜግነት እዩ፡፡ ኣብ ስርዓት ዴሞክራሲ ግብሪ ምኽፋል ከምዕዳ ኣይቑፀርን፡፡ ግብሪ ንሓባራዊ ልምዓት ዝውዕል ካብ ዜጋታት ዝእከብ እቶት እዩ፡፡ ዝተፈላለዩ ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላትን መንገድን ንምስራሕ፣ ንሃገራዊ ድሕነት ዝውዕል ገንዘብ ንምርካብ፣ ዘማልእ ስርዓት ከምዝኾነ እቲ ሕብረተሰብ ይግንዘብ እዩ፡፡ ብመሰረት እዙይ ግብሪ ምኽፋል ግቡእ ዜግነት ምዃኑ ብምርዳእ ዜጋታት ካብኣቶም ትፅቢት ዝግበር ግብሪ ብእዋኑ ክኸፍሉ ይግባእ፡፡

ልምዓት ኣብ ዘሰጎሙ ሃገራት እቶትካ ብእዋኑ እናፍለጥካ ግብሪ ዘይምኽፋል ብሕጊ ዘቕፅዕ ተግባር እዩ፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ እዚ ዓይነት ተግባር በቲ ሕብረተሰብ ከም ነውሪ ስለ ዝቑፀር ፅቡኞ ሱምካ የጥፍእ'ዩ፡፡ ስለዚ መጠን ግብሪ ንምውሳን ምእንቲ ክሕግዝ ዜጋታት ብዛዕባ ኩነታት እቶቶም ሓቀኛ መረዳእታ ከቕርቡ ትፅቢት ይግበረሎም፡፡



## መልመዲ - 10

*ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡*

1. ዜጋታት ግብሪ ብኣግባቡ እንተዘይኸፍሉ እንታይ ዓይነት ፀገማት ምተፈጠሩ?
2. ኣብ ጥንቲ እዋን ዝነበረ ዕላማ ግብሪ ኣብዚ ሐዚ እዋን ካብዘሎ ብምንታይ ይፍለ?

## መጠቓለሊ

ኣድላዊ ኣሰራርሓታት ኣብ ዝተፈለላዩ ግዚያትን ቦታታትን ይፍፀሙ'ዮም፡፡ ካብ ንእሽቶይ ክሳብ ዓብይ ኣብ ዘለዉ ግልጋሎት መውቢ ቦታታት በብግዚኡ እንትፍጠሩ ይርኣዩ፡፡ ንዝፍጠሩ ኣድላዊ ኣሰራርሓታት መበገሲኦም ዝተፈላለየ እዩ፡፡ እዞም ኩሎም ኣድላዊ ኣሰራርሓታት ዝፍፀሙ ብሰባት ኣቢሎም እንትኾኑ እዚ ንምጥፋእ ዜጋታት ዝኾነ ዓይነት ኣድላዊ ኣሰራርሓ ካብ ምፍፃም ክእርነቡ ይግባእ፡፡ ተፈፂሞም እንተጋጥሞም'ውን ክቃወምዎም ይግባእ፡፡ ኣድላዊ ኣሰራርሓታት ንምክልኻል ካሊእ ክስራሕ ዘለዎ ተግባር ማሕበራዊ ትካላት ብሓይሊ ሰብን ብናውትን ምጉልባትን ዝርገሐኦም ክስተኻኸል ምግባርን ግቡእ እዩ፡፡ ነዚ'ውን ኩሉ ክፋል ሕብረተሰብ ግቡእ ድጋፍን ምትሕብባርን ንኣካላት መንግስቲ ክበርክት ኣለዎ፡፡

ንምግሃስ መሰልን ምጉዳል ፍትሕን ዜጋታት ምኽንያት ካብ ዝኾኑ ጉዳያት ውሽጢ መሰል ዜጋታት ዘይምኽባር፣ ዝተውሃበካ ስልጣን ህዝቢ ግቡእ ብዘይኮነ ኣገባብ ምጥቃም ንዜጋታት ብማዕርነት ዘይምትእንጋድን እዮም፡፡ ስለዚ ፍትሒ ኣብ ሕብረተሰብ ብዘላቕነት ንምዕሳልን ፍትሓዊ ኣሰራርሓታት ተግባራዊ ምግባር፣ ኣካላት ፍትሒ ብመሰረት ዝተውሃቦም ስልጣን ግልጋሎት ንኽህቡ ምኽኣልን ዜጋታት'ውን ፍትሒ ናይ ምርካብ መሰሎም ናይ ምጥቃምን ተበግሶኦም ኽምዕብል ምግባር ይግባእ፡፡

ብኻሊእ ገፅ ዜጋታት ካብኣቶም ዝሕሎ ግብሪ ብእዋኑ ምኽፋል ዜግነታዊ ግቡእ ምዃኑ ክፈልጥዎ ይግባእ፡፡ ነዚ'ውን ኣብ ከይዲ ኣተኣኻኽባ ግብሪ ዜጋታት እቶቶም ብዝምልከት ንመንግስቲ ዝህብዎ መረዳእታ ሓቅን ኣብ ሓቂ ዝተመስረተን ክኸውን ኣለዎ፡፡

## ኣገደስቲ ቃላት

በደል-- ግቡእ ዘይኮነ ጎዳኢ ተግባር

ሕጊ- ህዝብታት ተሰማሚዖም ዝተቐበልዎ መመሓዳደሪ ስርዓት

ደንቢ- መን እንታይ ከምዝስርሕ፣ ብኸመይ ከምዝስራሕ ዘማላኽት መምርሒ

ሃገራዊ ድሕንነት- ሃገራዊ ኩነታት ሰላም

ዝተወደበ ሓይሊ - ዝኾነ ዕላማ ንምዕዋት ሕብረት ፈጢሩ ዝርከብ ሓይሊ

ነገስታት - ብህዝቢ ከይተመረፁ ብውርሲ ቤተሰብ በብተራ ሃገር ዝገዝኡ ውልቀሰባት፣ ኣባላት ዘውዳዊ ስርዓት

በዓል ሃፍቲ - ኣብ ዝተፈላለዩ ዘፈራት ሃፍቶም ንልምዓት ዘውዕሉ ሰባት፣ ጉጅለታት፣ ወዘተ

## መጠቓለሊ ሕቶታት

I. *እዞም ዝስዕቡ ሙሉእ ሓሳባት ኣንቢብኩም ትኽክል ንዝኾኑ “ሓቂ” ትኽክል ንዘይኾኑ ድማ “ጌጋ” እናበልኩም መልሱ፡፡*

1. ማሕበራዊ ትካላት ኣብ ዝተማልእሉ ከባቢ ፍትሓዊ ኣሰራርሓታት ተግባራዊ ይኾኑ፡፡
2. ብቕዓት ሓደ ትካል ክረጋገፅ ዝኽእል ኣድለይቲ መሳርሕታት እንተተማሊኦምሉ ጥራሕ እዩ፡፡
3. ሓሓሊፉ ኣድላዊ ኣሰራርሓታት ምፍፃም ግቡእ እዩ፡፡
4. ኣብ ስርዓት ዴሞክራሲ ግብሪ ምኽፋል ግቡእ ዜጋታት እዩ፡፡
5. ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዝፍፀሙ ኣድላዊ ኣሰራርሓታት መበገሲኦም ተመሳሰልቲ እዮም፡፡

II. *ኣብትሕቲ “ሀ” ንዝተዘርዘሩ ሓሳባት ኣብትሕቲ “ለ” ካብ ዝርከቡ ዝሰማምዕዎም ብምምራፅ ኣዛምዱ፡፡*

| “ሀ” | “ለ” |
|---|---|
| 1. ብፍልጦን ብዝምድናን ምስራሕ | ሀ. ፀገም ብቕዓት |
| 2. ግቡእ ዜግነት | ለ. ፍትሒ መፅሰሊ መንገዲ |
| 3. ኣድለይቲ መሳርሕታት ዘይምህላው | ሐ. ኣድልዎ |
| 4. ኣብ ግጉይ መረዳእታ ተደሪኽካ ፍርዲ ምሃብ | መ. ምጉዳል ፍትሒ |
| 5. ሕጊ ምኽባር | ረ. ግብሪ ምኽፋል |
| | ሰ. ማሕበራዊ ትካላት |

III. *ኣብዞም ዝስዕቡ ባዶ ቦታታት ትኽክለኛ ቃል ወይ ሓረግ ምልኡ፡፡*

1. ዜጋታት ብኣንፃር እቶቶም ንመንግስቲ ዝኸፍልዎ ክፍሊት____________ ተባሂሉ ይፍለጥ፡፡
2. ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት ንሕብረተሰብ ዝህብዎ ግልጋሎት __________ ክኾኑ ይግባእ፡፡

IV. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብምንባብ ትኽክለኛ ዝኾነ መልሲ ምረፁ፡፡*

1. ፍሓውነት ግብሪ ዝግለፅ ካብዞም ዝስዕቡ ተግባራት ብሓዲኡ እዩ፡፡

   ሀ. ዜጋታት ከም መጠን እቶቶም እንትኸፍሉ

   ለ. ኩሎም ዜጋታት ማዕረ መጠን ዘለዎ ክፍሊት እንትኸፍሉ

   ሐ. መራሕቲ ሃገር ካብ ክፍሊት ግብሪ ነፃ እንትኾኑ

   መ. “ሀ”ን “ለ” መልሲ እዮም፡፡

2. ካብዞም ዝስዕቡ ፍልፍል ግብሪ ዝኾነ ኣየናይ እዩ?

   ሀ. ሕርሻ  ለ. መሃያ  ሐ. ንግዲ  መ. ኩሎም

3. ኣድላዊ ኣሰራርሓታት ክፍፀሙሎም ዝኽእሉ ትካላት ኣየንኦም እዮም?

   ሀ. ቤት ፅሕፈት ጣብያ  ለ. ትካላት ፍትሒ

   ለ. ቤት ትምህርቲ  መ. ኩሎም

4. ንምልማ ፍትሒ መበገሲ ዘይኾውን ኣየናይ እዩ?

   ሀ. ብገንዘብን ብጥቕማ ጥቕምን ምስራሕ  ሐ. ፍትሒ ምጉዳል

   ለ. ስልጣንካ ብዘይኣግባብ ምጥቃም  መ. መሰል ሰባት ምኽባር

5. መሰላት ሰባት ንክኽበሩ እንታይ ምግባር የድሊ?

   ሀ. ብሕጊ ምጥቃም  ሐ. ፍትሒ ምዕሳል

   ለ. ብጉልበትካ መሰልካ ምኽባር  መ. "ሀ"ን"ሐ"ን መልሲ እዮም፡፡

## V. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃቡ፡፡

1. ኣብ ቤት ትምህርቲ ፍትሓዊ ኣሰራርሓታት ንኽዓስሉ ካብ ሕድሕድኩም ትፅቢት ዝግበረሎም ሓላፍነታት ዘርዝሩ፡፡
2. ኣድላዊ ኣሰራርሓታት ንምክልኻል ክስርሑ ኣለዎም እትብልዎም ተግባራት ዘርዝሩ፡፡

# ምዕራፍ ሓሙሽተ

## ፍቕሪ ሃገር

**ዕላማታት'ዚ ምዕራፍ፣**

**እዚ ምዕራፍ ተምሂርኩም ምስፈፀምኩም፦**

- መግለፅታት ፍቕሪ ሃገር ትግንዘቡ፡፡
- ታሪኽ ሃገር ምፍላጥ ንምጉልባት ፍቕሪ ሃገር ዘለዎ ረብሓ ትግንዘቡ፡፡
- ዕላማ ግልጋሎት ሰናይ ድሌት ትርድኡ፡፡
- ዜግነት ዝርከብሎም መንገድታት ትፈልጡ፡፡

## 5.1 ፍቕሪ ሃገር

### 5.1.1 ንምጉልባት ፍቕሪ ሃገር ዘድልዩ ኩነታት፣

በዓል ብዙሕ ቛንቋ - በዓል ብዙሕ ዜማ፣
ዘ'ኹርዕ ታሪኽና - ዝስማዕ ብዕላማ፡፡
ጎደና ዕቤትና - መንገዱ ዝሰፍሐ፣
ፈተውቲ ሰላም ኢና - ተስፋና ዝበርሀ
ብሓደ ከምዝነፍራ - ርግቢታት ናይ ሰላም፣
ድሙቓት ህዝቢ ኢና - ሰብ ብዙሓት ቀለም፡፡
ኢትዮጵያ ደቅኺ - ቃል ኪዳን ንኣትወሉ አለና፣
ንዕቤትኪ ክንሰርሕ ደመ ረሃፅና ከፊልና፡፡

(ካብ ህብር -ብሂር መፅሄት ሕዳር 2000 ዓ/ም ዝተወሰደ ተዛማዲ ትርጉም)

- እዚ ኣብ ላዕሊ ቀሪቡ ዘሎ ግጥሚ እንታይ እንታይ ትሕዝቶታት ከምዘለውዎ ግለፁ፡፡
- ኣብዚ ግጥሚ ሕብረ ብሄራዊነት ዘተገለፀ ብኸመይ እዩ

## ክትዕ ተምሃሮ

ተምሃሮ ቤት ትምህርቲ ዓወት ዓድዋ በብሰለስተ ወርሒ ፕሮግራም ክትዕ ኣለዎም፡፡ ናይዚ ወርሒ ተኻታዕቲ ተምሃሮ ሻድሻይ ክፍሊ "ሀ"፣"ለ"ን"ሐ"ን እዮም፡፡ ንኽትዕ ዝቐረበ ርእሲ ድማ "ንምጉልበት ፍቅሪ ሃገር ዘድልዩ ኩነታት" ዝብል እዩ፡፡ ንሻድሻይ "ሀ" ወኪሎም ዝካተዑ ብፅኣትን ሓየሎምን እዮም፡፡ እዞም ክልተ ተምሃሮ ንክትዕ ዝመረፅዎ ርእሲ "ፍቅሪ ሃገር ንምጉልባት መሰላት ውልቀን ጉጅለን ክኽበሩ ኣለዎም" ዝብል እዩ፡፡ ኣብ ዙሪያ እዚ ርእሲ እንታይ እንታይ ነጥብታት እንተጠቐሱ ኣብቲ ክትዕ ክስዕሩ ከምዝኽእሉ ምስ ናይ ክፍሊ መሓዙቶም እናተማኸሩ እዮም፡፡ ንሻድሻይ 'ለ" ወኪሎም ዝካተዑ ኣምልሻን ገዛእን እዮም፡፡ እዞም ክልተ ተምሃሮ ዝካትዕሉ ርእሲ "ፍቕሪ ሃገር ንምጉልባት ኣድላዊ ኣሰራርሓ ክጠፍእ ይግባእ "ዝብል እዩ፡፡ ናይ ክፍሊ መሓዙቶም'ውን እዞም ዝስዕቡ ነጥብታት መካትዒ ገይሮም ንኽጥቀሙሎም መኺሮምዎም፡፡

ሀ. ኣብ ክሊ ኣዋህባ ፍትሒ ሃገርና ኣድላዊ ኣሰራርሓ ጎሊሁ እንተተራእዩ ዜጋታት ንሃገሮም ዝህልዎም ፍቕሪ ትሑት ይኸውን፡፡

ለ. ኣብ መንጎ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ኣብ ምርካብ ዕድል ትምህርት ስራሕን ኣድልዎ እንተተገይሩ ንሃገርና ዝህልወና ፍቕሪ ይንኪ፡፡

ሐ. ሰብ ኩሉ ብተፈጥሮኡ ማዕረ ስለዝኾነ ንህፃናት፣ ንሰብፀጋ ዕድመን ንደቂ ኣንስትዮን ፍሉይ ሓለዋን ክንክንን ክግበር የብሉን፡፡

ንሻድሻይ "ሐ" ወኪሎም ዝካተዑ ኣበበን ኣሕመድን እዮም፡፡ ኣበበን ኣሕመድን ዝካትዕሉ ርእሲ "ታሪኽ ከባብን ሃገርን ምፍላጥ ንምጉልባት ስምዒት ፍቕሪ ሃገር ይሕግዝ" ዝብል እዩ፡፡ ኣበበን ኣሕመድን መካትዒ ነጥቦም ኣብዞም ዝስዕቡ

ሰለስተ ንኡስ ርእስታት መቒሎም ኣቕሪቦም፡፡

1. ስምዒት ፍቕሪ ሃገር ምምዕባል ዝጅምር ታሪኽ ቤተሰብ ብምፅናዕን ብዝግባእ ብፍላጥን እዩ፡፡
2. ኣብ ከባቢና ንዝርከቡ ዝተፈላለዩ ታሪኻዊ መግለፅታት ንባህልታት ብሄር ብሄረሰባትን ፍሉይ ጠመተ እንትንገብር ስምዒት ፍቕሪ ሃገርና ይምዕብል፡፡
3. ብዛዕባ ናይ ሃገርና ዝሹርዕ ታሪኽ ህዝብታት እኹል ፍልጠት እንትህልወና ስምዒት ፍቕሪ ሃገርና ፅኑዕ መሰረት ይህልዎ፡፡



## መልመዲ - 1

*ብመሰረት እቲ ምንባብ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ብፅኣትን ሓየሎምን ነቲ ክትዕ ምእንቲ ክስዕሩ ኣብ ክሊ እቲ ርእሲ እንታይ ነጥብታት ንክልዕሉ ትመኽርዎም?
2. ንኣምልሻን ገዛእን መሓዙቶም ንመካትዒ ኣብ ዝሃብዎም ካብ ሀ-ሐ ዝተጠቐሱ ነጥብታት ትሰማምዑዶ? ተመያየጥሉ፡፡
3. ኣበበን ኣሕመድን ከልዕልዎም ዝግባእ ዝርዝር ነጥብታት ብዝምልከት ምስ ናይ ክፍሊ መሓዙትኩም ብጉጅለ ተመያይጥኩም ንመምህርኩም ሓጺር ፀብፃብ ኣቕርቡ፡፡

ስምዒት ፍቕሪ ሃገር ዝጉልብት ናይ ሕድ ሕድ ዜጋ ውልቃውን ጉጅላውን መሰሉ ካብ ኣድላውነት ነፃ ብዝኾነ መልክዕ እንትኽበረሉ እዩ፡፡ መሰል ብሄር ብሄረሰባት ከይተሸራረፈ እንትኽበር፣ ልዕልነት ሕጊ እንትዓስል፣ ጠንኪርካ ምምሃርን ምስራሕን ባህሊ ዜጋታት እንትኾን፣ ስምዒት ፍቕሪ ሃገር ይዓቢ፡፡ ኮይኑ ግና መሰል ዜጋታት እንተይተኸበረ ገፀ ምድሪ ሃገር (መሬት፣ እምባታታ፣

ሩባታት፣ ኣድዋር፣ ወዘተ) ምፍቃርን ምፍታውን በይኑ ትርጉም ኣይህልዎን። ኣድላዊ ኣሰራርሓ ኣብ ዝዓሰለሉ ሕብተረሰብ ስምዒት ፍቕሪ ሃገር ኣናጎልበተ እንተይኮነስ እናሃሰሰ ይኸይድ። ሃገርካ ካብ ዝኾነ ሓደጋ ምክልኻልን ንዓርሰኻን ንሃገርካን ካብ ዝጎድኡ ነገራት ምሕላውን መግልፅታት ሃገሩ ዝፈቱ ዜጋ እዩም።



## መልመዲ - 2

*ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ።*

1. ገፅ ምድሪ ምድናቕ በይኑ ቀንዲ መግለፂ ፍቅሪ ሃገር ክኸውን ኣይኽእልን ዝብሃል ንምንታይ እዩ?
2. ኣድላውነት ዘይርኣየሉ፣ ምፍቓርን ምክብባርን ህዝብታት ዝዓሰሎ እንታይ ዓይነት ውፅኢት ይህልዎ?
3. ንስኻትኩምኸ ንሃገርኩም ምፍታውኩም እትገልፁ እንታይ ብምግባር እዩ?

## 5.2 ኅዳእትን መፅነውትን ተግባራት

### 5.2.1 ንሓባራዊ ናውቲ ክንክን ዘይምግባር

- ናይ ሓባር መገልገሊ መሳርሒታት ዝበሃሉ እንታይ እዮም?

## መርኣያ ዝኾነ ተግባር

ቤት ትምህርቲ ፋና "ፍቕሪ ሃገር" ተባሂሉ ዝፅዋዕ ክለብ ኣለዎ። ኣባላት እዚ ክለብ መምህራንን ተምሃሮን እዮም። ኣባላት እዚ ክለብ በብጊዚኡ ዘካይድዎ መርኣያ ዝኾነ ምንቅስቓስ ዩኒሴፍ ካብ ዝበሃል ዓለምለኻዊ ትካል ፍሉይ ሽልማት ክረክብ ክኢሉ ኣሎ። ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ውሽጢ ቀፅሪ ቤት ትምህርቶም ዘዳለውዎ ፍሉይ ዓውደርእይን (ኤግዚቪሽን) ንብዙሓት ተዓዘብቲ ኣግሪሙ እዩ። እቲ ምድላው ዝቐረበ ኣብ ዓመታዊ በዓል እቲ ቤት ትምህርቲ ስለዝነበረ ብዙሓት

ወለዲ ተምሃሮ ተረኺቦም ነይሮም፡፡ እቲ ምድላው ዝቐረበ ኣብ ሰለስተ ክፋላት ተመቒሉ እንትኸውን ትሕዝቶ እቲ ምድላው'ውን ከምዚ ዝስዕብ ይመስል፡፡

ቀዳማይ ክፋል እቲ ምርኢት ዝቐረበ ኣብ ቤተ መፃሕፍቲ እቲ ቤት ትምህርቲ እዩ፡፡ ብዋና በሪ እቲ ቤተ መፃሕፍቲ እንትእቶ ዝተቐዳደዱን ስእሎም ካብ ውሽጦም ተገንፂሉ ዝተወሰደን ብዙሓት መፃሕፍቲ ይረኣዩ ኣለዉ፡፡ ኣብቲ መንደቕ "ወለዶ ይፍረደና" ዝብል ፅሑፍ ተፃሒፉ ኣሎ፡፡



*ስእሊ 5.1 ዝተቐዳዱን ዝተነፀሉን መፃሕፍቲ*

ኣብ ካልኣይ ክፋል እቲ ዓወደ ርእይ ብዕሽሽታ ዝተሰባበሩ ወናብር፣ ፀለምቲ ሰሌዳታት፣ ዴስክታትን ናውቲ ቤተ ፈተነን ተኣኪቦም ኣለዉ፡፡ ኣብቲ መንደቕ" ብዕሽሽታ ዝተጎድኡን ዝተሰባበሩን ናይሓባር መገልገልታት" ዝብል ፅሑፍ ይንበብ፡፡



*ስእሊ 5.2 ብዕሽሽታ ዝተጎድኡን ዝተሰባበሩን ናይ ሓባር መገልገልታት*

ኣብቲ ሳልሳይ ክፋል ዓውድ ርእይ ተምሃሮ መንጪቶም ዝደረበይዎም ደፋተር ዝገንፈሉ እስክርቢቶታትን ቁርፅራፅ እርሳሳትን ተኣኪቦም ይርኣዩ፡፡ ኣብቲ መንደቕ "ካብ እዚኣቶም ናትካ/ኪ ኣይናይ እዩ? ዝብል ፅሑፍ ይንበብ፡፡



ስእሊ 5.3 ዝገንፈሉን ዝተሰባበሩን እስክርቢቶታትን እርሳሳትን

እቲ ምድላው ተወዲኡ ተዓዘብቲ ኣጋይሽ ካብቶም ክፍልታት እንትወፁ ኣብ ኣፍደገ ደው ብዝበሉ መተኣናገድቲ ተምሃሮ ንእሽተይ ካርድ ይዕደሎም፡፡ ኣብዞም ካርድታት ዝተፅሓፈ ፅሑፍ ከምዚ ዝብል ነይሩ፡፡ "ንሕናስ ሓደ ግዘ ብዕሽሽታ ተፈሪዱና ኣሎ፣ ንዝተረፉ መፃሕፍትን መሳርሒ ትምህርትን ግና ክንክን ንኽግበረሎም ሕድርና ነሕልፍ፡፡"



## መልመዲ - 3

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ኣብነታዊ ምርኢት ኣባላት "ክለብ ፍቕሪ ሃገር" እንታይ ዓይነት ስምዒት ኣሕዲሩልኩም?
2. ንስኻትኩምከ ናይ ቤት ትምህርትኹም ናይ ሓባር መገልገልታት ብኸመይ ኢኹም እትሕዙ?

ኣብ ውሽጢ ቤት ትምህርቲ ዝርከቡ ናይ ሓባር መገልገሊ መሳርሒታት ንከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ኣገደስቲ እዮም፡፡ ሃገርና ካብዘለዋ ውሱን ሃፍቲ ተቐንጢሩ ንናይ ሓባር መገልገሊ ኣብያተ ትምህርቲ ክኾኑ ዝማልኡ መሳርሒታት ብጥንቃቐ ክተሓዙ ኣለዎም፡፡ መቐመጢ ወናብር ብጉድለት ጥንቃቐ እንተተሰበሩ ዝጉዳእ እቲ ተምሃራይ እዩ፡፡ ምድርቤት መምሃሪ ክፍሊ ኩዕትዕት እንተበለ ጉድኣት ጥዕና ዝበፅሕ ኣብ ዓርሱ ኣብቲ ተምሃራይን ኣብ መምህርን እዩ፡፡ ናይ ሓባርን ናይ ውልቀን መገልገሊ መሳርሒታት ጥንቃቐ ብዝጎደሎ ኣገባብ ምሓዝ እቲ ጉድኣት ካብ ዓርስኻ ሓሊፉ ዝጉዳእ ስድራቤትን ሃገርን ስለዝኾነ ሕድ ሕድ ዜጋ ሓላፍነት ኣለዎ፡፡



## ዕዮ ጉጅለ

1. ጉድኣት ከይበፅሖም ጥንቃቐ ክግበረሎም ዝግባእ ናይ ሓባር መገልገሊ ንብረታት ቤት ትምህርትኹም ብምዝርዛር ብኸመይ ክሕለዉ ከምዘለዎም ብጉጅለ ተመያይጥኩም ንመምህርኩም ፅሑፋዊ ፀብፃብ ኣቕርቡ፡፡

### 5.2.2 ጎሓፍ ብዕሽሽታ ኣብ ዝኾነ ቦታ ምድርባይን ሽቓቕ ብግቡእ ዘይምጥቃምን

- ግዕዛይ ምዕዛይ ፈቐድኡ ምድርባይን ሽቓቕ ብኣግባቡ ዘይምጥቃም እንታይ ጉድኣት ከስዕብ ይኽእል?

## ስካውት ፅሩይ ቁሸት

መናእሰይ ፅሩይ ቁሸት ብዓርሰ ተበግሶ ተኣኪቦም ጋንታ ስካውት መስሪቶም ኣለዉ፡፡ እዚ ጋንታ ስካውት ዓሰርተ ክልተ ኣባላት ዘለዉዎ እንትኾን ቀንዲ ስርሖም ድማ ፅሬት ከባቢኦም ክሕሎ ምግባር እዩ፡፡ ነዞም መናእሰይ ሙሉእ ክዳን ደንቢ(ዩኒፎርም) ኣስፍዩ ዝሃቦም ቤት ፅሕፈት ጣብያኦም እዩ፡፡ እዞም መናእሰይ ንዓርሶም ብተራ ሰሪዖም ኣብ ከባቢ መንበሪ ሰፈሮም እናተዘዋወሩ ከባቢኦም

የፅርዩ፣ ኩነታት ፅሬት'ውን ይቆፃፀሩ፡፡ ረሳሕ ማይ መኽዲ ቱቦታት ከይድፈኑ፣ ሜዳ መፃወቲ መናእሰይ እቲ ሰፈር ከይረስሕ ብተግባር እናተሳተፉ ስጡም ቁፅፅር ይገብሩ፡፡ እቲ ነባራይ ሕብረተሰብ ጎሓፍ ኣብ ዝረኸቦ ቦታ ከይድርቢ ትምህርቲ ይህቡ፡፡ ዝተፈላለዩ ፅሑፋትን ፖስተራትን እናለጠፉ የበራብሩ፡፡ ዓርሶም'ውን ኣብነት ብምዃን ሰሪሖም የርእዩ፡፡ ኣብ ከባቢኦም ካብ ዝለጠፍዎም ፅሑፋት ውሽጢ፦

"ጎሓፍ ዘጋዕዚ ንዓርሱ እዩ!"

"ኣነን ጎሓፍን ኣይንራኸብን

"ሰፈረይ ብፅሬታ ትፈለጥ!"

"ሽቓቐይ ፅሩይ እዩ!"

"ዕሽሽታ ኣብ ሰፈረይ ኣይፍለጥን!"

ዝብሉ ይርከብዎም፡፡

እቶም ስካውት ኣብ ዘለውሉ ሰፈር ጎሓፍ ዝጉሕፉ ወይ ኣብ መንገዲ ዝድርብዩ ሰባት ኣይረኣዩን፡፡ ናይ ሓባር ሽቓቕ ብፅሬት ዘይሕሉን ብዕሽሽታ ኣብ ጥዕና ነበርቲ እቲ ከባቢ ግቡእ ዘይኮነ ተግባር ክፍፅም ዝተረኸበን ሰብ እቲ ከባቢ ብዝምረፆም ዳያኑ መቕፃዕቲ ይውሰነሉ፡፡ ስራሕቲ እቶም ኣባላት ስካውት ዝነቅፍን ስራሕ ንኽይስራሕ ዘዕንቅፍን ዝኾነ ይኹን ሰብ በቶም ዝተመረፁ ዳያኑ መቕፃዕትን ወቐሳን ይበፅሖ፡፡ በዚ ምኽንያት'ዚ መድፍኢ ጎሓፍ ዝነበሩ ቦታታት መፍረይ ተኽልታት ገደና ኮይኖም፡፡ መድፍኢ ጎሓፍ ጋብላታትን ሽቓቓትን ብፅሬት ክተሓዙ ክኢሎም፡ እዚ ብዝመሰለ መርኣያ ክኾን ዝኽእል ተግባር እቶም መናእሰይ'ውን እቲ ቁሸት "ፅሩይ" ዝብል ስም ተዋሂብዎ፡፡



## መልመዲ - 4

*ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ተግባር ስካውታት ፅሩይ ቁሸት እንታይ ዓይነት ትምህርቲ ከምዝረኸብኩምሉ ንመሓዝትኩም ንገሩ፡፡
2. ኩነታት ፅሬት ከባቢ'ኹም እንታይ ይመስል?
3. ከም ስካውት ፅሩይ ቁሸት ኣብ ከባቢ'ኹም'ከ ኣብነት ዝኾኑ መናእሰይ ኣለውዶ?



*ስእሊ 5.4 ጎሓፍ ብኣግባቡ እንተዘይተወጊዱ ኣብ ጥዕና ጠንቂ ይፈጥር*



*5.5 ናይ ሓባር ሽቓቕ ፅሬቱ ዝተሓለወ ክኸውን ኣለዎ*

- ካብቶም ስእልታት እንታይ ተምሂርኩም?
- ኣብ ከባቢ'ኹምከ ከምዚ ዓይነት ፀገም ኣሎዶ?

ጓሓፍ ኣብ ዝረኸብካዮ ቦታ ምድርባይን ምብታንን ኣብጥዕና ዓብዪ ፀገም የስዕብ'ዩ፡፡ ጎሓፍ ዝድፍኣሎም ከባብታት ብፅሬት እንተዘይተትሒዞም ካብቲ ጎሓፍ ዝለዓሉ ሃመማ ኣብ ነበረቲ እቲ ከባቢ ፀገም ጥዕና ከስዕቡ ይኽእሉ፡፡ ዘይተኸተቡ ኣኽላባት፣ ዝብእን ዝምሳሳሉን ኣራዊት'ውን ኣብቲ ከባቢ ስለዝወሳወሱ ዝለዓለ ጉድኣት ክስዕብ ይኽእል፡፡ ንሽቓቕ ብጥንቓቕ ካብዘይምሓዝ ዝተልዓለ ነባራይ

እቲ ከባቢ ብምኽንያት ተላገብቲ ሕማማት ክጉዳእ ይኽእል፡፡ ከምዚኦም ዝበሉ ብዕሽሽታ ዝፍፀሙ ተግባራት ንኽእረሙ መናእሰይ እቲ ከባቢ ዓበይቲ ተግባራት ክፍፅሙ ይኽእሉ እዮም፡፡



## መልመዲ - 5

*ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡*

1. ብምርሳሕ ከባብን ሽቓቓ ብፅሬት ብዘይምሓዝን ክፍጠሩ ዝኽእሉ ፀገማት ብጉጅለ ኮይንኩም ተመያየጡ፡፡
2. ኣብ ከባቢኹም ዕሽሽታ ዝረኣየሎም ጉዳያት እናልዓልኩም ብጉጅለ ተመያየጥሉ፡፡
3. “ፅሬት ከባብየይ ኣብ ምሕላው ናተይ ብፅሒት” ኣብ ዝብል ርእሲ ሓፂር ፅሑፍ ፅሓፉ፡፡

## 5.3. ሰናይ ባህርያት

### 5.3.1. ዝኾነ ዓይነት መዕነዊ ተግባር ምቅዋም

“ፅድቅን ሓጥያትን  ይሃሉ ኣይሃሉ
ካብ ክፍኣት ሕያውነት ይሐሽ ንኹሉ”
“ህዝባዊ ግጥሚ “

- እዚ ህዝባዊ ግጥሚ ሰናይ ባህርይ ንኽነማዕብል እንታይ ትምህርቲ ይህበና?

## እሙን ከልቢ

ሓደ ሓረስታይ ኣዝዩ ዝፈትዎ እሙንን ብባህሪኡ ዝተመስገነን ከልቢ ነይርዎ፡፡ እዚ ከልቢ ገዛ ጎይትኡ ብንቕሓት ይሕሉ ነይሩ፡፡ ኣራዊት ደንበ ክፍቲ እቲ ሓረስታይ ከይደፍሩ ብንቕሓት ይከላኸል ነይሩ፡ ብምኽንያት እዚ ከልቢ ሰረቕቲ ገዛእዚ ሓረስታይ ክደፍሩ ኣይከኣሉን፡፡ እዚ ሓረስታይ ኣብ ሓደ እዋን ገንዘብ

ምስሓፀሮ ከልቡ ንሓደ ሃፍታም ኣትሒዙ ገንዘብ ተለቂሑ፡፡ ልቕሑ ከፊሉ ክሳብ ዝዉድእ' ኣብ ኢድ መለቃሓይ ክፀንሕ ክኢሉ እዩ፡፡ እዚ ከልቢ ፀገም ጎይትኡ ተረዲኡ ናይቲ መለቀሓይ ገዛን ንብረትን ልክዕ ከምናይ ቀደም ጎይትኡ ገዛ ብንቐሓት እናሓለወን ካብ ሰረቕቲ እናተኸላኸለሉን ብእምነት ከገልግሎ ጀሚሩ፡፡

ሓደ መዓልቲ ወዲ እቲ መለቃሓይ ሓሚሙ ኣብ ዓራቱ ተገዲሙ እናሃለወ ሓደ ዓብዪ ተመን ካብ ሞሮ እቲ ገዛ እናተወንጨፈ መፂኡ፡፡ እዚ ከልቢ ምንቅስቓስ እቲ ተመን እናተኸታተለ ድሕሪ ምፅናሕ ቀልጢፉ ብምዝላል ነቲ ተመን ነኺሱ ብምቕታል ነቲ ቆልዓ ኣድሒንዎ፡፡

ናይ'ዚ ከልቢ ሰናይ ተግባር ዝተገንዘበ መለቀሓይ ብተግባር እቲ ከልቢ ተሓጉሱ ናብ ናይ ቀደም ጎይትኡ ክመልሶ ወሲኑ፡፡ ኣብ ክሳዱ ወረቐት ምስግና ፅሒፉ ብምእሳር'ውን ንቲ ከልቢ መሪቑ ሰዲዱዎ፡፡ ኮይኑ ግና እቲ ከልቢ ብሌብነቱ ዘቃልየን ንጎይታ እቲ ከልቢ ዘይፎቱን ሓደ ሰብኣይ እቲ ከልቢ ምስ ጎይትኡ ንምብኣስ ተንኮል ብምፍሓስ ኣብቲ ከልቢ ጉደኣት ንኸበፅሕ ሓደ ሜላ ፈጢሩ፡፡ ናብ ገዛ እቲ ጎይታ ከልቢ ቀዲሙ ብምኻድ ድማ እቲ ከልቢ ነቲ ሓድሽ ጎይትኡ ከም ዘይእዘዝን እቲ ሰብ'ውን ኣዝዩ ስለዝተፀገመ ናብኡ ክመልሶ ከም ዝሓሰበን ነገሮ፡፡ ጎይታ እቲ ከልቢ ብተግባር እቲ ከልቢ ኣዝዩ ሓዚኑ እቲ ዝተለቀሖ ገንዘብ ንምምላስ እንዳ መለቅሒኡ ናብ ገዛ እናኸደ እናሃለወ እቲ ከልቢ'ውን ናብኡ እናጎየየ እንትመፅእ ኣብ መንገዲ ተራኺቡ፡፡ እቲ ከልቢ ንጎይትኡ ምስረኣየ ተሓጒሱ እናጎየየ ብምቕራብ ፍቕሩ ከምቀደሙ ገሊፁሉ፡፡ ኮይኑ ግና ጎይትኡ በቲ ዝሰምዖ ወረ ሓሪቑ ስለዝነበረ እቲ ከልቢ ካብ ገዛ'ቲ መለቀሓይ ሃዲሙ ዝመፀ ስለዝመሰሎ ብዝሓዞ በትሪ ሓደ ግዘ ምስዘበጦ እቲ ከልቢ ሽዑ ንሽዑ ሞይቱ፡፡ እቲ ሓረስታይ ሬሳ እቲ ከልቢ ጠጠው ኢሉ ብሓዘን እንትስተውዕል ኣብ ክሳድ እቲ ከልቢ ዝተኣሰረ ወረቐት ረአየ፡፡ ነቲ ወረቐት ገንጺሉ እንተንበቦ ናይቲ ከልቢ ሰናይ ተግባር ዝገልፁ ቃላት ዝተፅሓፎ ደብዳቤ ምዃኑ ተረዲኡ፡፡ ምእንቲ ሰናይ ባህሪ እቲ ከልቢ'ውን እቲ ሃብታም ሰብኣይ

ነቲ ሓረሰታይ ዕዳኡ ከምዝመሓሮ ይገልፅ፡፡ ጎይታ እቲ ከልቢ እዚ ምሰጢር ምስተረድአ ኣምሪሩ ብምብካይ ብዝሰርሖ ስራሕ ተጠዓሰ፡፡

(ከበደ ሚካኤል፣ተረትና ምሳሌ 2ይ መፅሓፍ 6ይ ሕታም 1994 ዓ/ም ነዚ ክፍሊ ክምጥን ተገይሩ ዝተወሰደ)



## መልመዲ - 6

***ነቲ ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ታሪኽ መሰረት ብምግባር ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡***

1. ሰናይ ተግባር እቲ ከልቢ ብኸመይ ዝተገለፀ እዩ?
2. ብዘይኣድልዎ ናይ ጎይትኡን ናይቲ መለቀሓይን ገዛ ማዕረ ካብ ዘገልገለ ሰናይ ተግባር ከልቢ እንታይ ትምህርቲ ረኺብኩም?
3. እቲ ከልቢ ክሞት ዝኸኣለ ከመይ ነይሩ?
4. ከልቢ ብኸምዚ ኣገባብ ሌባ ዘቃልዕን ሰናይ ተግባር ዘርእን እንተኾይኑ ከባኻትኩምከ እንታይ ዓይነት ሰናይ ተግባርን ባህሪያትን ንኽተርእዩ ትፅቢት ይግበር፡፡

ሰናይ ባህርያት መማኽርቲ ቕመማት ፅቡቕ ስብእና እዮም፡፡ ሰናይ ባህርያት ብቐዳምነት ዝጠቕሙ ንዓርስኻ እዩ፡፡ ብሰናይ ባህሪኡ ዝምስገን ሰብ ኩሉግዚ ናይ ሕሊና ዕግበት ይረክብ፡ ንዝሓመመ ሰብ ምብፃሕ፣ ንዝተፀገመ ምሕጋዝ፣ ተስፋ ንዝቑረፀ ሰብ ምፅንዕናዕ፣ ንምዕባይካ ይኹን ንምንኣስካ ግቡእ ክብሪ ምሃብ ብፍትወትና ጥራሕ እነካይዶ እንተይኮነስ ሰብኣዊ ግቡእና'ውን እዩ፡ ናይ ሕሊና ዕግበት ኢልና እነርእዮም ሰናይ ተግባራት ንካልኦት'ውን ክጠቕሙ ይኽእሉ እዮም፡፡ ሰናይ ባህርያት ንኣባላት ስድራቤትና፣ ንጎረባብትና፣ ንከባቢና፣ ንናይ ቤት ትምህርቲ መሓዙትናን ንጠቕላላ ማሕበረሰብና ምርኣይ መለለይ ባህርይ መስተውዓሊ ሰብ እዮም፡፡ ሰናይ ባህሪያት ዘይብሎም ሰባት ኣብቲ ሕብረተሰብ ዝህልዎም ተቐባልነት ኣዝዩ ትሑት ይኸውን፡፡

ንኻልኦት ክጎድኡ ዝኽእሉ መዕነውቲ ተግባራትን ኣድላዊ ኣሰራርሓታትን ብፅንዓት ምቅዋም ካሊእ መልክዕ ሰናይ ባህርይ እዩ፡፡ ንኣብነት ኣብ ስርቂ ዝተዋፈረ ሰብ ኣብ ከባቢና ምህላዉ እናፈለጥና ብዕሽሽታን ብይብሉንን እንተሓሊፍናዮ ንሕና'ውን ናይቲ ጥፍኣት ተሓባበርቲ ምኻና ክንግንዘብ ይግባእ፡፡ ሓደ ሰብ እንትሰርቕ እናረአና ከምዝይረኣና ኮይንና እንተሓሊፍና ንሕና'ውን ተመሳሳሊ ፅገም እንትገጥመና ምትሕብባር ካልኦት ሰባት ከመይ ኢልና ክንሓትት ንኽእል?



## መልመዲ - 7


1. *እዚ ዝስዕብ ሰደቓ ኣብ ደፍተርኩም ብምፅሓፍ ክተማዕብልዎም ዝግብኡ ሰናይ ባህርያትን ክተወግድዎም ዝግብኦ መዕነውቲ ተግባራትን እናፈለኹም ኣመልክቱ፡፡*


| ክንማዕብሎም ዝግብኡና ሰናይ ተግባራት | ክነወግዶም ዝግብኡና መዕነውቲ ተግባራት |
|---|---|
| **ኣብ ገዛ**<br>1. ኣብነት፦ንዓበይቲ ምምእዛዝ<br>2.<br>3.<br>**ኣብ ቤት ትምህርቲ**<br>1. ኣብነት፦ ስዓትካ ኣኽቢርካ ኣብ ማእዲ ትምህርቲ ምርካብ<br>2.<br>3.<br>**ኣብ ከባቢ**<br>1. ኣብነት፦ መርኣያ ክኾን ዝኽእል ተግባር ምፍፃም<br>2.<br>3. | **ኣብ ቤት ትምህርቲ**<br>1. ኣብነት፦ ናይ ሓባር መገልገሊ ንብረታት ዘበላሽው ተምሃሮ ብስኽፍታ ፊት ንፊት ዘይምቅላዕ<br>2.<br>3.<br>**ኣብ ከባቢ**<br>1. ኣብነት፣ ኣብ ፅሬት ከባቢ ፀገም ንዝፈጥሩ ብግልፂ ዘይምቅዋም<br>2.<br>3.<br>**ኣብ ገዛ**<br>1. ኣብነት፣ ኣባላት ስድራ ብሓሶት ምብኣስ<br>2.<br>3. |

## 5.4. ምውጋድ ድኽነት

### 5.4.1 ኣድላይነት ፖሊሲታትን ስትራቴጂታትን ልምዓት ንምውጋድ ድኽነት







*ስእሊ 5.6 ብንጥፈት ብምስራሕ ድኽነት ክወገድ ይክእል፡፡*

- ሕድሕድ ስእሊ ምስቶም ካልኦት ብምንፅፃር እንታይ ዓይነት መልእኽቲ ከምዘሕልፍ ምስ ምሓዙትኩም ተመያየጡ፡፡

# ቆልዑ ደቂ ቅሳነት

ገሬ፣ ሕሉፍ፣ ረዳእን መስፍንን ፋለጦም ሕማቕ ኣመሎም እዩ ነይሩ፡፡ ኩሎም መናእሰያት ይሰርቁ ፣ ይሰኽሩ ነይሮም፣ ንዝተፈላለዩ ወልፍታት ተገዛእቲ ነይሮም፡፡ በዚ ዘይግቡእ ባህሪኦም ዝተልዓለ ስድርኦምን ናይቲ ከባቢ ነበርትን ኣዝዮም ተማሪሮም ነይሮም፡፡ በብግዚኡ ብፖሊስ እናተትሓዙ ስለዝእሰሩ እኒ ገሬ ካብቲ ሰፈር እንተጠፊኦሞ ናበይ ከይዶም እንተተባሂሉ "እንዳቦይ ተዓገስ" ኣትዮም ይብሃል ነይሩ፡፡ እንዳቦይ ተዓገስ ዝብልዎ ነቲ ቤት ህንፀት እዩ፡፡ ብኸምዚ ዓይነት ናብራ ፍርቂ ዕድምኦም ምስደፍኡ ኣብ ሓደ እዋን መሓሪ ብዝተብሃለ ኣብቲ ከባቢ ብዕቡቕ መርኣያነቱ ዝፍለጥ መንእሰይ ጉዕዞ ህይወቶም ተለዊጡ፡፡መሓሪ ብዘገበሮ ዝለዓለ ምኽሪ'ውን ኣርባዕቲኦም መናእሰይ ካብ ዝነበርዎም ዝተፈላለዩ ወልፍታት ተናጊፎም፡፡ መንግስቲ ብፍላይ ንመናእሰያት ብዝሓንፀፆም ፖሊሲታትን ስትራቴጂታትን ልምዓት ተጠቀምቲ ንክኾኑ ብቤት ዕሕፈት ጣብይኦም ኣቢሉ ስራሕ ምሕፃብ መኻይን ንኽጅምሩ ኩነታት ተመዓራርይሎም፡፡ ገሬ፣ ሕሉፍ፣ ረዳእን መስፍንን መኪና ምሕፃብ ስርሖም ብልዑል እምነትን ትግሃትን ስለዝፍፅሙ ብዓማዊሎም ተፈታውነት ንምርካብ ግዝ ኣይወሰደሎምን፡፡ ብስርሖም ዕውታት ስለዝኾኑ ድማ ብዙሕ ሃፍቲ ከዋህልሉ ክኢሎም፡፡ ከባቢኦም ንዘሸገሩ ካልኦት መሓዙቶም'ውን ዕድል ስራሕ እናፈጠሩ ህይወቶም ክልውጡ ክኢሎም'ዮም፡፡ ካብዚ ሓሊፎም ንዓሰርተ ቆልዑ ካብ ጎደና ሓደርነት ኣውፂኦም ንኽዳኖም፣ ንምግቦምን ንትምህርቶምን ግቡእ በጀት ብምምዳብ እናምሃሩ ይርከቡ፡፡ እዞም ኣዕርኽቲ'ዚኦም ዝመስረትዎ ትካል ስም መበገሲ ብምግባር ቅድም ክብል እቲ ከባቢ ዝፅውዕሉ ስም ተቐይሩ "ቅሳነት" ዝብል ስም ተውሂብዎ፡፡

(ኣብ ቴሌቭዥን ኢትዮጵያ ኣብ 1999 ዓ/ም ተደጋጊሙ ካብ ዝቐረበ ታሪኽ መናእሰያት ተመሓይሹ ዝቐረበ)



## መልመዲ - 8

### ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ታሪኽ መበገሲ ብምግባር ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡

1. ድሕሪ ምልዋጥ ናብራ ገሬን መሓዙቱን እንታይ ፅቡቕ ውፅኢት ተረኺቡ?
2. ቅድም እንትብል ኣብ ዝነበሮም ዝተበላሸወ ህይወት ይነብሩ ናይ ዝነበሩ መናእሰይ ህይወት ንምቕያር እንታይ ክግበር ኣለዎ?
3. ድኽነት ካብ ሃገርና ንምጥፋእ ፖሊሲታትን ስትራቴጂታትን ልምዓት ዝህልዎም ረብሓ እንታይ ክኾን ከምዝኽእል ብጉጅለ ተመያየጡ፡፡

ሃገርና ወናኒት ሃፍትታት ተፈጥሮን ታሪኻዊ ሓድግታትን እያ፡፡ ከምዚኦም ዝበሉ ዘኹርዑ ታሪኻውን ተፈጥሮኣውን ሓድግታት ይሃልዉና እምበር ብመንፅሩ ግን ብዙሓት ፀገማት ኣለዉና፡፡

ሃፍቲ ተፈጥሮ እንተሃለወና'ውን ንስራሕ ዝነጥፍን ንሓደሽቲ ምህዞታት ዝተለዓዓለን እኹል ሓይሊ ሰብ ምፍጣር ስለዘይተኻኣለ ሃገርና ኣብ ቅድሚ ዓለም ብድኽነት ክትፍለጥ ክኢላ ኣላ፡፡ ዝከፍአ ድኽነትና'ውን ብዝተፈላለዩ ኣንፈታት እታ ሃገርን ዜጋታትን ዘሕፍር ኮይኑ ፀኒሑ'ዩ፡፡ እዚ ንዘበናት ሓቢሩና ዝፀንሐ ድኽነት ንሓንሳብን ንመወዳእታ ግዘን ተቓሊስካ ንምስዓር መንግስቲ ብዙሓት ውፅኢታዊ ፖሊሲታትን ስትራቴጂታትን ልምዓት ዘርጊሑ ኣሎ። ንተፈፃምነትን ውፅኢታውነትን እዞም ፖሊሲታትን ስትራቴጂታትን ልምዓት ሕድ ሕድ ዜጋ ተጊሁ ብምምሃርን ብምስራሕን ሃገሩ ናይ ምምዕባል ሓላፍነት ኣለዎ፡፡ ስሩዕ ሓላፍነት ምፍፃም ጥራሕ እንተይኮነ ንሰናይ ድሌት ግልጋሎታት'ውን ዓርስኻ ምስታፍ ድኽነት ንምጥፋእ ካብዝሕግዙ ሜላታት ሓደ እዩ፡፡ "ዋኒን መንግስቲ እዩ" ካብ ምባል እዚ ጉዳይ ንዓይ'ውን ይምልከተኒ እዩ ኢልካ ብፅሒትካ ምፍፃም ውፅኢታውነት ፖሊሲታትን ስትራቴጂታትን ልምዓት መንግስቲ ዝያዳ የጎልብት'ዩ፡፡



## መልመዲ - 9

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡

1. ብደረጃ ስድራቤት፣ ከባብን ሃገርን መግለፅታት ድኽነት ክኾኑ ኣብ ዝኽእሉ ነገራት ብጉጅለ ተመያየጡ፡፡
2. ንምውጋድ ድኽነት ካብ ሕድሕድ ዜጋ እንታይ ትፅቢት ይግበር?

## 5.4.2 ኣብ ገዛን ቤት ትምህርትን ግልጋሎት ሰናይ ድሌትን ምፍፃም





ስእሊ 5.7 ብዓርሶ ተበግሶ ግልጋሎት ምሃብ

- እዞም ስእልታት እንታይ መልእኽቲ የሕልፉ?

ኣብገዛ፣ ከባብን ቤት ትምህርትን ናትና ዓርሰ ተበግሶን ሰናይ ድሌትን ዝሓቱ ብዙሓት ተግባራት ኣለዉ፡፡ ኣብ ዝስዕብ ሰደቓ ገሊኦም ንምሕባር ተፈቲኑ ኣሎ፡፡

| ኣብ ገዛ | ኣብ ከባቢ | ኣብ ቤት ትምህርቲ |
|---|---|---|
| 1. ትእዛዝ ወላዲ እንተይተፀበኻ ኣቐዲምካ ትልሚ ብምውፃእ ናይ ውልቀን ናይ ሓባርን ሓላፍነት ምውፃእ<br><br>2. መንበሪ ገዛን መረባን ብፅሬት ምሓዝን ብዓርሰ ተበግሶ ፅባቐ ክህልዎ ምግባርን | 1. ጠዋሪ ንዘይብሎም፣ ድኹማት ዓቕምን ሰብ ፀጋ ዕድመን ምክንኻን<br><br>2. ምስ ሰፈር መሓዙት ብምኧን ፅሬት ከባቢ ምሕላው<br><br>3. ንጎረቤትን ቤተሰብን ዓቕምኻ ዝፈቕዶ ግልጋሎት ምሃብ፣ | 1. ኣባል ክለብ ስነዜጋ ስነ ምግባር ቤት ትምህርቲ ኮይንካ ምግልጋል፣<br><br>2. ፅሬትን ፅባቐን ቀፅሪ ቤት ትምህርቲ ንኽሕሎ ምክንኻን<br><br>3. ናብ ዘየድሊ ባህርይ እናዘንበሉ ዝርከቡ ተምሃሮ ብምምካር ለውጢ ባህሪ ንኽምፅኡ ምሕጋዝ፣ |



## መልመዲ - 10

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ብዓርሰ ተበግሶኹም ኣብ ከባቢኹምን ቤት ትምህርትኹምን እንተትሳተፉ የሕጉሱኒ እትብልዎም ተግባራት ዘርዝሩ፡፡
2. ንደቂ ሰባት ብዓርሰ ተበግሶ ግልጋሎት ብምሃብ ኣብ ታሪኽ ፍሉጣት ካብ ሞንጎ ዝኾኑ ሰባት ብዛዕባ ሓደ ሰብ ንሰባት ሓቲትኩም ወይ መፃሕፍቲ ኣንቢብኩም እቲ ታሪኽ ንመሓዙትኩም ንገሩ፡፡

# 5.5 ዜግነት

## 5.5.1 ዜግነት ዝርከበሉም መንገድታት

- ዜግነት እንታይ ማለት እዩ? ቅድም ክብል ዝተምሃርኩምዎ ትምህርቲ ብምዝካር ብዛዕባ ዜግነት እትፈልጡዎ ንመሓዙትኩም ንገሩ፡፡

ዜግነት ብትዉልዲ ወይ ድማ ብሕጊ ዝርከብ መሰል ተባሂሉ ኣብ ክልተ ይምቀል፡፡ ሓደ ሰብ ወለዱ ወይ ካብ ወለዱ ሓዲኦም ኢትዮጵያዊ/ት እንተኾይኖም ካብ ኢትዮጵያዊ/ት ዜጋ ስለዝተወለደ ጥራሕ ረብሓ መሰል ዜግነት ይረኽብ፡፡ ኢትዮጵያዊ ወላዲኡ/ወላዲት ኣብ ወፃኢ ሃገር እንተነበረ/እንተነበረት እውን መሰል ዜግነት ካብ ምርካብ ዝኽልክሎ ነገር የለን፡፡

ዜግነት ዝርከበሉ እቲ ካልኣይ መንገዲ ብሕጊ ዝርከብ ዜግነት ተባሂሉ ይፍለጥ፡፡ ሓደ ዜግነት ወፃኢ ሃገር ዘለዎ ሰብ ብድሌቱ ኢትዮጵያዊ ዜግነት ንኽወሃቦ ንመንግስቲ ሕቶ እንተቕሪቡ'ሞ ሕጊ እታ ሃገር ዝፈቕዶ ኩሉ ምምላኡ እንትረጋገፅ መሰል ኢትዮጵያዊ ዜግነት ክረክብ ይኽእል፡፡



### መልመዲ - 11

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡

1. ብመሰረት ሕገ-መንግስቲ ኢትዮጵያ ክንደይ ዓይነት ዜግነት መርከቢ መንገድታት ኣለዉ?
2. ብትዉልዲ ዝርከብ መሰል ዜግነት ብሕጊ ካብ ዝርከብ መሰል ዜግነት ብምንታይ ይፍለ?
3. ካብ ኢትዮጵያውያን ወለዲ ዝተረኽበ ሓደ ሰብ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ እናነበረ ኢትዮጳያዊ ዜግነት ኣይደልን ምባል ይኽእልዶ?

# 5.6 ሃገራዊ ሰንደቕ ዕላማ

## 5.6.1 ትርጉም ሃገራዊ ሰንደቕ ዕላማን ኣርማን

*ስእሊ 5.8 ሰንደቕ ዕላማ ኢትዮጵያ*



- ኣብ ሰንደቕ ዕላማ ዘሎ ሃገራዊ ኣርማ እንታይ መልእኽቲ የሕልፍ?

## እዛ ሰንደቕ ዕላማ

ፀጋ ሓቢርካ ምንባር - ዜና ብስራት ዓወት፣

ልዕልና ህዝብና - ናይ ሃገርና ኲርዓት፣

እዛ ሰንደቕ ዕላማና - ነዊሕ ዝዛንታኣ፣

ፈፂሙ ዘይሃስስ - ዘይኣርግ ግርማኣ፡፡

በዓል ቢጫ ሕብሪ -ቆፃል ለምለም ሰቲ፣

ቀይሕ መሰረታ - ምልክት መስዋእቲ፡፡

ሓጎስ እንትበዝሖ - መንዩ ዘይነብዕ፣

ብነፃነት ሃገሩ - ኩሉሰብ ይኾርዕ፡፡

ሰንደቕ ዕላማና እንትትስቀል - ካብ ኩሉ ልዒላ፣

ልብና ትነጥር - ብናይ ሓጎስ ኀይላ፡፡

(ካብ ታደለ ገድሌ ፀጋዬ ትንቅንቅ፣ 1993 ዓ/ም ተዛማዲ ትርጉም)



## መልመዲ - 12

**ብመሰረት እቲ ግጥሚ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. እቲ ግጥሚ ከሕልፎ ዝደለየ መልእኽቲ እንታይ እዩ?
2. ኣብቲ ግጥሚ ትርጉም ቀለማት ሰንደቕ ዕላማ ዝተገለፀ ብኸመይ እዩ?
3. ሰንደቕ ዕላማ ብዓወት ኣብ ዝንብልበለሉ እዋን ስምዒት ተመልከቲ እንታይ ከምዝመስል ዝተገለፀ ብኸመይ እዩ?

ሃገራዊ ሰንደቕ ዕላማ ኢትዮጵያ ኣብ ላዕሊ ቆፅለዋይ፣ ኣብ ማእኸል ብጫ፣ ኣብ ታሕቲ ቀይሕ ኮይኑ ኣብ ማእኸል ሃገራዊ ኣርማ ከምዝህልዎ ኣብ ሕገ መንግስትና ዓንቀፅ 3 ብዝርዝር ተቐሚጡ እዩ፡፡ ሰለስቲኦም ቀለማት ማዕረ ኮይኖም ንጎኒ ይቕመጡ፡፡ ሰለስቲኦም ቀለማት ሰንደቕ ዕላማ ናይ ዓርሶም ትርጉም ኣለዎም፡፡ እቲ ቆፅለዋይ ዝውክሎ ልምላመን ምዕባለን እንትኾን፣ እቲ ብጫ ተስፋን ብሩህ ዘበንን የመልክት፡፡ እቲ ቀይሕ ድማ ጀግንነትን መስዋእትን ይውክል፡፡

ኣብ ማእኸል እታ ሰንደቕ ዕላማ ዝተቐመጠ ሃገራዊ ኣርማ ማዕረ መጠን ብዘለዎም መስመራት ዝተስኣለ ቅርፂ ኮኾብ እዩ፡፡ ካብቲ ኮኾብ ዝወፁ ጩራታት'ውን ብግልፂ ይረኣዩ፡፡ እቲ ኮኾብ ዝተስኣለ ብወርቃዊ ቀለም እንትኸውን፣ ዝውክሎ ድማ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ከምኡ'ውን ሃይማኖታት ኢትዮጵያ ብማዕርነትን ብሓድነትን ንምንባር ዘለዎም ፅኑዕ ተስፋ እዩ፡፡



## መልመዲ - 13

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ**

1. ሕብሪ ሰንደቕ ዕላማን ኣርማን ኢትዮጵያ ግለፁ፡፡
2. ሕብርን ትርጉምን ሃገራዊ ሰንደቕ ዕላማና ሓደ ብሓደ ኣብርሁ፡፡
3. ሃገራዊ ኣርማና ዝሓዞ ትርጉም ኣሕፂርኩም ግለፁ፡፡

## መጠቓለሊ

ንምጉልባት ፍቕሪ ሃገር ኣዚዩ ዝሕግዝ መሰላት ውልቀን ጉጅለን ምኽባር፣ ኣድላዊ ኣሰራርሓ ኽይህሉ እጃምካ ምውፋይ፣ ታሪኽ ካባብን ሃገርን ፀንቒቕካ ምፍላጥን እዮም፡፡ ንጎዳእትን መዕነውትን ተግባራት ብምቅላስ'ውን ፍቕሪ ሃገር ምጉልባት ይከኣል እዩ፡፡ ብፍላይ ንሓባራዊ መገልገሊ ናውቲ ግቡእ ጥንቃቐ ምግባር ካብ ሕድሕድ ዜጋ ትፅቢት ዝግበረሉ እዩ፡፡ ካብ ሰብኣዊ መግለፅታትና ሓደ ሰናይ ባህርያት ብምርኣይ ኣብነታዊ ዝኾነ ተግባር ምፍፃም እዩ፡፡ ንነገራት እንታይ ኣእተወንን፣ ኣይጉዳየይን ኣይምልከተንን ኢልና እንተሕሊፍናዮም ዘይሩ ዘይሩ እቲ ጉድኣት ኣብ ዓርስና'ውን ክረአ ይኽእል እዩ፡፡

ሃገርና ካብ ትርከበሉ ዓዘቕቲ ድኽነት ንኽትወፅእ ሕድሕድ ዜጋ ከፍፅሞ ዝግባእ ብፅሒት ኣለዎ፡፡ ንተፈፃምነት መንግስቲ ዝሓንፀያም ፖሊሲታትን ስትራቴጂታትን ዜጋታት ኩሎም ናይ ዓቕሞም ከበርክቱ ትፅቢት ይግበረሎም፡፡ ካብገዛ፣ ከባቢን ቤት ትምህርትን ጀሚርና ነቲ ሕብረተሰብ ብሰናይ ተበግሶ ምግልጋል ግቡእ ሰብኣውነትናን ዜግነትናን እዩ፡፡ ብደም ኮነ ብሕጊ ዝርከብ ዜግነት ዝሓቶም ግቡኣት ብኣግባቡ ብምፍፃም ኣድላይ ናይ ውልቀን ናይ ጉጅለን ግቡኣት ምፍፃም ናይ ሕድሕድ ዜጋ ግቡእን ሓላፍነትን እዩ፡፡ ካብ ሓላፍነታት ዜግነት ሓደ ንሃገራዊ ሰንደቕ ዕላማን ሃገራዊ መዝሙርን ግቡእ ክብሪ ምሃብ ስለዝኾነ ኩሉ ዜጋ እዙይ ክፍፅም ትፅቢት ይግበረሉ፡፡

## ኣገደስቲ ቃላት

ገፀ ምድሪ፦ ተፈጥራዊ መልክዕ መሬት (ኣብነት፦ እምባ፣ ሽንጥሮ፣ ሩባ፣ መይዳ ወዘተ)

ኣድልዎ፦ ግቡእ ብዘይኮነ ኣገባብ ካሊእ ሰብ ንምጥቃም ዝፍፀም ተግባር

መግለፅታት ታሪኽ፦ ታሪኽን ባህልን ህዝቢ ሓንቲ ሃገር ዝገልፁ ቀወምቲ መረዳእታታት

**ግዕዝይና፦** ንኻልእ ሰብ ወይ ንዓርስኻ ንምጥቃም ዝፍፀም ዘይሕጋዊ ተግባር፣

**ህዝባዊ ግጥሚ፦** ካብ ትውልዲ ናብ ትውልዲ ብምቅብባል ዝመፁ ደራሲኦም ዘይፍለጡ ግጥምታት

**ፖሊሲን ስትራቴጂን፦** ንኣፈፃፅማ ሓደ ተግባር መንግስቲ ዘውፅኦ ሕጊ፣ ደንብን መምርሕን

**ፀጋ፦** ሓደ ማሕበረሰብ ብጠቓምነቱ ዝሓዞ ሰናይ ልምዲ ወይ ድማ ባህሊ

**ስካውት፦** ብዓርሰ ተበግሶ ንኽባቢኡን ንነበርትን ብነፃ ዘገልግል ማሕበር መንእሰይ

**ዓውደ ርእይ፦** ብግልፂ ህዝቢ ንኽሪኦም ዝቐርቡ ዝኾኑ ዓይነት ታሪኻዊ፣ ሓድግታት፣ ሸቀጣት ንግዲ ወይ ውፅኢት ምርምርን ምህዞን

**ዕውት፦** ብተግባሩ ወይ ብስርሑ ውፅኢታዊ ዝኾነ ሰብ

**ስብእና ፦** ወድሰብ ካብ ካሊእ ፍጡር ዝፈልዮ ተፈጥሮኣዊ ባህርይ

## መጠቓለሊ ሕቶታት

I. *እዞም ዝስዕቡ ሙሉእ ሓሳባት ብምንባብ ትኽክል ንዝኾነ "ሓቂ" ትኽክል ንዘይኮነ ድማ "ጌጋ" እናበልኩም መልሱ፡፡*

1. ሓለኽትን ግዘ ዝሓለፎምን ልምድታት ኣንፃር ምዕባለ እዮም፡፡
2. ንተግባራት ሰናይ ግልጋሎት መምርሒ ክህብ ዝግብኦ መንግስቲ ጥራሕ እዩ፡፡
3. መንግስቲ ዘውፅኦም ፖሊሲታትን ስትራቴጂታትን ልምዓት ተፈፀምቲ ዝኾኑ ብኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ጥራሕ እዩ፡፡

II. *ኣብ ትሕቲ "ሀ" ንዝተዘርዘሩ ሓሳባት ኣብ ትሕቲ "ለ" ካብ ዝተዘርዘሩ ብምምራፅ ኣዛምዱ፡፡*

| "ሀ" | "ለ" |
| --- | --- |
| 1. ትሕቲ ዕድመ መርዓ | ሀ. ዘይ ዴሞክራሲያዊ ኣተሓሳስባ |
| 2. መግለፂ ፍቕሪ ሃገር | ለ. ገፀ ምድሪ |
| 3. ግዕዝይና | ሐ. ንዓርስኻ ወይ ንካሊእ ሰብ ረብሓ ዝፍፀም ዘይፍትሓዊ ተግባር |
| 4. ዜግነት | መ. ጎዳኣይ ልማዳዊ ተግባር |
| 5. ብምኽንያት ዘይተደገፈ ዕሙት ርኢቶ | ረ. ፍልልይ ምፍጣር |
| 6. ምስጢር | ሰ. ምኽባር ህዝቢ |
| 7. ኣድልዎ | ሸ. ናይሓንቲ ሃገር ሕጋዊ ኣባል ምዃን |
| | ቀ. መዕነዋይ ተግበር |
| | በ. ፅኑዕን ብጥንቃቐን ዝተሓዘ ጉዳይ |

III. *ኣብዞም ዝስዕቡ ባዶ ቦታታት ትኽክለኛ ቃል ወይ ሓረግ ብምምላእ መልሱ፡፡*

1. ብደም ወይ ብሕጊ ዝርከብ መሰል ________________ይብሃል፡፡
2. ሃገርን ህዝብን ዝውክል መግለፂ ምልክት________________ተባሂሉ ይፍለጥ።

## IV. ስዒቦም ንዝርከቡ ሕቶታት ትኽክለኛ መልሲ ምረፁሎም፡፡

1. ሃገረይ እፈቱ እየ ካብ ዝብል ዜጋ ትፅቢት ዝግበረሎም ተግባራት ዝጥቀሰ እዩ፣
   - ሀ. ባህልን ቋንቋን እቲ ህዝቢ ምኽባር፣
   - ለ. ተበግሶ ስራሕ ምህላው፣
   - ሐ. ኣድላዊ ዘይምኻን፣
   - መ. ኩሎም መልሲ ክኾኑ ይኽእሉ፣

2. ንድኽነት ሃገርና ከም ምኽንያት ክጥቀስ ካብ ዝግባእ ሓደ እዩ፣
   - ሀ. ስእነት ሃፍቲ ተፈጥሮ
   - ለ. ሕፀረት ማይ
   - ሐ. ባህሊ ስራሕ ዘይምምዕባል
   - መ. ኩሎም መልሲ ክኾኑ ይኽእሉ

3. ናይ ሓባር መገልገሊ ናውቲ ክንከናኽን ዝግብኣና ንምንታይ'ዩ?
   - ሀ. ሕጊ ስለዘገድደና
   - ለ. እቲ ጉድኣት ንዓና'ውን ስለዝተርፍ
   - ሐ. ሃፍቲ ሃገር ከይባኽን
   - መ. ኩሉ መልሲ ክኸውን ይኽእል እዩ

4. መግለፂ ዕሽሽትነት ክኸውን ዘይኽእል ኣየናይ እዩ?
   - ሀ. ጉሓፍ ኣብ ዝረኸብካዮ ቦታ ምድርባይ
   - ለ. ሽቓቕ ብዘይኣግባብ ምጥቃም
   - ሐ. ሓባራዊ መገልገልታት ቤት ትምህርቲ ብኣግባቡ ምጥቃም
   - መ. ምንካይ (ምቕናስ) ረድኤት

5. ካብዞም ዝስዕቡ ሓደ ብዓርሰ ተበግሶ እንህቦ ግልጋሎት እዩ፦
   ሀ. ንወለድን ንመምህራንን ብምእዛዝ ግቡእና ምፍፃም
   ለ. ሰዓት ትምህርቲ ብኣግባቡ ምጥቃም
   ሐ. ሰብፀጋ ዕድመን ዓቕሞም ዝደኸመን ምክንኻን
   መ. ንሕገ መንግስቲ ሃገር ተገዛኢ ምዃን

6. ስርኞን ኣድላዊ ኣሰራርሓን ምቅላዕ፣
   ሀ. ንፖሊስ ጥራሕ ዝግደፍ ሓላፍነት እዩ፡፡
   ለ. ንኣካላት ፍትሒ ጥራሕ ዝምልከት እዩ፡፡
   ሐ. ሓላፍነት ሕድ ሕድ ዜጋ እዩ፡፡
   መ. ኩሎም መልሲ ክኾኑ ይኽእሉ፡፡

V. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፀርቲ መልስታት ሃቡ፡፡*

1. ካብ ኩሎም ዜጋታት ትፅቢት ካብ ዝግበረሎም መሰላትን ግቡኣትን ክልተ ጥቐሱ፡፡
2. ጎዳእትን መፅነውትን ተግባራት ኣብ ዕቤት ምጣነ-ሃፍቲ ዘብፅሕዎ ፅዕንቶ ኣሕፂርኩም ግለፁ፡፡

# ምዕራፍ ሽዱሽተ

## ስምዒት ሓላፍነት

**ዕላማታት እዚ ምዕራፍ፡-**

- **ዜጋታት ብፅሒት ሓላፍነቶም ኣብ እዋኑ ብታኣማንነትን ብብቕዓትን ምፍፃም ግቡእ ከምዝኾነ ትርድኡ፡፡**
- **ሃፍታት ተፈጥሮን ታሪኻዊ ሓድግታትን ካብ ብርሰት ምሕላው ሓላፍነት ሕድ ሕድ ዜጋ ምዃኑ ትግንዘቡ፣**

## 6.1 ቃል ኪዳን



*ምስሊ 6.1 ተመረቕቲ ሙ.ያ ሕክምና መናእሰይ ቃል መሓላ እንትፍፅሙ*

- ኣብቲ ስእሊ ዘለው መናእሰይ ሓካይም እንታይ እናገበሩ ኣለው?
- ቃለ መሓላ ምፍፃም እንታይ ማለት'ዩ?

# ዘበናዊ ሃርበኛ

ኣብርሃ ሓጎስ ብሙያ ምህንድስና ተመሪቑ ቅድሚ ስራሕ ምጅማሩ ኣብኡ ከምኦም ሃርበኛ ንኸኸውን መኺሮምዎ እዮም፡፡ ኣብርሃ'ውን እምነትን ኣረኣእያን ኣብኡ ኩሉሻዕ የድንቕ፡፡ "ሃገር ኣዶ እያ፡፡ ንኣዲኡ ብሓቂ ዘየግልግል ዜጋ ከምሰብ ኣይቑፀርን፡፡" ዝብልዎ ኣበሃህላ ይኣምነሉ እዩ፡፡ ኣብኡ ሃገሮም ካብ ፀላኢ ንምክልኻል ምስ ጣሊያን ዝተኳሸሑ ጅግና እዮም፡፡ ኣብርሃ'ውን ቃል ዝፈትዎም ኣብኡ ንምፍፃም ብሙያኡ ዓርሱ ቅሩብ ገበረ፡፡ ብማዓርግ ድሕሪ ምምራቑ ድማ ተቖፃፃሪ ስራሕቲ መንገዲ ኾይኑ ተቖፂሩ፡፡

ሓደ እዋን ስራሕቲ ቑፅፅር መንገዲ እንተካይድ እቲ ዝተሰርሐ ስራሕ ደረጅኡ ዘይሓለወን ምትላል ዘለዎን ኾይኑ ረኺቡዎ፡፡ ነቲ ፅርጊያ ንምስራሕ ውዕሊ ዝኣሰረ ትካል እቲ ዝተባለሸወ ፅርጊያ ኣፍሪሱ ከም ብሓዱሽ ክሰርሕ ከምዘለዎ ውሳነኡ ገለፀሉ፡፡ ኾይኑ ግና ሓላፊ እቲ ትካል ፅርየቱ ዘይሓለወ ፅርጊያ ምስርሑ ከየሕፈሮ ንኣብርሃ መማለዲ ዝኸውን ዘበናውን ኣዝዩ ኽባርን ሓዱሽ መኪና ንከውህቦን ውሳነኡ ከለውጦን ተዳለወ፡፡

ብመሰረት እዙ'ውን ብቖፀሮ ተራኺቦም ብዙሕ ምርድዳእ ምስገበሩ ሞዴልን ሕብርን እታ መኪና ዝገልፅ ወረቐትን ቑልፊ እታ መኪናን ኣብ ፖስታ ገይሩ ሃቦ፡፡ ኣብርሃ'ውን እቲ ዝተውሃቦ ፖስታ ከፈቱ ምስ ራኣየ ንመራሒ እቲ ትካል ብትዕዝብቲ ብምርኣይ "ንምኳኑ ኢትዮጵያዊ ዲኻ?" ኢሉ ብምሕታት ነቲ ፖስታ ደርብዩሉ ከደ፡፡

እቲ ስሱዕ መራሒ ትካል ሓሳቡ ምፍሻሉ ምስራኣየ ሕነ ንምፍዳይ ሓሰበ፡፡ ብምኳኑ ድማ ኣብ ፀውታ ኽባብን ስዓትን ብመኪና ክግጨው ገበረ፡፡ ኾይኑ ግና ፈፃሚ እቲ ገበን ብዘተኣማምን መረዳእታ ተፈለጠ፡፡ ኣብርሃ ኣብ ሕክምና ኾይኑ ነቲ ኹነታት ክዝክሮ ከሎ ንኣቡኡ ዝኣተዎ ቃል ምኽባሩ ካብ ዝኾነ ነገር ንላዕሊ ዕግበት ሕሊና ሂብዎ፡፡ ኣብኡ'ውን ንወላዲት ሃገሩ ብታኣማንነት

ንምግልጋል ቁርፀኛ ቕዋም ብመሓዙ ኣመስገኑዎ፡፡ ኣብርሃውን ሌብነት ዝዋጋእ ሃርበኛ ምዃኑ ኣብ ሓፂር እዋን ብሰፊሑ ተወረየ፡፡ ኣብ ውሽጢ ሓፂር እዋን'ውን ብሓገዝ ንሙያኦምን ሓላፍነቶምን ዝዋፅኡ ሓካይም ድሒኑ ስርሑ ቐፀለ፡፡ ኣብርሃ' ካብቲ ተግባሩ ብምብጋስ "ዘበናዊ ሃርበኛ" ብዝብል ስም እናተፀወዐ ክብርን ፍቕርን ኣትሪፉ፡፡



## መልመዲ - 1

***ብመሰረት ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ታሪኽ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ***

1. ንኣብርሃ ብውህብቶ ክማልዶ ዝፈተነ ሰብ ተግባር ኣብ ልምዓት ሃገር ዘስዕቦ ፅዕንቶ እንታይ እዩ?
2. ሃርበኛነት እንታይ'ዩ? ብኸመይ ኩነታት ይግለፅ?
3. ኣብርሃ "ዘበናዊ ሃርበኛ" ዝተብሃለ ብምንታይ ምኽንያት'ዩ?

ቃል ኪዳን ንሓደ ነገር ብተኣማንነትን ብሓቀኛነትን ንምስራሕ ንዓርስና ወይ ድማ ንካልኦት እንህቦ መተኣማመኒ ቃል'ዩ፡፡ ቃል ምእታው ዝለዓለ ስሚዒት ሓላፍነትን ሞራላዊ ግቡእነትን ይሓትት፡፡ ስለዚ ቅድሚ ቃል ምእታውና ቃልና ንምሕላው ዓቕምናን ክእለትናን ምፍታሽ ግቡእ እዩ፡፡ ዘይተሓሰበሉ ቃል ኪዳን ተፈፃምነት ዘይምትእምማን ስለዘይህልዎ ጉድኣት የስዕብ'ዩ፡፡ ክብሪ'ውን የስእን፡፡ ብተወሳኺ'ውን ዘይግቡእ ምኽንያታት ምቕራብን ይቕሬታ ናብ ምሕታት የኸይድ'ዩ፡፡

ስለዚ ኣብ እዋን ተምሃራይነትኹም ንባዕልኹም፣ ንስድራኹምን ንኻልኦት ወገናት እውን እንተኾነ ቃል ኪዳን እንትትኣትው ካብ ዓቕምን ክእለትን ንላዕሊ ከይኸውን ምጥንቃቕ የድሊ፡፡ ቃልካ እንትትኣትው ዘይምኽባር ውስልትና እዩ'ሞ፡፡ ክትገብርዎ እትኽእሉ ድማ ብቐራፅነትን ተኣማንነትን ምፍፃም ግቡእ እዩ፡፡ እዚ ድማ ትኽክለኛ ከይዲ ምፍፃም ሓላፍነት እዩ፡፡

ቃል ኪዳን ምእታውን ቃልካ ምኽባርን ካብ ህይወት ስድራቤት ይጅምር፡፡ ትምህርቲ ብስርዓት ምምሃርን ብፅቡቕ ውፅኢት ምስጓምን፣ ቃል ኪዳን ምፍፃምን ምኽርን መምርሕን ስድራኻ ኣኽቢርካ ምቕባል'ዩ፡፡ ዓቕምን ክእለትን ብዝፈቕዶ መጠን ስራሕ ገዛ ምሕጋዝ'ውን ንስድራኻ ፍቕርን ክብርን ምግላፅ ሓላፍነት ናይ ምፍፃም ተግባር እዩ፡፡



## መልመዲ - 2

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ቃል ኪዳን ማለት እንታ'ዩ?
2. ተፈፃምነት ዘይብሉ ቃል ኪዳን እንትብሃል እንታይ ማለት'ዩ?
3. ቃል ኪዳኑ ብተግባር ዝፈፀመ ሰብ ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ዝህልዎ ቦታ እንታይ'ዩ?

## 6.2 ቅንዕና፣ ተኣማንነትን ሓቀኛነትን

- ቅንዕና እንታይ ማለት እዩ?
- ተኣማንነትን ሓቀኛነትን ብኸመይ ይግለፅ?

### እሙን ነዳቓይ

ናይ ጉልበት ስራሕ እናሰርሐ ዝመሓደር ሓደ ነዳቓይ እናነደቐ ከሎ ሰነዳትን ቕርሽን ዝሓዘ ቦርሳ ወዲቑ ብምርካቡ ደንጊፁ፡፡ ነቲ ቦርሳ ኣገላቢጡ እንትረኣዮ ንብረት ናይቲ ዘስርሖ ዘሎ ሰብ ምኳኑ ፈለጠ፡፡ ኣብዚ ግዘ እዚ እቲ ሰራሕተኛ ዘስርሖ ዘሎ ሰብ ዝተሰመየ ጭንቀትን ሕርቃንን ስለዝረኣየ ሓዚኑሉ፡፡ ክምልሰሉ ከምዘለዎ'ውን ወሲኑ፡፡

ብምቕፃል ድማ ብዙሕ ቅርሺ ዘለዎ ቦርሳ ምርካቡ ንማሓዝኡ ብምዝራብ እንታይ ክገብር ከምዘለዎ ሓተቶ፡፡ እቲ ማሓዝኡ'ውን ክረኽቦ ዝኽእል ዝተፈላለየ

ረብሓታት ዘርዚሩ ነገሮ፡፡እቲ ነዳቒ ግና በቲ ዝቐረበሉ ሓሳብ ኣይተሰማመዐን፡፡ ብመሰረት ቐዲሙ ዝሓሰቦ ሓሳብ ድማ እቲ ወዲቑ ዝረኸቦ ንብረት ንበዓል ዋንኡ ሂቡዎ፡፡ እቲ በዓል ንብረት ድማ ፅንዓትን ተኣማንነትን እቲ ሰራሕተኛ ብምርኣይ እቶም ሰነዳት ጥራሕ ብምውሳድ እቲ ገንዘብ ሸሊሙዎ፡፡ ብፅባሒቱ ድማ ሓላፍን ተቖፃፀርን ንብረት መሳርሕታት ህንፃ ገይሩ ሸይምዎ፡፡



## መልመዲ - 3

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. እቲ ነዳቒ ዝረኸቦ ንብረት ናብ ዋንኡ ብምምላሱ ዝረኸቦም ረብሓታት ግለፅ፡፡
2. ተግባር እቲ ነዳቒ እንታይ የምህር?
3. ተኣማንነት ዘኹርዕ ናይ ባህሪ ሃፍቲ ድዩ ኣይኮነን? መብርሂ ሃብሉ፡፡

ቅንዕና! ተኣማንነትን ሓቀኛነትን ዝግለፅ ብስራሕ'ዩ፡፡ ስራሕ ድማ ማሕበራዊ ባህሪ ኣለዎ፡፡ ሓደ ስራሕ ኣብ ውፅኢት ክሳብ ዝበፅሕ ናይ ብዙሓት ሰባት ፍልጠትን ጉልበትን ክምኡ'ውን ግዘ ይፈሶ'ዩ፡፡ ሕድ ሕድ ሰብ ብፅሒት ስርሑ ብተኣማንነትን ብቅንዕናን ሓቀኛነትን እንተሰሪሑ ውፅኢቱ ብዙሕ ረብሓ ኣለዎ፡፡

ንኣብነት ሓደ መራሒ መኪና ድሕንነት መኪንኡ ፈቲሹ፣ ናህሪ ተቖፃፂሩ፣ ምዝዋሩ ህይወትን ንብረትን ናይ ምድሓን ዝለዓለ ሓላፍነቱ ምፍፃም እዩ፡፡ ሓረስታይ'ውን ብእዋኑ ሓሪሱን ኣፍሪዩን ንተገልጋላይ ናይ ምቕራብ ብፅሒት ሓላፍነት ኣለዎ፡፡ ዝኾነ በዓል ሙያ'ውን ካብ ሙይኡ ንዝርብሑ ብቕንዕና ንምግልጋል ካብኡ ዝሕሎ ተግባር'ዩ፡፡ ብኸምዚ ዓይነት ኹነታት ኹሉ ሰብ ብዝሓዞ ዝኾነ ዓይነት ስራሕ ብቕንዕናን ብተኣማንነትን እንተሰሪሑ ዜግነታዊ ግቡኡ ፈፂሙ ማለት'ዩ፡፡

ሓላፍነት ብቅንዕናን ተኣማንነትን፣ ከምኡ'ውን ብሓቂ ናይ ምግልጋል ኣድላይነት ኣብ ኩሉ ዜጋ ግንዛበ ክህሉ ኣለዎ። ሕድ ሕድ ሰብ ኣድላይነቱ እንትኣምነሉ ኣብ ስራሕ እንተውዕሎን፣ ንዕብየትን ለውጥን መሰረት ዝኾኑ ብቅንዕና፣ ተኣማንነትን ሓቀኛነትን ዝተሰርሑ ውፅኢታት ይርከቡ። ስለዚ ንስኻቱም'ውን ኣብ ቤት ትምህርትኹም ኣብ እትሳተፉሉ ጉጅላውን ውልቃውን ስራሕቲ ብቕንዕናን ተኣማንነትን ብምስራሕ ውፅኢት ብምምዝጋብ ሓላፍነትኩም ክትዋፅኡ ኣለኩም።



## መልመዲ - 4

*ብመሰረት ኣብ ላዕሊ ዝተዋሃበ ሓሳብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።*

1. ስራሕ ማሕበራዊ ባህሪ ኣለዎ ዝበሃል ንምንታይ እዩ?
2. ሓላፍነት ብቕንዕና፣ ተኣማንነትን ብሓቀኛነትን ምፍፃም ንምንታይ ኣድለየ?

## 6.3 ሃፍትታት ተፈጥሮን ታሪኻዊ ሓድግን፣



*ስእሊ 6.2 ህንፃ ሃረር ፅግና እንትግበረሉ*



*ስእሊ 6.3 ምጉሕጓሕ ሓመድ ንምኽልኻል ስራሕ ዛላ ብሂረሰብ ኮንሶ*

- ህንፃ ሃረር ኣብ ኣየናይ ክልልን ከተማን እዩ ዝርከብ?

## ዝዳመፁ ሩባታት

ብሄራዊ ፓርክ ጐቦታት ባሌ ኣብ ኣፍሪካ ካብ ዝጥቀሱ ዝለዓለ ሃፍታት ተፈጥሮ ካብ መንጎ ዝሓቆፉ ፓርክታት ሓደ ሃገራዊ ፓርክ እዩ፡፡ ክልተ ሽሕን ክልተ ሚኢትን ትርብዒት ኪሎ ሜትር ስፍሓት ኣለዎ፡፡ ብንውሓቱ ኣብ ሃገርና ብካልኣይ ደረጃ ዝርከብ ጎቦ ቱሉ ዲምቱ ዝሓወሰ እዩ፡፡

ልዕሊ ዒስራ መጥቦብቲ እንስሳ ዘገዳምን ልዕሊ ሓደ ሚኢትን ዓርባዓን ዓልየታት ኣዕዋፍን ኣብ ውሽጡ ሓቑፉ ዝሓዘ እዚ ፓርክ ብዝተፈላለዩ ኣእዋማት ዓዲ ዝተሸፈነ እዩ፡፡ ኣብ ዓለምና ኣብ ዝኾነ ሃገር ዘይርከቡ ዒስራን ዓርባዕተን ዓልየታት ኣዕዋፍ ኣብ ሃገርና ይርከቡ፡፡ ካብ መንጎ እዚኦም ዓሰርተ ኣርባዕተ ብርቂ ዓሌት ኣዕዋፍ ጥራሕ ኣብ ፓርክ ጎቦታት ባሌ ይርከቡ፡፡




*ስእሊ 6.4 ጐቦታት ባሌ ኣብ ውሽጦም ዝሓቖፍዎም እንስሳ ዘገዳም*

ብተወሳኺ ንዓለምና ብርቂ ንኢትዮጵያ ድንቂ ዝኾኑ ሃፍትታት ኒያላ ወይ ድማ ዓጋዘን ደጉዓ፣ ብኻርያ ሰሜን ወይ ድማ ቐያሕ ብኻርያ ኣብ ውሽጢ እዚ ምዕሩግ ተፈጥሮኣዊ ክልል ይነብሩ፡፡ ሩባታት ገናሌን ዋቢ ሸበሌን'ውን ካብ ሽንጥሮታትን ቁልቁለታትን ባሌ እናተዳመፁ፣ ህይወት እናለምለሙ ናብ ደቡብ ምብራቕ ብህዳኣት ይውሕዙ፡፡

(ፍልፍል "ግራር" መፅሔት ኢንሰትዩት ወንዶ ገነት ሕታም 1978 ዓ/ም)



# መልመዲ - 5

*ብመሰረት ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ፓርክ ማለት እንታይ ማለት እዩ?
2. ጎቦ ቱሉ ዲምቱ ካልኣይ እንተኾይኑ ቀዳማይ’ኸ መን’ዩ?
3. ኒያላ ኣበይ ትርከብ?
4. ኣብዚ ሕዚ እዋን ፓርክ ባሌ ካብ ዝነበሮ ትሕዝቶ ኣብ ዝሐሸ ትሕዝቶ ዝርከብ’ዶ ይመስለኩም?

ተፈጥሮኣውን ታሪኻውን ሃፍትን ሓድግን ካብ ጥፍኣት ናይ ምሕላው ሓላፍነት፡- ማለት ሕድ ሕድ ሰብ ናይ ባዕሉ፣ ናይ ማሕበረሰቡ፣ ኢሉውን ሃፍትን ሓድግታትን ሃገር "ናተይ" ብዝብል ስምዒት ወገናውነት ናይ ምሕላው ዜግነታዊ ግቡእ ማለት’ዩ፡፡ እዚ ስምዒት ሓላፍነት ኣብ ውሽጢ ሕሊና ኩሉ ሰብ እንትሰርፅን ተቐባልነት እንትረክብን፣ ሃፍትታት ተፈጥሮ ካብ ብርስት፣ ታሪኻዊ ሃፍታትን ሓድግታትን ካብ ጥፍኣትን ብኽነትን ተሓሊዮም ህልውንኦም ዘተኣማምን ይኸውን፡፡

ዝኾነ ሰብ ኣብ መንበሪኡን ስራሕ ቦትኡን ከምኡ’ውን ሓበራዊ ግልጋሎት ወሃብቲ ኣብ ዝኾኑ ቦታታት ዝርከቡ ንብረታታት ብምሕብሓብ ግልጋሎት ንክህቡ ምግባር ኣለዎ፡፡ ንኣብነት ተምሃሮ እዚ ስምዒት ሓላፍነት ምትግባር እትጅምርዎ ካብ ገዛ እዩ፡፡ ግዘ፣ ፍልጠትን ጉልበትን ብዝፈሰሶ ገንዘብ ዝተገዝአ ናውቲ ገዛ ግቡእ ክንኽን ብምግባር ንነዊሕ እዋን ግልጋሎት ክህቡ ክትገብሩ ይግባእ፡፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ’ውን ንኸይዲ ምምሃር ምስትምሃር ምቹው ኹነታት ዝፈጥሩ ኩሎም ናውቲ ከም ውልቀ ሃፍትኹም ብምሕላው ኣብ ረብሓ ክውዕሉን ንተተካእቲ ዜጋታት ክመሓላለፍን ክትገብሩ ኣለኩም፡፡ ኣብ ኸባቢ መንበሪ ዘለው ተፈጥኣውን ታሪካውን ሃፍታትን ሓድግታትን ንምልማዕን ምሕላውን ዋርድያ ኮይንኹም ጠጠው ክትብሉ ትፅቢት ይግበረልኩም፡፡

ተፈጥሮኣዊ ሃፍታትን ታሪኻውን ሓድግታትን ምሕላውን ምክንኻንን ኩሎም ዜጋታት ዝተመቻቸወን ዝተማልአን ህይወት ክህልዎም የኽእል። ማይ፣ ሓመድ፣ ኣእዋም፣ መዓድናት፣ እንስሳ ዘገዳምን እንስሳ ዘቤትን ካብ ብርስትን ጉድኣትን እንትሕለዉ ብግቡእ ኣብ ልምዓት እንተውዕሉን ዕብየትን ልምዓትን ሃገር ይረጋገፅ። ስእነት ስራሕ ጥሜትን ድኽነትን ይጠፍእ።

ብመንፅር 'ዙይ ብርቅታት ዝኾኑ ኣዕዋፍን እንስሳ ዘገዳምን ደረጅኡ ኣብ ዝሓለወ ፓርክ ክነብሩ እንተተገይሩ ቑፅሪ ጎብነይቲ ብምውሳኽ ስራሕቲ ቱሪዝም ምጥንኻር ይከኣል'ዩ። እዚውን ሃገርና ክትዓቢ ይገብሩ። ስልጣነን ፍልጠትን ቀዳሞት ወለድና ዝሕብሩ ታሪኻዊ ሓድግታት ምሕላው፣ ታሪኽ ሃገርና ምሕብሓብን መረዳእታ መንነት ካብ ምጥንኻርን ሓሊፉ ንስራሕቲ ቱሪዝም ሰፊሕ ባይታ ምፍጣር'ዩ።

ስለዝኾነ ንህልውናን ዕብየትን ሃገር መሰረት ዝኾኑ ሃፍትታት ተፈጥሮን ታሪኻዊ ሓድግታትን "ናተይ እዩ" ብዝብል ስምዒት ሓላፍነት ንምሕብሓብ ምውሳንን ካልኦት ብውልቀውን ዘብፅሕዎ ጥፍኣት ንምክልኻል ድልዋት ክትኮኑ ኣለኩም። እዙይ ድማ መለክዒ ተግባር ሓላፍነት ብቑዕ ዜጋ እዩ።



## መልመዲ - 6

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።*

1. ሃፍትታት ተፈጥሮን ታሪኻዊ ሓድግን ምሕላው ንመን ይጠቅም?
2. ስእነት ስራሕ፣ ጥምየትን ድኽነትን ንምጥፋእ ሃፍትታት ተፈጥሮ ከመይ ይሕግዙ?
3. ቱሪዝም እንታ'ዩ? ረብሕኡ ግለፁ።

## 6.4 ኤች. ኣይ. ቪ/ኤደስ!

- መተሓላለፍቲ መንገዲ ኤች ኣይቪ/ኤድስ እንታይ እንታይ እዮም?
- ዝርገሐ ኤች ኣይ. ቪ. ንምንካይ እናተወሰደ ዘሎ ስጉምቲ እንታይ እዩ?

### ቁሸት ሓዱሽ ተስፋ

መምህር ፀሃይ ናይ ሻድሻይ ክፍሊ ሒሳብ መምህር እየን፡፡ ሓላፊት ክፍሊ ሻድሻይ "መ" ስለዝኾና ምምሃር ቀንዲ ስርሖም ምዃኑ ብምግላፅ ስራሕቶም ብግቡእ ክፍፅሙ ከምዘለዎም ኩሉሻዕ የገንዝበኦም እየን፡፡ ንሳቶም'ውን የኽብሩወን እዮም፡፡ ምኽረን'ውን ይቕበሉ እዮም፡፡ ዕዮ ገዛ ከይሰርሐ ዝመፅእ ተምሃራይ ኣይነበረን፡፡

ኾይኑ ግና ኣብ ሓደ እዋን ኪሮስ ብተደጋጋሚ ዕዮ ገዛ እንተይሰርሐት እናመፀት ኣብ ክፍሊ እንትትሕተት መልሲ ምምላስ ኣብዩዋ፡፡ መምህራ'ውን ፀገም ኪሮስ እንታይ ከምዝኾነ ንምፍላጥ ኣብ ዕረፍቲ ሰዓት ንበይና ኣዘራረባኣ፡፡ ኣቦኣ ንኪሮሰ በኤድስ ከምዝሞቱን ኣዲኣውን ሓሚመን ኣብ ዓራት ከምዘለዋ ተረደአ፡፡ ብምኽንያት ሞት ኣቦኣን ሕማም ኣዲኣን ዝተፈጠረ ፀገም ኪሮስን ክልተ ኣናኣሽቲ ኣሓታን ትምህርተን ኣብ ዘይቕፅላሉ ብርኪ ምብፀሐን ፈለጣ፡፡

መምህር ኪሮስን ኣሓታን ትምህርተን ከየቋርፃ ንምግባርን ሓሚመን ኣብ ዓራት ዝዋዓላ ኣዴኣ'ውን ሓገዝ ንምድላይ ሓሲበን ናብ ትካል "ቑሸት ሓዱሽ ተስፋ" ብምኻድ ኣሰራርሓ እቲ ትካል ሓተታ፡፡ ዝመፃሉ ዕላማ'ውን ገለፃ፡፡ እቲ ትካል'ውን ገበርቲ ሰናይ ዜጋታት ብዘዋፅእዎ ሓገዝን ድጋፍን ብኤድስ ንዝሓመሙን ድኻትም ከም ዝሕግዝ ገለፁለን፡፡

መምህር ፀሃይ'ውን ኣባል እቲ ትካል ብምዃን ቀዋሚ ክፍሊትን ሓገዝን ንምግባር ወሰና፡፡ ተምሃሮ "ሻድሻይ "መ" እውን በብወርሑ ብነብሲ ወከፍ ሕርካም ብምውፃእ ኣባላት እቲ ትካልን ሓገዝትን ክኾኑ ገበሩ፡፡ ደሕሪ'ዚ ኪሮስን ኣሓታን ካብ እቲ ትካል ወርሓዊ ደገፍ እናረኸባ ትምህርተን ክቕፅላ ክኣላ፡፡ እተን ዝሓመማ

ኣዲኣ'ውን ሓገዝ ሕክምና ረኺበን፡፡ ኪሮስ'ውን ከምቲ ልሙድ ብትምህርታ ፅቡቕ ውፅኢት እናምፀአት ምምሃራ ቀፀለት፡፡



## መልመዲ - 7

*ብመሰረት ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ታሪኽ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ኣቦ እኒ ኪሮስ ምስ ሞቱን ኣዲኦን ብሕማም ምስተጠቕዓን እንታይ ኹነታት ተፈጢሩ?
2. ተግባር መምህር ፀሃይ እንታይ የመልክት?

ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ፣ ብቕልጡፍ እናተዛመተን ህዝቢ ኣብ ምህላቕ ዝርከብ ቀንዲ ፀላኢ ደቂ ሰባት'ዩ፡፡ ክሳብ ሐዚ ንኤድስ መድሓኒት ኣይተረኸበሉን፡፡ እቲ ሕማም ከም ኣቆፃፅራ ኣውሮፓውያን ኣብ ኸባቢ 1981 ዓ/ም ዝተረኣየ እንትኸውን፣ ኣብ ዓለም ብቕልጡፍ እናተስፋሕፍሐ ይርከብ፡፡

ካብ ሞንጎ መተሓላለፊ መንገድታት እቲ ሕማም ዝኾኑ ገሊኦም ምጥቃስ ይከኣል፡፡

- በቲ ቫይረስ ዝተበከለ ደም ናብ ጥዑይ ሰብ ደም እንትኣትው፣
- እቲ ሕሙም ዝተጠቐመሎም መሞወፅ ስኒ፣ ብሩሽን፣ በላሕቲ መሳርሕታት ማለት'ውን ከም መቑረፂ ፅፍሪ፣ መላፀ (ላማ)፣ ወዘተ…እቲ ጥዑይ ሰብ እንተተቒሙ፣
- እቲ ሕሙም ብዝተወገኣሉ መርፍእ ጥዑይ ሰብ እንትውጋእ እቶም ቀንዲ እዮም፡፡

እቲ ሕማም ዘይመሓላለፈሉም መንገድታት

- ኢድ ንኢድ ብምጭብባጥ(ሰላምታ ብምልውዋጥ)
- ሓቢርካ ብምብላዕ

- ሓባራዊ ሽቓቕ ብምጥቃም
- ኣብ ክፍሊ ሓቢርካ ብምምሃር ወዘተ እዮም፡፡

ብኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ዝተትሓዘ ሰብ ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሙ ሰለዝዳኽም ብዝተፈላለዩ ሕማማት ብቐሊሉ ይጥቃዕ፡፡ ጉልበቱን ጥዕንኡን ስለዝንኪ ንምስራሕ ወይ ድማ ንምምሃር ኣይኽእልን፡፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ዝድግፎን ዝሕግዞን እንተዘይሃሊዩ ኣብ ከቢድን ዘሕዝንን ስቓይ ይወድቕ፡፡ ምስራሕ ብዘይምኽኣሉ'ውን ስድርኡ ይፅገሙ፡፡ ኤች. ኣይ ቪ/ኤድስ ኣብ ልዕሊ ወልቀ ሰባት ዘብፅሖ ጉድኣት ከይኣክል ኣብ ልዕሊ ዕብየት ሃገር'ውን ፅዕንቶ የሕድር፡፡

ህዝቢ ኣብ ምውዳእ ዝርከብ እዚ መስካሕካሓይ ሕማም ኤድስ ዘስዕቦ ዘሎ ጉዳኣት በዓል ብዙሕ ዘፈር'ዩ፡፡ ብምኽንያት እዚ ሕማም ወለዲ እንትሞቱ መነባብሮ ስድራቤት ኣብ ልዕሊ ምፍራሱ ቆልዑ ተፀጊሞም ካብ ማእዲ ትምህርቲ ይፍለዩ፣ ኣካቢ ስለዝስእኑ'ውን ይብተኑ፡፡ ተረከብቲ ሃገር ዝኾኑ መናእሰይ ተስፋ ኣልቦ ሽክሚ ሃገር ይኾኑ፡፡ እዚ ኹነታት'ውን ፀገም ማሕበራዊ መነባብሮ ካብ ምስዓቡ ንላዕሊ ድኽነት፣ ድሕረትን ገበንን ክስፋሕፋሕ ይገብር፡፡

ስለዚ ንስኻትኩም'ውን ብዛዕባ እዚ መስካሕካሓይ ሕማም ኤድስ ግቡእ ግንዛበ ብምጭባጥ ነዚ ሕማም ንዘይምቅላዕ ሓያል ጥንቃቐ ክትገብሩ ትፅቢት ይግበረልኩም፡፡ ብተወሳኺ'ውን ንካልኦት ምምሃርን ምብርባርን በቲ ሕማም ንዝተትሓዙ'ውን ሓገዝን ክንክንን ክትብሩ ግቡእ ወገናዊ ሓላፍነት ኣለኩም፡፡ ዓርስኻ ካብዚ ሕማም ምሕላው ሓላፍነት ናይ ምፍፃም ተግባር ብምዃኑ ዝኾነ ዜጋ ክትግብሮ ይግባእ፡፡



# መልመዲ - 8

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡

1. መንገድታት መተሓላለፊ ኤድስ ግለፁ፡፡
   ብምኽንያት ኤድስ ዝተጎድኡ ኩነታት ስድራቤት እንታይ
2. ይመስል? ቆልዑ እቲ ስድራቤትኸ እንታይ ዓይነት ፀገም ይበፅሖም?

## መጠቓለሊ

ሓላፍነት ዝስመዖም ዜጋታት ንምፍራይ መሰረቱ ስድራቤት'ዩ፡፡ እዚ'ውን ብዕቡቕ ስነምግባር ተሃኒዖም ካብ ዕቡቕ ስድራቤት ዝወፁ መናእሰይ ሓላፍነት ንምውፃእ ብቑዓት ይኾኑ፡፡

ሓላፍነት ዝጅምር ካብ መነባብሮ ህይወትን ስድራቤት'ዩ፡፡ ንሱውን መምርሒን ምኽሪን ወለዲ ተግባራዊ ንምግባር ዝወሃቦ ሓላፍነት ብብቕዓት ንምዕዋቶም ቃል ኪዳን ብምኽባርን ይረጋገፅ፡፡ ብመምህራንን ኣብ ቤት ትምህርቲን ዝወሃቡ መምርሒታት ብቕንዕናን ሓቀኛነትን ምፍፃም እቲ ካሊእ ሓላፍነት ናይ ምፍፃም ናይ መጀመሪያ ከይዲ'ዩ፡፡

ተፈጥሮኣዊ ሃፍትን ንብረትን ሕብረተብ ከምኡ'ውን ታሪኻዊ ሓድግታት ምሕብሓብን ምሕላውን ናይ ባዕልኻ ህልውናን ታሪኽን ምዕቃብ ስለዝኾነ ግቡእ ተግባር'ዩ፡፡ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ዓርስኻ ካብ ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ምሕላ'ውን ዝርገሓኡ ንምዕጋት ኣብ ዝግበር ምንቅስቃስ ምስታፍ ዝዓበየ ሓላፍነትካ ምፍፃም እዩ፡፡

ሓላፍነት ዝተፈላለዩ ዓይነታትን ብርክታትን ኣለዉዎ፡፡ ኹሎም ዘፈራት ሰራሕተኛታት ከም ብርኪ ትምህርቶምን ሙያዊ ክእለቶምን ኣብ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ተዋፊሮም ይሰርሑ፡፡ ኾይኑ ግና ፍልፍል ብርኪ ሓላፍነት ምህላው ግልፂ እዩ፡፡ ዝተመደቦ ስራሕ ብሓቀኛነትን ተኣማንነትን እንተደኣ ሰሪሑ ሓፈሻዊ ውፅኢቱ ልምዓትን ዕብየትን ይኸውን፡፡

## ኣገደስቲ ቃላት

ምምራቕ - ሓደ ብርኪ ትምህርቲ ብምጥንቓቕ መረዳእታ ምርካብ

ሃርበኛ - ኣብ ዝተዋፈረሉ ዓውደ ስራሕ (ሙያ) ዝለዓለ ውፅኢት ዘምዝገበ ዜጋ

ቃል ኪዳን - ብቐዳምነት ሙያዊ ኣብ ዝኾነ ዓውዲ ኣቐዲምካ ዝእቶ
መተኣማመኒ ቓል

ስነ ምግባር - ባህሪን ተግባርን ሰብ ትኽክል ምዃኑን ዘይምዃኑን ዝገልፅ ሐሳብ

ሞራል - ተግባራት ሕማቕን ፅቡቕን መምዘኒ ኩነታት

ሓድጊ - ግዝን ታሪኽን ዝሕብሩ፣ ምዕባለን ጥበብን ቀዳሞት ሰባት ዘርእዩ ውፅኢታት ተግባር

ፓርክ - ሃፍታት ተፈጥሮ/እንስሳ ዘገዳም፣ ኣዕዋፍ፣ ኣግራባት/ዝዕቀብሉ ከባቢ

ሪሂፀ በላዕ - ጉልበት ስራሕ ዝሰርሕ

## መጠቓለሊ ሕቶታት

I. *ነዞም ዝስዕቡ ምሉእ ሓሳባት ብምንባብ ዝሓዝዎ ሓሳብ ትኽክል ንዝኾነ "ሓቂ" ትኽክል ንዘይኾነ ድማ "ጌጋ" እናበልኩም መልሱ፡፡*

1. ብተግባር ንምፍፃም ዝተተለመ ንባዕልኻ ወይ ድማ ንካልኦት ዘዋሃብ መተኣማመኒ ቃል ወይ ድማ ተሰፋ ቃል ኪዳን ይበሃል፡፡
2. ሓደ ሰብ ሰዓቱ ጥራሕ ኣኽቢሩ ኣብ ስራሕ ቦታኡ ብምርካቡ ሓላፍነቱ ከም ዝተዋፀአ ይቑፀረሉ፡፡
3. ኩሎም ሰራሕተኛታት ዘለዎም ሓላፍነት ስራሕን ብርኪ ስርሖምን ተመሳሳልነት ኣለዎ፡፡
4. እንስሳ ዘገዳም፣ ኣዕዋፍን ዝተፈላለዩ ኣድዋራትን ዝነብርሉ ቦታ ፓርክ ተባሂሉ ይፀዋዕ፡፡
5. ምስፍሕፋሕ ኤድስ ንድኽነትን ድሕረትን ኣሰተዋፅኦ ኣለዎ፡፡

II. *ኣብ ትሕቲ "ሀ" ንዝተዘርዘሩ ቃላት ብፍታሕ ዝሰማዕም ኣብ ትሕቲ "ለ" ካብ ዝተቐመጡ ብምምራፅ ኣዛምዱ፡፡*

| ሀ | ለ |
|---|---|
| 1. ሓላፍነት | ሀ. ዘበንን ታሪኽን ዝገልፅ ሃፍቲ |
| 2. ስድራቤት | ለ. ብድልየት ወይ ድማ ብትእዛዝ ስራሕ ምስራሕ |
| 3. ቐያሕ ቡኻርያ | ሐ. ሃፍታት ተፈጥሮን ታሪኻዊ ሓድግታትን ብምርኣይ እቶት ዘርክብ ዘፈር ስራሕ |
| 4. ሃፍቲ ተፈጥሮ | መ. ንዕብየት ሃገር ዕንቅፋትን ፀረሰብን |
| 5. ቱሪዝም | ረ. ብደቂ ሰባት ፍልጠትን ስራሕን ክለምዕ ዝኽእል ክንክን ዘድልዮ ንብረት |
| 6. ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ | ሰ. ብወለድን ቆልዑን ዝተወደበ ክፍሊ ሕብረተሰብ |
| 7. ታሪኻዊ ሓድጊ | ሸ. ብሕታዊ ሃፍቲ ሃገር |

III. *ነዞም ዝስዕቡ ባዶ ቦታታት ብትኽክልኛ ቃል ወይ ድማ ሓረግ ምልኡ፡፡*

1. ዝኾነ ዓይነት ብዕሒት ስራሕ ብብቕዓትን ውፅኢታውን ብዝኾነን ምፍፃም ______________________ ተባሂሉ ይግለፅ፡፡

2. ወርቂ፣ ነሃስ፣ ሓፂንን ፓታሽዮምን_______________________ እንትኾኑ፣ መፃሕፍቲ ብራና፣ ኣብያተ መንግስታትን ገዳማትን፣ ስእልታት በዓትን መስጊዳትን_______________________ እዮም፡፡

3. ዕብየት ሃገር ካብ ሞንጎ ዘዳኽሙ ፀገማት እቲ ሓደገኛ___________ እዩ፡፡

IV. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብምንባብ ትኽክል ዝኾነ መልሲ ሕረዩ፡፡*

1. ብተኣማንነትን ሓቀኛነትን ሓላፍነትካ ምፍፃም ማለት፣

    ሀ. ትዕግስተኛ ምዃን

    ለ. ብድልየት ይኹን ብትእዛዝ ንስራሕ ዘይምልዕዓል

    ሐ. ንውፅኢት ምቅላስን ዜግነታዊ ግቡእ ምትግባርን

    መ. ምቕሉልነት ምርኣይ

2. ምኽርን መምርሕን ስድራቤት ምፍፃም

    ሀ. ብስራሕ ገዛ ምፅማድ

    ለ. ስነ ምግባር ምጥሓስ

    ሐ. ንመፅናዕቲ እኹል ግዘ ምስኣንን ኣብ ትሕቲ ፅዕንቶ ምውዳቕን

    መ. ቃል ኪዳን ምኽባር

3. ሕድሕድ ሰብ ሓላፍነቱ እንድሕር ዘይተዋፂኡ

    ሀ. ኣብ ማሕበራዊ መነባብሮ ፀገም ኣየስዕብን

    ለ. ቃል ኪዳን ይሕልው

    ሐ. ኣብ ዕብየት ኽባብን ሃገርን ፅዕንቶ የሕድር

    መ. ሰላማዊ መነባብሮ ይቕፅል

4. ስልጣነን ባህልን ህዝብታት ከምኡውን ብርኪ ዕብየት ዘይገልፅ

    ሀ. ሃፍታት ተፈጥሮ

    ለ. ታሪኻዊ መፃሕፍቲ

    ሐ. ታሪኻዊ ሓድግታት

    መ. ምስክርነት ሰብ ፀጋ ዕድመ

5. ዝርገሐ ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ምክልኻል ዝከኣል

    ሀ. መንገዲ መተሓላለፊኡ ብምቅላዕ

    ለ. ካብ ሕሙማት ብምርሓቕ

    ሐ. መተሓላለፊኡ ብምፍላጥን ምጥንቃቕን

    መ. ማሕበራዊ ርክብ ብምንካይ

## V. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃቡ፡፡

1. ቃል ኪዳን ብተግባር ምርግጋፅ ሓላፍነት ምውፃእ ዝኸውን ከመይ'ዩ?
2. ፓርክታትን ኣብ ውሽጡ ዝርከቡ ሃፍታት ተፈጥሮን ናይ ምክንኻን ሓላፍነት ናይ መን'ዩ?
3. ወለዲ ብኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ እንትጥቅዑ ኣብ ቆልዑ ዝበፅሕ ጉድኣት ግለፁ፡፡

# ምዕራፍ ሸውዓተ

## ህርኩት ባህሊ ስራሕ

**ዕላማታት እዚ ምዕራፍ:-**

**ተምሃሮ እዚ ምዕራፍ ብዝግባእ ምስተምሃርኩም:-**

- ክቡርነት ስራሕ ትርድኡ፡፡
- ረብሓ ህርኩት ኮይንካ ምስራሕን ግዘ ብግቡእ ኣብ ስራሕ ምውዓልን ትግንዘቡ፡፡
- ኣብ ሕገ መንግስቲ ፌ.ዴ.ሪ.ኢ. ዝተደንገጉ ምጣነ - ሃፍታውን ልምዓትን ተንከፍ ዕላማታት ትፈልጡ፡፡

## 7.1 እንታይነት ህርኩት ባህሊ ስራሕ

### 7.1.1 ህርኩት ኮይንካ ምስራሕ

- ህርኩት ከይንካ ምስራሕ እንትበሃል እንታይ ማለት'ዩ?
- ህርኩት ከይንካ ብምስራሕ ዝርከብ ረብሓ እንታይ እዩ?

**ንስራሕ ተዓጠቑ፣**

ዝሓረሰ ሓረስታይ ዕርፌ ዝነቕነቐ
መጥሓኑ እናጓደረ መስከረም ዘለቐ
ዘይሓረሰ ሰነፍ ዕርፌ ዘይነቅነቐ
ቅድሚ ባሕቲ ሓምለ ተዓፃፂፉ ወደቐ፡፡
መሬቱ ደኺሙ ብግቡእ ዝሓረሰ
ጎልጕሉ ፃህዩ ደጋጊሙ ዘለስለሰ
እኽሊ ብዝግባእ ካብ ዓውዲ ሓፈሰ፡፡

ንፉዓት እንትጎዩ ብዘይዕረፍቲ፣

ደለይቲ ዕረፍቲ ይኾኑ ፍልጠትን ጉልበትን ለገምቲ
ሕምባሻ እንትብሉዎም ቆልዑ ግና ይኾኑ ኣብ ድሕሪ ቤት ተሓባእቲ
ብሕርሻ ብኢንዱስትሪ ኣብ ገፀር ከተማ
በርቲዕኻ ምስራሕ'ዩ ሃገርካ ንኽትለምዓ
ሰብ ውፅኢት ስርሑ ምእንታን ክኽበር
ስራሕ ባህሊ ገይርካ ምልማዕ'ዩ ንሃገር፡፡
(በቐጥታ ዝተተርጎመ)

*ብመሰረት እቲ ግጥሚ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*



## መልመዲ - 1

1. ካብቲ ግጥሚ ዝረኸብኩምዎም ፍረ ሓሳባት ፅሒፍኩም በብተራ ንመማህርትኹም ኣንብቡሎም

   ዘይሓረሰ ሰነፍ ዕርፊ ዘይነቕነቐ፣
   ኣብ ባሕቲ ሓምለ ተዓፅፉ ወደቐ፣

2. ናይዚ ግጥሚ ተፃረርቲ ዝኾኑ ካልኦት ክልተ ተለላታት ኣየነኦም እዮም?
3. እስኪ ንስኹም ድማ ብዛዕባ ንፉዕ ተምሃራይ ሓጺር ግጥሚ ፅሒፍኩም ንመሓዙትኩም ኣንብቡሎም፡፡

ህርኩት ባህሊ ሰራሕ ማለት ሓደ ህዝቢ ሰሪሕኻ ንምንባር ዘለዎ ፅኑዕ ድልየትን ልምድን እንትኾን ሰራሕተኛታት ንስራሕ ዘለዎም ድልየትን ብሞየኦም ዝሐሸ ውፅኢት ንምርካብን ዘለዎም ቆራፅነት ማለት'ዩ፡፡ ስራሕ ንኹሉ ወዲ ሰብ ዋሕስ መነባብሮ ስለዝኾነ ጠንኪርካ እንተሰሪሕኻ ካብ ባዕልኻ ሓሊፉ ኩነታት መነባብሮ ስድራኻን ከባቢኻን ናብ ምልዋጥ ዘብፅሕ ዝለዓለ ደረጃ ዘሰጋገር እዩ፡፡ ስራሕ ኣብ ኸባቢካ ካብ ዝርከቡ ነገራት ተላዒልካ ካብ ቐሊል ነገር ብምጅማር ጠንኪርካ

እንተሰሪሕኻ ናብ ዝለዓለን ዝሓሸን ደረጃ መነባብሮ ምዕባይ ይካኣል'ዩ። ጠንኪርካ ምስራሕ እንትበሃል ኣብ ዝተዋፈርካሉ መዳይ ስራሕ ዝሓሸ ውፅኢት ፍርያት ምርካብ ጥራሕ እንተዘይኮነስ ሰዓት ሰራሕ ብምኽባር፣ ሙያዊ ስነ ምግባር ብምሕላውን ፅርየት ምህርቲ ብምዕባይን ይግለፅ።



## መልመዲ - 2

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።*

1. ኣብ ከባቢኹም ክስርሑ ዝኽእሉ ዓይነታት ስራሕ ግለፁ።
2. ሰጢምካ ምስራሕ ንኽባብን ሃገርን ዘለዎ ረብሓ ብጉጅለ ኮይንኹም ተመያየጥሉ።

### 7.1.2 ስራሕ ዘይምንዓቕ



*ምስሊ 7.1 ዝኾነ ስራሕ ክቡር እዩ*

- ካብቲ ስዕሊ እንታይ ተገንዚብኩም?
- ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ሰባት እንታይ እንታይ ስራሕቲ ይሰርሑ?
- ሰራሕ ዘይምንዓቕ እንትበሃል እንታይ ማለት'ዩ?

# ንፋዕ ቆልዓ

ዝተወለደሉ ኣብ ገጠር እንትኸውን ዕድመ ንእስነቱ ዘሕለፎ ግን ኣብ ከተማ እዩ፡፡ ኣብ ከተማ ብዙሕት ዕድል ስራሕ ከምዘሎ ዓበይቲ ሰባት እንተዉግዑ ሰሚዑ ነይሩ፡፡ ብምኽንያት እዚ ድማ ምስ ሓው ኣብኡ ናብ ከተማ ብምኻድ ሓው ኣብኡ ብዝገዝኣሉ ናውቲ ሊስትሮ ንፉዕን ቅልጡፍን ፀራጊ ጫማ ክኸውን ኽኢሉ፡፡ ንፉዕ ቆልዓ እናተብሃለ ዝፍለጥ ፀጋይ ንጉሆ ተሲኡ ዉስናት ጫማታት ምስ ፀረገ ናብ ቤት ትምህርቱ ይኸይድ፡፡ ዕዮ ገዛ ብዝግባእ ሰሪሑን ኣፅኒዑን ስለዝመፅእ ብመሓዙቱን ተፈታዊ ነይሩ፡፡

ስራሕ ፈታዊ ዝኾነ ፀጋይ ጫማ እናፀረገ ውስን ገንዘብ ምስ ኣዋህለለ ካሊእ ተወሳኺ ዓይነት ስራሕ ምስራሕ ከምዘለዎ ሓሲቡ፡፡ ኣብ መወዳእታ ንነበርቲ ከባቢኡ ፅቡቕ ግልጋሎት ክህበሉ ዝኽእል እንዳ መሐደሲ ጫማ ኸፊቱ፡፡ ኣብ ሓፂር ግዘ ናብ እንዳ ፀጋይ መሐደሲ ጫማ ዝመፁ ቁፅሪ ዓማዊል እናወሰኸ መፂኦሞ፡፡

ኣብዚ ሀዚ በዓል ሓዳርን ኣቦ ሰለስተ ቆልዑን ዝኾነ ኣይተ ፀጋይ ኣብቲ ዝነብረሉ ከባቢ ኣብ ዘጣየሾ ፋብሪካ ጫማ ዝተፈላለየ ዕድመ ንዝለዎም ሰባት ምቾውን ጥንኩርን ጫማ ኣብ ምዕራይ ይርከብ፡፡ ካብ ቐሊል ስራሕ ዝተበገሰ ኣይተ ፀጋይ ኣብ ከተማ ድሬዳዋ ኣለው ካብ ዝበሃሉ ሰብ ሃፍቲ ሓደ ንምኳን በቒዑ'ዩ፡፡



## መልመዲ - 3

*ብመሰረት ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ታሪኽ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ኣይተ ፀጋይ ብዓማዊሉ እንታይ ዝብል መፀወዒ ነይሩዎ?
2. ኣብ ከባቢኹም ካብዝተሓተ ስራሕ ተበጊሶም ኣብ ዝለዓለ ብርኪ ስራሕ ዝበፅሑ ሰባት እንተሃሊዮም ወለድኹም ብምሕታት እቶም ስባት ዘሕለፎዎ ኹነታት ከይዲ ስራሕ ዘርዚርኩም ብምፅሓፍ ኣብ ክፍሊ ኣንብቡ፡፡
3. ጥንካረ ስራሕ ኣይተ ፀጋይ ካብ ምንታይ ዝተበገሰ ይመስለኩም?

ስራሕ ዘይምንዓቕ እንትበሃል ንዝኾነ ዓይነት ስራሕ ብማዕረ ምርኣይን እንተየማረፅካ ምስራሕን ማለት'ዩ፡፡ ሕድ ሕድ ዓይነት ስራሕ ንኡሽተይ ወይ ድማ ዓበዩ ከይተብሃለ ጠመተ ረኺቡ እንተተሰሪሑ ፅቡቕ ፍልፍል እቶት ክኸውን ይኽእል'ዩ፡፡ ሎሚ ንኡሽተይ ዝበሃል ሓደ ስራሕ ግቡእ ጠመተ እንተረኺቡ ፅባሕ እቲ ዝሰርሖ ሰብ ናብ ዝለዓለን ዝሐሸን ብርኪ ከብፅሖ ይኽእል'ዩ፡፡



## መልመዲ - 4

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ስራሕ ዘይምንዓቕ ዘለዎ ረብሓ ዘርዝሩ፡፡
2. ክቡርነት ስራሕ ብምንታይ ኲነታት ክግለፅ ይኽእል?

### 7.1.3 ግዘ ብግቡእ ኣብ ስራሕ ምውዓል

- ኹነታት ኣጠቓቕማ ግዘኹም ንመሓዝትኩም ተዛረቡ፡፡
- ግዘ ብግቡእ ኣብ ስራሕ ምውዓል ማለት እንታይ ማለት'ዩ?

## ሓዳስ እተን መርብሒት ከፍቲ

ወ/ሮ ሓዳስ ኣብ ከተማ ሽረ ጣቢያ 03 ዝነብራ ጓል 35 ዓመት ወይዘሮ እየን። እዘን ሰበይቲ ኣብ ከባቢአን ካብ ዝፍለጣሉ ፅቡቕ ባህሪ ግዘ ብግቡእ ኣብ ስራሕ ምውዓለን'ዩ፡፡ ኣብ ዝነብራሉ ኸባቢ ብዛዕባ ግዘ ዘለወን ኣራኣእያ ከም ኣብነት ዝጥቀስ'ዩ፡፡ ብመሰረት እዚ'ውን ግዘአን ከምሽንሻን በርቲዐን ብምስራሕን ህይወተን ናብ ዝሓሸ ብርኪ ዝቕይር ስራሕ ንምስራሕ ተሊመን፡፡

እዚ ንምፍፃም ድማ ካብ ትካል ዕቋርን ልቓሕን ደደቢት ኣብ ዝተወሰነ እዋን ዝኽፍለኦ ልቓሕ ወሲደን ሓንቲ ህራይ ላሕሚ ገዚአን፡፡ እታ ላሕሚ'ውን ብዙሕ እንተይፀን ሓንቲ ምራኽ ወሊዳትለን፡፡ እታ ላሕሚ ካብ ሰለስተ ሊትሮ ፀባ ንላዕሊ እትሕለብ ስለዝነበረት ንነበርቲ እቲ ኸባቢ ፀባ ብኹንትራት በምሻጥ ልቓሐን ብግዘአን ኸፊለን፡፡ ኣብ ዓመቱ ካልኣይቲ እትሕለብ ላሕሚ ገዚኦን፡፡ ብኸምዚ ድማ ግዘአን ብግቡእ ብምጥቃም ኣብ ተግባር ከፍቲ ምርባሕ በርቲዐን ሰርሓ፡፡ ሎሚ ወ/ሮ ሓዳስ ኣብ ከተማ ሽረ ዝተፈለጣ ወናኒት ትካል መራብሒ ከፍቲ እየን፡፡



### መልመዲ - 5

*ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ካብ ኣጠቓቕማ ግዘ ወ/ሮ ሓዳስ እንታይ ትምሃሩ?
2. ቀንዲ ምኽንያት ተበግሶ ስራሕ እዘን በዓልቲ ታሪኽ እዮም ካብ እትብልዎም ክልተ ጥቐሱ፡፡
3. ንግዘ ብግቡእ ኣብ ስራሕ ብምውዓል ዝርከብ ረብሓ እንታይ እዩ?

## 7.1.4 ስራሕ ዘይምንዓቕን ግዘ ብግቡእ ኣብ ስራሕ ምውዓልን ንባዕልኻን ንሃገርን ዘለዎ ረበሓ፣

- ግዘ ብግቡእ ምጥቃም እንታይ ማለት'ዩ?
- "ግዘ ወርቂ እዩ" ዝብል ኣበሃህላ እንታይ የርኢ?

### እቶም ዛፈፍቲ ዓሳ

ዝኾነ ናብ ባህርዳር ከተማ ንዑደት ዝኸደ ሰብ ኣብ ቃላይ ጣና ዝንሳፈፉ ኣናኡሽተይ ታንኳታት ምርኣዩ ዘይተርፍ'ዩ፡፡ እዘን ታንኳታት ብመቕዘፊ ኣናቐዘፉ ዝዝውሩወን መብዛሕቶም ኣብ ከተማ ባህርዳርን ከቢቢኣን ዝነብሩ ዘፈፍቲ ዓሳ እዮም፡፡

እዞም ዘፈፍቲ ዓሳ ብማሕበር ዝተወደቡን በርቲዖም ብምስራሕ ትኩስ ዓሳ ንነበርቲ እቲ ከተማ ዘቕርቡን እዮም፡፡ ኣባላት እቲ ማሕበር ከም ክእለት ስራሕቶም ብጉጅለ ዝተመቓቐሉን ነንሕድሕዱ ጉጅለ ናይ ባዕሉ ተፀዋዕን ብግዘ ዝተወሰነ ትልሚ ስራሕን ዘለዎ'ዩ፡፡

ኣባላት እቲ ጉጅለ ካብ'ቲ ቃላይ ብዙሕ ምህርቲ ዓሳ ንምእካብ ዝኽእሎም ምችው ግዘ ይፈልጡዎ እዮም፡፡ ሕድ ሕድ ኣባል እዚ ምችዊ ግዘ ብምጥቃም ሰዓቱ እንተየተኣጓጒለ ጠንኪሩ ይሰርሕ፡፡ ሎሚ እቶም ኣባላት ግዘ ብትልሚ ሸንሺኖም ብምስራሖም ንምህርቲ ዓሳን መእከቢ ዘድልዩዎም ዘበናዊ መሳርሕታት ንምድርጃው (ንምትእኽኻብ) ክኢሎም እዮም፡፡ ኣንእሽተይ ታንኳታቶም ብዘበናዊ ጀልባታት ሞተር ተቐይረን እየን፡፡ ዘበናዊ መዝፈፊ መርበብ ዓሳ፣ ጀልባታትን መፅንሒ ምህርትን (መዝሓሊ) ኣማሊኦም እዮም፡፡ ኣብ ከተማ ባህርዳር መደብር ዓሳ መከፋፈሊ ሹቕ ስለዘለዎም ህዝቢ እቲ ኸባቢ ዓሳ ብምግብነት ናይ ምጥቃም ባህሊ ኣማዕቢሉ'ዩ፡፡ ኣብ ምህርቲ ዓሳ ምፍራይን ምሻጥን ብዙሓት ኣልቦ ስራሕ ዝነበሩ መናእሰይ ተዋፊሮም እዮም፡፡ ካብ ግዘ ናብ ግዘ ፍርያት ዓሰኦምን ዕሬት ስራሕቶምን እናዕበዩ ሰለዝመፁ ፍርያቶም ናብ ካልኦት ከተማታት የቕርቡ

ኣለው፡፡ ከምኡ'ውን ቐረባ ናብ ዝኾና ጎረባብቲ ዓድታት ምህርቲ ዓሳ ብምልኣኽ ሸርፊ ወፃኢ ሃገርም  ኣብ ምዕባይ ይርከቡ፡፡



## መልመዲ - 6

*ብመሰረት እቲ ዝቐረበ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ*

1. ኣጠቓቕማ ግዘ ኣባላት እቲ ማሕበር እንታይ ይመስል? ካብ'ቲ ምንባብ መረዳእታ እናጠቐስኩም ኣብርሁ፡፡
2. መሰረት ጥንካረ ማሕበር ዝፈፍቲ ዓሳ ዝኾኑ ሰለሰተ ቀንዲ ቀንዲ ነጥብታት ጥቐሱ፡፡
3. ናትኩም ውዕሎ ሓደ መዓልቲ ዘርኢ ትልሚ ሸንሺንኩም ብምፅሓፍ ንመምህርኩም ኣርእዩ፡፡

ስራሕ ከይንዓቐን ንኡሽተይ ወይ ድማ ዓብዪ እዩ ኢሎም ከየማረፁን ምስራሕ ንውፅኢት ዝበቕዑ ዜጋታት ብዙሓት እዮም፡፡ ስራሕ ምንዓቕ ኣይግባእን፡፡ ኩሉ ስራሕ ብፅቡቕ ምፍፃም ዝከኣል ግዘ ብምትላምን ንዝወፀ ትልሚ ስራሕ ዓርስኻ ተገዛኢ ብምግባርን ስለዝኾነ ፅቡቕ ውፅኢት ንምምዝጋብ ይካኣል፡፡ ኣጠቓቕማ ግዘ ፈሊጡ ጠንኪሩ ዝሰርሕ ዜጋ ኣብ መነባብሮ ስድርኡ ኾነ ማሕበረሰቡ ለውጢ ከምፅእ ይኽእል፡፡



## መልመዲ - 7

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ግዘ ብግቡእ ኣብ ስራሕ ምውዓል ዘለዎ ረበሓ ዘርዝሩ፡፡
2. ስራሕ ክንንዕቕ ዘይብልና ንምንታይ ይመስለኩም?

# 7.2 እንተይሰራሕኻ ምብላዕ

## 7.2.1 እንተይሰራሕኻ ምብላዕ ብብርኪ ስድራ ዘብፅሖ ጉድኣት



*ምስሊ 7.1 ልመና ሰብእናኻ ዝፈታተን ማሕበራዊ ፀገም እዩ*

- ልመና ካብ ፀገም ውልቀሰብ ሓሊፉ ማሕበራዊ ፀገም ዝኸነሉ ምኽንያት ብኸመይ እዩ?
- ሰባት ናብ ልመና ምእንታን ከይኣትው እንታይ ክግበር ኣለዎ ትብሉ?

### ልመና ዳሕና ውዓሊ

ምፅላል ኣብ ፀግዒ ቀፅሪ ጥቁር ኣንበሳ ኣብ ዝተዘርገሐት ፕላስቲክ ገዛ ምስ ወዲ ሸሞንተ ዓመት ወዳ እያ ትነብር፡፡ ኩሉሻዕ ኣብ መስኮት መኪናን ኣብ ደገኣፍ ድንኳንን ኢዳ ዘርጊሓ ብትምፅወቶ ገንዘብ እያ ከብዳን ከብዲ ወዳን ንምፅንጋል እትፅዕር፡፡

በዓላት እናሓለወት ኣብ ከተማ ናብ ዝርከቡ ገዳማት እናዞረት ምፅዋት ካብ ምሕታታ ብተወሳኺ ካብ ሕሙማት ጥቁር ኣንበሳ ተረፍ ምግቢ ንምርካብ ምስ ካልኦት ትሻመ፡፡ ይኹንምበር መሉእ ጥዕናን ጥዑይ ኣእምሮን ዘለዎ ከምኣ ዝበለ ሰብ ንምንታይ ከምዝልምን ንዓዓ'ውን ግልፂ ኣይነበረን፡፡ ዘሎን ዘየለን ንብረት

ወለዳ ኣሺጣ ናብ ዓዲ ዓረብ ንምኻድ ካብ ቁሸታ ዝተፋነወት ምፅላል ስንቃ ወዲኣ ኣብ ጎደናታት ኣዲስ አበባ ምንባር ካብ እትጅምር ልክዕ ዓሰርተ ዓርባዕተ ዓመት ኮይንዋ፡፡ ምፅላል ዕድመኣ እናወሰኸ፣ቁልዕነታ እና ሃሰሰ ተስፋኣ'ውን ከም ደበና ሓጋይ እናበነነ ብምምፅኡ ካብዚ መነወሪ ተግባር ከመይ ኢላ ከምትወፅእ ኩሉሻዕ ትሓስብ ነይራ፡፡

ኣብ መወዳእታ ምስ ባዕላ መኺራ ካብ'ቲ ዝኸፍኣ ህይወት ንምውፃእ ወዳ ኣንጠልጢላ ብቕልጡፍ ምምላጥ ክምዝሓይሽ ወሰነት፡፡ ቁርባት ቑፃራት ፌስታላት ሒዛ ናብ ትውልዲ ዓዳ ዘብፅሓ ኣውቶብስ ትሳፈር፡፡ ድሕሪ ክልተ መዓልቲ ኣብ ትውልዲ ቁሸታ እንትትበፅሕ ዝረኣየቶ ለውጢ ንምእማን ኣይከኣለትን፡፡

ሓደሽቲ ፅርጊያታት ተፀሪጎም፣ መስመር ስልክን መብራህትን ተዘርጊሖ ኣሎ፡፡ ማይ ቡንቧ ናብ ኩሉ ከባቢታት በፂሑ ኣሎ፡፡ ገፀር ዝነበረ ቁሸት እኒ ምፅላል ናብ ከተማነት ተቐይሩ ኣሎ፡፡ ምፅላል እዚ ኣጋጣሚ ተጠቒማ ልክዕ ከም ቁሸት ናይ ባዕላ ሂወት'ውን ንምቕያር ተዓጢቓ ተልዓለት፡፡ እዚ'ውን ስድራኣን ኸባቢኣን ከምዝተሓባበርዋ ብምእማን ካብ ኣብ'ቲ ቁሸት ዝተጣየሸ ናይ ዕቋርን ልቓሕን ሕብረት ስራሕ ማሕበር ልቓሕ ወሲዳ ሸቐጣ ሸቐጥ ምሻጥ ጀሚራ፡፡ ትማሊ በዘይገለ ቑም ነገር ዘሕለፈቶ ግዘ ብጣዕሳ እናዘከረት ቐትርን ለይትን በርቲዓ ሰሪሓ፡፡ ኣብ ዝሕዚ እዋን ሓደ መደብር ሸቀጣ ሸቐጥ ከፊታ ዓርሳ ኪኢላ ኣብ ምስራሕ ትርከብ፡፡



## መልመዲ - 8

*ብመሰረት'ቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ልመና መነወሪ ተግባር'ዩ ዝተብሃለ ብምንታይ ምኽንያት'ዩ?
2. ልመና ንምትራፍ እንታይ ክግበር ኣለዎ ትብሉ? ብጉጅለ ኮይንኩም ፍታሕ ምስ ዘርዘርኩም ተመያየጥሎም፡፡
3. ካብ'ቲ ምንባብ ብዝተረዳእኹምዎ መሰረት ምፅላል ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ምንታይ ብርኪ ዘላ ይመስለኩም?

ኣብ ሓደ ገዛ ዝርከቡ ኣባላት ስድራቤት ከከም ዓቕሞም ኣብ ስራሕ እንድሕር ዘይተዋፈሩ ዝተወሰኑ ሰባት ጥራሕ ብበዝሒ ስራሕ ክጉድኡ ይኽእሉ እዮም፡፡ ዓበይቲ ኾኑ ኣናእሽተይ ወይ ድማ ደቂ ተባዕትዮ ኾኑ ደቂ ኣንስትዮ ከም ዕድመኦምን ክእለት ስረሖምን ኣብ ስራሕ ብምትሕግጋዝ፣ መትከል ስራሕ ስድራቤቶም ክገብሩዎ ኣለዎም፡፡ ከምኡ'ውን ስራሕ እንተይሰርሑን እንተይደኸሙን ተቐሚጦም ካልኦት ዝለፍዑሎም ዝበልዑ እንተሃሊዮም'ውን መነወሪን መሕፈርን ተግባር ምዃኑ ተገንዚቦም ዓርሶም ንስራሕ ከለዓዕሉ ኣለዎም፡፡



## መልመዲ - 9

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ቆልዑ ኣብ ስራሕ ገዛ ከመይ ክሳተፉ ይኽእሉ?
2. ከይሰራሕኻ ምብላዕ ንምትራፍ ዝሕግዙ ክልተ መፍትሕታት ሓብሩ?
3. ሓደ ስድራቤት ባህሊ ምትሕግጋዝ ስራሕ ከመይ ከማዕብል ይኽእል?

## 7.3 ሙያዊ ክእለትን ሙያዊ ስነ-ምግባርን

### 7.3.1 እንታይነት ሙያዊ ክእለትን ሙያዊ ስነምግባርን

- ሓደ ሰራሕተኛ ሙያዊ ክእለት ኣለዎ እንትብሃል እንታይ ማለት'ዩ?
- ካባኹም ትፅቢት ዝግበረሎም ስነ ምግባራት ተምሃሮ እንታይ እንታይ እዮም?

ሙያ ናይ ባዕሉ ዝኾነ ፍሉይ ፍልጠትን ክእለትን ዝሓትት ዓይነት ስራሕ'ዩ፡፡ ንኣብነት፦ ሙያ ሕርሻ፣ ጋዜጠኛነት፣ መምህርነት፣ ዳይነት ወዘተ፡፡ ሙያዊ ክእለት ማለት ኣብ ሓደ ስራሕ ንምስራሕ ዘኽእልን ብዛዕባ እቲ ሙያ ክህልወና ዝግባእ ፍልጠትን ክእለትን ዘካትት እዩ፡፡ ሙያዊ ስነምግባር ማለት ድማ ሓደ ሙያ ኣብ ተግባር ክውዕል ከሎ እቲ ባዓል ሙያ ክኽብሮ ዝግበኦ ደንቢ እቲ

ሙያን ስርዓት ኣሰራርሓን'ዩ፡፡

በዚ መሰረት ሙያዊ ክእለትን ስነ ምግባርን ማለት ሓደ ሰብ ሓደ ስራሕ ንምስራሕ ዘለዎ ብቕዓትን እቲ ሙያ ዝጠልቦ መግለፂ ተግባራዊ ባህርን ማለት'ዩ፡፡ ይኹንምበር ሓደ ሰራሕተኛ ሙያዊ ክእለት ሃልይዎ ሙያዊ ስነምግባር እንተዘይብሉ እቲ ካብኡ ዝድለ ግልጋሎት ስለዘይህብ ተገልጋላይ ህዝቢ ክሳድእ ይኽእል'ዩ፡፡

ሓደ ሓኪም ሓሚሞም ናብኡ ንዝመፁ ሕሙማት ግቡእ ምኽርን ሓገዝ ሕክምናን ምሃብ ሙያዊ ግቡኡ እንትኾውን እቲ ማሕብረሰብ ኣቐዲሙ ንባዕሉ ካብ ሕማም ክከላኸል ከምዘለዎ ምስትምሃር እውን ናይ'ቲ ሙያ ስነ ምግባር ሓደ ኣካል'ዩ፡፡ ብካሊእ ገፅ ድማ ብዛዕባ ኣወሳስዳ መድሓኒት ብምኽንያት እቲ ሕማም ጥንቃቐ ብዛዕባ ዝግበረሉ ኹሉ ምስትምሃር ተግባራት ሙያዊ ስምግባር ሕክምና እዮም፡፡



## መልመዲ - 10

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ሙያን ሙያዊ ስነ ምግባርን ኣይነፃፀሉን እንትብሃል እንታይ ማለት'ዩ?
2. ነንሕድሕዱ ሙያ ንልምዓት ሃገር ኣበርክቶ ኣለዎ ዝበሃል ንምንታይ'ዩ?

### 7.3.2 ምጉዳል ሙያዊ ስነ ምግባር ኣብ ዜጋታት ዘስዕቦ ፅገም

- ናይ ሓደ በዓል ሙያ ምጉዳል ሙያዊ ስነ ምግባር ዝጎድእ ንመን'ዩ?
- ክእለት ሙያ ንበይኑ ረብሕኡ ንእሽተይ እዩ ዝበሃል ንምንታይ'ዩ?

ዝኾነ ሙያ ልምዓት ውልቀ ሰብ፣ ኸባብን ሃገርን መሰረት እንተዘይገይሩ ጉድኣቱ ኣብ'ቲ በዓል ሙያ ጥራሕ ጠጠው ኣይብልን፡፡ እቲ ሰራሕተኛ'ውን ናይ ሙይኡ

ስነ ምግባር እንተዘይኣኽቢሩ ውፅኢት ኣየምፅእን፡፡ ናይባዕሉን ስድርኡን ደረጃ ናብራ ምምሕያሽ በቲ ሙያ ውፅኢት ብዝሰኣነ ቑፅሪ ሙዩኡ ብዝበለፀ ናይ ምምሕያሽ ድልየት ይንኪ፡፡ እዚ ኣብዝኾነሉ ግዘ ድልየት ተገልገልቲ ንምምላእ ዝህልዎ ቐረብ ዝተጓደለ ይኸውን፡፡ እዚ እንትኸውን እቲ ሙያ ክስፋሕፋሕ ኣይኽእልን፡፡ ዕድል ስራሕ ዜጋታት ይፀብብ፣ እዚ'ውን ኣብ ልምዓት ሃገርን ምምሕያሽ መነባብሮ ዜጋታትን ዓብይ ጉድኣት የስዕብ፡፡



## መልመዲ - 11

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ምጉዳል ሙያዊ ስነ ምግባር ንልምዓት ሃገር ዝኅድእ ብኸመይ'ዩ?
2. ሙያን ስነ ምግባር ያን ንክኽበር እንታይ ክግበር ኣለዎ?
3. ምጉዳል ሙያዊ ሰነምግባር ኣብ ተገልገልቲ ዘስዕቦ ፀገም ዘርዚርኩም ፅሓፉ፡፡

## 7.4 ህርኩት ባህሊ ስራሕን ልምዓትን!

### 7.4.1 ዕላማታት ልምዓት ሕገ መንግስቲ ፌ.ዲ.ሪ.ኢ.

- ዕላማታት ልምዓት ምጣነ ሃፍቲ ዝበሃሉ እንታይ እንታ'ዮም?
- ዕላማታት ልምዓት ምጣነ ሃፍቲ ተግባራዊ ንክኾኑ እንታይ ክግበር ኣለዎ?

መንግስቲ ፌ.ዲ.ሪ.ኢ. ኣብዛ ሃገር ቐልጡፍን ዘላቕን ልምዓት ንምምፃእ ሕርሻን ገጠርን ማእኸል ዝገበረ ፖሊስን ስትራቴጅን ሓንፂፁ ህዝቢ ንስራሕ ብምንቅስቓስ ተስፋ ዘለዎም ውፅኢታት እናተመዝገቡ እዮም፡፡ እዛ ሃገር እትኽተሎ ዘላ ዕላማ ልምዓትን ምጣነ ሃፍትን ተንከፍ ህዝብታት በብደረጃኦም ተረባሓቲ ዝኾንሉን ካብ ተፀባይነት ዝናገፍሉን ከምኡውን ኩሎም ዜጋታት ብማዕርነት ኣብ ልምዓት ሃገር ዝሳተፍሉ ስርዓት መጣነ ሃፍቲ ምንጋስ'ዩ፡፡

እዚውን ኣብ ሕገ መንግስቲ ፌ.ዴ.ሪ.ኢ. ዕላማታት ምጣነ ሃፍቲ ተንከፍ ኣብ ኣንቀፅ 89 ብግልፂ ተቐሚጦ'ዩ፡፡ ኣብቲ ሕገ መንግስቲ ካብ ዝተጠቐሱ ምጣነ ሃፍቲ ተንከፍ ዕላማታት እዞም ዝስዕቡ ብኣብነት ክጥቀሱ ይኽእሉ እዮም፡-

89(1) መንግስቲ ኩሎም ኢትዮጵያውን ናይታ ሃገር ዝተዋ ህለለ ፍልጠትን ሃፍትን ተጠቀምቲ ዝኾነሉ መንገዲ ናይ ምትላም ሓላፍነት ኣለዎ፣

89(2) መንግስቲ ኩነታት ምጣነ ሃፍቲ ኢትዮጵያውያን ንምምሕያሽ፣ ማዕረ ዕድል ንክህልዎም ኣብ ምግባርን ሃፍቲ ፍትሓዊ ብዝኾነ መንገዲ ዝከፋፈለሉ ኩነታትን ናይ ምምችቻው ግቡእ ኣለዎ፣

89(5) መንግስቲ መሬትን ሃፍቲ ተፈጥሮን ብስም ህዝቢ ኣብ ትሕቲ ትሕዝቶኡ ብምግባር ንሓባራዊ ረብሓን ዕብየትን ህዝቢ ክውዕሉ ናይ ምግባር ሓላፍነት ኣለዎ፡፡

98(7) መንግስቲ ኣብ ምንቅስቓስ ሃገራዊ ምጣነ-ሃፍትን ማሕበራዊ ልምዓትን ደቂ ኣንስትዮ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ዝሳተፉሉ ኩነታት ናይ ምምችቻው ሓላፍነት ኣለዎ፡፡

ነዚኦም ምጣነ ሃፍታዊ ልምዓት ተንከፍ ዕላማታት ብተግባር ንምርግጋፅ ሕርሻ ማእኸል ዝገበረ ህንፀት ልምዓት ገፀር ምክያድን ኣብ ካልኦት ልምዓት ዘፈራት ብሓባር ምርብራብ ኣደላዪ እዩ፡፡ እዚውን ዝረኣይ መደባት ልምዓት ሃገር ኣብ ዝዳለወሉ እዋን መንግስቲ ንህዝቢ በቢ ደረጅኡ ብንጥፈት ብምስታፍ ንትግባራወነቶምን ክረባረብ ግቡእ ደገፍ ብምሃብ'ዩ፡፡



# መልመዲ - 12

ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡሎም፡፡

1. ስርዓት ምጣነ ሃፍትን ነፃ ዕደጋን እንታይ'እዩ? ብዓል ሙያ ሓቲትኩም ኣብ ክፍሊ ተመያየጥሉ፡፡
2. ልምዓት ሃገር ንምዕባይ ናትካቱም ብፅሒት እንታይ እዩ?
3. ዕላማታት ምጣነ-ሃፍቲ ተንከፍ ናብ ተግባር ብምልዋጥ ዝርከብ ረብሓ እንታይ'እዩ?

## መጠቓለሊ

ህርኩት ባህሊ ስራሕ ዘማዕበለ ህዝቢ ዕብየቱ ቅልጡፍ፣ ምጣነሃፍቱ ልዑል ዓቕሚ ዘለዎ'ዩ፡፡ ስራሕ ንወድሰብ መሰረት ህልውናን ቐንዲ መፍትሒ ዕብየትን ብምዃኑ ህርኩት ባህሊ ስራሕ ኣብ ዝዓበየሎም ሃገራት ህይወት ዜጋታት ብኹሉ መዳይ (ኣንፈት) ዝተመቻቸወ'እዩ፡፡ ስራሕ እንተይፍናዓቑን ከየማረፁን ብስራሕነቱ ኣኽቢሮም ዝሰርሑ ህዝብታት ካብ ሓደ ብርኪ ዕብየት ናብ ዝሓሸ ብርኪ ዕብየት ብምስግጋር ምጣነ ሃፍቲ ሃገሮም ኣብ ድልዱል መሰረት ጠጠው ክብል ይገብሩ፡፡

ስራሕ ብኣብዛሓ ማሕበራውን ተሳትፎ ብዙሓት ዜጋታትን ዝሓትት ስለዝኾነ ንልምዓት ሃገር ኹሉ ናይ ዓቕሙን ክእለቱን ምስራሕ ይግብኦ፡፡ እቲ ሓደ እናሰርሐ እቲ ካሊእ ከይሰርሐ ዝጥቀመሉ ኹነታት ካብ ውልቀ ሰብን ስድራቤትን ሓሊፉ ብደረጃ ሃገር'ውን ጉድኣት ዘስዕብ'ዩ፡፡ ስራሕ ኣብ መንጎ መገልገልይን ተገልጋላይን ዘሎ ድልድል'ዩ ማለት ይከኣል፡፡ ስለዚ ሕድ ሕድ በዓልሙያ ሙያዊ ክእለቱን ሙያዊ ስነምግባሩን ብምጥማር ንስጡም ባህሊ ስራሕ ዓርሱ ክገዝእ ኣለዎ፡፡

ዕላማ ምጣነ-ሃፍቲ ተንከፍ ሕገ መንግስቲ ፌ.ዴ.ሪ.ኢ. ኹሎም ዜጋታት ብዝኽእልዎ ሙያ ብማዕርነት ተዋፊሮም ሃገሮም ንኽልምዑ ሰፊሕ ዕድል ሂቡ'ዩ፡፡ እዚ መሰል ዜግነት ብምጥቃም ሕድ ሕድ በዓል ሙያ ግዝኡ ብግቡእ ተጠቒሙ ሙያዊ ስነ ምግባር ተዓጢቑ እቲ ሙያ ካብ ግዘ ናብ ግዘ ብምምሕያሽን ምጣነ ሃፍቲ ሃገሩ ንምሕጋዝ ምእንታን ክኽእል ስጡም ባህሊ ስራሕ ከማዕብል ኣለዎ፡፡

## ኣገደስቲ ቃላት

**ካብ ኢድ ናብ ኣፍ** - ተቐማጢ ዘይብሉ፣ ትርፊ ዘይርከበሉ ኣታዊ

**ፅኑዕ** - ስጡም፣ ዘይሳዓር፣ ድንብርፅ ዘይብል፣

**መኖ** - ንኸፍቲ ዝዳሎ ምግቢ

**ህሩይ ላሕሚ** - ክትወልድ ዝበፅሐት ላሕሚ

**ምፅዋት** - ንለማኒ ዝወሃብ፣ ዝልገስ፣ ንፅድቒ ተባሂሉ ዝወሃብ

**መብራህቲ ውሽጢ ገንኢ**- ዘይረአ፣ ፍልጠቱ ናብ ካልኦት ዘይሓልፍ /ንኻልኦት ዘይኾን/

## መጠቓለሊ ሕቶታት

I. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብምንባብ ዝሓዝዎ ሓሳብ ትኽክል ንዝኾነ "ሓቂ" ትኽክል ንዘይኾነ ድማ "ጌጋ" እናበልኩም መልሱ፡፡*

1. ሃገር እትለምዕ ህዝብታታ ስጡም ባህሊ ስራሕ ብምምዕባል ነፊያም ክሰርሑ ከለው'ዩ፡፡
2. ብንጥፈት ክሰርሕ ዘለዎ ኣብ ኸባቢ ገጠር ዝነብር ሓረስታይ ጥራሕ'ዩ፡፡
3. ሓደ በዓል ሙያ ካብ ሙዩኡ ብተወሳኺ ሙያዊ ስነ ምግባር ክኸብር ኣለዎ፡፡
4. ሓደ ሰራሕተኛ ብዝሰልጠነሉ ሙያ ስራሕ እንተዘይረኺቡ ካብ ሙዩኡ ወፃኢ ቀለልቲ ስራሕቲ ክሰርሕ የብሉን፡፡
5. ከይስራሕኻ ምብላዕ ፅግዕተኛነት ካብ ዝግለፅሎም ኹነታት ሓደ'ዩ፡፡

II. ኣብ ትሕቲ "ሀ" ንዝተዘርዘሩ ዝስማዕምዑ ካብ ትሕቲ "ለ" ብምምራፅ ኣዛምዱ፡፡

| ሀ | ለ |
|---|---|
| 1. ዕላማ ምጣነ ሃፍቲ ተንከፍ | ሀ. ግዘ ብግቡእ ምጥቃምን ዓሚል ምኽባርን |
| 2. ሓደ ካብ መግለፂ ሙያዊ ስነ ምግባር | ለ. መሰረት ልምዓትን ዕብየትን ህዝብታት'ዩ |
| 3. ምምዕባል ሕርኩት ባህሊ ሰራሕ | ሐ. ፍልጠቱ ናብ ካልኦት ዘይሕልፍ |
| 4. ምዕያፍ ፅግዕተኛነት | መ. ጥዕና፣ ድሕነትን ደረጃ ብርኪ መነባብሮ ስራሕተኛታት ምምሕያሻት |
| 5. መብራህቲ ውሽጢ ገንኢ | ረ. መዝፈፊ ዓሳ |

III. ነዞም ዝስዕቡ ባዶ ቦታታት ብትኽክለኛ ቃል ምልኡ፡፡

1. ዕብየት ሃገርና ብተግባር ክራኣይ ዝኽእል ናይ እቲ ህዝቢ

   ባህሊ እንትምዕብል'ዩ፡፡

2. ካብ መንነ ማሕበራዊ ፀገማት ሃገርና__________ን _________________ን ምጥቃስ ይከኣል፡፡

3. ሓደ በዓል ሙያ ካብ ሙያዊ ክእለቱ ብተወሳኺ ክኽብሮ ዝግባእ ተግባር

   _____________ ይበሃል፡፡

IV. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ትኽክለኛ መልሲ ምረፁሎም፡፡

1. ካብ ሓደ በዓል ሙያ ዝሕሎ ግቡእ

   ሀ. ሙያዊ ክእለት  ሐ. ሙያዊ ስነ ምግባር

   ለ. ግዘ ብግቡእ ምጥቓም  መ. ኩሎም መልሲ እዮም

2. ሓንቲ ሃገር ክትላምዕ እትኽእል
    ሀ. ህርኩት ባህሊ ስራሕ እንትምዕብል
    ለ. እንተይሰራ ሕኻ ምብላዕ እንትጠናኸር
    ሐ. ውሱናት ስራሕቲ ማዕረ ክብሪ እንትረኽቡ
    መ. ኩሎም መልሲ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም

3. ብዛዕባ ስራሕ ትኽክል ዘይኮነ ኣየናይ እዩ?
    ሀ. ፅግዕተኛነት ምውጋእ
    ለ. ብሙያኻ ህዝቢ ምግልጋል
    ሐ. ግዘ ብግቡእ ምጥቃም
    መ. ከይሰራሕኻ ምብላዕ

4. ማሕበራዊ ፀገም ሓደ ህዝቢ ዝኾነ ኣየናይ'እዩ?
    ሀ. ስጡም ባህሊ ስራሕ
    ለ. ልመና
    ሐ. ማዕርነት
    መ. ኩሎም

5. ካብዞም ዝስዕቡ ሓደ ስራሕ ሕርሻ ኣይኮነን
    ሀ. ምህጣር ከፍቲ
    ለ. ምልማዕ ዱር
    ሐ. ዘበናዊ ሕርሻ
    መ. ኳዕቲ ማዓድን

## V. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂርቲ መልሲ ሃቡ፡፡

1. ዓብዩ ንኡሽተይ ዝበሃል ስራሕ የለን ክበሃል ከሎ እንታይ ማለት'ዩ?
2. ፅግዕተኛነት ብምንታይ ይግለፅ?
3. ግዘኻ ብግቡእ ዘይምጥቃም እንታይ ፀገም የምፅእ?

# ምዕራፍ ሸሞንተ

## ዓርስኻ ምኽኣል

**ዕላማታት እዚ ምዕራፍ፣**

**ተምሃሮ እዚ ምዕራፍ ብዝግባእ ምስተምሃርኩም፡-**

- እንታይነት ማሕበራውን ምጣነ-ሃፍታዊን ዕግዕተኛነት ትግንዘቡ፡፡
- ናይ ገዛ ርእስኻ ዕኑዕ እምነት ምስ ናይ ካልኦት ሰባት ሓሳብ ናይ ምስምዕማዕ ኣድላይነት ትግንዘቡ፡፡

## 8.1 ረብሓ ዓርስኻ ምኽኣል

- ብመሰረት ኣብ ሓምሻይ ክፍሊ ዝተምሃርኩምዎ ብዝተፈላለዩ
- ተጎንፎታት ዝተረዳእኹምዎ ረብሓ ዓርስኻ ምኽኣል ግለፁ፡፡ ኣብ ኸባቢኹም ብባህሎም ይተኣማመኑ እዮም እትብልዎም ሰባት ስም ጥቐሱ፡፡
- ንምንታይ ከምኡ ትብልዎም ከምዘለኹም ምኽንያትኩም ግለፁ፡፡

### ዓርሰይ ኪኢለ እየ

ክእለተይን ዓርሰይን መዚነ ፈሊጠ'የ፣
ዝኽእሎ ከም ዓቕመይ ነጢፈ ክሰርሕየ
ዝፈልጦ እናካፈልኩ ኣነ'ውን እናተማሃርኩ
ካብ ዕግዕተኛነት ካብ ምፅዋትውን ዳሓንኩ
ካብ ሰብ ከምዘይ ንእስ ብዓርሰይ ተኣማመንኩ
ካብ ደጊም ኣይነብርን ምስ ሰብ ተፀጊዐ
ኣእዳወይ ንልመናን ምፅዋትን ዘርጊሐ

ዓርሰይ በዓርሰይ ከማሓድር'የ
ኣይኾንን ተመፅዋቲ ሰሪሐ ክረክብ'የ
ዓርሰይ ስለዝኸኣልኩ ጥንካረ ረኺበ'የ።



## መልመዲ - 1

*ብመሰረት ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ግጥሚ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ዓርስኻ ንምኽኣል እንታይ ምግባር የድሊ?
2. ካብቲ ግጥሚ ዓርስኻ ብምኽኣል ዝርከቡ ረብሓታት ዝገልፁ ሓረጋትን ተለላታትን ብምውፃእ ተመያየጥሎም፡፡

ዓርስኻ ምኽኣል እንትበሃል በብብርኩ ዘሎ ናይ ዓርሰኻ ፍልጠት፣ ምጣነ ሃፍታዊ ዓቕምኻን ጉልበትካን ብምጥቃም ሓላፍነት ወሲድካ ንባዕልኻ፣ ስድራኻን ሃገርካን ዝረብሕ ተግባር ብምፍፃም ካብ ፅግዕተኛነት ምንጋፍ ማለት'ዩ፡፡ ብኽምዚ ኹነት'ውን ኣብ ገዛ፣ ቤት ትምህርቲ፣ ማሕበራዊ ርክብ፣ ምጣነ-ሃፍታውን ኾነ ኣርኣእያ ፅግዕተኛ ካልኣት ከይኾንካ ናይ ባዕልኻ ቁሳውን መንፈሳውን ድልየታት ንምርዋይ የኽእል፡፡ ንኣብነት ተምሃሮ ሓላፍነት ብምውሳድ ዓርሶም ኪኢሎም ክፍፅምዎም ዝግብኡ ተግባራት ስነ ስርዓት ቤት ትምህርቲ ኣኽቢሮም ትምህርቶም ብንጥፈት /ብንቕሐት/ ምምሃር'ዩ፡፡

ከምዚ እንትገይሮም ንዓርሶም፣ ስድርኦምን ሃገሮምን ዝጠቕሙ ዜጋታት ይኾኑ፡፡ ትምህርቶምን መፅናዕቶምን ብዘይሻመ ንወለዶም ብስራሕ ምሕጋዝን ንዓርሶም ብምሕጋዝን ንቐፃሊ ህይወቶም ስጡም መሰረት ምቕማጥ የደሊ፡፡

ብሓፈሽኡ ዓርስኻ ምኽኣል ንማሕበራውን ምጣነ ሃፍታውን ፅግዕተኛነት

ከይተቓላዕኻ ዓርስኻ ብምትእምማን፣ ናይ ዓርስኻ ኣረኣእያ ምኽታል፣ ናይ ዓርስኻ

ቅዋም ምውሳድን ምውሳንን የኽእል፡፡ ዓርሶም ዝኽኣሉ ሰባት'ውን ስሚዒት ማዕርነት ስለ ዝስመዖም ካብ ካልኦት ንዝርከብ ረብሓ ጉምብሕ ጥልዕ ኣይብሉን። ተመፅወቲ'ውን ኣይኮኑን፡፡ ስለዚ ነፃነቶም ሓሊዮም ብናይ ዓርሶም ተበግሶን ሓላፍነትን ዝሰርሑ ህርኩታት ሓይልታት ልምዓት ይኾኑ፡፡



**መልመዲ - 2**

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ካብ መንጎኹም ሓደ መመያየጥን ፅሓፍን ምረፁ፡፡ ካብኡ ኢድኹም እናውፃእኹም ዓርስኻ ምኽኣል ዝህቦ ረብሓ ዘርዝሩ፡፡ እቲ ፀሓፊ'ውን ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ይፅሓፍ፡፡ ብምቕፃል ካብቶም ተዘርዚሮም ዝተፅሓፉ ትኽክል ዝኾኑን ትኽክል ዘይኾኑን ብምኽንያት እናፈለኹም ተመያየጡ፡፡ ኣብ መወዳእታ'ውን ኣብ ሓበራዊ ምርድዳእ ብፅሑ፡፡

## 8.2 ፅግዕተኛነት

### 8.2.1 ፅግዕተኛነት እንታይ'ዩ?



*ምስሊ 8.1 ኣብ እዋን ፈተና ዝቐድሕ ተምሃራይ*

- ኣብ'ቲ ስእሊ እንትቐደሐ ዝረኣ ዘሎ ተምሃራይ ፅግዕተኛ ዝኾነሉ ምኽንያት እንታይ ይመስለኩም?
- ኣብ'ቲ ምስሊ እናቐድሐ ዝረኣ ዘሎ ተምሃራይ ካብ ፅግዕተኛነት ተላቒቑ ዓርሱ ንኽኽእል እንታይ ክገብር ኣለዎ?

# እቲ ፅግዕተኛ ቆልዓ

ኣይተ እስማዒል፤ ፊትሕያ ኣሕመድን ዝበሃሉ ክልተ ቆልዑ ኣለውዎም። ብተወሳኺ'ውን ዘይኑ ዝበሃል ደኽታም የዕበዩ እዮም። ዘይኑ ወለዱ ስለዝሞትዎ'ዩ ኣይተ እስማዒል ዘዕብይዎ ዘለው።

ኣሕመድ ምልዓል ኽብደት የዘውትር'ዩ። ምግቢ'ውን ብጣዕሚ'ዩ ዝምገብ። ብምኺኑ ድማ ሰብነቱ ብጣዕሚ ጥንኩርን ዝተሃነፀን'ዩ። ፊትሕያ ክዳውንቱ ትሓፅበሉ'ያ። ዘይኑ ድማ መደቀሲ ክፍሉ የፅርየሉ። ኣሕመድ ተሰሪሑ ዝቐረበሉ ምግቢ ንኸበልዕ'ውን መሕፅቢ ኢድ ማይ ብቕልጡፍ እንድሕር ዘይቐረበሉ ይኹሪ። ኣብ ቤት ትምህር'ውን ደቂ ክፍሉ ስለዝፈርሑዎ ኣብ እዋን ፈተና የቕድሕዎ እዮም።

ዘይኑ ግና ፅግዕተኛ ክኸውን ስለዘይደለ ኣብ ገዛ ዓቕሙ ዝፈቕዶ ይሕግዝ'ዩ። ፍልጠት ክረክብ ስለ ዝደለ'ውን ትምህርቱ ከእዋኑ ኣፅኒዑ፣ ዝተዋሃቦ ዕዮ ገዛ ብቕልጡፍ ሰሪሑ ናብ ጋራዥ ኣይተ እስማዒል ይኸይድ። ኣብኡ'ውን ንመካኒካት መፍቱሕ እናቀባበለ ዝስርሑዎ ስራሕ የስተባህል'ዩ።

ኣይተ እስማዒል ብስራሕቲ ዘይኑ ዋላኳ እንተተሓጎሱ ብኹነታት ኣሕመድ ግና ብጣዕሚ ይሓዝኑ እዮም። ናይ ቑፃሊ ከይወቱ ብጣዕሚ የሕስቦም ነይሩ። ሓደ መዓልቲ ኣሕመድ ዘለዎ ሓደገኛ ኹነታት ዝርድእሉ ብልሓት ዝረኸቡ ስለዝመሰሎም! ንኽልቲኦም ፀዊዖም "ኣነ እናኣረግኩ እየ" ስለዚ ካብ ክልቴኹም ሓደኹም እቲ ጋራዥ ብሓላፍነት ከተመሓድርዎ ኢኹም። ብቐዳምነት ግና ሓደኹም ምእንታን ምምራፅ ክኽእል ብዛዕባ ጋራዥ ዘለኩም ፍልጠት ንምምዛን ፈተና ክህበኩም እየ በሉዎም።

ዘይኑ ቅልጥፍ ኢሉ "ሕራይ" በለ። ኣሕመድ ግና ዝኾነ ስራሕ ሰሪሑ ስለዘይፈልጥ ወይ ድማ ካልኡት ክሰርሑ ከለው ሪኡ ሰለዘይፈልጥ ዓርሰ እምነት ከሓድሮ ኣይካኣለን። ሽዑ ንሽዑ ድማ ሐሪቑ "ኣቦይ ኣነ ወድኻ እየ። ስለዚ ምስዝኾነ ፅግዕተኛ ኣይወዳደርን" በሎም።

ኣይተ እስማዒል ድማ ብዝበለፀ ባህሪ ፅግዕተኛ ዘለዎ ኣሕመድ ምዃኑ ብግልፂ ስለዝተረኣዮም ብጣዕሚ ሓዚኖም፡፡ “ፅግዕተኛ ንስኻ እምበር ዘይኑ ኣይኮነን” በልዎ፡፡



## መልመዲ - 3

*ብመሰረት እቲ ምንባብ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ኣይተ እስማዒል ዘይኑ ፅግዕተኛ ኣይኮነን ክብሉ ከለው እንታይ ማለቶም እዩም?
2. ኣሕመድ ዓርሰ እምነት ሃሊዩዎ ከይወዳደር ዕንቅፋት ዝኾኖ ነገር እንታይ'እዩ?
3. ብናትኩም ኣተሓሳስባ ካብ ዘይኑን ኣሕመድን ፅግዕተኛ ኣተሓሳስባ ዘለዎ መን'ዩ?
4. ኣሕመድ ንቐፃሊ ህይወቱ ዓርሰ እምነት ዘለዎን ዓርሱ ዝመርሕን ዘመሓዳድርን ዜጋ ንክኸውን እንታይ ክገብር ኣለዎ?

ፅግዕተኛ ማለት ናይ ባዕልኻ ቁሳውን መንፈሳውን ድልየት ብናይ ካልኦት ፍልጠት፣ ገንዘብን ጉልበትን ንኸማላእ ምድላይ ማለት'ዩ፡፡ እዚ ድልየት ዓቕምና ከይንጥቀመሉን ንዓርስና'ውን ክብሪ ከይህልወና ብምግባር ናፅነትና ንካልኦት ኣሕሊፍና ክንህቦ ይገብረና፡፡ ኣብ ዓርስና'ውን እምነት ስለዘይህልወና ስራሕቲ ንምስራሕ ፈራሓት ንኸውን፡፡ ስራሕ እንተዳኣ ዘይሰሪሕና ድማ ፍልጠትና ክምዕብል ኣይኽእልን፡፡ ፍልጠትና ባዕልና እነዕብየሉን ውፅኢታዊ ስራሕቲ እንሰርሓሉን ዕድመ ንእስነትና ብሽለል መለል ክነሕልፎ ይገብረና፡፡ እዚ ድማ ሽኸሚ ሃገር ናይ ምዃን ዕድል ይፀበየና፡፡ ስለዚ ፅቡቓት ዜጋታት ኮይንና ንሃገርናን ንወገንናን ዕብየትን ምዕባለን ምስራሕ ምእንታን ክንኽእል ፅግዕተኛ ኣተሓሳስባ ካብ እዋን ንእስነትና ጀሚርና ከነወግዶ ኣለና፡፡



# መልመዲ - 4

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።*

1. ፅግዕተኛነት ዓርስና ብፍልጠት ከይነዕቢ ፅንቅፋት ዝኾነና ብኸመይ'ዩ?
2. ፅግዕተኛነት ዓርሰ እምነት ከመይ ገይሩ የስእን?
3. ፅግዕተኛነት ከመይ ገይሩ ነፃነትና ከስእነና ይኽእል?

## 8.2.2 ማሕበራውን ምጣነ ሃፍታውን ፅግዕተኛነት

- ዘይሕጋዊ ንግዲ ዘስዕቦ ማሕበራውን ምጣነ ሃፍታውን ጉድኣት ግለፁ?

### ሕንቅሕንቅሊተይ

| ሕንቅሕንቅሊተይ ቁፅሪ 1 | ሕንቅሕንቅሊተይ ቐፅሪ 2 |
|---|---|
| 1. ሕንቅሕንቅሊተይ ሰናቢተይ<br>ሕቶ፦ ዘይሕጋዊ ንግዲ ጉደኣቱ እንታይ'ዩ?<br>መልሲ፦ ፅሬት ዘይብሎም፣ ዘይተመርመሩ መድሓኒታትን ምግብታትን ናብ ውሽጢ ዓዲ ክኣትው ምግባሩ<br>ሕቶ፦ ካሊእኸ እንታይ ይጎድእ?<br>መልሲ፦ ኣፅዋር ውግእ መፈጸሚ ገበን፣ ኣእምሮ ዝጎድእ ዘደንዝ ደብ እናጠሓሱ ብሕቡእ ይሓልፉ ሰላምን ጥዕናን ህዝቢ ይህውኹ | 2. ሕንቅሕንቅሊተይ ሰናቢተይ<br>ሕቶ፦ ዘይሕጋዊ ንግዲ የድኺ ሃገር ፣ ተፀባይ፣ ፅግዕተኛ ይገብር እዚ ከመይ ከምዝኾነ መን ይነገር?<br>መልሲ፦ ኣነ ክገለፃ እየ። ቐረፅ ከይኽፈሉ ከምዝሓልፉ ይፈልጥ።<br>ዘይህጋዊ ነጋዶ ዓይኖም ሽፈኖሞ ንልምዓት ዝውዕል ግብሪ ኣዋቒዮም ገንዘብ ህዝብታት የቕርዩ ሰሪቖም።<br>ሕቶ፦ እሞ እንታይዳኣ ይሐይሽ!<br>መልሲ፦ ኢትዮጵያ ኣብ መስመር ሃፋትም ክትስራዕ፣ ካብልቓሕ ነፃ ከይና ክትኮርዕ፣ ንሰላምን ጥዕናን ህዝባ ዝህውኽ፣ ካብ እቶት ግብሪ፣ ቐረፅ፣ ሰሪቑ ዘትርፍ፣ ክንዋንኦ ኢና ሽሊኹ ከይሓልፍ። |




*ስእሊ 8.2 ዘይሕጋዊ ንግዲ ሃገር ይጎድእ*



## መልመዲ - 5

*ብመሰረት ዝቐረበ ሕንቅሕንቅሊተይ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ሕንቅሕንቅሊተይ ብግቡእ ኣፅኒዕኹም ብቓልኹም ሒዝኩም ከክልተ ብምኳን ብፀወታ ሕንቅሕንቅሊተይ መሰረት ተፃወቱ፡፡
2. ሓደ መማያየጥን ሓደ ፀሓፍን ምረፁ፡፡ ብምቕፃል ኣብ ውሽጢ እቲ ሕንቅሕንቅሊተይ ዝተገለፀ ዘይሕጋዊ ንግዲ ኮንትሮባንድ ኣብ ልዕሊ ሃገር ዘብፅሖ ምጣነ ሃፍታውን ማሕበራውን ጉድኣታት ብዝርዝር እናጠቐስኩም ተመያየጡ፡፡

ኣቑሑ ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ (ብኮንትሮባንድ) ናብ ውሽጢ ሃገር እንተኣትዉ ወይ ድማ ካብ ሃገር እንትውፁ ብዛዕባ ምትሓዞም በብግዚኡ ብመራኸብቲ ሓፋሽ እንትዝረብ ንሰምዕ ኢና፡፡ እቶም ንብረታት ጥራሕ ምሓዝ ኣይኮነን በዓል እቲ ንብረት'ውን ናብ ኣብያተ ፍርዲ ቐሪቡ ብዝሕ ዝበለ ቅፅዓት ገንዘብን ማእሰርትን ይወሰኖም'ዩ፡፡ እሞደኣ እዚ ኹሉ ጠመተ ንንግዲ ኮንትሮባንድ ንምንታይ ዝተዋሃበ ይመስልኩም?

# ምኽንያት ዘይሕጋዊ ንግዲ፣

ሕጊ እታ ሃገር ብምጥሓስ ካብ ሕጊ ወፃኢ ብዝኾነ መንገዲ ዶብ እናስገሩ ሸቀጣት ካብ ሃገር ዝወፅሉን ዝኣትውሉን ተግባርዩ፡፡ ብምኳኑ ድማ መንግስቲ ንዝተፈላለዩ ስራሕቲ ማሕበራዊ ግልጋሎት ክግልገለሉ ዝኽእል ካብ ቐረፅን ሽርፌ ወፃእን ዝርከብ ኣታዊ ክስእን ብምግባር ሃገርና ንምጣነ ሃፍቲ ፅግዕተኛነት የሳጥሓ፡፡ ብኻሊእ'ውን ምስ ባህልና ተፃረርቲ ዝኾኑን ኣብ ውሽጢ ማሕበራዊ ህይወት ፀገማት ዘስዕቡን ፖስተራት፣ ፊልሞታት፣ ስእልታት ...ወዘተ ይኣትው፡፡ ኣፅዋር ኩናት ብሕቡእ ዶብ ጥሒሶም ንኽኣተዉ ይገብር፡፡ እዞም ካብ ሕጊ ወፃኢ ናብ ውሽጢ ሃገር ዝኣትው ኣፅዋር ኣብ ኢድ ዘይተፈቐደሎም ሰባት ብምእታው ንስራሕቲ ራዕድን ክትራንን ይውዕሉ፡፡

ፅርየት ምህርቲ፣ ዕድመ ግልጋሎት፣ ብመንፈሰ ኮነ ብኣካል ጉድኣት ዘየብፅሑ ምኳኖም... ብበዓል ሙያ መረጋገፂ ዘይተዋሃቦም ምግብታትን መድሓኒታትን ናብ ሃገር ክኣትው ይግበር፡፡

ብደረጃ ዓለም ናብ ዝተወደበ ምንቅሰቓስ ገበን እናዓበየ ዝኸደ ኣእምሮ ዝጎደእ ሓሽሽ ዝመሓላለፍ በዚ ዘይሕጋዊ ንግዲ ኣቢሉ እዩ፡፡ ስለዚ ኣብ ሃገር ልዑል ማሕበራውን ምጣነ ሃፍታውን ቅልውላው ዘስዕብ ብምኳኑ ኩሉ ሰብ ዘይሕጋዊ ንግዲ ጠንቂ ምዕባለን ሰላምን ምኳኑ ክፈልጥን ክዋግኦን ይግባእ፡፡



## መልመዲ - 6

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡

1. ዘይሕጋዊ ንግዲ ኣብ ምጣነ ሃፍታውን ማሕበራውን ህይወት ዘስዕቦ ጉድኣት ዘርዝሩ፡፡
2. ኣብ ስራሕ ዘይሕጋዊ ንግዲ (ኮንትሮባንድ) ዝሳተፉ እንታይ ዓይነት ባህሪ ዘለዎም ሰባት እዮም?

# 8.3 ዓርሰ እምነት

## 8.3.1 ባህሪ ዓርሰ እምነት ዝግለፅሎም መንገድታት

- ዓርስ እምነት ዝግለፀሎም እዮም እትብልዎም ተግባራት ዘርዝሩ፡፡
- ዓርሰ እምነት ዘለዎም ተምሃሮ ኣብ ውሽጢ ቤት ትምህርቶም ዝፍለጡሎም ባህርያት ግለፁ፡፡

## ውፅኢት እቲ ተምሃራይ

መምህር ውፅኢት ፈተና ተምሃሮ ብቓል ኣብ ምዝራብ ነይሮም፡፡ ኣብ መንጎኡ ሓደ ተምሃሪ ኣብ ጎኑ ንዘተቐመጠ ተምሃሪ ብሰላሕታ፦
“መምህር ውፅኢተይ ኣጋግዮምዎ እዮም” በለ፡፡ መሓዙኡ’ውን “ኧረ ሱቕ በል ከመይ ገይርካ ተጋጊኻ ትብለኒ ኢሎም ክዅርዩ እዮም” በሎ፡፡
“ኣነ ርግፀኛ እየ፡፡ ከረድኦም ይኽእል እየ” በለ፡፡ ድሕሪ’ዚ ካብ ዝተቐመጠሉ ተልዒሉ መምህር ውፅኢተይ ኣጋግየሙለይ እዮም በሎም፡፡
መምህር’ውን ብምዅራይ “ወረቐት ፈተናኹም ብትኽክል ምስኣረምኩ እየ መዝጊበ ኣምፂአዮ” ይብሉዎ፡፡

“ኣየ!መምህር ፈፂሙ ኣይኮነን፡፡ ኣነ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ዝዋሃብ ትምህርቲ ብስርዓት ተኸታቲለ እየ፡፡ ዝተዋሃቡ ዕዮታት ገዛ ኩሎም ሰሪሐ እየ፡፡ ንፈተና’ውን ተዳልየ እየ ኣቲየ፡፡ ብስርዓት ሰለዝተዳለኹ’ውን እቲ ፈተና ኣይኽበደንን፡፡ ስለዚ እዚ ዝተዛረቡኩምኒ ትሑት ውፅኢት ናተይ ክኸውን ኣይኽእልን በሎም፡፡ እቶም መምህር’ውን እቲ ተምሃራይ ዘቕረቦም መረዳእታታት መእመንቲ ስለዝኾኑ ናብ ቤት ፅሕፈቶም ተመሊሶም ከዱ፡፡ ካብኡ ወረቐት ፈተና እቲ ተምሃራይ ኣብ ቤት ፅሕፈት እንትሪኡ ብጣዕሚ ይግረሙ፡፡ ምኽንያቱ እቲ ተምሃራይ ዘምፀኦ ውፅኢት ብጣዕሚ ልዑል ነይሩ፡፡ ናብ ክፍሊ ተመሊሶም’ውን ይቕሬታ ሓተቱዎ፡፡



# መልመዲ - 7

*ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

- ተምሃሮ ሓደ መመያየጥን ሓደ ፀሓፍን ምረፁ፡፡ ካብኡ ኣብ ላዕሊ ካብ ዝቐረበ ምንባብ ተላዒልኩም እቲ ተምሃራይ ዓርሰ እምነት ክሓድሮ ዝገብሮዎ ምኽንያታት ብዝርዝር ግለፁ፡፡ ኣብ ደፍተርኩም'ውን መዘከርታ ምሓዝ ኣይትረስዑ፡፡

1. ንስኻቱም ከምቲ ንፉዕ ተምሃራይ እዚ ዓይነት ፀገም እንተጓኒፍኩም እንታይ ትገብሩ?
2. እቲ ንፉዕ ተምሃራይ ሓሳቡ ብመምህሩ ተቐባልነት ክረክብ ዘኽኣሎ ምኽንያት ግለፁ፡፡

ዓርሰ እምነት ምስ ዓርሰኻ ምኽኣል ስጡም ምትእስሳር ኣለዎ፡፡ ኣብ ፅግዕተኛነት ዝነብር ሰብ ብዝኾነ ይኹን ዓርሰ እምነት ዘለዎ ዜጋ ክኸውን ኣይኽእልን፡፡ ዓርሰኻ ንምኽኣል ድማ ስጡም ባህሊ ስራሕ ምህላው መሰረታዊ ጉዳይ እዩ፡ ብህርኩት ባህሊ ስራሕ ተሃኒፁ ዓርሱ ዝኽእል ዜጋ ዓርስ እምነቱ ኣይተርፍን፡፡ ከምዚ ዓይነት ብዓርሱ ዝተኣማመን ሰብ ብዛዕባ ባዕሉ ትኽክለኛ ግንዛበ ዘለዎ'ዩ፡፡ ስለዙይ ድማ ተመያይጡ ንምርድዳእን ናይ ባዕሉ ኣተሓሳስባ ምስ ካልኦት ንምስምዕማዕን ጌጋታት ኣሚንካ ንምቕባልን ንምእራምን ኣይፅገምን፡፡ ካብዙይ ንላዕሊ ድማ ብዓርሶም ዝተኣማመኑ ዜጋታት ኣተሓሳስባ ካልኦት ብነፃ ስለዘተኣናግዱ ንሃገርና ህንፀት ዴሞክራሲ፣ ሰላምን ልምዓትን ወሳናይ እጃም ኣለዎም፡፡



# መልመዲ - 8

ነዞም ዝሰዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡

1. ብዓርሰኻ ምትእምማን ምኽኣል ንምንታይ የድሊ?
2. ዓርሰ እምነት ዘለዎም ሰባት መፍለይ ባህሪኦም ግለፁ፡፡

## መጠቓለሊ

ዓርስኻ ምኽኣል ባህሊ ስራሕ ንምምዕባልን ሓላፍነት ንምቕባል ድልው ምስ ምኻንን ዝተታሓሐዘ'ዩ፡፡ ዓርስኻ ምኽኣል ስምዒት ዓርሰ እምነት ይፈጥር፡፡ ተመፅዋትነት ኣትሪፉ ብማዕረ ምንባር የኽእል፡፡ በኣንፃሩ ፅግዕተኛነት ዓቕምኻ እናዳኸመ ውድቀት ሞራል ዘስዕብ ጠንቂ ህይወት'ዩ፡፡

ምጣነ ሃፍታዊ ጥዒና ሃገር፣ ሰላምን ማሕበራዊ ህይወትን ብዝላዓለ ብርኪ ዘናግፅ ዘይሕጋዊ ንግዲ (ኮንትሮባንድ) ውፅኢት ኣተሓሳሰባ ፅግዕተኛነት እዩ፡፡
ሰለዚ ብዛዕባ ዓቕሚ ዓርስና ቅኑዕ ግንዛበ ብምሓዝ ናይ ባዕልና ኣታሓሳስባ ምስ ናይካልኦት ኣተሓሳስባ ምስምዕማዕ ይግበኣና፡፡

ንዓርስና፣ ስድራናን ሃገርናን ይጠቕሙ እዮም ኢልና ዝኣመናሎም ዋኒናት ብፅንዓት ብምስጓምን ጌጋታትና ኣሚና ምቕባልን ምእራምን ጠቓሚ'ዩ፡፡ ንሓንቲ ሃገር ዕብየትን ምዕባለን ዜጋታት ዓርሶም ንምኽኣል ዝገብርዎ ፋሕጠርጠርን ዓርሰ እምነትን ወሳኒ ብፅሒት ኣለዎም፡፡

## ኣገደስቲ ቃላት

ምፅዋት- እንተይሰራሕኻ ብልመና ካብ ካልኦት ዝርከብ ዝኾነ ነገር

ጉቦ - ሕጋዊ ይኹን ዘይሕጋዊ ዋኒን ንምፍፃም ሕጋዊ ብዘይኾነ መንገዲ ዝህብዎ ወይ ድማ ዝቕበልዎ ገንዘብ ወይ ድማ ካሊእ ዓይነት ውህብቶ፣ መማለዲ፡፡

ፍልጠት ምክፋል- ዝፈልጡዎ ነገር ንካልኦት ክፈልጡ ምግባር፡፡

# መጠቓለሊ ሕቶታት

I. *እዞም ዝስዕቡ ምሉእ ሓሳባት ብምንባብ ዝሓዙዎ ሓሳብ ትኽክል ንዝኾነ "ሓቂ" ትኽክል ንዘይኾነ ድማ "ጌጋ" እናበልኩም መልሱ፡፡*

1. ዓርስኻ ምኽኣል ስሚዒት ተመፅዋትነት ንምቕራፍ ክሕግዝ'ውን ዘይክሕግዝ ውን ይኽእል፡፡
2. ስሚዒት ፅግዕተኛነት ዓቕምና ምሉእ ንምሉእ ከይንጥቀመሉ ይገብረና፡፡
3. ብዝኻኣልናዮ ዓቕሚ ንኻሊእ ሰብ ምሕጋዝ ዓርስና ከይንኽእል ዕንቅፋት ይኾነና'ዩ፡፡
4. ብዓርስና ምትእምማን እንኽእል ብዛዕባ ዓርስና ቅኑዕ ዝኾነ ግንዛበ እንትህልውና'ዩ፡፡
5. ኣተሓሳስባና ምስ ካልኦት ምስምዕማዕ ንክንኽእል ናይ ካልኦት ሓሳብ ተቐቢልና ምፍፃም ይግበአና፡፡

II. *ኣብ ትሕቲ "ሀ" ንዝተዘርዘሩ ኣብ ትሕቲ "ለ" ካብዘለዉ ዝስማዕማዕ ብምምራፅ ኣዛምዱ፡፡*

| ሀ | ለ |
|---|---|
| 1. ዓርስኻ ምኽእል | ሀ. ምጣነ ሃፍቲ ሃገርን ሰላም ህዝብን ይጎድእ |
| 2. ዓርሱ ዘይኽእል ተምሃራይ | ለ. ብዓርሱ ዝተኣማመን |
| 3. ብዛዕባ ዓርሱ ቅኑዕ ግንዛበ ዘለዎ | ሐ. ፅግዕተኛ |
| 4. ጉቦ ብምሃብ ዋኒንካ ምፍፃም | መ. ተኸራኺርካ ክተእምን ምኽኣልን ወይ ድማናይ ካሊእ ሰብ ሓሳብ ኣሚንካ ምቕባል |
| 5. ዘይሕጋዊ ንግዲ | ረ. ፈተና ቐዲሑ ዝሰርሕ |

III. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ቅኑዕ መልሲ ምረፁሎም፡፡

1. ብዓርስኻ ምትእምማን
   ሀ. ዝኾነ ሰብ እንተዒዒሩ ብጉያ ቐዳማይ ምውፃእ ይኽእል ማለት'ዩ፡፡
   ለ. ዓቕምን ክእለትን ኣመዛዚንካ ብምርዳእ ብናይ ዓርስኻ ፃዕሪ ባዕልኻ ንምኽኣል መሰረት'ዩ፡፡
   ሐ. ብቑሳውን መንፈሳውን ድልየት ምስ ካልኦት ተፀጊዕኻ ንምዕጋብ እንትበሃል ተለማማዒ ዘይምኻን'ዩ
   መ. "ለ"ን "ሐ"ን መልሲ እዮም፡፡

2. ዓርስኻ ንምኽኣል
   ሀ. ፍሉጥ ሰብ ምኻን የድሊ
   ለ. ተገዲድኻ ምስራሕ የድሊ
   ሐ. ብፍልጠት ዓርስኻ ምምዕባልን ምጥንኻርን የድሊ
   መ. 'ለ'ን 'ሐ'ን መልሲ እዮም

3. ዓርስ እምነት ዘለዎም ሰባት
   ሀ. ናይ ካልኦት ሰባት ሓሳብ ኣይቕበሉን
   ለ. ሓደሽቲ ነገራት ንምፍጣር ይፅዕሩ
   ሐ. ሓሳብ ሰብ ፅን ኢሎም የዳምፁ፣ ናይ ባዕሎም እምነት'ውን ብግልፅን ብትኽክልን ንካልኦት የረድኡ፡፡
   መ. ካብ "ሀ" ወፃኢ ኩሎም ቅኑዕ መልሲ እዮም፡፡

4. ፅግዕተኛነት
   ሀ. ብዘይድኻም ምንባር ስለዝኽእል ረብሓ ኣለዎ፡፡
   ለ. ሞራል እናስኣነ ስምዒት ታሕተዋይነት ይፈጥር
   ሐ. መሰረት ዕብየት'ዩ
   መ. ኹሎም መልሲ እዮም

5. ጌጋኻ ኣሚንካ ምቕባል ጠቓሚ ዝኾውን
   ሀ. ካብ ሓያላት ሰባት ቑጠዐን ቅፅዓትን ንምድሓን ተባሂሉ ዝተገበረ እንተኾውንዩ
   ለ. ምጣነሃፍታዊ ረብሓ ንምርካብ ተባሂሉ ዝተገበረ እንተኾውንዩ
   ሐ. ትኽክለኛ ኹነታት ነገራት ብምምዝዛንን ምርዳእን ዝተገበረ እንተኾውንዩ
   መ. ብካልኦት ሰባት ናእዳን ረብሓን ንምርካብ ተባሂሉ ዝተገበረ እንተኾውንዩ

IV. *ነዞም ዝስዕቡ ባዶ ቦታታት ብትኽክለኛ ቃል ወይ ሓረግ ምልኡ፡፡*

1. ዶብ እናጣሓስካ ሸቐጣት ናብ ውሽጢ ሃገር ምእታው____________ ይባሃል፡፡

2. ከም ማይ ቱቦ ኹሉ ግዘ ብናይ ካሊእ ሰብ ሓሳብ ምምራሕ መግለፂ ባህሪ____________እዩ፡፡

3. ስልጣን ዘለዎም ሰባት ተጠቒምካ ዘይግባእ ረብሓ ንምርካብ እንትበሃል ዝዋሃብ መሕበሊ ____________ይበሃል፡፡

V. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃቡ፡፡*

1. ፅግዕተኛነት ዘስዕቦ ጉዳኣት ግለፁ፡፡
2. ዓርሰኻ ብምኽኣል ዝርከቡ ረብሓታት ዘርዝሩ፡፡
3. ፅኑዕ ዓርሰ እምነትናን ኣታሓሳስባናን ምስ ካልኦት ሰባት ምጥዕዓም ንምንታይ የድሊ?

# ምዕራፍ ትሽዓተ

## ባህሊ ምዕቛር

**ዕላማታት እዚ ምዕራፍ፣**

**ተምሃሮ እዚ ምዕራፍ ብግቡእ ምስተምሃርኩም፦**

- ረብሓ ምዕቛር ትፈልጡ፡፡
- ኣድለይቲ ዘይኾኑ ወፃኢታት ምንካይ መግለፂ ዕቛር ምዃኑ ትርድኡ፡፡
- በዓቕምኻን ብትልምን ብምምራሕ ከመይ ባህሊ ምዕቛር ምምዕባል ከምዝካኣል ትግንዘቡ፡፡

## 9.1 ዕቋር

### 9.1.1 ረብሓ ዕቋር

- ኣብ ኸባቢኩም ብምኽንያት ዕቋር ዓርሶም ዝኻኣሉ ሰባት ትፈልጡዶ? ናይ ቐደምን ሕዚን መነባብሮኦም ብምንፅፃር ንመሓዝትኩም ግለፁ፡፡

### ገነትን ኣሕዋታን

ገነትን ክልተ ኣሕዋታን ኣቦኦምን ኣዲኦምን ብሓደጋ መኪና ካብ ዝሞቱዎም ሓደ ዓመት ኣሕሊፎም ኣለው፡፡ ግና ወለዶም ብህይወት ከለው ዝኣከብዎ ገንዘብ ብምንባሩ ደቆም ብዘይፀገም ይነብሩ ኣለው፡፡ ገነት ለባም ቆልዓ ሰለዝኾነት ኣናእሸተን ኣሕዋታ ብምምሕዳር ዘለዎም ገንዘብ ብግቡእ እናተጠቐሙ ትምህርቶም ምክትታል ከምዘለዎም ኣረዲኣቶም እያ፡፡ ብምዃኑ ድማ እቲ ገንዘብ እናዓቀኑ ብምውሳድ ብምትሕልላይ ይነብሩ፡፡

"ወለድና ሰብ ውዕለትና እዮም፡፡ ዝቐመጡልና ገንዘብ እንተዘይነብር ኣብዚሕዚ እዋን ኣብ ምንታይ ክንኣቱ ነይርና?" እናበሉ የመስግንዎም፡፡



## መልመዲ - 1

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. እኒ ገነት ትምህርቶም ከየቋርፁ ክማሃሩ ዝኽእሉ ወለዶም ብዘዓቘሩሎም ገንዘብ ምዃኑ ካብ'ቲ ታሪኽ ምርዳእ ይከኣል'ዩ፡፡ ወለዶም እቲ ገንዘብ <u>ዝዓቘርዎ</u> ብሃንደበት ከምዝሞቱ ፈሊጦም ድዮም? መልሰኹም "እወ" እንተኾይኑ ከመይ ክፈልጡ ይኽእሉ? መልሰኹም "ፈሊጦም ኣይኮኑን" ዝብል እንተኾይኑ ድማ እቲ ገንዘብ ንምንታይ ከምዝዓቘሩዎ ተዛረቡ፡፡
2. ብመሰረት እቲ ታሪኽ እኒ ገነት ዓርሶም ክሳብ ዝኽእሉ ብዘይ ፀገም ንክመሃሩ ካብ ወለዶም ዝወረሱዎ ገንዘብ ብኸመይ ክጥቀምሉ ኣለዎም?

ምዕቛር ብዙሕ ረብሓታት ኣለዎ፡፡ ኣብ ዝተወሰነ እዋን ዝርከብ ኣታዊ ኣተኣኻኺልካ ብምቕማጥ ንሓዋሩ ዘይተሓሰቡ ፀገማት ከጋጥሙ ከለው እዞም ፀገማት ንምምካት ይረብሕ፡፡ ምዕቛር መሰረታዊ ድልየት ደቂ ሰባት ኣማሊእኻ ንምንባር ኣዝዩ ይጠቅም፡፡ መሰረታዊ ድልየት ሰባት ዝበሃሉ ምግቢ፣ ክዳንን መፅለልን እዮም፡፡ ምዕቛር ውልቀሰባት ኾነ ስድራቤታት ዓርሶም ንኽኽእሉን ክእለት ዓርሰ ምትእምማን ክነብሮም ይገብር፡፡ ዓርሶም ዝኻኣሉ ሰባት ስሚዒት ፅግዕተኛነት ወይ ድማ ታሕተዋይነት ኣይህልዎምን፡፡

ምዕቋር ብትምህርቲ ዓርስኻ ንምዕባይ የኽእል፡፡ ብዛዕባ ትምህርቲ እንትልዓል መብዛሕቱ ግዜ ናብ ኣእምሮና ዝመፅእ ናይ ቀልዑ ትምህርቲ ጥራሕ ክኾን ይኽእል፡፡ ኾይኑ ግና ትምህርቲ ዕድመ ኣይድርቶን፡፡ ወለዲ ባዕሎም ኣብ ላዕለዋይ ብርኪ ዝበፅሑ እንተዳኣ ዘይኾይኖም መነባብሮኦም ንምምሕያሽ እንተብሉ

እናሰርሑ ክመሃሩ ይኽእሉ እዮም፡፡ ንኣብነት ኣብ ኣብያተ ትምህርትን ኮሌጃትን ምሸታዊ ትምህርቲ ዝምሃሩ ሰባት መብዛሕትኡ ግዜ ስሩዕ ስራሕ ዘለዎምን ኣማሓደርቲ ስድራቤትን እዮም፡፡ እዚ ንምግባር ዝኽእሉ ግና ካብ ዝረኽብዎ እቶት ብምቑጣብ ንትምህርቲ ዘድልዮም ክፍሊት እናሸፈኑ እዮም፡፡

ዕቋር ብምኽንያት ሕማምን እርጋንን ወይድማ ብኻልኦት ምኽንያታት ንምስራሕ ዓቕሚ ኣብ ዝስኣነሉ እዋን ኢድ ሰብ ካብ ምቑማት የድሕን'ዩ፡፡ ዕቑር ዝተደላደለ መነባብሮ ንምንባር ይሕግዝ፡፡ ዝተደላደለ መነባብሮ ማለት ከይተፀገምካ ዓርስኻ ክኢልካ ምንባር ማለት'ዩ፡፡



## መልመዲ - 2

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

ካብ ዅነታት ስድራዅም ወይድማ ካብ እትፈልጡዎ ኩነታት ከባቢ ብምልዓል ኣብ ውሽጢ እቲ ምንባብ ካብ መንጎ ዝተሓበሩ ረብሓታት ዕቋር ሰለስተ ንመሓዝትኩም ግለፁ፡፡

2. በብዓቕምዅም ክትዓቑርዎ እትኽእሉዎ ነገር እንተሃሊዩ ግለፁ፡፡

### 9.1.2 ዝተፈላለዩ ሜላታት ምዕቋር

- ሜላ ምዕቛር እንትበሃል እንታይ ማለት ይመስለኩም? ንመምህርኩምን ንማሓዝትኩምን ግለፁ፡፡

## ዓሰርተ ግዘ ኣምት ሓደ ግዘ ቁረፅ

ኣብ ሓደ ከባቢ ሕፀረት ዝናብ ከጋጥም ከምዝኽእል ዝተረድኡ ኪኢላታት ሕርሻ ነቲ ሕብረተሰብ ትምህርቲ ንምሃብ ናብቲ ከባቢ ይኸዱ፡፡ ብመሰረት እዚ ኣብዚ ኸባቢ ንዝነበሩ ሰባት መፃኢ ዓመት ንጥምየት ከይሳጥሑ ካብ ብሕዚኡ ዘለዎም ሃፍቲ ብምዕቛር ክጥቀሙ ከምዘለዎም እቶም ኪኢላታት ሰፊሕ ትምህርቲ ይህብዎም፡፡

ድሕሪ'ዚ ኣይተ ተሰማን ባዓልቲ ቤቶም ወ/ሮ እመቤትን ኣብ ውሽጢ እዚ ዓመትን ቐፃላይ ዓመትን ክሰርሕዎም ኣብ ዝሓሰቡዎም ተግባራት ኮፍ ኢሎም ምዝርራብ ከምዘለዎም ይስማዕምዑ፡፡

ኣብዚ ዓመት እታ ዓባይ ጓሎም ኣብ ውልቀ ኮሌጅ ኣትያ ክትምሃር ከምዘለዋ ንወለዳ ስለ ዘእመነቶም ሓሳባ ተቐቢሎምዎ፡፡ እቲ ወዶም ድማ በዓልቲ ቤቱ ጥንስቲ ስለዝኾነት ናብኣቶም መፂኣ እንተወለደት ክምዝሕሸ ወሲኖም ክሳብ እትመፅእውን ተዳሊዎም እናተፀብዩዎ እዮም፡፡

ብሳልሳይ ደረጃ ድማ ገዝኦም ካብ ሳዕሪ ክዳን ናብ ቆርቆሮ ክዳን ምልዋጥ ከምዘለዎም ቅድም ኢሎም ወሲኖም ስለዝነበሩ እዙይ ንምግባር እናተዳለው እዮም፡፡ ነዚኦም ኩሎም ዘድሊ ወፃኢ ንምሽፋን ዝሓሰብዎ ድማ ካብ ሰለስቲኦም ኣብዑሮም ነቲ ሓደን፣ ኣብ ቆፎኦም ካብ ዝተቐመጠ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ምህርቲ ድማ ክልተ ኩንታል ጥረምረ፣ ከምኡ'ውን ሓንቲ እንቋቑሖ ተውድቕ ደርሆን ሓንቲ ጨልን ብምሻጥ'ዩ፡፡ ብኢኢላታት ሕርሻ ዝተውሃበ ኣስተምህሮ ምስ ሰምዑ ግና ክሰርሑዎ ዝተለምዎ ጠጠው ኢሎም ንክሓስቡ ገይሩዎም'ዩ፡፡ ምስ'ዚ ድማ ኣብ ትሕቲኦም ዝማሓደሩ ትሽዓተ ኣባላት ስድራ ክዳንን ቐለብን ናይ ምምላእ ሓላፍነት ኣለዎም፡፡

ስለዝኾነ ድማ "ዓሰርተ ግዘ ኣምትሐደ ግዘ ቁረፅ" ከምዝበሃል ዕውዕዋይ እቲ ክመፅእ ዝኽእል ፀገም ብምርዳእ ትምኒቶም ቅድሚ ምፍፃሞም ኣቐዲሞም ደጋጊሞም ምፅናዕ ኣለዎም፡፡



# መልመዲ - 3

I. **ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡**

1. ኣይተ ተሰማን ወ/ሮ እመቤትን ኣብዚ ዓመት ዘለውዎም ትልምታት ክንደይ እዮም? እንታይን እንታይን?
2. ንወፃኢ ዝሓሰብዎ ፍልፍል እቶት ምስ ፀገማቶም ይመጣጠን ድዩ? ወይስ ኣይመጣጠንን? ከመይ?
3. ካብ ዘውፅኡዎ ትልሚ ክስረዝ ዝኽእል ኣሎ'ዶ ወይስ የለን? መልስኹም ኣሎ ዝብል እንተኾይኑ ኣየናይ? "የለን" እትብሉ እንተኾይንኩም ንምንታይ?
4. ምኽሪ በዓል ሙያ ምስማዕን ምኽታልን ንምንታይ ይረብሕ? ብመሰረት እቲ ዝቐረበ ታሪኽ ካብ ኸባቢኩም ጭቡጥ ኹነታት ብምልዓል መልስታትኩም ሃቡ፡፡

ብሓደ ግዘ ካብ ዝተረኽበ ብዙሕ ገንዘብ'ውን ኾነ በብእዋኑ ካብ ዝርከብ መጠን ኣታዊ ምዕቛርር ብጣዕሚ ኣድላዪ እዩ፡፡ ንምኻኑ ሜላታት ዕቛር ዝበሃሉ እንታይ እዮም? ቐፂሎም ዝቐረቡ ዝተፈላለዩ ሜላታት ምዕቛር ብኣብነት ምጥቃስ ይካኣል፡፡

## ሀ. ኣድለይቲ ዘይኾኑ ወፃእታት ምውጋድ ወይ ድማ ምንካይ

ኣድለይቲ ዘይኾኑ ወፃእታት ምውጋድ ወይ ደማ ምንካይ ሓደ መንገዲ ምዕቛር'ዩ፡፡ ንኣብነት ክልተ ደቆም ናብ ቤት ትምህርቲ ዝሰዱ ወለዲ ደጋጊሞም ንማሕበር ድግስ ካብዘውፅኣዎ ወፃኢ ብዝበለፀ ንደቆም መሳርሒታት ትምህርቲ ምምላእ ቀዳምነት ክህብዎ ዝግባእ ዋኒን'ዩ፡፡ እዞም ሰባት እኹል ገንዘብ እንተደኣ ዘይብሎም መጋየዒ ኣቑሑ ምዕዳግ፣ በብእዋኑ ሽርሽር ምኻድ፣ በብእዋኑ ኣጋይሽ እናዓደሙ ከብልዑን ከስትዩን የብሎምን፡፡

## ለ. ዓርሰኻን ስድራኻን ብትልምን ዓቕምን ምምሕዳር

ዓርሰኻን ስድራኻን ብትልምን ብዓቕምን ምምሕዳር እቲ ካሊእ ሜላ ምዕቛር'ዩ፡፡ ሜላ ኣነባብራ ብቡዙሓት ኢትዮጵያውያን ብርክት ዝበለ ስድራ ሓቑፍካ ምንባርን ምድግጋፍን ዝተለመደ'ዩ፡፡ እዚ ኹነታት ልዑል ዝኾነ ናይ ትልምን ብዓቕሚ ምንባርን ብልሓት ዝሓትት'ዩ፡፡ ብዙሓት ኣባላት ስድራ ንቐለብ፣ ንክዳን፣ ንጥዒናን ንትምህርትን ስድርኦም ወፃኢ ንምሽፋን ዘኽእል ዘተኣማምን ኣታዊ ዘይህልወሉ ኣጋጣሚ ብዙሕ'ዩ፡፡

ሰለዝኾነ ድማ ካብ ድኽነት ዝተለዓለ ምብታን ስድራ፣ ቆልዑ'ውን ናብ ጎደና ምውፃእ ወይ ድማ ንብዝበዛ ጉልበት ናይ ምቅላዕ ዕድሎም ዘስፍሕ ይኸውን፣ ወይ ድማ ንኹሎም ኣባላት ስድራ ብሓደሻዕ ሓዱሽ ክዳን ምዕዳግ ከቢድ ክኸውን ይኽእል'ዩ፡፡ ወይ ድማ ንኹሎም ኣባላት ሰድራ ኣብ ተመሳሰሊ እዋን ልዑል ወፃኢ ዝሓትት ረብሓ ንምፍጣር ኣፅጋሚ ይኸውን፡፡ ኣብ ኣባላት ስድራ ኣድልዎ ዘይብሉ ብምርድዳእ ምትሕድዳር ይግባእ፡፡ ኣብ'ዚ እዋን ዓብይ ነጥቢ ኮይኑ ዝቐረበ ምዕቛር ከምመጠን ፅቡቕ ባህሊ ምምዕባልን ኣብ ኣባላት ስድራ ግንዝበ ክረክብ ምግባርን'ዩ፡፡

እቲ ዝተዓቐረ ገንዘብ ብሓደ ግዘ እቲ ዝድለ ኹሉ ምምላእ እንተዳኣ ዘየኽኢሉ ንናይ ሕድ ሕድ ኣባል ስድራቤት ኣድለይቲ ነገራት ብምፅናዕ ንዝበኣሰ ቀዳምነት ምሃብ ግቡእ እዩ፡፡ ስድራ ካብ ምምስራት ጀሚሩ ኣታዊኻ ኣብቃዕቂዕኻ ብጣዕሚ ወሰንትን መሰረታውን ንዝኾኑ ወፃኢታት ጥራሕ ንምውዓል ምውሳን ግቡእ'ዩ፡፡ ምምጣን ስድራ ፣ ኣታውን ወፃኢን ምምጥጣን፣ ብትልሚ ናይ ምንባር ሓገዝቲ ኹነታት እዮም፡፡

## ሐ. ተቐማጢ ገንዘብ ክህልው ምግባር

ሒሳብ ባንኪ ምኽፋት፣ ዕቁብ ምእታው፣ ኣብ ሕብረት ስራሕ ማሕበር ዕቋርን ልቓሕን ምውዳብ፣ ፅቡቓት ሜላታት ምዕቛር እዮም፡፡ ንምዕቛር ልዑል

መጠን ዘለዎ ገንዘብ ምምዳብ ኣየድልን፡፡ ምዕቛር ንውሑድዩ ገንዘብ ብምቕማጥ ምጅማር ይከኣል'ዩ፡፡ሳናቲም ሓልውዎም፣ ኣቕራሽ ባዕሎም ክሕለው እዮም"ዝብል ዘመናዊ ኣባሃህላ ነዚ ዋኒን ኣፀቢቑ የርኢ፡፡



## መልመዲ - 4

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ብትልሚ ምምራሕ ማለት እንታይ ማለት ከምዝኾነ ኣረድኡ? ኣብ ስድራኹም ወይ ድማ ኣብ ካልኦት ከባብታት ልሙዳት እዮም
2. እትብልዎም ሜላታት ምዕቛር ብፅሑፍ ኣዳሊኹም ንማሓዝትኩም ኣንብብሎም፡፡
3. ካብ መንነ ስድራኹም ሒሳብ ባንኪ ዝኸፈቱ ወይ ድማ ዕቁብ ዝኣተው ወይ ድማ ኣብ ሕብረት ስራሕ ማሕበር ዕቛርን ልቓሕን ዝተወደቡ ኣባላት እንተሃሊዮም እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓቲትኩም መልሲ ብፅሑፍ ንመምህርኩም ኣቕርቡ፡፡
   ሀ. ገንዘብ ናብ ባንኪ እናወሰዱ ዘእትው ኣብ ከንደይ ግዘ እዩ? ዘውፅእሉ'ኸ?
   ለ. ገንዘብ ካብ ባንኪ ንምውፃእ ዝኸዱ እንታይ ዓይነት ጉዳይ እንታጋጥሞም እዩ?

## 9.2 ኣብ ከባቢና ንባህሊ ምዕቛር ዝፃረሩ ተግባራት




*ምስሊ 9.1 ንምዕቛር ዝፃብኡ ኩነታት*

- ኣብ እቲ ስእሊ ዘለው መልእኽትታት ብኸመይ ባህሊ ምቋር ዝፃረሩ ተግባራት ክኾኑ ከምዝኽእሉ ግለፁ፡፡

ሀ. ልዕሊ ዓቕሚ ድግስ

- ኣብ ኸባቢኹም ልዕሊ ዓቕሞም ዝድግሱ ሰባት እንተሃሊዎም ዝበፅሖም ፀገም ግለፁ፡፡

## ዝተደራረበ ፀገም

ሂሩትን ፀዳልን ክዳን ስነ ስርዓት ቤት ትምህርቲ ዝተገዝኣለን ቅድሚ ሰለሰተ ዓመት እዩ ነይሩ፡፡ መቀያየሪ ክዳን ስለዘይብለን ካብ መጠን ንላዕሊ ኣሪጎም ተቐዳዲም'ዮም፡፡ ምኽንያቱ ጥራሕ ዘይኮነስ ቐለሙ ሓሲሱ'ዩ፡፡ ንወለደን እንተሓተታውን ንኣኣተን መግዝኢ ኽዳን ዝኸውን ገንዘብ ከምዘይብሎም ደጋጊሞም ይነግሩወን፡፡ ምኽንያቱ ድማ ወለደን ኣባልገ ንዝሓዝዎ መፀዋዕታ፣ ስለዘለዎም ዝተዓቐረ ግብሪ መንግስቲ ንኸኸፍሉ ስለዝተገደዱ፣ ዝመፅእ ዘሎ ሓዱሽ ዓመት ካብ ካልኦት ሰባት ብዘይንእስሉ ኹነታት ከኽብሩዎ ስለዘለዎምን ቐጊሉ ንዝኽበር በዓል መስቀል ጮማ ብዕራይ ገዚኦም ምሕራድ ስለዘለዎም ምኺኑ ይዝርዝሩለን፡፡



## መልመዲ - 5

*ብመሰረት እቲ ምንባብ ኣብ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡*

1. ቀንዲ ፀገም እዞም ስድራቤት እንታ'ዩ?
2. እዚ ፀገም ብኸመይ ምውጋድ ይከኣል?

ለ. ድሑር ኣረኣእያ

- ብዛዕባ ድሑር ኣረኣእያ እትፈልጡዎ ግለፁ፡፡

## መረረት ኣይተ ማህደርን ብዓልቲ ቤቶምን

ኣይተ ማህደርን ወ/ሮ ትርንጎን ኣ3ላቶም ትዝታ ብዕኑዕ ትሓሞም፡፡ ኣብ'ዚ እዋን ምኽንያት ሕማማን ፍታሕን ንምእላሽ ካብ ከባቢኦም ርሕቕ ኢሉ ናብ ዝርከብ ጠንቋሊ ከዱ፡፡ እቲ ጠንቋሊ'ውን ናብኡ ዝመፅሉ ኩነታት ምስተረደኣ ጓላቶም ዝሓመመትሉ ምኽንያት "ብቡዳ ስለዝተበልዐት" ብምኳኑ ሓደ ፃዕዳ ምኽት ገዚኦም ንኽምፅኡን ድሕሪኡ መፍትሒኡ ከም ዝነግሮምን የረድኦም፡፡ እቶም ሰባት'ውን ከምዝተበሃሎዎ ፃዕዳ ምክት ገዚኦም የምፅኡ፡፡ ኾይኑ ግና እቲ ምክት ምስተቐበለ ወርቂ ክገብሩሉ ይሓቶም፡፡ ኣብ'ዚ እዋን ክልቲኦም ዘለዎም ገንዘብ ወዲኦም ነይሮም፡፡ ይኹንምበር የብልናን እንተይልና ፍታሕ ኣይህበናን ኢሎም ስለዝሰግኡ ካብ ጎረባብቶም ንምልቃሕን ዝተኣዘዝዎ ንምፍፃምን ተመሊሶም ከዱ፡፡ እዚ ድማ ናብ ዝበኣሰ ፀገም ኣእትዎም፡፡

ሕማም ጓላቶም እናገደዳ ብምኻዱ፣ ኣብ ኢዶም ዝነበረ ሃፍቲ ምስኣኖምን ኣብ ዕዳ ምእታዎምን ንግዚኡ ኣይተርኣዮምን፡፡ ካሊእ ተሪፉ ጓላቶም ኣብ መፃኢ ዓመት ናብ ቤት ትምህርቲ ክሰዱዋ ከምዘይኽእሉ ኣይተረድእዎን፡፡



### መልመዲ - 6

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ድሑር ኣርኣእያ ማለት እንታይ ማለት'ዩ?
2. ኣብ ላዕሊ ከምዝቐረበ ሰባት ናብ ጭንቀትን ፀገምን ዘእትው ዱሑራት ኣሰራርሓታት ካብ ስድራኹም ወይ ድማ ካብ ኸባቢኹም ሰባት ብምዝርራብ ንመምህርኩም ብፅሑፍ ኣቕርቡ፡፡

ዱሑራት ኣረኣእያታት ሰባት ኣብ መነባብሮኦም ለውጢ ከየምፅኡ ናይ ምግባር ዓቕሚ ኣለዎም:: ንኣብነት ብስክፍታ ንብረትካ ኣፍሊስካ ንምርኢት ዝዉፅሉ መጋየዊ ኣቕሑ ምዕዳግ፣ ንጠንቋሊ ገንዘብ ምፍሳስ፣ ናይዚ መረዳእታ'ዩ:: ደቂ ኣንስትዮ ካብ ደቂ ተባዕትዮ ዝነኣሳ ገይርካ ምርኣይ እቲ ካሊእ ዱሑር ኣረኣእያ'ዩ:: ካብዚ ብምብጋስ ጓል ኣንስተይቲ ሰሪሓ ናይ ባዕላ ንብረት ክተጥሪ ኣይትተባባዕን:: እዞም ዝተሓበሩ ልምድታት ምዕቛር ዘየተባብዑ እዮም::



## መልመዲ - 7

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ::*

1. ዱሑራት ኣረኣእያታት ብኸመይ እዮም መነባብሮ ሰባት ከይማሓየሽ ክገብሩ ዝኽእሉ?
2. ኣብ ኸባቢ'ኹም ዝዝረቡ ዱሑራት ኣበሃህላታት እዮም እትብልዎም ጥቐሱ::

# 9.3 ድኽነት

## 9.3.1 መስካሕክሒ ድኽነት



*ምስሊ 9.2 ካብ መግለፂ ድኽነት ሓዲኡ*

- ኣብ ላዕሊ ዘሎ ምስሊ ብምርኣይ መስካሕካሓይነት ድኽነትን ጥሜትን ግለፁ፡፡

ድኽነት ስብእናኻ ይትንክፍ፣ እትፈትዎ የስእንን ክብሪ የስእንን፡፡ ድኽነት ክልተ መልክዕ ኣለዎ፡፡ ሓዲኡ ስእነት ገንዘብ'ዩ፡፡ እቲ ካሊእ ድማ ናይ ኣተሓሳስባ ድኽነት እዩ፡፡ ክልቲኦም ንደቂ ሰባት ኣብ ትሑት መነባብሮ ንምንባርን ነንርእስኻ ንምቅሕሓር መሰረታት እዮም፡፡ ክልቲኦም ፅግዕተኛነት የስዕቡ፡፡ ፅግዕተኛነት ድማ ካብ ባዕልኻ ሓሊፉ ንዝተፀጋዕኻሉ ሰብውን ይጎድእ፡፡

ናይ ኣተሓሳሰባ ድኽነት ዘለዎ ሰብ ስራሕ ምስራሕ ኣይኽእልን፡፡ ብማእገር ሰባት ክነብር ይምነ፡፡ ናይ ኣታሓሳስባ ድኽነት ካብ ስእነት ገንዘብ ኣዚዩ ዝኸፍአ እዩ፡፡ ድኽነት ገንዘብ ጠንኪርካ ብምስራሕን ብትልሚ ብምምራሕን ክስዓር ይኽእል'ዩ፡፡ ድኽነት ኣተሓሳሰባ ግና ክቕየር ዝኽእል መሰረታዊ ዝኾነ ናይ ኣሪኣእያ ለውጢ ንምምፃእ ዝኽእል ብትምህርቲ ጥራሕ እዩ፡፡ ምስ እዚ ድማ ሓዱሽ ኣሰራርሓን ኣረኣእያን ንምቕባል ድልየት ይሓትት፡፡ ንምምሃርን ንምፍላጥን ህንጥው ምኻን የድሊ፡፡



## መልመዲ - 8

*ነዞም ዝሰዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ካብ መንጎ ድኽነት ዘስዕቦም ቅልውላዋት ሰለሰተ ጥቐሱ፡፡
2. ድኽነትን ህርኩት ባህሊ ስራሕ ዘይምህላውን ብኸመይ ናይ ሓደ ሳንቲም ክልተ ገፅ ክኾኑ ከምዝኽእሉ ብፅሑፍ ንመማህርትኹም ኣቕርቡ፡፡

## 9.3.2 ዝምድና ድኽነትን ብክነትን

- መባኽኒ ሰብ ማለት እንታይ'ዩ? ምስ ድኽነት ብምንታይ ይትሓሓዝ? ድኽነት ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ዝመፅእ እዩ፡፡ ካብ መንጎ እዞም ምኽንያታት ብኽነት እቲ ቀንዲ'ዩ፡፡ ብኽነት ዘለና ዝኾነ ገንዘብ ወይ ድማ ንብረት ብዘይ ትልሚ ምውፃእን ምጥቃምን'ዩ፡፡ ንኣብነት ዕቑብ ዝበፅሖም ሰባት፡-
- ብዘይ ገለ ቑምነገር ካልኦት ብምእንጋድ ዝብትንዎ እንተኾይኖም፣
- መገልገሊ ናውቲ ብዘይ ገለ ጥንቃቐ ዘንከራትትዎ እንተኾይኖም ከም ብኽነት ይተሓዘሎም፡፡ እዚ ነጥቢ ብኣብነት ንረኣይ

ሓደ በዓል ጋሪ ጋሪኡ በብእዋኑ ኣድላይ ፅገና እናገበረ እንተደኣ ተንከባኺቡ፣ እቲ ጋሪ ንነዊሕ ግዘ ከገልግሎ ምግባሩ እዩ ፡፡ ንፈረሱ'ውን ዝግበኦ ምግቢ እናቐለበ ኣድላይ ዕረፍቲ ክረከብ ብምግባር እንተዳኣ ተንከባኺቡዎ ንነዊሕ ዝግልገለሉ ፍልፍል ኣታዊ እናሓለወ ወይ ድማ ኣናቐጠበ'ዩ፡፡ ነገር ግና እቲ ጋሪ እንትጉዳእ ኣናረኣየ መፀገኒ ገንዘብ ንምውፃእ እንተዳኣሃሪፉ ነቲ ፈረሰ'ውን ቀለብ መግዝኢ እንተዘይመዲቡ ዓቕሚ እናስኣኖ እዩ፡፡ መወዳእትኡ ድማ ዝኸፍአ ይኸውን፡፡



### መልመዲ - 9

ኣብዞም ዝሰዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡

1. ዕቋር ዝጠናኸሩሎም ሜላታት እንታይ እንታይ እዮም?
2. ብኽነት ንድኽነት መበገሲ'ዩ፣ እዚ ከመይ ገይሩ ክኸውን ከምዝኽእል ኣብ ክፍልኩም ብጉጅለ ኾይንኩም ተመያየጥሉ፡፡

### 9.3.3 ድኽነት ንምጥፋእ ወፃኢ ምንካይን ምዕቋር ምልማድን፡-

ወፃኢ ንምንካይ ኣድለይቲ ዝኾኑን ኣድለይቲ ዘይኾኑን ወፃእታት ፈሊኻ ምፍላጥ ወሳኒ'ዩ፡፡ ንኣብነት መብራህቲ ኣብ ዘይብሉ ቁሸት ዝነብር ሓደ ሓረስታይ ላምባ ንቅራሮት ምዕዳግ ገንዘብ ምውፃእ ንዑኡ ኣዝዩ ኣድላዩ እዩ፡፡ ኮይኑ ግና ዓመት በዓል ብዝመፀ ቑፅሪ ንደቂ ሓደሽቲ ክዳውንቲ ምኽዳን ኮነ ካብ መን ንኢሰ ኢልካ ስብሕቲ ምሕራድ ዝተጋነኑ ወፃእታት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም፡፡
በዓልን ድግስን ስድራ እንትህል'ውን ብጣዕሚ ቐርበት ዘለዎም ሰባት ብምእንጋድ ሓቢርካ ምኽባርን ምሕላፍን እናተኻኣለ ካብ መን ይንእስ ብዝብል ስምዒትን ንሕንሕን ንብዙሕ ሰብ ምዕዳምን ምእንጋድን ክትዋፅኦ ናብ ዘይትኽል ፀገም የእትወካ፡፡



## መልመዲ - 10

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ኣድላዩ ዝኾነ ወፃእን ኣድላዩ ዘይኾነ ወፃእን ኣብ ኸባቢኹም ካብ ትዕዝብዎ ጭቡጥ ኩነታት ብምብጋስ ብኣብነት ግለፁ፡፡
2. ኣድላይ ዘይኾነ ወፃኢ ብምንካይ ድኽነት ምውጋድ ከምዝከኣል ብጉጅለ ተመያየጥሉ፡፡

## መጠቓለሊ

ሰባት ዝተረጋገአን ካብ ድኽነት ነፃ ዝኾነን መነባብሮ ንኽነብሩ ባህሊ ምዕቋር ክህልዎም ይግባእ፡፡ ባህሊ ምዕቛር ምህላው ብዙሓት ረብሓታት ኣለውዎ፡፡ ብምዕቛሮም ጥሜትን ፀገምን ኣርሒቖም ዝተደላደለ መነባበሮ ዝመርሑ ብዙሓት ሰባት በብኸባቢኦም ኣለው፡፡ ምዕቋር መነባብሮ ንምምሕያሽ፣ ዓርስኻ ብትምህርትን ፍልጠትን ንምዕባይ ይረብሕ፡፡ ዝተፈላለዩ ሜላታት ምዕቛር ኣለው፡፡ ካብ መንጎ እዚኦም እቲ ቀንዲ ብዓቕምኻ ልክዕ ንምንባር ምልማድ'ዩ፡፡ ምዕቋር ገንዘብ ክህልው ምግባርን ብዓቕምኻ ልክዕ ንምንባርን ኣድለይቲ ንዘይኾኑ ወፃእታት ካብ ምቅላዕ የድሕን'ዩ፡፡ ባህሊ ምዕቋር ንምምዕባልን ምዕቋር ዝፃረሩ ከባብያዊ ልምድታት ፈሊጥካ ምጥንቃቕ የድሊ፡፡ እዞም ከባቢያዊ ልምድታት ንብኽነትን ድኽነትን የቃልዑ እዮም፡፡ ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ምድጋስን፣ ድሑራት ኣረኣእያታትን ዝመሳሰሉን ካልኦት ንብኽነት ዝዕድሙ ልምድታት እዮም፡፡

ብሓፈሻኡ ባህሊ ምዕቋር ዘይምህላዩ ንድኽነት የቃልዕ፡፡ ባህሊ ምዕቋር ዘይምህላው ድማ ምብኻን ከምዘሎ የርኢ፡፡ ብኽነት ግቡእ ዘይኾነ ኣጠቓቕማ ገንዘብ'ዩ፡፡ እዚ ፀገም ንምቕራፍ ወፃኢ ምንካይን ምዕቋር ምልምማድን የድሊ፡፡ ምኽንያቱ ድማ ድኽነት ሰብኣዊ ኽብሪ ስለዘስእን፡፡ ብምኳኑ ድማ ብዓርሰ እምነት ንምንባር ምኽኣል ከምኡ'ውን ናይ ካልኦት ሰባት ፅግዕተኛ ኮይንካ ፀገም ንዘይምፍጣር ፅቡቕ ባህሊ ምዕቛር ምዕባይ ይግባእ፡፡

## ኣገደስቲ ቃላት

ድኽነት - ምስኣን፣ ሽግር፣ ድኻ ምኳን፣ ፀገም

ብኽነት- ገንዘብ ግቡእ ብዘይኮነን ብዘይትልምን ዕላማን ምጥፋእ

ንብረት- ገንዘብ፣ ሃፍቲ፣ ጥሪት

ዝተደላደለ መንባብሮ - ዓርሰ ምትዕምማን ዘለዎ፣ ምቹውን ሽግር ዘይብሉን መነባብሮ

ልቓሕ- ንቅድሚት ንምኽፋል ቃል ብምእታው ብእዋኑ ንዘጋጠመ ፀገም መፍትሒ ካብ ካልእ ሰብ ወይ ድማ መለቅሒ ትካል ዝውስድ ገንዘብ ወይ ድማ ንብረት

## መጠቓለሊ ሕቶታት

I. *ዝስዕቡ ምሉእ ሓሳባት ኣንቢብኩም ትኽክል ዝኾነ "ሓቂ" ትኽክል ንዘይኾነ ድማ "ጌጋ" እናበልኩም መልሱ፡፡*

1. ድኻ ዝነበረ ሰብ ክህፍትም ከምዝኽእል ሃፍታም ዝነበረ ሰብ'ውን ክደኺ ይኽእል'ዩ፡፡
2. ናይ ኣተሓሳስበባ ድኽነትን ናይ ገንዘብ ድኽነትን ምሉእ ብምሉእ ተመሳሰልቲ ፀገማት እዮም፡፡
3. ትልሚ መነባብሮን ምዕቛርን ናይ ሓደ ሳንቲም ክልተ ገፅ እዮም፡፡
4. ሓደ ሰብ ልቓሕ ክይተለቀሐ መነባብሮኡ ምምራሕ ኣይኽእልን፡፡
5. ኣብ ዝኾነ ዓይነት ስራሕ እንተተዋፊርካ ምዕቋር እድላዪ'ዩ፡፡

II. *ኣብ ትሕቲ "ሀ" ዘለው ኣብ ትሕቲ "ለ" ምስዘለው ኣዛምዱ፡፡*

| ሀ | ለ |
|---|---|
| 1. ድኽነት | ሀ. ዕግዕተኛታት |
| 2. ትካል ባህላዊ ዕቋር | ለ. ዘይምኽንያታዊ ወፃኢ |
| 3. ብኽነት | ሐ. ዓርስኻ ምኽኣል |
| 4. ዘበናዊ ትካል ዕቋር | መ. ባንኪ |
| | ረ. ዕቁብ |

III. *እዞም ዝስዕቡ ባዶ ቦታታት ትክክለኛ ብዝኾነ ቃል/ሓረግ ምልኡ፡፡*

1. ካብ ንምዕቛር ዝፃረሩ ልምድታታት_______ን______ ክጥቀሱ ይኽእሉ፡፡
2. ካብ ሜላታት ምዕቛር ___________ ፣ _______ ን _________ንይጥቀሱ እዮም፡፡

IV. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታታት ኣንቢብኩም ቅኑዕ መልሲ ምረፁ፡፡*

1. ዕቛር ማለት

   ሀ. ንወለዶ ዝሓልፍ ሃፍቲ ምፅናሕ ማለት'ዩ

   ለ. ኣብ እዋን ሓደጋን ፀገምን ውሕስነት ይህብ፡፡

   ሐ. ንወገን ዝበፅሕ'ዩ

   መ. ኹሉ መልሲ'ዩ፡፡

2. ኣድላይ ዘይኾነ ወፃኢ ምውጋድ ማለት

   ሀ. ብትልሚ ምንባር ማለት'ዩ

   ለ. ምውፃዕ ስድራቤት ማለት'ዩ

   ሐ. ዓርስኻ ጎዲእካ ንቕድሚት ምሕሳብ ማለት'ዩ

   መ. ኩሎም መልሲ እዮም፡፡

3. ብኽነት ማለት

   ሀ. ብዛዕባ ዕቛር ዘይምሕሳብ ማለት'ዩ

   ለ. ስምዒት ሓላፍነት ዘይምህላው ማለት'ዩ

   ሐ. ስስዐ ማለት'ዩ

   መ. "ሀ"ን"ለ"ን መልሲ እዮም፡፡

4. ባህሊ ምዕቋር ምምዕባል ንሰባት ደሕንነትን ውሕስነትን ይህብ ክበሃል ከሎ
   ሀ. ዝረሃፅኻሉ ምጥቃም ዕግበት ይህብ
   ለ. ስድራ ከይፈርስ ይሕግዝ
   ሐ. "ሀ"ን "ለ"ን መልሲ እዮም
   መ. መልሲ ኣይተዋሃበን

5. ድኽነት ኣተሓሳሰባ ማለት
   ሀ. ስራሕ ዘይምፍታው ማለት'ዩ
   ለ. ንሓበራዊ ረብሓ ዘይምሕሳብ ማለት'ዩ
   ሐ. ንድሑር ልምዲ ምንብርካኽ ማለት'ዩ
   መ. ኹሎም መለሲ እዮም

## V. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሂቡ፡፡

1. ባህሊ ምዕቛር ምምዕባል ድኽነት ንምውጋእ ከመይ ክምዝሕግዝ ብኣብነት ኣረድኡ፡፡

2. ባህሊ ምዕቛር ካብ መንጎ ዝፃብኡ ኸባቢያዊ ፅዕንቶታት እንተነኣሰ ክልተ ኣብነታት ብምጥቃስ እዚኦም ብኸመይ ሜላ ምቅላስ ከምዝካኣል ግለፁ፡፡

# ምዕራፍ ዓሰርተ

## ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ

**ዕላማታት እዚ ምዕራፍ፡-**

**ተምሃሮ እዚ ምዕራፍ ብዝግባእ ምስተማሃርኩም፡-**

- ረብሓ ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ትግንዘቡ፡፡
- ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ዘድልዮም ሕብረተሰባዊ ዛዕባታት ትፈልጡ፡፡
- ኣብ ሕብረተሰብኹም ዝርከቡ ተግባራት ማሕበራት ሲቪክ ትርድኡ፡፡

## 10.1 ኣድላዪነት ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ



*ስእሊ 10.1 ወፍሪ ስራሕ ኣብ ቤት ትምህርቲ*



*ስእሊ 10.2 ኣብ ስራሕ ሕብረተሰባዊ ልምዓት*

- ኣብ መንነ ክልቲኦም ስእልታት ዘሎ ኣፈላላይ ብዝርዝር ግለፁ፡፡
- ኣብ መንነ ክልቲኦም ዘለው ኣፋላለያት ምኽንያቱ እንታይ ይመስለኩም? ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ዘራኣየሉ ኣበየናይ ይመስል?

# መደረ ርዕሰ መምህርና

ርዕሰ መምህር 2ይ ብርኪ ቤት ትም/ቲ ሃገረሰላም ከም'ቲ ዝተለመደ ናይ ሽዱሽተ ወርሒ ፀብፃብ ስራሕ ነቶም ናይ ቤት ትምህርቲ ተምሃሮ ብዘረባ ኣስሚዖም ነይሮም፡፡ ብናቶም ኣገላልፃ ራእይ እቲ ቤት ትምህርቲ ብቑዓት ዜጋታት ንምፍራይ መሰረት ምቕማጥ እዩ፡፡ ነዚ'ውን እቲ ቤት ትምህርቲ ዝህቦም ትምህርታት ፅርየቶም ዝሓለው ክኾኑ ኣለዎም፡፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሃገረሰላም ፅርየት ትምህርቲ ንምርግጋፅ እዞም ዝስዕቡ ፀገማት ክፍትሑ ከምዘለዎም ሓቢሮም እዮም፡፡ እኹል ቐረብ ማይ ዘይምህላው፣ ቑፅሪ ሽቓቕ ዉሑድ ምዃኑ፣ ቤተ ንባብ ዘይምህላው፣ ቤተ ፈተነ ዘይምስርሑ፣ ከይዲ ትምህርቲ ዝፈታተኑን ትምህርቲ ብፅርየት ንኸይካየድ ዕንቅፋት ከምዝነብሩን ኣረዲኦምና፡፡ እቲ ቤት ትምህርቲ ዓሽራይ ክፍሊ ተምሃሮ ንፈለማ እዋን ስለዘፍትን እዞም ተምሃሮ እኹል ብዝኾነ ኹነታት ምድላዎም ዘይምርግጋፁ'ውን እቲ ካሊእ ፀገም ነይሩ፡፡

እዞም ተምሃሮ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዝፀንሕሉ እዋን ካብ ኽፍሊ ወፃኢ ፍልጠቶም ከማዕብሉ ዝኽእሉ ዝኾነ ዕድል ኣይተፈጠረሎምን ነይሩ፡፡ ሕዚ ግና ወለዲ ተምሃሮ ብኣመራርሓ ቤት ትምህርቲ ተወዲቦም ምስ'ቲ ቤት ትምህርቲ ምንቅስቓስ ብምጅማሮም ብዙሓት ፀገማት ፈቲሖም፡፡ ተወሳኺ መስመር ማይ ኣትዩ፣ ዕቡቕ ቤተ ንባብ ተሰሪሑ፣ መፃሕፍቲ'ውን ስለዝተኣኻኸቡ ሎሚ ተምሃሮ ሓገዝቲ ዝኾኑ ፅሑፋት እናተጠቐሙ እዮም፡፡ ሓዱሽ ህንፃ ቤተ ፈተነ ብምህላው እቲ ትምህርቲ ብፈተነ እናተደገፈ ኣብ ምሃብ ይርከብ፡፡

ኣብ ክፍሊ ዝወሃብ ትምህርቲ ኮደገፍቲ ትምህርቲ ክሕገዝ ብምግባር ብተወሳኺ ከም ክለብ ስነዜጋን ስነ ምግባርን ዝበሉ ብዛዕባ ፍትሓዊነትን ሚዛናዊነትን መረፃ ብተግባር ዝተደገፈ ልምምድ ምግባሮም ዓብይ ኣበርክቶ ከምዘለዎ
ኣገንዚቦም፡፡ እቲ ቤት ትምህርቲ ብፍላይ ንፈለማ እዋን ናይ ዓስራይ ክፍሊ ሃገራዊ ፈተና ዘፍትኖም ተምሃሮ እኹል ምድላው ምእንታን ክገብሩ ብዝተፈላለዩ

ዓይነታት ትምህርቲ ብመምህራን ዝሕገዝ ፍሉይ መርሃ ግብሪ ፅንዓት ተተሊሙ ብተግባር እናተተግበረ ምኺኑ ኣብሪሆም፡፡

ተምሃሮ ኣብ ኣመራርሓ ቤት ትምህርቲ ከሳተፉ ንምግባር ረቒቕ ዝነበረ መተሓዳደሪ ደንቢ ተምሃሮ ብኣማኸርቲ ፓርላማ ተምሃሮ ምስ ተርኣየ ውሱን ምምሕያሽ ተገይርሉ ፀዲቑ፡፡ እዚ ኹሉ ስጉምቲ ዝተወሰደ ወለድን ሕብረተሰብን ኣብ ኣመራርሓ ቤት ትምህርቲ ብዝተወደበ መልክዑ ምስታፍ ብምጅማሮም ከምዘኾነ እዮም ርዕሰ መምህር እቲ ቤት ትምህርቲ ሓቢሮም፡፡ ስለዝኾነ ድማ ኣብዚ ዓመት ልዑል ምንቅስቓስ ስለዝገበረ እቲ ቤት ትምህርቲ ናብ ዝሓሸ ፅሬት ትምህርቲ ክበፅሕ ከምዝኽእል ዘለዎም እምነት ገሊፆም፡፡

(ልሳነ ናኦድ "ቀዳማይ ዓመት ቁፅሪ 2 ጥሪ መጋቢት፣ 2000 ካብ ዝተበሃለ መንፈቃዊ ጋዜጣ ቤት ትምህርቲ ሃፀይ ናኦድ ንመበገሲ ክስማዕማዕ ተገይሩ ዝተወሰደ)



## መልመዲ - 1

*ብመሰረት ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ምንባብ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ፀገም ቤት ትምህርቲ ሃገረሰላም እንታይን እንታይን ነይሮም? እንታይ ዓይነት ፍታሕኸ ተዋሂብዎም?
2. ኣብ ፀገማት ቤት ትምህርቲ ሃገረሰላም ኣብ ምልላይን ምፍታሕን ተምሃሮ እቲ ቤት ትምህርቲ እንታይ ኣስተዋፅኦ ገይሮም?
3. ፀገም ቤት ትምህርቲ ሃገረሰላም ከይዲ ምልላይን ምፍታሕን እቶም ተምሃሮ ዑዙዝ ተሳትፎ ክገብርሉ ዝኽእልሉ ኹነታት ምሃለወዶ? ብኣብነት ኣረድኡ?
4. ጭቡጥ ኹነታት ቤት ምህርትኹም መበገሲ ብምግባር ዓበይቲ ዝኾኑ ሓሙሽተ ፀገማት ብምፍላይ ንሕድሕድኦም ፍታሕ ኣቐምጥሎም፡፡
5. ኣብ ከይዲ ምልላይ ፀገማትን ፍታሕ ምሃብን ንጡፍ ተሳትፎኦም ምእንታን ከረጋግፁ ተምሃሮ እቲ ቤት ትምህርቲ ብፅሒቶም እንታይ ክኸውን ይግባእ?

ሕድ ሕድ ተግባራት ብውልቀ ክፍፀሙ ዝኽእሉ እኳ እንተኾኑ ካልኦት ድማ ብሓባር እንትዘይኮይኑ ብውልቀ ዘይፍፀሙ፣ ክፍፀሙ እንተኻእሉ'ውን ኣብዚ እቶ ዘይበሃል ውፅኢት ዘየምፅኡ ኣለው፡፡ ንኣብነት ፀጥታ ኸባቢና ናይ ምሕላው ተግባር ንፈፅም እንተይልና ብውልቀ እንገብሮ ፃዕሪ ብዙሕ ረብሓ የብሉን፡፡ ቁሸትና ምስ ካሊእ ከባቢ ነራኽብ ኢልና እንተተልዒልና ምስ'ቲ ናይ'ቲ ኸባቢ ሕብረተሰብ ብሓባር ኮይና ክንፍፅሞ ይግባእ፡፡ ብውልቀ እንፍፅሞ ነገር ኣይኾነን፡፡

እዚ ዘርእየና ኣብ ውሽጢ ማሕበራዊ ህይወት ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ክንደየናይ ዝኣከል ኣድላይ ምዃኑ'ዩ፡፡ እሞ ከምዚ ዝበለ ንጡፍ ተሳትፎ ቅድም ኢልና ካብ ዝረኣናዮ ብውልቀ ክንጥቀም ንኽእል ኢና፡፡ እዙይ እንትበሃል ካብቲ ውፅኢቱ ነን ሕድ ሕድና ብፂሒትና እንረኽበሉ ኹነታት ክነብር ይኽእል'ዩ፡፡ ሕድሕዱ ተሳታፊ ካብ'ቲ ከይዲ ተሞክሮን ትምህርትን ክረክብ ይኽእል'ዩ፡፡

ሕድሕዱ ተሳታፊ'ውን ብውልቁ ክበፅሕ ይኽእል ካብ ዝነበረ ፀገም ክድሕን ይኽእል፡፡ ብሓባር ኣብ ዝፍፀም ተግባር ንጡፍ ተሳትፎ ምግባር ግና ካብ'ዚ ዝበለፀ ኣድላይነት ዘለዎ እዩ፡፡ ረብሕኡ'ውን ካብ ውልቀ ሓሊፉ ማሕበራዊ ዝኾነሉ ኩነታት ይበዝሕ፡፡ ካብ ውሱን ከባቢ ሓሊፉ'ውን ንወረዳ፣ ንዞባ፣ ንኽፍለ ኸተማን፣ንክልል ኢሉ'ውን ንሃገር ክጠቅም ይኽእል፡፡ ብምዃኑ'ውን ኣድላይነት ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ዝህልዎ ትርጉም ጉልህ ዝበለ እዩ፡፡



## መልመዲ - 2

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ኣድላይ ኣይኮነን ዝብል ሰብ እንተጓኒፍኩም እንታይ መረዳኣታ ብምቕራብ ትካትዑ፡፡
2. ማሕበራዊ ረብሓ ካብ ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ከመይ ገይሩ ክርከብ ከምዝካኣል ብሓፂሩ ኣረድኡ፡፡

# ቤት ትምህርቲ ደንደሮ

ደንደሮ ቤት ትምህርቲ ካብ ኣዲስ ኣበባ ርሑቕ ኢሉ ኣብ ዝርከብ ሓደ ማዕኸላይ ከተማ ዘሎ ቤት ትምህርቲ ሙሉእ ቀዳማይ ብርኪ'ዩ፡፡ ብሓፈሽኡ እዚ ናብ ኸባቢ ሓደ ሽሕን ሸሞንተ ሚኢትን ዝዕግኡ ተምሃሮ ዘለውዎ መንግስታዊ ቤት ትምህርቲ ብርክት ዝበሉ ፀገማት ኣለውዎ፡፡ ካብቶም ፀገማት ዝዓዘዘን ከይዲ ምምሃር ምስትማሃር እቲ ትምህርቲ ብዝለዓለ ዝህውኹን ዝተወሰኑ ተምሃሮ ብዝፈጥርዎ ሓደገኛ ጉጅለ ዝፍፀም ተግባር'ዩ፡፡ ኣባላት እቲ ጉጅለ ኣብ ሰዓት ትምህርቲ እናሰተዩ ብምምፃእ ኣብ መምህራን፣ ተምሃሮን ኣብቶም ዝተረፉ ኣባላት ማሕበረሰብ ቤት ትምህርትን ብዙሕ ፀገም የስዕቡ ነይሮም፡፡

በብመንገዱን በብቁሸቱን ካብ ዝፍፅሙዎ ካሊእ እዞም ስርዓት ኣልቦ ተምሃሮ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ተምሃሮ ኣብ ቀፅሪ ቤት ትምህርቲ ዝተፈላለዩ ጥቕዓታት የብፅሑለን፡፡ ስዓት ትምህርቲ ኣኽቢሮም ናብ ኽፍሎም ስለዘይኣትው ምስ መምህራን ምጉናፅን ምስሕሓብን የብዝሑ፡፡

ዝቆፃፀሮም ካብ ምስኣኖም ዝተልዓለ ብዙሕት መነወርቲ ተግባራት ስለዝፍፅሙ ንዝተረፉ ተምሃሮ ሕማቕ ኣብነት ይኾኑ እዮም፡፡ ንመምህራን ግቡእ ከበሬታ ስለዘይህቡ ደፋሩ ምኽርን ማዕዳን ዝህቦም መምህር ኣይተረኸበን፡፡ ብሓፈሽኡ ብምኽንያት እዞም ተምሃሮ እቲ ቤት ትምህርቲ መልክዕ ቤት ትምህርቲ ክህልዎ ኣይኸኣለን፡፡ ብምኽንያት ዝነበሮም ልምዲ ፀገም ይፈትሑ እዮም ተባሂሎም ናብ'ዚ ቤት ትምህርቲ ተመዲቦም ዝመፁ ሓዱሽ ርዕሰ መምህር ፍታሕ ምእላሽ ጀሚሮም፡፡ እቲ ፀገም ግዘ ዝወሰደ ምኳኑ ዋላኳ እንተዘይኸሓዱ እቲ ኩነታት ጥዕና ናብ ዘለዎ ኸባቢ ትምህርቲ ምቕያር ከምዝካኣል ኣይተጠራጠሩን፡፡ እዚ ውፅኢት ክመፅእ ዝኽእል ግና ሓደ ነገር እንተዳኣ ተማሊኡ ከምዝኾነ ይኣምኑ፡፡ እዚ'ውን ውፅኢት ክርከብ ዝኽእል ብናይ በይኖም ፃዕሪ እንተዘይኾነስ ዝተፈላለዩ ኣባላት ማሕበረሰብ እቲ ቤት ትምህርቲ ዝምልከቶም ወገናትን ኹሎም ካብ ልቢ ዝተበገሰ ንጡፍ ተሳትፎ እንተገይሮም ጥራሕ'ዩ፡፡

ብመሰረት እዚ'ውን ኹሎም ወገናት ሓቢሮም ኣብ ጎኖም ጠጠው ክብሉ ጎስጓስ ኣካይዶም፡፡ እዚ'ውን ተሳኺዒሎም መምህራንን ወለድን ብማሕበሮምን ሕብረቶምን፣ ተምሃሮ ብኣማኸርቶም ከምኡ'ውን ሕብረተሰብ እቲ ከባቢኑ ማሕበራት ጣብያ ኣብ ጎኖም ጠጠው ኢሎም፡፡ እቲ ፀገም'ውን ብናይ ሓባር ፃዕሪ ተፈቲሑ፡፡ ውዒሉ ምስ ሓደረ'ውን እዚ ኹሉ ንጡፍ ተሳትፎ ካልኦት ፀገማት እቲ ቤት ትምህርቲ ንምፍታሕ ብዘይምቁራፅ ተንቀሳቒሱ፡፡ ሎሚ ቤት ትምህርቲ ደንደሮ ኣብ ምንቅስቓሰ ትምህርትን ስነ ምግባርን ካብቲ ዞባ ተመራፂት ኾይና ብምስጉንነት ተሸላሚት ኮይና ኣላ፡፡



## ዕዮ ጉጅለ

1. ባዕልኹም ናይዚ ቤት ትምህርቲ ተምሃሮ ኣባላት ኣማኸርቲ ቤት ምኽሪ ከም ዝነበርኩም ብምሕሳብ ነቲ ዝቐረበ ታሪኽ መሰረት ብምግባር፣ ብጉጅለኹም ኣብቲ ግዜ ዝነበረ ፀገም ብዝርዝር ብምፍላይ ናይ ባዕልኹም መፍትሒ ሓሳብ ብፅሑፍ ኣዳሊኹም ኣቕርቡ፡፡
2. ኣብ'ዚ ሐዚ እዋን ኣብ ቤትትምህርትኹም ዘለው ዓበይቲ ፀገማት በብ ጉጅለኹም ብምልላይ ብናታትኩም ንጡፍ ተሳትፎ ክፍትሑ ንምግባር ክስርሑ ዘለዎም መፍትሒ ሓሳባ ብፅሑፍ ኣዳሊኹም ንናይ ክፍሊ መሓዝትኩም ኣቕርቡ፡፡

ከም ካልኦት ትካላት ቤት ትምህርቲ'ውን ናይ ባዕሉ ማሕበረሰብ ኣለዎ፡፡ ዝኾነ ይኹን ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ ዛዕባ እቲ ሕብረተሰብ ይብፅሖ እዩ፡፡ ዴሞክራሲ ኣብ ዝዓሰሎ ኹነታት ሕድ ሕድ ኣባል ብውልቀ ይኹን ብጉጅለ (ብሓባር) ኣብ ዋኒን እቲ ቤት ትምህርቲ ብንጥፈት ምስታፍ ግቡእ እዩ፡ ስለዝኾነ ድማ ኣብቶም ዝወሃቡ ውሳነታት ተሳትፎ ሕድሕድ ኣባል ክረጋገፅ ይግባእ፡፡ እቲ ኣባል'ውን ብወገኑ ብዘይ ዝኾነ ድፍኢት ብነፃን ብዓርሰ ተበግሶን ብድሌቱን

ንጡፍ ተሳትፎ ብምግባርን ኣብ ዕብየትን ምምሕያሽን እቲ ትካል እጃሙ ከወፊ ትፅቢት ይግበረሉ፡፡ እዚ'ውን ሕድ ሕድ ተምሃሪ ዋኒን ቤት ትምህርቱ ዝብፀሖ ስለዝኾነ ኣብ ዝኾነ እዋን ንጡፍ ተሳትፎ ክገብር ትፅቢት ይግበረሉ ማለት'ዩ፡፡



## መልመዲ - 3

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ኣብ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ኣብ ሓደ ቤት ዕዮ ኣብ ሓላፍነት ዘይኮነስ ብተራ ሰራሕተኛነት ዘገልግል ሰብ ኣብ ጉዳይ እቲ ቤት ዕዮ ዝፍፀም ተግባር ምፍላጥን ኣብ ከይዲ ኣወሃህባ ውሳነ ክሳተፍ ኣለዎዶ? ንምንታይ? ብኸመይ?
2. ንስኻትኩም'ከ ኣብ ዋኒን ቤት ትምህርትኹም ዉሳነ ኣብ ምሃብ ኽትሳተፉዶ ይግባእ? ንምንታይ?

## 10.2 ኣብ ማሕበራት ሲቪክ ተወዲብካ ምስታፍ ዘለዎ ረብሓ



*ምስሊ 10.3 ብኽለት ከባቢ*




*ምስሊ 10.4 ምንቅስቓስ ፀረ ብኽለት ከባቢ*

- ካብ'ዞም ኣብ ላዕሊ ዝቐረቡ ስእልታት እንታይ ተረዲእኹም?
- ኣብ ምስሊ10.4 ዘሎ ማሕበር ነቲ ሕብረተሰብ እንታይ ዓይነት ረብሓ ክህብ ይኽእል?

# ካብ ትኪ ሽጋራ ነፃ ዝኾነ ህይወት ቁልዕነት ይደሊ!

“ኣብ ዓለምና ቆልዑ ክነድኡ ዝኽእሉ ብርክት ዝበሉ ነገራት ይርከቡ፡፡ ህፃናት ካብ’ዞም ነገራት ክሕለው መሰል ከምዘለዎም ኣብ ዓለም ለኸ ሕጊ ተሓጊጉ እዩ፡፡ ንዓርስኹም’ውን ንጉድኣት ካብ ዘሳጥሑ ነገራት ክትሕለው ኣለኩም ይብል ማትያስ ዝተብሃለ፡፡ እዚ መልእኽቲ ዝለኣኸልና አባል ማሕበር ፀረ ሕማም መንሽሮ ኢትዮጵያ ዝኾነ ወዲ 12 ዓመት ሰገን፡፡

ዓለም ለኸ መዓልቲ ሕማሞ መንሽሮ (ካንሰር) ኣብ መላእ ዓለም በብዓመቱ ይኽበር፡፡ ነዚ ዓመት ዝተመረፀ መሪሕ ጭርሖ “ካብ ትኪ ሽጋራ ነፃ ዝኾነ ህይወት ቁልዕነት ይደሊ!” ዝብል እዩ፡፡ እዚ ድማ ትምኒት ኣብ ዓለም ዘለው ህፃናት ኩሎም ከም ዝኾነ ይእመን፡፡ “ሽጋራ ካብ ዘትክኾ ሰብ ሓሊፉ ኣብ’ቲ ኸባቢ ዘለው ካልኦት ሰባት ጥዕና ይጎድእ እዩ፡፡ ስለዝኾነ ድማ ኣብ ገዛና፣ ኣብ ቤት ትምህርትና ይኹን ኸባቢና ዘትክኹ ሰባት ካብ ተግባሮም ክእርነቡ ይግባእ፡ ኩልና’ውን እንተኾና ሽጋራ ዘትክኹ ሰባት ኣብ ኸባቢና እንተሃልዮም ካብ’ዚ ተግባር ንክእረሙ ምትሕስሳብ ካባና ዝሕሎ ተግባር እዩ፡፡” ይብል ማቲያስ፡፡

ዓለም ለኸ ትካል ሕማም መንሽሮ ህፃናት ዓለም ካብ ትኪ ሽጋራ ንከላኸል ዝብል መሪሕ ጭርሖ ተግባራዊ ንምግባር ተሳትፎ ኩላትና ይሓትት፡፡ ጉድኣቱ ብዘይምፍላጥ ሽጋራ ዘትክኹ ሰባት ጎዳኣይነቱ ብምስትምሃር ካብ ተግባሮም ንክእርነቡ ምግባር ናይ ኩላትና ሓላፍነት ከም ዝኾነ የተሓሳስብ፡፡ ኣብ ገዛ፣ ኣብ ውሽጢ መኪና፣ ኣብ ማእኸላት ህፃናት፣ ኣብ ህዝቢ ዝእከበሉን ዝግልገለሉን ቦታ ምትካኽ ሽጋራ ምኽልኻል ናይ ኩላትና ተግባር ከምዝኾነ ይገልፅ፡፡ ነዚ ፃዕሪ ንምዕዋት እዚ ፃዕሪ ህፃናት፣ ወለድን ፈተውቲ ህፃናትን ወዘተ ሓላፍነት ልዑል ከምዝኾነ የመላኽት፡፡ ብምኻኑ ድማ ህፃናት ኣብ ዘይተበከለ ኸባቢ ናይ ምንባር መሰሎም ክሕሎ ከም ዝግባእ ዘምህር እዩ፡፡

(ካብ ጋዜጣ ኣዲሰ ዘመን ጥሪ 25/2000 ዓ/ም ገፅ 2 ንምስትምሃር ከም ዝስማማዕ ተገይሩ ዝተወሰደ፡፡)




*ስእሊ 10.5፦ ኣብ ፅሩይ ኸባቢ ናይ ምንባር መሰልና ይከበር*



## መልመዲ - 4

*ብመሰረት ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ኣብቲ ፅሑፍ ዝቐረቡ ስም ማሕበራት ስቪክ ጥቐሱ፡፡ እንታይ ክሰርሑ ከም ዝኽእሉ'ውን ግለፁ፡፡
2. ብዛዕባ ማትያስ እንታይ ከም ዝተረዳእኹም ግለፁ፡፡



## ዕዮ ጉጅለ

ካብቲ ፅሑፍ ዝተረደአኩም መሰረት ብምግባር ብጉጅለ ብምኳን ነዞም ዝስዕቡ ስርሑ፡፡

ሀ. ኣብ ቤት ትምህርትኹም ንተመሳሳሊ ተግባር ብዛዕባ ክትምስርትዎ እትኽእሉ ሓደ ክለብ ኣረድኡ፡፡

ለ. ኣብ እትምስርትዎ ክለብ ክርከቡ ዝኽእሉ ረብሓታት ብዝርዝር ኣቕርቡ፡፡

ሐ. እዚ መሰረት ብምግባር ናይ ቤት ትምህርትኹም ተምሃሮ ኣብ እቲ ክለብ ንክሳተፉ ዝሕግዝ ሜላ ምብርባር ብምድላው ኣቕርቡ፡፡

ማሕበራት ሲቪክ ነናይ ባዕሎም ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ወይ ድማ ምጣነ-ሃፍታዊ ዕላማታትን ሒዞም ብዓርሰ ተበግሶ ብውልቀ ሰባት ወይ ብጉጅለ ዝምስረቱ ማሕበራት እዮም፡፡ እዞም ማሕበራት ብዓርሰ ድሌት ዝምስረቱ፣ ኢድ ኣታውነት መንግስቲ ዘይብሎም ነፃን ሕጋውን ዝኾኑ ማሕበራት እዮም፡፡ ስለዝኾነ ኣብ ውሽጢ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ንህዝቢ ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ፣ ምጣነ-ሃፍታዊን ፖለቲካውን ግልጋሎት ንምሃብ ሰፊሕ ዕድል ይህልዎም፡፡

ማሕበራት ሲቪክ ብዙሕ ረብሓ ኣለዎም፡፡ መንግስቲ ብምኽንያት ብዘለዎ ውሱን ዓቕሚ ክሰርሖም ኣብ ዘይኽእሎም ስራሕቲ ብዙሕ ግልጋሎት ክህቡ ይኽእሉ፡፡ እቲ ህዝቢ ኣብ ፖሊሲታት መንግስቲ ተመያይጡ ንምምሕያሽን ፖለቲካዊ ከይዱ ንምቁፅፃር ንክኽእል ዴሞክራሲ'ውን ንኽለማመድ ከምዝገብር ምቹው መድረኽ ይፈጥሩ እዮም፡፡ ብተወሳኺ'ውን ኣብ ማሕበራት ሲቪክ ውልቀ ሰባት ንጡፍ ተሳትፎ ብምግባር ልምድን ፍልጠትን ክረኽቡ የኽእሎም፡፡ ኣባላት እቲ ማሕበር ናይ ምትሕስሳብን ምትሕብባርን ባህሊ ከማዕብሉን ኢሉ'ውን ፍቕሪ ስራሕ ከዕብዩ ንምግባር ይጠቕሙ፡፡



## መልመዲ - 5

*ነዞም ዝሰዕቡ ሕቶታት ስርሑ፡፡*

1. ብስራሕ ፍቕሮም ካብ እትፈልጥዎም ሓደ ሽማግለ ሰብኣይ ወይ ሰበይቲ መረዳእታ ኣኪብኩም ሓፂር ፅሑፍ ኣቕርቡ፡፡
2. ረብሓ ማሕበራት ሲቪክ ዘርዝሩ፡፡

# ቱቱዬን ኣቦሓጎኣ ኣብዬን

ቱቱዬ፦ ኣቦይ  መበል ክንደይ ዓመት ልደትካ እያ ኣደይ ዘኽበረትልካ?

ኣብዬ፦ ዛጓለይ፣መበል ሰማንያን ሸሞንተን ዓመተይ እዩ፡፡ እግዚኣብሔር ይባርኽኪ!

ቱቱዬ፦ እዚ እናገበረትልካ ዳኣ ንምንታይ ትጓየቓ ኣላኻ?

ኣብዬ፦ ብዘይ ምፍላጣ'ዩ ዛጓለይ፡፡ "ሎማዓንቲ ልደትካ ዝኽበረሉ ዕለት በምኽኑ ተኽዳዲንካን ማዕሪግካን ኮፍ ክትብል ኣለካ! ካብ ገዛ ክትወፅእ'ውን የብልካን"ትብለኒ ኢላ፡፡

ቱቱዬ፦ ኣየንኡ እዩ ዳኣ እቲ ዘይምፍላጣ ኣቦይ? ኣነ'ውን እንተኾንኩ ኣብ መዓልቲ ልደተይ ሓዱሽ ክዳነይ ተኽዲነ! ተመላኺዐ! ኣብ ሞንጎ ኣዕርኽተይ፣ ኣብ ሓፍተይን ሓወይን  ከፍ ኢለ ኣብ ገዛይ ክህደስዶ ኣይኮነን ዝግበር? ንስኻስ ኣብ ልደትካ ተኽዲንካን ተመላኺዕኻን ኣብ ሞንጎ ስድራ ኮፍ ኣይትብልን?

ኣብዬ፦ ኣየ ቱቱየ ንስኺ ዘይተረደአኪ ነገር ኣሎ፡፡ ሪኢኺ በዓል ፀጋ ዕድመ ክኸውን ዝኸኣልኩ ክንዲዚ ዝኣክል ዘበን ናይ ከባቢና ልምዓት ማሕበር ካብ ምጥያሽ ጀሚሩ ሐዚ በፂሕሉ ክሳብ ዘሎ ደረጃ እናገልገልኩ ብምንባረይን ኮፍ ምባል ገዲፈ ጉንብሕ ቅንዕ እናበልኩ ብምስርሐይ እዩ ነይሩ፡፡ ምኽንያት እዚ ዕድመይ ፍቕሪ ስርሐይ እዩ፡፡ ስለዚ ዝኽረ ልደተይ እንተኽበር ነዚ ዘብቀዐኒ ዝፈትዎ ስርሐይ ክፍለዮ ኣይግባእን፡፡ ተመላኺዐን ተኽዲነን ኣብ ማእኸል ስድራ እኹል ግዘ ተቐሚጠ ነይረ፡፡ ደሓር ካብኡ ክዳነይ ቀይረ ክሰርሕ ነይሩኒ፡፡ ኣብ ማሕበር ልምዓት ድማ ንኣገዳሲ ስራሕ ቆፀሮ ኣለኒ፡፡ መዓልቲ ልደተይ ምስ ኣኽበርኩ እዞም ክልተ ፈተውተይ ከመይ ንረሳዓዮም? እምብኣር  ምስ ኣዴኺ ዘይተረዳዳእና በዚ ምኽንያት እዩ፡፡

ቱቱዬ፦ ኣሃ ሕዚ ተረዳኡኒ ኣሎ ኣብዬ፡፡ ኣነ'ውን ናትካ ኣሰር እየ ዝኽተል፡፡

ኣብዬ፦ኣሰይ ዛጓለይ! የዕቢኺ! ንስኺ'ውን ክንዲ ናተይ ዕድመ ይሃብኪ! ፍቕሪ ስራሕ የሕድረልኪ!



# መልመዲ - 6

*ካብዚ ንላዕሊ ዝቐረበ ምይይጥ መሰረት ብምግባር ነዞም ዘስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ብናታትኩም ኣረዳድኣ ኣብ መንጎ ኣደ ቱቱዬን ኣቦሓጎ ኣብዬን ዝተፈጠረ ኣፈላላይ እንታይ'ዩ?
2. ካብ ህይወት ኣብዬ ዝረኸብክምዎም ክልተ ዓበይቲ ትምህርትታት ግለፁ፡፡
3. ቱቱዬ ካብ ናይ ኣዲኣን ኣቦሓጎኣን ሓሳብ ናይ መኒኦም እንተተኸተል ይሓይሽ? ንምንታይ?

# መጠቓለሊ

ንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ ንማሕበራዊ ልምዓትን ንህንፀት ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ህዝብታትን ኣድላይ እዩ፡፡ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ህዝብታትን ክምዕብል፣ ቅልጡፍ ማሕበራዊ ዕብየት ክመፅእ፣ ማሕበራዊ ድሕንነት ክረጋገፅ ዝኸእል ኩሎም ዜጋታት ንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ እንትገብሩ'ዮ፡፡ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ንንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ ምቹው ኩነታት ይፈጥር፡፡ ካብዚኦም እቲ ሓደ ብነፃ ናይ ምዉዳብ መሰል እዩ፡፡ ምውዳብ'ውን ዝተበታተነ ሓይሊ ትኣኪቡ ጠንካራ ሓይሊ ንክፍጠር ይገብር፡፡

ማሕበራት ስቪክ እውን ውፅኢት መሰል ምውዳብ እዮም፡፡ ውልቀ ሰባትን ጉጅለታትን ብናይ ባዕሎም ተበግሶ ንዝተፈላለዩ ማሕበራውን ምጣነ-ሃፍታው ዕላማታት ማሕበራት ስቪክ የጣይሽዎም እዮም፡፡ ንሳቶም'ውን ካብ ኢድ ኣእታውነት መንግስቲ ነፃ ኮይኖም ማሕበራዊ ግልጋሎት ብምሃብ ንመንግስቲ ካብ ምሕጋዞም ካሊእ ንምሕያል ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ልዑል ኣስተዋፅኦ ይገብሩ፡፡ ንህዝቢ ብዴሞክራሲያዊ መንገዲ ንከይዲ ኣፈፃፅማ ፖሊሲ መንግስቲ ቑፅፅርን ተሳትፎን ንምግባር መድረኻት ከይኖም"ውን የገልገሉ፡፡ ፅቡቓት ማሕበራት ሰቪክ ባህሊ ምትሕግጋዝን ፍቕሪ ስራሕን ንክዓቢ ይሕግዙ፡፡ በዚ መሰረት ድማ ንስኻትኹም ኣግባብ ኣብ ዘለዎም ሲቪክ ማሕበራት ካብ ሐዚ ጀሚሩ ኣባል ብምኳን ንጡፍ ተሳትፎ ብምግባር ክትለማማዱን ካባኻቱም ትፅቢት ዝግበር ዜግነታዊ ግቡእኹም ክትዋፅኡን ይግባእ፡፡ ብንጡፍ ተሳትፎኹም ባህሊ ስራሕኹም ምዕባይን ፍቕሪ ስራሕ'ውን ከተማዕብሉን ክትኽእሉ ኣለኩም፡፡

## ኣገዳስቲ ቃላት

ውልቃዊ ረብሓ፦ ሰባት ካብ ሓደ ነገር ብነፍሲ ወከፍ ዝረኽብዎ ረብሓ፣

ማሕበራዊ ረብሓ፦ ሰባት ብሓባር ወይ ዝተወሰኑ ኣባላት ማሕበረሰብ ብሓባር ካብ ሓደ ነገር ዝረኽብዎ ረብሓ፣

ጎስጓሰ(ምብርባር)፦ ሰባት ሓደ ዕላማ (ተግባር) ክርድኡ፣ ክድግፉ፣ ክቃወሙ፣ ወዘተ ንምግባር ዝካየድ ናይ ምሕባል ወይ ምልዕዓል ተግባር፣

ፍቕሪ ስራሕ፦ ስራሕ ንምንባር ዘድሊ ምኻኑ ብምርዳእ ስራሕ ናይ ምኽባር ስምዒት፣

## መጠቓለሊ ሕቶታት

I. *ቐፂሎም ዝቐረቡ ምሉእ ሓሳባት ብምንባብ ትኽክል ንዝኾነ "ሓቂ" ትኽክል ንዘይኾነ ድማ "ጌጋ" ብምባል መልሱ፡፡*

1. ካብ ንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ ክርክብ ዝኽእል ውልቃዊ ረብሓ ጥራሕ'ዩ፡፡
2. ኣብ ውሽጢ ውድድር ዓለም ዝነብር ዝኾነ ጠቓሚ ተግባር ክፍፀም ዝግበኦ ብውልቀ ጥራሕ'ዩ፡፡
3. ፍቕሪ ስራሕ ዝግለፅ ብዛዕባ ረብሓ ስራሕ ብምዝራብ ጥራሕ'ዩ፡፡
4. ማሕበራት ስቪክ ተወዲቦም ንህዝቢ ሰፊሕን ዝረብሕን ተግባር ንምፍፃም ክኽእሉ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት የድልዮም፡፡
5. ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ፍቕሪ ስራሕ ንምፍጣር ይሕግዝ፡፡

II. *ካብ'ዚ ንታሕቲ ኣብ መደዳ "ሀ" ንዝቐረቡ ኣብ መደዳ "ለ" ምስ ዝቐረቡ ኣዛምዱ።*

| ሀ | ለ |
|---|---|
| 1. ብወልቀ ዘይፍፀም | ሀ. ቤተሰብ፣ ጣብያ፣ ወረዳ፣ ክልልን ሃገርን |
| 2. ካብ ረብሓታት ማሕበራት ሲቪክ | ለ. ውፅኢትንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ ሓዲኡ'ዩ |
| 3. ማሕበራዊ ረብሓ ካብ ዝረኽቡ ኣካላት | ሐ. ማሕበራት ሰቪክ |
| 4. ካብ ኢድ ኣታውነት መንግስቲ ነፃ ዝኾነ | መ. ከባቢያዊ ልምዓት |
| 5. ዴሞክራሲያዊ ስርዓት | ረ. ብዓቕሚ መንግስቲ ጥራሕ ክስርሑ ዘይኽእሉ ስራሕቲ ምሕጋዝ |
| | ሰ. ንንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ ዘመቹ ኹነታት |

III. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ኣንቢብኩም ትኽክለኛ መልሲ ሃቡ፡፡*

1. ካብ ረብሓ  ማሕበራት ሲቪክ እቲ ሓደ
   - ሀ. ኣባላቱ ናብ ፖለቲካዊ ስልጣን ምብፃሕ፣
   - ለ. መንግስቲ ናይ ዓቕሚ ውሱንነት ስለዘለዎ ተተኪኡ ምስርሑ፣
   - ሐ. ፖሊሲታት መንግስቲ ንምምሕያሽ ህዝቢ ዝሳተፉሉ መድረኽ ምፍጣሩ፣
   - መ.ንዝተገፍዑ ማሕበራዊ ወገናት ፖለቲካዊ ወገናዊነትሒዝካ ምቅላስ
2. ዝኾኑ ይኹኑ ጠቐምቲ ስራሕቲ፣
   - ሀ. ብውልቀ ክስርሑ ይግባእ፣
   - ለ. ብሓባር ክስርሑ ይግባእ፣
   - ሐ. ከከም ኩነታቱ ብውልቀ ወይ ብሓባር ክስርሑ የድሊ፣
   - መ. መልሲ ኣይተውሃበን

3. ብዛዕባ ማሕበራት ስቪክ ሓቂ ዝኾነ ኣየናይ'ዩ?

   ሀ. ብውልቀ ሰብ ወይ'ውን ብሓባር ብዓርሰ ድልየትን ተበግሶ ክምስረት ይኽእል፣

   ለ. ካብ መንግስቲ ብዝወሃብ ኣመራርሓ መሰረት ይሰርሕ፣

   ሐ. ማሕበራዊ እምበር ምጣነ ሃፍታዊ ዕላማ ኣይህልዎን፣

   መ. መልሲ ኣይተውሃበን

4. ካብ ንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ ኣባላቶም ማሕበራዊ ረብሓ ዝረኽቡ

   ሀ. ሃገር
   ለ. ናይ ጣብያ ሕብረተሰብ
   ሐ. ናይ'ቲ ወረዳ ሕብረተሰብ
   መ. ኩሎም ትኽክለኛ እዮም

## IV. *ነዞም ዝስዕቡ ባዶ ቦታታት ትኽክለኛ ቃል/ሓረግ ምልኡ፡፡*

1. ማሕበራት ሰቪክ ውዕኢት መሰል ብነፃ ______________________ እዮም፡፡
2. ሓደ ሕብረተሰብ ኣብ ከባቢኡ ብሓባር ሓደ ናይ ልምዓት ስራሕ ብህርኩትነት ሰሪሖም ካብ ውዕኢቱ ዕቡቕ ግልጋሎት እንተረኺቦም እዚ ናይ ______________________ ማሕበራዊ ረብሓ ሓደ መግለፂ ይኸውን፡፡

## V. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሓቡ፡፡*

1. ካብ ረብሓታት ማሕበራት ስቪክ ክልተ ዕርሑ፡፡
2. ካብ ንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ ዝርከቡ ውልቃውን ማሕበራውን ረብሓታት ዘለዎም ኣፈላላይ ብኣብነት ኣረድኡ፡፡

# ምዕራፍ ዓሰርተ ሓደ


## ኣለሻ ፍልጠት

**ዕላማታት እዚ ምዕራፍ፣**

**ተምሃሮ እዚ ምዕራፍ ብዝግባእ ምስ ተምሃርኩም፡-**

- ቀንዲ ፍልፍላት ፍልጠት ትግንዘቡ፡፡
- ድሑር ኣተሓሳሰባን ኣርኣእያን ብምፍላይ ረብሓ ፍልጠት ትግንዘቡ፡፡
- ባህሊ ልምዲ ምንባብን ኣተሓሕዛ መረዳእታን ትግንዘቡ፡፡

## 11.1 ቀንዲ ፍልፍላት ፍልጠት



ስእሊ 11. 1 ትምህርቲ ፍልፍል ፍልጠት እዩ፡፡



ስእሊ 11.2 መፃሕፍትን ጋዜጣታትን ፍልፍላት ፍልጠት እዮም፡፡



ስእሊ 11.3 ሰባት ፍልፍል ፍልጠት እዮም፡፡

- ኣብ ስእሊ11.1 እንሪኦም ዘለና ሰባት ንፍልጠት ፍልፍል ዝኾን መረዳእታት ካበይ ዝረኸቡ ይመስለኩም?
- ኣብ ስእሊ 11.2ን 11.3ን እትሪኡዎም ዘለኹም ሜላታት መርከቢ ፍልጠት ብምንታይ ይመሳሰሉ? ኣፈላላዮም'ኸ እንታይ'ዩ?

# ጥቕምቲ

ወርሒ ጥቕምቲ ኣብ መብዛሕቲኦም ከባቢታት ሃገርና ብክልተ ነገራት ትፍለጥ፡፡ ብዕምበባን ሸዊትን፡፡ ዕምበባ ምልክት ሰላም፣ ሓጎስን ብስራትን እዩ፡፡ ካብ'ዚ ብተወሳኺ ሰባት ከም መግለፂ ፍቕሪ፣ እምነትን መግለፂ ምስግናን እውን ይጥቀመሉ፡፡ ዕምበባ ኣብ ግዘ ሓዘን'ውን ይጠቅም'ዩ፡፡ ምኽንያቱ ዕምባባታት ቐልጢፎም ረገፍቲ ስለዝኾኑን ንሓፂር ዕደመ ሰብ ከም ኣብነት ይቐርቡ እዮም፡፡

እቲ ካሊእ መፍለይ ወርሒ ጥቕምቲ ድማ ሸዊት'ዩ፡፡ በዝሒ ፀባን ጠስምን ዝርከበላ ወርሒ እያ፡፡ መዓዝ እዚ ጥራሕ ወርሒ ጥቕምቲ ኣዶ ማዓር እያ፣ መዓር ንመዓሩ'ኳ ኣፍላ ማዓር! "ማዓር ምብርባር ኣብ ጥቕምቲ"፣ "እኽሊ ምዕቛር ኣብ ጥቕምቲ"፣ "ቆልዓን ብጡብ እኽሊን ኣብ ጥቕምቲ" ዝብሉ ኣበሃህላታት ኹሉ ነገር ብበዝሒ ምርካብ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ጥቕምቲ ዝርከቡ ነገራት ምሩፃት ምዃኖም የርኢ፡፡

እዞም ኣባሃህላታት ዝተረኸቡ ነገራት ብኣግባቡ መሓዝ ከምዘድሊ እውን ይሕብሩ፡፡ ንኣብነት ቆልዓ ብጡብ፣ እኽሊ ኣብ ጥቕምቲ" ዝብሉ ንርአ፡፡ እቲ ቀዳማይ ቆልዓ ኣብ ቆልዕነቱ ብዝግባእ እንተዘይ ኣሊኻዮ፣ እንተዘይ ኣዕቢኻዮ ወይ ደማ ከይሓብሐካዮ እንተዓብዩ ዕቡቕ ዜጋ ከምዘይኸውን፣ ኣብ እዋን ጥቕምቲ ኣዝመራ ከይበላሸ እንተዘይ ተኸናኺንካዮ ከምኡ'ውን ኣብ ኣዋርሕ ታሕሳስን ጥሪን ዝተረኸበ ፍርያት እኽሊ ብዝግባእን ብዓቐንን እንተዘይ ተጠቒምካሉ ኣብ ሰነን ሓምለን ምጥማይካ ኣይተርፍን'ዩ፡፡ ስለዚ ምህርቲ'ውን ካብ ቦቑሉ ኣትሒዙ ብክንክን ምሓዝ የድሊ ማለት'ዩ፡፡

ጥቅምቲ ብዚኦም ጥራሕ ኣይኮነትን እትፍለጥ፡፡ ወሓዝቲ ሩባታት ኩሉሊ መሲሎም ዝረኣዩላ ውርሒ'ውን እያ፡፡ ኮይኑ ግን ማይ ጥቅምቲ ደላይኡ ውሑድ እዩ፡፡ “ማይስ ናይ ወርሒ ጥቅምቲ ነይርኪ መን'ሞ ይስተኺ ምኽሪ ናይ ድኻ ነይርኪ መን'ሞ ይስማዕኪ” ዝበሃል'ውን ነዚ'ዩ፡፡

(ካብ ካሕሳይ ገ/እግዚኣብሔር፣1998፣112-115 ተመሓየሹ ዝቐረበ)



## መልመዲ - 1

*ኣብ ላዕሊ ኣብ ዝቐረበ ምንባብ ብምድራኽ ነዞም ዘስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ብዛዕባ ወርሒ ጥቅምቲ ዝፀሓፈ ሰብ መረዳእታ ዕሑፉ ካበይ ዝረኸቦ ይመስልኩም?
2. እቲ ደራሲ መረዳእታኡ ከመይ ገይሩ ክእክብ ክኢሉ ትብሉ?
3. ካብ'ዚ ተበጊሰኩም ፍልጠት ክርከብ ዝኽእለሉ ፍልፍል መረዳእታታት ዘርዝሩ?

ፍልጠት ካብ ዕድመና፣ ልምድናን ካብ ደረጃ ትምህርትናን ብእንረኽቦ መረዳእታ ተሰሪቱ ዝዓቢ ሃፍቲ ህሊና'ዩ፡፡ ፍልጠት ብዘለና መረዳእታ ዝምዘን'ዩ ምባል ይከኣል፡፡ ስለዚ ኣብ ከይዲ ምምዕባል ፍልጠት ጉዳይ መረዳእታ ብቐሊሉ ዝረአ ኣይኾነን፡፡

ፍልጠት ካብ መፃሕፍቲ፣ ጋዜጣታት፣ ሬድዮን ቴሌቪዥንን፣ ከምኡ'ውን ካብ ሰባትን ኽባቢን ዝርከብ'ዩ፡፡ ብምኻኑ'ውን ኸባቢ ሓደ ፍልፍል ፍልጠት'ዩ፡፡ ንኣብነት ልዕል ኢሉ ዘንበብናዮ ብዛዕባ ወርሒ ጥቅምቲ ዝተፅሓፈ ፅሑፍ እቲ ደራሳይ ኽባቢኡ ተዓዚቡን ኣበሃህላ ወለዱ ሰሚዑ ብምምዝጋቡ'ዩ፡፡ እዚ ኹነታት ፍልጠት ኣብ ምእማት ከይዲ ትዕዝብቲ፣ ምስማዕን ምውህሃድ ንባብን መረዳእታን የርኢ፡፡

ፍልጠት ካብ ኸባቢና ብንረኽቦም ነገራት ብቐጥታ ብምርኣይ፣ ብምጭናው፣ ብምጥዓም፣ ብምድህሳስን ምስማዕን ዝርከብ'ዩ፡፡ ብዛዕባ ሩባታት ከባቢና ምውሳኽ ወይም ምንካይ መጠን ማይ፣ ብዛዕባ ሰላማዊ ምንቅስቓስ ሰባት፣ ብዛዕባ ኣብ ኸባቢ ዘሎ ልምዓት፣ ፍልጠት ዝህልውና ብቐጥታ ብኣካል ኣብቲ ቦታ ተረኺብና እዩ፡፡

ኣብ ሳይንሳዊ መረዳእታ ዝተመስረተ ፍልጠት ካብ እንረኽበሎም ፍልፍላት እቲ ቀንዲ ቤት ትምህርቲ'ዩ፡፡ እዚ ዝኾነሉ'ውን ድማ ብዝተፈላለዩ ሙያታት ዝሰልጠኑ መምህራን ኣብ ቤት ትምህርቲ ስለዝርከቡ እዩ፡፡ እዚኦም ኣብ ተኣማኒ መረዳእታ ዝተኮረ ፍልጠት እናዳለው የቕርቡ፡፡ ብርግፅ ዝተፈላለዩ ፅሑፋት ብምንባብ ብዙሕ ፍልጠት ክንረክብ ንኽእል ኢና፡፡ ከም ሬድዮን ቴሌቪዥንን ዝኣምሰሉ'ውን ፅቡቓት ፍልፍል ፍልጠት እዮም፡፡ ከይድካ ብምዕዛብ'ውን ፍልጠት ዝርከበሎም መረዳእታታት ኣለው፡፡ ንኣብነት ብዛዕባ ኣብ ሃገርና ዝርከቡ ትኹላት ኣእማን ጥያ፣ ብዛዕባ መንጫዕጫዕታ ሩባ ኣባይ፣ ብዛዕባ ቤተ ኣምልኾ ድሬ ሼክ ሁሴን፣ ብዛዕባ ህንፃ ሃረር፣ ብዛዕባ መበቆል ወዲ ሰብ ዝኸነት ሃዳር ክምኡ'ውን ብዛዕባ ቀላያት ሓጓፍ ሸንጥሮ ብዛዕባ ሓወልትታት ኣኽሱም ከንፈልጥ እንተደሊና መረዳእታ ጉዕዞ ትዕዝብቲ ቀንዲ ፍልፍል ፍልጠት ይኸውን፡፡

ኾይኑ ግና ንምዕባለ ፍልጠትና ዘድልዩና መረዳእታታት ክንወስድ ከለና ምጥንቃኽ የድልየና፡፡ ምኽንያቱ ድማ ሓድ ሓደ ጋዜጣታት ወይ ድማ ጣብያታት ፈነወ ሬድዮ ከምኡ'ውን ውልቀ ሰባት ዝተዛበዐ ወይ ድማ ሓቅነት ዘይብሉ ፍልጠት እንተቐሪቦምልና እንረኽቦ መረዳእታ ዝተዛበዐ ክኸውን ስለዝኽእል እዩ፡፡ ስለዝኾነ እቲ መረዳእታ ቅድሚ ምቕባልና ምስ ካልኦት መረዳእታታት ምምስኻር ከምኡ'ውን መምህራንን ፈላጣት ሰባትን ምሕታትን ምርግጋፅን ይግበኣና፡፡



## መልመዲ - 2

**እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ስርሑ፡፡**


1. ካብዞም ዝስዕቡ ርእስታት ናዓኹም ዝጥዕመኩም ብምሕራይ ወይ ድማ መምህርኩም ዝሀብኹም ርእሲ ወሲድኩም ካብ ዝተፈላለዩ ፍልፍላት መረዳእታታት ኣክቡ፣ ነቶም መረዳእታታት ድማ ብዝተፈላለዩ ሜላታት ኣዋድድዎም፡፡
   - ሀ. ርክብ ቤት ትምህርትን ወለድን እንታይ ይመስል?
   - ለ. መልዓሊ ሕማም ዕቡድ ከልብን ክግበር ዝግበኦ ጥንቃቐን እንታይ ከምዝኾነን፣
   - ሐ. ኣብ ከባቢኹም ዘለው ሓረሰቶታት፣ ኣርባሕቲ እንስሳት ወይ ድማ ነጋዶ መሰረታዊ ፀገማት ንምውጋድ ከመይ ከምዝፅዕሩን፣
   - መ. ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ግደ ወለዲ እንታይ ከምዝኾነ፣
2. ነዞም ዝኣከብኩምዎም መረዳእታት ብዝግባእ ኣዋዲድኩም ንመምህርኩም ኣርእዩ፡፡

## 11.2 ድሑር ኣተሓሳስባን ኣራኣእያን

- ኣተሓሳሰባን ኣረኣእያን ድሑር ክንብል እንተለና እንታይ ማለትዩ? ኣብ ከባቢኹም እተሰተውዕልዎም እንታይ ዓይነት ድሑር ኣረኣእያታት ኣለው?

### ዕዮ ገዛ መምህር ተስፉይ

መምህር ተስፉይ ንዘምህርዎም ተምሃሮ ሻድሻይ ክፍሊ ኣብ ከባቢኦም ካብዘለው ድሑራት ኣተሐሳሰባታትን ኣረኣእያታትን መዝጊቦም ከምዕኡን ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ክመያየጡሎም ገበሩ፡፡ እቶም ተምሃሮ ድማ ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ይራእዩ እዮም ዝበልዎም ድሑራት ኣተሓሳሰባታትን ኣረኣእያተታትን ብዝርዝር ሒዞም መፂኦም፡፡ ካብቶም ተምሃሮ ሒዞምዎም ዝመፁ ናይቶም ዉሱናት እዞም ዝስዕቡ ነይሮም፡፡






## መልመዲ - 3

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ካብ መንጎ እቶም ሓሙሽተ ተምሃሮ ድሑር ኣረኣእያ ሒዞም ዝመፁ ኣየናኦም እዮም? ከምዚ ዘበለኩም ምኽንያት እንታይ'ዩ?
2. ንስኻትኩምከ ኣብ ኸባቢኹም ከምዚኦም ዓይነት ድሑራት ኣተሐሳሰባታት ተዓዚብኩምዶ? እስቲ ኣብ ክፍሊ ተመያየጡሎም፡፡
3. መበገሲ ምኽንያት እዞም ኣረኣእያታትን ኣተሐሳስባታትን እንታይ ክኾን ይኽእል?
4. ኣረኣእያታት ድሕረትን ኣለሻ ፍልጠትን ናይ ምምዕባልን ዝንባለ ከመይ ይጎድኡ?

ድሕረት ኣረኣእያ ብሳይንስ ዘይተደገፈ ኣብ ዕሙት ግምት ዝተመስረተ ጎዳኢ ልማድ'ዩ:: ብፍላይ ተፈጥሮን ሰብ ስራሕ ፀገማትን ክንገዳእ ከለና ንኣታሓሳስባ ድሕረት ናይ ምቅላዕ ዕድልና ይሰፍሕ:: ንኣብነት ብቴክኖሎጂ ተደጊፍና እኹል ምህርቲ ምፍራይ እንተዘይ ኪኢልና፣ ሕፅረት ዝናብ እንተጋጥም ወይ ድማ ዝናብ እንትበዝሕ ዘራእትና ይጠፍኣና:: ሽዑ ንጠሚ:: ክጠምየና ከሎ ድማ ዝኾነ ሓደ በደል ሰሪሕና ፈጣሪ ዝተቆጠዐና ክመስለና ይኽእል:: ኾይኑ ግና ብዘበናዊ ትምህርቲ ብዝርከቡ ውፅኢት ቴክኖሎጂ ተዳጊፍና እንተፍሪናን ዓርስና እንተኽኢልናን ካብዚ ዕሙት ግምት ንላቐቕ ኢና::

ሰባት ፀገም ምዝባዕ ጥዕና የጓንፎም ይኽውን:: ሓድ ሓደ ሰባት መበገሲ ሕማሞም ዝኾነ ምኽንያት ከምዘሎ ይሓስቡ:: ንኣብነት ኤድስ ምስ ቁጠዐ ፈጣሪ ዘተኣስስርዎ ሰባት ኣይሳኣኑን:: እሞ እዚ ብዛዕባ ኣመፃፅኣ ሕማማት ዘይተረጋገፀ ኣራኣእያ ምፍጣር'ዩ::

ድሕረት ኣረኣእያታት ንኣምልኮ ባዕዲ ከሳጥሑና ይኽእሉ እዮም:: ኣምልኾ ባዕዲ ኣብ ሂወት ምንም ፅዕንቶን ረብሓን ዘይብሎም ነገራት መለኮታዊ ሓይሊ ከምዘለዎም ብምእማን ናታቶም ተገዛኢ ምኳን'ዩ:: ሓድ ሓደ ሰባት ዝተፈላለዩ እንስሳት መንፈሳዊ ሓይሊ ኣለዎም ኢሎም ብምእማን ነቶም እንስሳት ግብሪ ይግብረሎም:: ካልኦት ድማ ዝናብ ክጠፍእ ከሎ ወይ ድማ ካሊእ ዓይነት ፀገም ከጋጥሞም ከሎ እዚ ዝገበረ ኣምላኽ እቲ ሩባ'ዩ ወይ ደማ ቆለ'ዩ ኢሎም ብምሕሳብ ንዝኣምንዎ መስዋእቲ (ግብሪ) የቕርቡ::

ኣብ ትሕቲ ድሑር ኣተሓሳስባን ኣረኣእያን ዘለዉ ወገናት ልምዓት ብስራሕ ኣብ ክንዲ ምምፃእ “ንሱ ንዓይ ዘበሎ ኣይሰኣኖን” ብምባል ንዕድሎም ምፅባይ ይመርፁ:: ከምኦም ዝበሉ ካብ ፀገም ተናጊፎም ክርእዩ ከለው “ዕድሉ ተፃሒፉ እዩ” ይብሉ:: መነባብሮ ኣይሳኻዕን እንተይልምዎም'ውን ነቲ ዕድሎም እናማረሩ ናብ ቅልውላው ኣተሓሳስባ ክኣትው ይኽእሉ:: ነዚ'ውን እዩ “ንመከራ ዝበሎ

እንተነገደ'ውን ኣየትርፍን" ዝብል ኣፍኣዊ ምስላዊ ኣዘራርባ እንሰምዖ፡፡ ንዕድል ብዝምልከት ዝተገጠመ'ውን ኣሎ፡፡

ወይ ነዓይ ቅተል ወይ ዕድለይ ባርኾ
ተቀዲዱ ከብደይ እንትጠምየኒ ዝሓኾ፡፡

ከምዚ ዓይነት ኹነታት ድማ ምምብርካኽን ምቑራፅ ተስፋን የስዕብ፣ ሰባት ተስፋ እንትቖርፁ ብባዕሎም ብምትእምማንን ብቓልሶም ካብ ፀገም ኣብ ክንድ ዝወፁ ንባዕሎም ናብ ሓደጋ ከእትው ይኽእሉ፡፡ ጠቕሊልካ እንትረአ ድሑር ኣረኣእያን ኣተሓሳሰሳስባን ጎዳእነቶም ልዑል እዩ፡፡ ስለዝኾነ ድማ ጉድኣቶምን ኣልቦ ረብሓኦምን ነቲ ማሕበረሰብ ብተግባር ብምርኣይ ኣብ ከይዲ ከነወግዶም ይግባእ፡፡ ኣቐዲምና ግና ንሕና ንባዕልና ብትምህርትና ነፊዕና ኣተሓሳስባና ኣብ ሳይንሳዊ ኣረኣእያ ክንምስርት ትፅቢት ይግበረልና፡፡



## መልመዲ - 4

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ድሑራት ኣተሓሳስባታት ኣብ ጥዕና እንታይ ጉድኣት ከስዕቡ ይኽእሉ?
2. ብኣምልኾ ባዕዲ ምዕማድ ካብ ምንታይ ዝመፅእዩ? ንሱኸ እንታይ ጉድኣት ኣለዎ?
3. ደረጃ ትምህርቲ ሓፍ ክብል ምግባር ካብ ኣታሓሳስባ ድሕረት ንምንጋፍ ከመይ ይሕግዝ?

## 11.3 መረዳእታ

- ንስኻትኩም መረዳእታት ብስርዓት ኣዋዲድኩም'ዶ ትሕዙ? እስካብ ሕዚ ብኣግባቡ ዝሓዝኩምዎም እንታይ መረዳእታታት ኣለውኹም?
- ዘለውኹም መረዳእታታት ብዝግባእ ኣዋዲድኩም ምሓዝኩም ረብሕኡ እንታይ'ዩ?

## መስተውዕላይ ዘበርጋ

ዘበርጋ ኣብ ኸባቢ ትኹል እምኒ ጥያ ዘላ ገፀር ቤት ትምህርቲ ተምሃራይ ሻድሻይ ክፍሊ'ዩ። እዚ ቆልዓ ብተፈጥሮኡ ንቑሕ፣ ብትምህር'ውን ንቑዕ'ዩ። ገና ምንባብን ምፅሓፍን ምስጀመረ ናይ ኣዲኡን ኣብኡን፣ ኣሕዋቱን ኣሓቱን ክምኡ'ውን ናይ ባዕሉ ዝከረ ውልደቱን ትውልዲ ቦትኡን ንወለዱ እናሓተተ ኣብ መዘክርታኡ ፅሒፉ። ዕድሚኡ እናወሰኸ እንትመፅእ ናይ ካልኦት ኣዝማዱ ታሪኽ ህይወት እንተይተረፈ ብምሕታት ብሓፂሩ መዝጊቡ። ከምዚ ገይሩ ብምስርሑ'ውን ባዕሉ ናይ ኣየናይ ስድራ ቤት ጉራጌ ተወላዳይ  ከምዝኾነ ንኽፈልጥ ፈቲኑ'ዩ።

ካብዚ ሓሊፉ ናይ'ቲ ኸባቢ ሓሙሸተ ጣቢያታት መፀውዒ ስማት ካብ ዓበይቲ እናሓተተ መዝጊቡ። ቐፂሉ ድማ እቶም ጣቢያታት ንምንታይ እዞም መፀውዒ ስም ክረኽቡ ከምዝኻኣሉ ካብ ዓበይቲ  እናሓተተ ኣብ  ዓበይ መዘክር ፅሒፉ። ኣብዚ ቐረባ እዋን ድማ ናይ ጥያ ትኩል እምኒ ታሪኽ ካብ ተወለድቲ እቲ ኸባቢን መምህራንን እናሓተተ ምምዝጋብ ጀሚሩ'ዩ።

እዚ ናይ ሻደሻይ ኽፍሊ ስነ ዜጋን ስነ ምግባርን ትምህርቲ ተማሂሩ እንትውድእ ድማ ብዛዕባ ስድራኡ፣ ኸባቢኡ፣ ኣብ'ቲ ኸባቢ ብዛዕባ ዝረኣዩ ጠቐምቲ ተሞክሮታት ካብዚ ስፍሕ ዝበለ መረዳእታ ከምዝታኣኻኽብ ተዛሪቡ እዩ።

ዘበርጋ እዚ ይግበር እምበር ሓድ ሓደ መሓዝቱ ግና ልክዕ ከም ስራሕ ዝፈትሐ ገይሮም ይረእይዎ። "ዘበረጋ ኣብ ክንዲ ትምህርቱ ምፅናዕን ስድርኡ ምሕጋዝን ኣብ ዝረብሕን ዘይረብሕን ነገር እናጫሕበረ ይውዕል" እናበሉ ይሳለትዎ።



# መልመዲ - 5

*ብመሰረት ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ምንባብ ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ዘበርጋ ትኽክል ድዩ ወይስ ብርግፅ ስራሕ ናይ ዝፈትሐ ስራሕ እናሰሐር'ዩ?
2. ዘበርጋ እዚ ዝጀመሮ ስራሕ ብዝበለፀ ውፅኢታዊ ንምግባር ምስ ምእካብ መረዳእታ ጎኒ ንጎኒ እንታይ ክገብር ይግበኦ ይመስለኩም?

መረዳእታ ብዛዕባ ስድራና፣ኸባቢና፣ ባዕልና፣ ቤት ትምህርትና ክምኡ'ውን ብዝተወሰነ ብርኪ ብዛዕባ ሃገርና ጠቓሚ ሓሳባት እንረኽበሉ ኣንፈት'ዩ፡፡ እዚ ብምርድኡ እዩ ዘበርጋ ዓቕሙ ዝፈቐደሉ እንናተኸታተለ ዝምዝግቦ፣ ስለዝኾነ ድማ ክድነቕን ክተባባዕን ይግብኦ፡፡

መረዳእታ ጠቓሚ'ዩ፡፡ ስለዝኾነ ብተኸታታሊ ክእከብን ብጥንቃቐ ክታሓዘን ይግባእ፡፡ እዚ እንትበሃል ኣብ ዝኾነ እዋን እንረኽቦ መረዳእታ እንተይኣናአስና ምምዝጋብ ኣለና ማለት'ዩ፡፡ ንኣብነት ቅድሚ ሰሙን ዝነበረን ሎሚዓንቲ ዘሎን ኹነታት ኣየር እንተንኣሰ መጠናዊ ኣፈላላይ ምርኣይ ኣይተርፍን'ዩ፡፡ ስለዝኾነ ኣብቲ ዝሓለፈ ሰሙን መዝጊብናዮ ኢና ኢልና ናይ ሎሚ ክንሓልፎ የብልናን፡፡ በዚ ዓይነት መንገዲ ዋጋ ንግዲ ኣቁሑ፣ ኹነታት ጥዕና፣ ኣብ ሰባት ዝራኣዩ ባህርያት፣ ዕብየት እንስሳትን ኣእዋማትን ወዘተ በብግዚኡ ክልወጡ ይኽእሉ እዮም፡፡ ብምኽንያቱ'ውን እናተኸታተልና ከየቋረፅና ክንምዝግብ ይግባኣና፡፡

መረዳእታ ብጥንቃቐ ክታሓዝ ኣለዎ እንትንብል ብሓደ ገፅ ብምስጢር ክዕቀብ ኣለዎ ማለትና እዩ፡፡ ንኣብነት ብዛዕባ ስድራና ኾነ ውልቀ ባህሪና ወይ ድማ ኹነታት ጥዒና እንትን ምዝግብ ብምስጢር መሓዝ ኣለና፡፡ በዚ ዓይነት ብምስጢር ክታሓዙ ዝግብኦም ናይ ውልቀ፣ ስድራ፣ ህዝቢ፣ ቤት ዕዮ፣ ሃገራትን ካልኦት ጉዳያትን ኣለው፡፡ ጥንቃቐ ብኻሊእ መዳይ መረዳእታታት ከይጠፍኡ ወይ

ከይባኽኑ ንምሕላው ይጠቅም፡፡ መረዳእታታት ምምዝጋብ ጥራሕ ዘይኮነስ እቶም ዝተመዝገቡ'ውን በኣግባቡ ምቕማጥ ካብ ጥፍኣት የድሕኖም እዩ፡፡ መረዳእታታት ብስርዓት እንተዘይተዓቂቦም ክንደልዮም ከለና ከይርከቡ ይኽእሉ፣ ወይ ድማ ይተሓዋወሱ እሞ ንምፍላይ የፅግሙልና፡፡ ብዘይተፈለጠ ኹነታት'ውን ክስረቑና ይኽእሉ እዮም፡፡ እንተተሰሪቖም ድማ ምስጢርና ካብ ምውፅኡ ብተወሳኺ ንሕና ዝደኸምናሉ ካልኦት ሰባት ይጥቀምሉ ማለት'ዩ፡፡ ዕላማና ቅድሚ ኣብ ሸትኡ ምብፅሑ ምስጢርና እንተባኺኑ ኣብ ኢድ ፀላእቲ እንተኣትዩ ብፀላእቲ ንጥቃዕ ማለት'ዩ፡፡ ስለዚ ከም ዘበርጋ ዝበለ ንቑሕ ሰብ መረዳእታ ምስ ምእካብ ጎኒ ንጎኒ፣ ሰነዳት ብጥንቃቐ ብዛዕባ ምሓዝን ብስርዓት ምቕማጥን ግንዛበ ክረክብ ኣለዎ፡፡



## መልመዲ - 6

*ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተዛተዩ፡፡*

1. መሪዳእታ ጠቓሚ'ዩ ዝበሃል ንምንታይ'ዩ?
2. መረዳእታ ብኣግባቡ እንተዘይተትሒዙ እንታይ ጉድኣት የስዕብ?

## 11.4 ልምዲ ንባብ



*ስእሊ 11.4 ንባብ ኣብ ቤት መፃሕፍቲ*



*ስእሊ 11.6 ንባብ ኣብ እግሪ ኦም*



*ስእሊ 11.5 ንባብ ኣብ እግሪ ዛቤባ ገዛ*

- ብተኸታታሊ ተንብቡ'ዶ? እንድሕር ተንብቡ ኮይንኩም ኣብ ማዓልቲ ንኽንደይ ግዘ ዝኣክል ልምዲ ንባብ ኣለኩም? ዘይተንብቡ ኣንተኾይንኩም'ከ ንምንታይ ዘይተንብቡ?
- እንታይ ዓይነት ፅሑፋት ተንብቡ? ንምንታይ ኢኹም ከምዚኦም ዝበሉ ፅሑፋት ክተንብቡ ትፈትው?
- ኩሉ ግዘ እተንብቡሉ ቦታ ኣበይ'ዩ? ከምዚ ዝበለ ቦታ ብተኸታታሊ እትመርፅዎ ንምንታይ'ዩ?

## ትኽክል ዝኾነ ናይ መን'ዩ?

ግደይ፣ ጠንክርን ዘምዘምን ዝተባሃሉ ተምሃሮ 6ይ ክፍሊ ብዛዕባ ልምዲ ንባቦም ዝተፈላለዩ መርገፅታት ኣለዎም፡፡ እዚ መርገፂ ድማ ከምዝስዕብ ገሊፆምዎ ኣለው፡፡

ግደይ፦ ኣነ ዝለዓለ ድልየት ንባብ ኣለኒ፡፡ ብዙሓት ዓይነት ፅሑፋት ድማ የንብብ እየ፡፡ እቶም ፅሑፋት ጋዜጣታት፣ መፅሄታት፣ መፃሕፍቲ ወይ ድማ ደፋትር ክኾኑ ይኽእሉ፡፡ እንተንብብ'ውን ብቑፅን ተመጣጣኒ ብርሃን ኣብ ዘለዎ ቦታ ማለት ኣብ እግሪ እሞ ኣብ ውሽጢ ቤተ መፃሕፍቲ ኣብ እግሪ ዛቤባ ገዛን ኣብ ውሽጢ ገዛን'ዩ፡፡

**ዘምዘም፦** ግደይ ልክዕ ኣይኮንካን፡፡ ክንንብብ ዝግበኣና ነንእሽተይ'ዩ፡፡ እንተዘየሎ ዓይንና ክዓውር ይኽእል እዩ፡፡ ኣቦይ'ውን ብዙሕ ዘንብብ ሰብ ስራሕ ዝሰኣነ እዩ ፣ ርእሲ'ውን የሕምም'ዩ ኢሉኒ'ዩ፡፡ ክንንብብ ዘለና እውን ደፋትርናን መምሃሪ መፃሕፍትናን ጥራሕ ክኸውን ኣለዎ፡፡ ካሊእ ክንንብብ ዘለና ከም መምህርና ምስ ዓበና እዩ፡፡ እንትነንብብ'ውን ኣብ ቤተ መፃሕፍቲ፣ ኣብ ገዛናን ኣብ መፅንዒ ክፍልና ጥራሕ ክኸውን ኣለዎ፡፡

**ጠንክር፦** ግደይ ኮንካ ዘምዘም ተጋጊኹም ኢኹም፡፡ ዝረኸብካዮ ፅሑፍ ኹሉ ክነንብብ የብልናን፡፡ መምህር ዝህቡና ዕዮ ገዛ ንምስራሕ ዘድልዩና መፃሕፍቲ ነንብብ ልቢ ወለድ ምንባብ'ውን ኣይኽፍእን፡፡ ጋዜጣ እንተኾይኑ ግና ዓምዲታት ስፖርት ጥራሕ ምንባብ ይኣክል፡፡ ካልኦት ፅሑፋት ምንባብ ግና ረብሓ የብሉን፡፡



## መልመዲ - 7

*ብመሰረት ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ዘተ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ካብ ሰለስቲኦም ብዛዕባ ምንባብ ዝሓሸ መርገፂ ዘለዎ መን'ዩ? ንምንታይ ይመስለኩም?
2. ብዛዕባ ሰለስቲኦም ተምሃሮ ክትዕ ድሕሪ ምዝታይኩም ብዛዕባ ልምዲ ንባብ እንታይ ተገንዚብኩም?

ንባብ ፍልጠትና እነማዕብለሉ ክእለት እዩ፡፡ እንትንመሃር'ውን መምህራን ጥራሕ ዝነግሩና ምቕባል እንተይኮነስ ንሕና'ውን ብዙሕ ኣንቢብና ተወሳኺ ፍልጠት ክንረክብ ይግበኣና፡፡ ስለዝኾነ ገና ካብ ቁልዕነትና ጀሚርና ልምዲ ንባብ ሒዝና ክንዓቢ ይግበኣና፡፡

ብዛዕባ ልምዲ ንባብ ክንግንዘቦም ዝግቡእና ዛዕባታት ኣለው፡፡ ኣብ እነንብበሉ እዋን ተመጣጣኒ ብርሃን ዘለዎ ቦታ ክንመርፅ ኣለና፡፡ ልዑል ይኹን ትሑት ብርሃን ኣብ ዘለዎ ቦታ ኣይነንብብ ንዓይኒ ጠንቂ'ዩ፡፡ ገለገለ ሰባት ኣብ ፀሓይ ኾይኖም ወይ ድማ ብጣዕሚ ብርቱዕ ብርሃን ኤሌክትሪክ ኣብዘለዎ የንብቡ እዮም፡፡ ኣብ ትሑት ብርሃን ዘንብቡ ሰባት'ውን የጋጥሙና፡፡ ከምዚ ዝገብሩ ቆልዑ ከጋጥምኹም እንከለው ንሕማም ዓይኒ ከይቃልዑ ምኽርዎም፡፡

ካሊእ ክነስተውዕሎ ዝግበኣና ጉዳይ ኣመራርፃ ዝንበብ እዩ፡፡ ከነንብቦ ዝግበእና እንመሃሮ ትምህርቲ ጥራሕ ኣይኮነን፡፡ ተወሳኺ መረዳእታ ዝህቡ ፅሑፍት'ውን ክነንብብ ትፅቢት ይግበረልና፣ ዝተፈላለዩ ዓምድታት ጋዜጣታታትን መፅሄታትን እንተንኢሱ ሕልፍ ሕልፍ እናበልና ክነንብብ ኣለና፡፡ ንምንባብ'ውን ግዘን ቦታን ምውሳን ኣድላይ እንተኾነ'ውን እዞም ነገራት እዚኦም ኣመኽኒኻ ካብ ምንባብ ድሕር ምባል ግን ኣየድልን፡፡ ግድን ኣብ ቤተ ንባብ እንተዘይኮኑ ኣየንብብን ክንብል የብልናን፡፡ ኣብ እግሪ ኦም ኣብ ውሽጢ ታክሲ፣ ኣብ መቐበሊ ጋሻ፣ ኣብ መደቀሲ ገዛናን ካልኦት ቦታታትን ምንባብ ይከኣል እዩ፡፡

ደራሲ መንግስቱ ለማ፣ ኣይተ ይድነቃቸው ተሰማ፣ ፕሮፌሰር ኣክሊሉ ለማ፣ ኣይተ ይልማ ደሬሳ በዓል ሞያ ቅኔ ፀጋይ ገብረመድህን ዝመሳሰሉ ዓበይቲ ሰባት ሃገርና ዓበይቲ ሰባት ንምብሃል ዝበቕዑ ብዙሕ ካብ ምንባቦምን ብዕምቆት ካብ ምምርማሮምን'ዩ፡፡ ንስኻትኩም'ውን ናታቶም ኣሰር ብምኽታል ፍሉጣት ምሁራት ኮይንኩም ሃገርኩም ኽተፀውዑ ብዙሕ ክተንብቡ ኣለኩም፡፡



## መልመዲ - 8

ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡

1. ምንባብ ዝተወሰነ ቦታ ምምራፅ ግድን ኣድላይ ኣይኮነን ዝተበሃለ ንምንታይ'ዩ?
2. ኹሉ ግዘ ምንባብ እንታይ ይርከቦ?
3. ብምምሃርን ብዙሕ ብምንባብን ንሃገሮም ኣበርክቶ ዝገበሩ ሰለስተ ሰባት ብዝምልከት ብቓለ መሕትት ወይ ፅሑፋት ኣንቢብኩም መረዳእታ ኣክቡ፡፡ ካብኡ ድማ እዞም ዜጋታት ንህዝቦምን ንሃገሮምን ዘብርክትዎ ኣስተዋፅኦ ንደቂ ክፍልኹም ኣቕርቡ፡፡

## 11.5 ሜላ ኣፀናንዓ ትምህርቲ

- ትምህትኹም ምፅናዕ ቅድሚ ምጅማርኩም እንታይ እንታይ ምድላው ትገብሩ?
- ኣብ ከይዲ መፅናዕቲ ትምህርትኩም እንታይ ዓይነት ሜላ ትኽተሉ? ምስ ወዳእኹም'ኸ?

### ከድርን ብርጭቆን

ኣብ ናትና ቤት ትምህርቲ ከድርን ብርጨቆን ዝበሃሉ ተምሃሮ 6ይ ክፍሊ ኣለው፡፡ ሓድ ሓደ እዋን ከድር ኣብ ኽፍሊ ድቃስ ይመፆ፡፡ ኣብ ትምህርቲ'ውን ትሑት ውፅኢት ኣለዎ፡፡ ብርጨቆ ግና ንፍዕቲ ተምሃሪት'ያ፡፡

ኣብ ክፍሊ መምህራን ከምህሩ እንተለው ዘይተረዳኣ ነገር ትሓትት! ካልኦት እንትሓቱ'ውን ኣብ ምምላስ ትሳተፍ እያ፡፡ መምህር ብርኽቲ ናይ እዞም ክልተ ቆልዑ ኣፈላላይ ኣስተውዒለን ኣለዋ፡፡ ሓደ መዓልቲ እተን መምህር ክልቲኦም ቆልዑ ትምህርቶም ከመይ ከምዘፅንዕዎ ንደቂ ክፍሎም ከረድኡ ሓተተኦም፡፡

ከድር ከምዚ ክብል ኣረድአ:: በብማዓልቱ ምፅናዕ የፅለኣኒ፣ ይስልክየኒ:: ዘፅንዖ ፈተና በዒሖ ክበሃል ከሎ እየ ዘፅንዕ:: ዝፈተኖ ትምህርቲ ፅባሕ'ዩ ክበሃል ከሎ ደፍተረይ ኣልዒለ ናብ መደቀሲ ክፍለይ ኣትየ የዕንዕ:: ካብኡ ድማ ክሳብ ዝደኸመኒ ምፅናዕ'ዩ:: ከፅንዕ እንተለኹ'ውን ዘይርደኣኒ ነገር እንተሃልዩ ዝገብሮ ነገር የለን ይሰግሮ::

ብርጨቆ'ውን ብተራኣ ቐፀለት:: ኣነ ኣብ ሓደ መዓልቲ ብዙሕ ብምፅናዕ ንባዕለይ ከጭንቕ ኣይፈትውን:: ዝተምሃርክዎ በብመዓልቱ የፅንዕ:: እንተዘይተረዲኡኒ ድማ ምስ ማሓዙተይ ይዘትየሉ:: ሽዑ እንተዘይተረዲኡኒ'ውን ንመምህረይ ይሓትት:: ቕድሚ ምጅማር ፅንዓተይ ዘድልየኒ ነገራት ማለት'ውን ከም መዝገበ ቓላት፣ መዘክር፣ መገናዘቢ መፃሕፍቲ የዳልው:: ዘንበብኩዎ ነገር'ውን ኣብ መዘክር ይሕዝ:: ከምዚ እንተፅንዕ ኣዕርዩ ይረዳኣኒ:: ከምዚ ብምግባረይ ይመስለኒ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ቐዳመይቲ ወፂአ ዝተሸለምኩ፣ ሎሚ እውን ኣብ ሓፀርቲ ፈተናታት ፅቡቕ ውፅኢት እናረኸብኩ እየ:: ቐዳመይቲ ክወፅእ ከምዝኽእል ኣይጠራጠርን::



## መልመዲ - 9

*ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ::*

1. ካብ ከድርን ብርጨቆን ፅቡቕ ልምዲ ኣፀናንዓ ዘለዎ መን'ዩ ትብሉ? ንምንታይ?
2. ምስ ተራ ቁፅሪ 1 መልስኹም ኣነፃፂርኩም እንትትርእዩዎ ፅቡቕ ውፅኢት ንምምፃእ ከመይ ክተፅንዑ የድሊ?

ንመፅናዕቲ ንባብን ንኻሊእ ንባብን ዝተወሰነ ፍልልይ ኣለዎ:: ንሓፈሻዊ ፍልጠትን መረዳእታን ከነንብብ ከለና ኣብ ዝረኸብናዮ ቦታ ኹሉ ክኽውን ይኽእል:: ከምዚ ዓይነት ንባብ መዘክር ምሓዝን እናመላለስካ ምንባብን ግድን ኣይኮነን:: ኣብ ናይ መፅናዕቲ ምንባብ ግና ናይቲ ትምህርቲ ቁም ነገራት እስካብ

ዝርድኣና እናመላለስና ኢና እነንብብ፡፡ ክነፅንዕ እንተለና ድማ ከም'ቲ ብርጭቆ ዝጠቐሰቶ ኣድለይቲ ናውቲ መፅናዕቲ ክነዳሉ ኣለና፡ ካብዚ ብተወሳኺ ፀጥታ ዘለዎ ቦታ ምምራፅን ኣብ ፅቡ'ቕ ኮፍ መበሊ ከፍ ምባል የድሊ፡፡

ክነንብብ እንተለና ንነገራት ብትኹረት እናመርመርና ክኸውን ይግባእ፡፡ ዘይተረድኡና ነጥብታት ፈሊና ንኣዕርኽትና ወይ ድማ ናብ ክፍሊ ንዘተ ክነቕርቦም ይግባእና፡፡ እነንብቦ ግድን ደፍተርና ጥራሕ ኣይኮነን ንዝተምሃርናዮም ርእስታት ዝምልከቱ መፃሕፍቲ ብምድላይ ተወሰኽቲ መብርሂታት ምርካብ ናይ ንፉዕ ተምሃራይ ተግባር'ዩ፡፡ ኣፅኒዕና ምስእኽልና ፍረ ነገራት ክንደይ ዝኣክል ክምዝተረዳኣና ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምድላው ንባዕልትና ምፍታሽ ግቡእ'ዩ፡፡ እዚ'ውን ዓርሰ ገምጋም ይበሃል፡፡

መፅናዕቲ ዝስዕብ ዓይነት ከይዲ ኣለዎ፡-

| ከይዲ 1 | | ከይዲ 2 | | ከይዲ 3 |
|---|---|---|---|---|
| ቅድመ ምድላው ምግባር | → | 1. ብኣቓልቦ ምንባብ<br>2. ምርኣይ ተዛምድቲ ፅሑፋት<br>3. እናመላለስካ ምሕሳብ | → | ዓርሰ ገምጋም ምግባር |



## መልመዲ - 10

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ግቡእ መብርሂታት ብምቕራብ መልሱ፡-*

1. ንመፅናዕቲ ንባብን ንሓፈሻዊ ፍልጠት ኻልእ ንባብን እንታይ ኣፈላላይ ኣለዎም?
2. ኣብ እዋን መፅናዕቲ ዘይተርዱኡና ናይ ትምህርቲ ነጥብታት እንተልዮም እንታይ ክንገብር ኣለና?
3. ኣብ እተፅንዕሉ እዋን ኣብ እዞም ዝስዕቡ ብርክታት እንታይ ክትገብሩ ኣለኩም?
   ሀ. ቕድመ ምድላው ኣብ ትገብርሉ ግዘ
   ለ. ኣብ መፅናዕቲ ኣብ ዘለኹሙሉ እዋን
   ሐ. ድሕሪ ምውዳእ መፅናዕትኹም

## መጠቓለሊ

ኣብ ትሕቲ እዚ ምዕራፍ ብዛዕባ ፍልፍላት ፍልጠት፣ ጎዳእቲ ኣራኣእያታትን ኣተሓሳስባታታትን ተዛቲና ኣለና፡፡ ፍልጠት ካብ ከም ቤት ትምህርቲ፣ ቤተ ንባብ፣ ጋዜጣታትን ካብ ካልኦትን ዝተፈላለዩ ፍልፍላት ዝርከብ'ዩ፡፡ እዚ ፍልጠት'ውን ንባዕልና ከምኡ'ውን ሕብረተሰብና ንምልዋጥ ዘኽእለና ምዃኑ ኣስተብሂልና ኣለና፡፡ ብዛዕባ ዱሑራት ኣረኣእታትን አተሓሳሰባታትን ብዝምልከት ዘልዓልናዮ ሓሳብ ጠቐምቲ ቁምነገራት ኣጨቢጡና'ዩ፡፡ ንሱ'ውን ንባዕልና ንምልዋጥን ሕብረተሰብና ንምልማዕን እንገብሮ ፃዕሪ ከምዘተዓናቕፍ ጥርጥር የብሉን፡፡ ብዛዕባ ፅንዓት ዘልዓልናዮ ፍረ ነገራት ብሓፂሩ ከምዚ ክንቐምጦም ንኽእል፡፡

መፅናዕቲ ቕድመ ምድላው የድልዮ፡፡ ኣብዚ ብርኪ'ውን መፅናዕቲ ዘድልዩና ነገራት ኣማሊእና ክነቕርብ ኢና፡፡ ናብ መፅናዕቲ ክንኣትው ከለና ኣብ ውሽጢ ሓደ ዝተወሰነ እዋን ኮፍ ኢልና ተግባራትና ንፍፅም ኢና፡፡ ኣፅኒዕና ምስ ወዳእና ድማ ብዝተፈላለዩ መንገዲታት ዓርስና ንፍትሽ፡፡

እምበኣር ኣብዚ ምዕራፍ ዘለው ፍረ ነገራት ብውሕሉል እናተዓዘብኩም ነዞም ቀንዲ ቀንዲ ነጥብታት ከምዝጨበጥኩም ይእመን፡፡ ይኹንምበር ፍልጠት ምርካብ ብባዕሉ እኹል ኣይኮነን፡፡ ዝተምሃርክምዎ ክልሰ ሓሳብ ኣብ ተግባር ንምውዓል ፃዕሪ ምግባር ይግበአኩም፡፡

## ኣገደስቲ ቃላት

ፍልጠት፦ ንድፈ ክልስ ሓሳባት፣ ነገራትን ኹነታትን ብዕምቆት ናይ ምርዳእ ተኽእሎ

መረዳእታ፦ ብዛዕባ ሰባት፣ ሕብረተ፣ ውራያት ንምርዳእ ዝእከብ ዘይበሰለ ሓሳብ

ድሑር ኣርኣእያ፦ ብሳይንስ ዘይተደገፈ ብልምዲ ጥራሕ ዝእመን ጎታቲ ግምትን እምነትን

ኣምልኾ ባዕዲ፦ ነገራት ኣብ መለኮታዊ ህይወት ፅዕንቶ ከምዘለዎ ብምቕባል ምምላኽ

መፅናዕቲ፦ ንድፈ ክልስ ሓሳባት ብዕምቆት፣ንምርዳእ ፅሑፋዊ ወይ ካልኦት

ፍልፍል መረዳእታታት እናፈተሽካን እናመርመርኻን ምግንዛብ

ንባብ፦ ዝተፈላለዩ መረዳእታታት ምስ ዝሓዙ ፅሑፋት ብፅሞና ምዝርራብ

ዓርሰ ገምጋም፦ ድሕሪ መፅናዕቲ ሕቶታት መሰረት ብምግባር/ብምስራሕ/ ዝተገንዘብካዮ ፍረ ነገር ምዝካር፡፡

ምንባብ፦ ዝኮነ ፅሑፍ (ኣብጋዜጣ ፣ መፅሓፍ ወዘተ ዝተፅሓፈ)

## መጠቓለሊ ሕቶታት

I. *ቀፂሎም ዝቐረቡ ሙሉእ ሓሳባት ልክዕን ዝኾነ ሓሳብ "ሓቂ"፣ ልክዕ ንዘይኾነ ሓሳብ ድማ "ጌጋ" ብምባል መልሱ፡፡*

1. ቀንዲ ፍልፍል ፍልጠት ኣብያተ ትምህርቲ እየን፡፡
2. ትምህርቲ እንትጋፋሕ ኣረኣእያ ድሕረት ሱር እናሰደደ ይኸይድ፡፡
3. ኣብ ዝተመሓየሸ ገዛ ንኽትነብር ዝተመሓየሸ ፍልጠት የድሊ፡፡
4. መረዳእታ ፍልጠት ንምምዕባል ሓደ ኣመራፂ እዩ ንምባል ይከኣል፡፡

II. *ኣብ ትሕቲ "ለ" ዘለው ምስ ኣብ ትሕቲ "ሀ" ዘለው ኣዛምዱ፡፡*

| ሀ | ለ |
| --- | --- |
| 1. ድሑር ኣረኣእያ እዩ | ሀ. ንጓል ኣንስተይቲ ምስትምሃር ረብሕኡ ንእሽተይ እዩ |
| 2. እቲ ቀንዲ ፍልፍል ፍልጠት | ለ. ናውቲ መፅናዕቲ ምምራፅ |
| 3. መፅናዕቲ | ሐ. ሰንደቕ ፅላማኻ ምኽባር |
| 4. ቅድመ መፅናዕቲ | መ. ካብቲ ካልእ ንባብ ብዝተፈለየ ኹነት ይካየድ |
| 5. ፍልፍል መረዳእታ | ረ. ትምህርቲ ብትኩረት ዝንበበሉ ከይዲ |
| | ሰ. ቤት ትምህርቲ |
| | ሸ. ሬድዮ፣ ሰብ ፀጋ ዕድመ ፣ ተንቀሳቓሲ ስልኪ |

III. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ኣንቢብኩም ቅኑዕ መልሲ ምረፁ፡፡*

1. ኣተሓሳስባታት ድሕረት ክቕየር ዝኽእል መዓዝ እዩ ?

   ሀ. ህዝቢ ብትምህርቲ እንትህንፅ — ሐ. ትምህርትና እንትነማሓይሽ

   ለ. ሳይንስን ቴክኖሎጂን እንትዓብዩ — መ. ኹሎም

2. ብዛዕባ መፅናዕቲ ልክዕ ዝኾነ ኣየናይ እዩ ?

   ሀ. ምፅናዕ ዝከኣል ኣብ ቤት ትምህርቲ ጥራሕ እዩ

   ለ. ኣፀቢቕና ክነፅንዕ ዝግበኣና ፈተና ሰሙን እንትቐርብ እዩ

   ሐ. ውፅኢታዊ ምዃን ዝካኣል እናተኸታተልካ እንተፅኒዕኻ እዩ፡፡

   መ. ምስ መሓዙት ምፅናዕ ኣቓልቦኻ ይርብሽ'ዩ፡፡

3. ካብ መንጎ እዞም ዝስዕቡ መረዳእታ ክቕርበልና ዝኽእል ኣየናይ እዩ ?

   ሀ. ቴሌቭዥን — ለ. ሬድዮ — ሐ. ጋዜጣ — መ. ኹሎም

4. ኣብ መፅናዕቲ እዋን መዘከር ምሓዝ ንምንታይ ይጠቅም?

   ሀ. ንዘይተረድኡና ፍረሓሳባት ናብ ዘተ ንምቕራብ

   ለ.ንኢድ ፅሑፋት ንምምሕያሽ

   ሐ. መዘክር መሓዝ ብዙሕ ረብሓ የብሉን

   መ. ኹሎም

5. ካብ እዞም ዝስዕቡ ድሑር ኣተሓሳስባ ዝኾነ ኣየናይ እዩ?

   ሀ. ኩሉ ጊዜ ንባብ ናብ ኣጉል ፍልስፍና የእቱ፡፡

   ለ. ደቂ ኣንስትዮ ብዝኾነ ይኹን ብቕዓተን ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ እየን፡፡

   ሐ. ጓል ኣንስተይቲ ምምሃር ረብሕኡ ንኹሉ እዩ

   መ. "ሀ"ን "ለ"ን ድሑራት ኣተሓሳስባ እዮም፡፡

IV. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፀርቲ መልስታት ሃቡ፡፡*

1. ፍልጠት እናማዕበለ ክኸይድ ምግባር፣ እንታይ ረብሓታት ኣለውዎ?
2. መፅናዕቲ ካብ ካልእ ከይዲ ኣናብባ ዝፍለ ብምንታይ እዩ?
3. ባዕዳዊ ኣምልኾ ንድሑር ኣተሓሳስባ ዘቃልዕ ብኸመይ'ዩ?
4. ድሑራት ኣረኣእያታት ምውጋድ ዝካኣል ብከመይ እዩ?